# ትምህርቲ ሕብረተሰብ

መምርሒ ንመምህር

7ይ ክፍሊ

ISBN 978-99944-2-127-5

ሚኒስቴር ትምህርቲ
ፌዴራላዊ ዲሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ ኢትዮጵያ

ዋጋ የኢትዮ 34.30


ትምህርቲ ሕብረተሰብ መምርሒ ንመምህር 7ይ ክፍሊ

MOE

ትምህርቲ ሕብረተሰብ

መምርሒ ንመምህር

7ይ ክፍሊ




ሚኒስቴር ትምህርቲ
ፌዴራላዊ ዲሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ ኢትዮጵያ



# ትምህርቲ ሕብረተሰብ

## መምርሒ ንመምህር

## 7ይ ክፍሊ

ጠዳለውቲ

ሞላ ተድላ ብሩ (M.Sc - ኤም.ኤስ ሲ)

ፀሃየ ፍቓዱ ኣስረስ (B.A - ቢ.ኤ.)

ገምጋምቲ

ሮማን ግደይ

ኣለም አፅብሓ

ጣዕጠ ገብሩ

ሚኒስቴር ትምህርቲ

ፌዴራላዊ ዲሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ ኢትዮጵያ

እዚ መፅሓፍ ንፕሮጀክት ምምሕያሽ ፅርየት ሓፈሻዊ ትምህርቲ (GEQIP) ተባሂሉ ብምትሕብባር ፈንድ መንግስታት ፊንላንድ፣ ጣልያን፣ ኔዘርላንድን እንግሊዝን ከምኡ'ውን ልቓሕ ባንኪ ዓለም ቑፅሪ (IDA Credit No) 4535 — ET ብዝተረኸበ ዝተዋደደ ሓገዝ ብሚኒስቴር ትምህርቲ ፌዴራላዊ ዴሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ ኢትዮጵያ ኣብ 2003 ዓ.ም ተሓቲሙ።

© ብሚኒስቴር ትምህርቲ ፌዴራላዊ ዴሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ ኢትዮጵያ ኣብ 2003 ዓ.ም (2011 ዓ.ም.ፈ) ተሓቲሙ። መሰል ሕትመት ብሕጊ ዝተሓለወ'ዩ። ካብ ሚኒስቴር ትምህርቲ ኣቐዲሙ ብፅሑፍ ዝተውሃበ ፍቓድ እንተዘይሃልዩ ወይድማ ብመሰረት ነጋሪት ጋዜጣ ፌዴራላዊ ዴሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ ኢትዮጵያ ኣዋጅ ቑፅሪ 410/2004 መሰረት ዝተውሃበ ሕጋዊ ኣፍልጦ (Copyright and Neighbouring Rights Protection) እንተዘይሃልዩ ካብዚ መፅሓፍ ዝተወሰነ ክፋል ይኹን ወይድማ ብምሉእ ክባዛሕ፣ ክውሰድ፣ ብዝኾነ ዓይነት ክመሓላለፍ፣ ወይድማ ብኤሌክትሮኒክ መልክዕ ክቕዳሕ፣ ናብ ካሊእ ግልጋሎት ክውዕል ወዘተ ኣይከኣልን።

ኣብ ምድላውን ሕትመትን እዚ መፅሓፍ ተምሃሮ ከምኡ'ውን ነዚ ስዒቡ ተዳልዩን ተሓቲሙን ዘሎ መምርሒ ንመምህር ብቐጥታ ይኹን ብተዘዋዋሪ መንገዲ ኣበርክቶ ንዝገበርኩም ውልቀሰባት፣ ጉጅለን ዝተፈላለዩ ትካላትን ብምልእኹም ሚኒስቴር ትምህርቲ ፌዴራላዊ ዴሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ ኢትዮጵያ ኣዝዩ ዝለዓለ ምስጋና የቕርብ።

ኣእምሮኣዊ ሃፍትን ንብረትን ብሰናይ ፍቓድ ሰብ ዋና ዝተውሃበ'ዩ። ዝኾነ ይኹን በዓልዋና ኣእምሯዊ ሃፍትን ንብረትን'ዚ መፅሓፍ'የ ዝብል ሰብ ብግቡእ እንተዘይተሓቢሩን እንተዘይተጠቒሱን ኣብ ከተማ ኣዲስ ኣበባ ፍሉይ መፀውዒ ኣራት ኪሎ ኣብ ዝበሃል ቦታ ንዝርከብ ዋና ቤት ፅሕፈት ሚኒስቴር ትምህርቲ (ቑ.ሳ.መ 1367) ክገልፅ ከምዝግባእ ብኽብሪ ንገልፅ።

**ምድላው፣ ምስንዳእን ሕትመትን እዚ መፅሓፍ**

ስታር ሓ.ዝ. መከፋፈልቲ መፃሕፍቲ ትምህርቲ

24/4800፣ ጎደና ብሃራት ራም፣ ዳርያጋንጅ

ኒው ደልሂ - 110002፣ ህንዲ

ከምኡ'ውን

ኣስቴር ነጋ ትካል መሐተሚ መፃሕፍቲ

ቑ.ሳ.መ 21073

ኣዲስ ኣበባ፣ ኢትዮጵያ

ምስ ፕሮጀክት ምምሕያሽ ፅርየት ሓፈሻዊ ትምህርቲ (GEQIP) ዝተኣሰረ ውዕሊቑፅሪ

ET—MoE/GEQIP/IDA/ICB/G01/09

ISBN 978-99944-2-127-5

# ትሕዝቶ


**ሓፈሻዊ መእተዊ ........................................................................1**

**ምዕራፍ ሓደ**

**ህዝብታት፲ጨርክቦን ኣሰፍፍሩን ኢትዮጵያን ቀርኒ ኣፍሪካ .......... 6**

1. መእተዊ ......................................................................6
2. ውፅኢት ትምህርቲ‘ዚ ምዕራፍ ......................................................6
3. ብኽዓታት’ዚ ምዕራፍ ዝስዕቡ’ዮም ................................................6
4. ዝተመደበ በዝሒ ክፍለ ግዘ.......................................................7
5. ቀንዲ ትሕዝቶ‘ዚ ምዕራፍ.........................................................7
6. ዝተሓበሩ ሓገዝቲ መምህሪ መስተምህሪ .........................................7
7. ፍልፍል ሓበሬታ ....................................................................8
8. መምርሒ መምህር ምስ መፅሓፍ ተምሃራይ ዘለዎ ምትእስሳር.............10
9. ኣገባብ ኣመሃህራ......................................................................12
10. ፍሉይ  መረዳእታ ንመምህር......................................................24
11. ኣገባብ ገምጋምን ፈተሻን..........................................................25
12. ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ንዘለዉ መልመድታትን መጠቓለሊ ሕቶታትን ዝተውሃቡ መልስታት ....................................................27

# ምዕራፍ ክልተ


ምድርን ከባቢኣን ........................................ 36

1. መእተዊ ........................................ 36
2. ውፅኢት ትምህርቲ'ዚ ምዕራፍ ........................................ 36
3. ብኞዓታት'ዚ ምዕራፍ ዝስዕቡ'ዮም ........................................ 36
4. ዝተመደበ በዝሒ ክፍለ ግዘ ........................................ 37
5. ቀንዲ ትሕዝቶ'ዚ ምዕራፍ ........................................ 37
6. ዝተሓበሩ ሓገዝቲ መምሀሪ መስተምሀሪ ........................................ 38
7. ፍልፍል ሓበሬታ ........................................ 38
8. መምርሒ መምህር ምስ መፅሓፍ ተምሃራይ ዘለዎ ምትእስሳር ........................................ 38
9. ኣገባብ ኣመሃህራ ........................................ 39
10. ፍሉይ መረዳእታ ንመምህር ........................................ 43
11. ኣገባብ ገምጋምን ፈተሻን ........................................ 46
12. መልሲ ንመልመድታትን መጠቓለሊ ሕቶታትን ........................................ 48

# ምዕራፍ ሰለስተ

**ከባቢና........................................................ 49**

1. መእተዊ ........................................................................49
2. ውፅኢት ትምህርቲ'ዚ ምዕራፍ ......................................................49
3. ብቕዓታት'ዚ ምዕራፍ ዝሰዕቡ'ዮም ..................................................49
4. ቀንዲ ትሕዝቶ'ዚ ምዕራፍ በዝሒ ክፍለግዜን ..................................50
5. መምሃሪ ሓገዛት...........................................................................51
6. ፍልፍል ፅሑፋት...........................................................................51
7. መምርሒ መምህር ምስ መፅሓፍ ተምሃራይ ዘለዎ ምትእስሳር.............51
8. ኣገባብ ኣመሃህራ.........................................................................54
9. ፍሉይ መረዳእታ ንመምህር..........................................................56
10. ኣገባብ ገምጋምን ፈተሻን............................................................61
11. መልሲ ንመልመድታትን መጠቓለሊ ሕቶታትን ...............................62

## ምዕራፍ ኣርባዕተ


**ውራይ ህዝቢ .......................................................... 64**

1. መእተዊ ..................................................................................64
2. ውፅኢት ትምህርቲ'ዚ ምዕራፍ ........................................................65
3. ብቕዓታት'ዚ ምዕራፍ ዝስዕቡ'ዮም...................................................66
4. ዝተመደበ በዝሒ ክፍለ ግዘ..........................................................66
5. ቀንዲ ትሕዝቶ'ዚ ምዕራፍ............................................................67
6. ሓገዝቲ መምህሪ መስተምህሪ .......................................................69
7. ፍልፍል ሓበሬታ .........................................................................70
8. መምርሒ መምህር ምስ መፅሓፍ ተምሃራይ ዘለዎ ምትእስሳር.............71
9. ኣግባብ ኣመሃህራ.........................................................................74
10. ተወሳኺ መረዳእታ ንመምህር........................................................86
11. ኣግባብ ገምጋምን ፈተሻን .............................................................102
12. ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ንዘለዉ መልመድታትን መጠቓለሊ ሕቶታትን ዝተውሃቡ መልስታት .....................................................104

***ሲለበስ ትምህርቲ ሕብረተሰብ* ...................................................... 111**

# ሓፈሻዊ መእተዊ

ኣብዚ ሕዚ እዋን መንግስቲ ፌዴራላዊ ዲሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ ኢትዮጵያን ማሕበረሰብ ሃርናን ዓብዩ ቆላሕታ ካብዝሃብዎም መሰረታዊ ነገራት ውሽጢ እቲ ሓደ ብዛዕባ ዘተኣማምን ፅርየት ትምህርቲ ምርግጋፅ'ዩ። ብደረጃ ሃገር ብዙሓት መፅናዕትታትን ዳህሳሳትን ተኻይዶም ንመንግስቲ ቐሪቦም ገፋሕቲ ምይይጥ ተኻይዱሎም'ዩ። ንኣብነት ፀብፃብ ሃገራዊ ዳህሳስ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር፣ ፀብፃብ ሓባራዊ ቴክኒካዊ ልኡኽ ሚኒስቴር ትምህርቲ፣ ፀብፃብ ዳህሳስ ድልየት ትምህርቲ ወዘተ ዝመሳሰሉ መፅናዕቲ ብደረጃ ሃገር ተኻይዶም'ዮም። ውፅኢት'ዞም መፅናዕቲ ዝሓበሮ መሰረታዊ ቁምነገር ነቲ ሕዚ ኣብ ስራሕ ዝርከብ ስርዓተ ትምህርቲ ዳግም ክፍተሽን ክመዓራረይን ከምዝግባእ'ዩ። እዚ ዳህሳስን ውፅኢቱን ድማ ንትምሕርቲ ሕብረተሰብ እውን ዝምልከት'ዩ። ስለዚ እቲ ኣብ ስራሕ ውዕሊ ዝነበረ ስርዓተ ትምህርቲ ክመሓየሽን ብሓዱሽ ስርዓተ ትምህርቲ ክትካእን ብዝተወሰነ መሰረት እዚ መፅሓፍ ተምሃራይን መምርሒ ንመምህርን ተዳልዩ ናብ ስራሕ ክውዕል ተገይሩ'ሎ።

ዕላማን ሽቶን ትምህርቲ ሕብረተሰብ ኣድላይ ፍልጠትን ክእለትን ንኹሎም ተምሃሮ ምሃብን ንማሕበረሰብን ሃገርን ዝጠቅም ውሳነ ክህቡ ምኽኣልን ፅቡቕ ስነ ምግባር ክህልዎም ምግባርን እዩ። ስለዚ እዚ ሕዚ ተዳልዩ ናብ ስራሕ ይውዕል ዘሎ ስርዓተ ትምህርቲ ዝተፈላለዩ ልምድታትን ሞያታትን ዝዳህሰሰ ብምኳኑ ተምሃሮ ትምህርቲ ሕብረተሰብ ኣብ ከባቢኦም፣ ክልሎም፣ ሃገሮምን ዓለምለኻዊ ማሕበረሰባትን ውፅኢታዊ ዝኾነ ንጡፍ ምንቅስቓስ ክገብሩን ናብ ተግባር ዝሽረፍ ፍልጠት፣ ክእለትን ማሕበራዊ ግንዛበን ከማዕብሉ የኽእሎም'ዩ።

ብመሰረት'ዚ ድማ እዚ ሕዚ ተዳልዩ ናብ ስራሕ ይውዕል ዘሎ ስርዓተ ትምህርቲ ነቲ ዝነበረ ኣመሓይሹ ብሓዱሽ መልክዕ ዝተሰናድአ ስለዝኾነ ተምሃሮ ነዞም ዝስዕቡ ውፅኢታት ከረጋግፁ እዮም። ብምኳኑ'ውን እዞም ዝስዕቡ ካብ 5ይ - 8ይ ክፍልታት ንዝተዳለዉ ትምህርቲ ሕብረተሰብ ሓፈሻዊ ውፅኢታትን ሽቶታት'ዮም።

- ኣብ ሕሉፍ ዓመታት፣ ሕዚ ዘለናዮን ንቕድሚት ዝመፅእን እዋን ዝነበረ፣ ዝርከብን ዝህልውን መነባብሮን ከባብያዊ ኩነታትን ዘለዎም ምትእስሳርን ዝምድናን ይርድኡ።
- ሕብረ ብሄራዊ፣ ዝተፈላለዩ ባህልታትን ስርዓት ፆታን ዘገናዘበን ሚዛን ዝሓለወን ትምህርቲ የረጋግፁ።
- ኣፈላላይ መነባብሮን ኣሰፋፍራን ህዝብታት ከምኡ'ውን ኣብ ሞንጎ ዝተፈላለዩ ሰባትን ማሕበረሰባትን ዘሎ ምድግጋፍን ምትእስሳርን ብዝምልከት ግንዛበኦም የዕብዩ።
- ኣብ ትምህርቲ ምሉእ ዕድመ ህይወትን ዝተምሃርዎ ውሳነ ኣወሃህባን ዝነበሮም ፍልጠትን ክእለትን ናብ ተግባር ክሽረፍ ብዝኽእል መንገዲ የረጋግፁ።
- ውልቀሰባትን ጉጅለ ውዳበታትን ኣብ ስድራ፣ ሕብረተሰብ፣ ወረዳ፣ ክልል፣ ሃገርን ዓለምን ዘለዎም ልዑል ተራ ይርድኡ፣ ይግንዘቡ።
- ሕብረተሰብን ሲቪክ ማሕበረሰባትን ኣብ ዲሞክራቲክ ሕብረተሰብን ስርዓትን ዘለዎም ረብሓን ዋጋን የድንቑ፣ ይንእዱ።

ነዚ'ም ኣብ ላዕሊ ዝተሓበሩ ዕላማታትን ሸቶታትን ንምዕዋትን ኣብ ትምህርቲ ሕብረተሰብ ዘተኣማምንን ዝበለፀ ዕርየት ዘለዎን ንምግባር እዚ ሕዚ ተዳልዩ ዘሎ ስርዓተ ትምህርቲ ኣብ ፍልጠት ጥራሕ ዘይኮነስ ማሕበራዊ ብቕዓትን ክእለትን ዝተመስረተን ኣብ ክሊ ሓቢርካ ምንባር ዝብል ኣምርን ክልስ ሓሳብን ዝተዋደደ ፅኑዕ መሰረት ዘለዎ'ዩ። ኣብ ትሕቲ'ዚ መሰረታዊ ኣምርን ክልስ ሓሳብን እዚ ንትምህርቲ ሕብረተሰብ ዝምልከት ስርዓተ ትምህርቲ ኣብ ክልተ ዓበይቲ ክፋላት ጠመተ ተገይሩሉ ዝተዳለወ'ዩ።

- እቲ ቀዳማይ ክፋል ኣብ "ህዝብን ተፈጥሮኣዊ ከባቢኦምን" ዝብል እንትኸውን እዚ ድማ ዝጥምቶም ርእስታት እንትንርእይ ብዛዕባ ህዝቢ፣ መሬትና፣ ዓለምና፣ ከባቢና፣ ፖለቲካውን ባህላውን ታሪኽ፣ ምትእስሳር ኢኮኖሚያዊ ማሕበረሰብን ብድሆታትን ዝመሳሰሉ ይርከብዎም። እዚኦም ካብ 5ይ - 8ይ ክፍልታት ኣብዝርከቡ መፅሓፍቲ ሕብረተሰብ ውሽጢ ካብ ምዕራፍ ሓደ ክሳብ ምዕራፍ ሰለስተ ይርከቡ።

- እቲ ካልኣይ ክፋል ድማ "ውራይ ህዝቢ" ዝምልከት ኾይኑ እዚ ድማ ምስ ህዝብን ሕብረተሰብን ዝተኣሳሰሩ ጉዳያት፣ መሰልን ድሕንነትን ህፃናት፣ ኢኮኖሚያዊ ምትእስሳርን ኣጋርነትን ወዘተ ዝጥምቱ ርእስታት ይርከብዎ። እዚኦም ካብ 5ᵉ - 8ᵉ ክፍልታት ኣብዝርከቡ መፅሓፍቲ ሕብረተሰብ ውሽጢ ኣብ ምዕራፍ ኣርባዕተዮም ዝርከቡ።

ካብዚ ብተወሳኺ ካብ 5ᵉ - 8ᵉ ክፍልታት ተዳልዮም ዘለዉ መፃሕፍቲ ትምህርቲ ሕብረተሰብ ብዝበለፀን ብዝፀበቐን ንኽተኣሳሰሩን ዝምድና ክህልዎምን፣ ኣሳታፉይን ንጡፍ ክልተኣዊ ዝምድናን ዘለዎም ከምኡ'ውን ተምሃሮ ማእኸል ብዝገበሩ ኣግባብ ኣመሃህራ ዝተሰነዩ፣ ትሕዝቶኦምን ኣብ ንጥፈታት ተምሃሮ ዝፍትኑን ትርጉም ዘለዎምን ንክኾኑ፣ ዓለምለኸ ደረጃ ብቕዓትን ክእለትን ተወዳዳራይ ዝኾነ፣ ምስ ዝቕፅል ክፍሊ ትምህርቲ ምትእስሳርን ዝምድናን ዘለዎምን ሓገዝትን ክኾኑ ወዘተ ንምግባር ክንድዝከኣል ፃዕሪ ተገይሩ'ዩ። ስለዚ ንጥፈታት ትምህርቲ ሕብረተሰብ ንምምሕያሽ እንትሕሰብ ካብ ሓዱሽ ፖሊሲ ትምህርትን ስልጠናን ሃገርና ውሽጢ ንትፅቢት ዝግበረሎም ውፅኢታትን ክእለታትን ተምሃሮ ካልኣይ ሳይክል ምሉእ ቀዳማይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ እዚ ሕዚ ተዳልዩ ዘሎ ስርዓት ትምህርቲ ሕብረተሰብ እንታይ ኣበርክቶ ክህልዎ ከምዝኽእል ብምንፃር'ዩ ተጀሚሩ።

እዚ ካብ 5ᵉ - 8ᵉ ክፍልታት ንዘለዉ ተምሃሮ ተዳልዩ ዘሎ መፅሓፍ ትምህርቲ ሕብረተሰብ እንትዳለው ተሓሳቢ ዝተገበሩ ዝስዕቡ ሓሳባት ነይሮም።

- ተምሃሮ ብንጥፈት ኣብ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ክሳተፉን ንተምሃሮ ማእከል ዝገበረ ኣግባብ ኣመሃህራ ኣፀቢቖም ዝፈልጡን ብቑዓት፣ ዝሰልጠኑ፣ ዓቕምን ክእለትን፣ ተሞክሮን ልምድታትን ዘለዎም መዳለውቲ መፅሓፍቲ ተምሃሮ ምህላዎም ብምርግጋፅ፤
- ንውፅኢታዊ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ንምርግጋፅ ዝሕግዙ ወሰንቲ መፅሓፍቲ ተምሃሮ ኣብ ኩለን ኣብያተ ትምህርቲ ብዝኣክል በዝሕን መጠንን ክህልዉ'ዮም ዝብል እምነት ብምውሳድ፤

- *ኣሳታፊይን ተምሃሮ ማእከል ዝገበረ ኣግባብ ኣመሃህራ፣ ክልተኣውነት ዝምድና ዘተኣሳስር ኣቀራርባ ትምህርቲ ንምትግባር ብእኹል ዓቕምን ብቕዓትን ዝሰልጠኑ መምህራን ክህልዉ'ዮም ዝብል ተሓሳቢ ብምግባር፤*
- *ኣብ ሓደ ክፍሊ ውሽጢ ኣሳታፊይን ተምሃሮ ማእከል ዝገበረ ኣግባብ ኣመሃህራ፣ ክልተኣውነት ዝምድና ዘተኣሳስር ኣቀራርባ ትምህርቲ ንምትግባር፣ መምህሪ ክፍልን ከይዲ ምምሃር ምስትምሃርን ብግቡእ ንምምሕዳርን ንምቁፅፃርን ዘኽል እኹል መጠን በዝሒ ተምሃሮ ክህልዉ'ዮም ዝብል እምነት ብምውሳድ፤*
- *ንውፅኢታዊ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ዝሕግዙ ሓገዝቲ መምህሪ መስተምህሪ ብዝድለይ መጠንን በዝሕን ኣብዝድለይ እዋንን ኣብ ኩለን ኣብያተ ትምህርቲ ክቐርብ ይኽእል'ዩ ዝብል ተሓሳቢ ብምውሳድ፤*
- *መምህር! ነዚ ትምህርቲ ሕብረተሰብ ብግቡእ ንምስትምሃር፣ ተምሃሮ'ውን ዝውሃብዎም ዕዮታት ክፍልን ገዛን ብዝግባእ ንጥፈት ክከታተሉ'ዮም ዝብል እምነት ተታሒዙ'ዩ።*

*ስለዚ መምህር! ነዚ ትምህርቲ ሕብረተሰብ ብግቡእ ንምስትምሃርን ተምሃሮ'ውን ውፅኢታዊ ክትትልን ንጥፈታትን ንኽካይዱ እኹል ቅድመ ምድላው ክገብሩን ንተምሃሮ'ውን ከተባብዕዎምን ይግባእ። ተምሃሮ ሓሳቦም ንኽገልፁ፣ ዝተምሃርዎ ንኽገልፁ፣ ትዕዝብቶም ክረድኡ፣ ዕዮ ክፍልን ገዛን ብግቡእ ክሰርሑ፣ ንነባዕሎም ክመሃሃሩ፣ ክተሓጋገዙ፣ ክሓቱን እንትሕተቱ'ውን ክምልሱን፣ ኣብ ዕዮ ጉጅለ ብንጥፈት ክሳተፉ፣ ክዋደዱን ክተሓባበሩን፣ ከንብቡን ክፅሕፉን፣ ሓፀርቲ ፅሑፋት ከዳልዉ፣ ኣብ ከባቢኦም ንወለዶምን ካልኦት ሰባት እናሓተቱ ዝተረድእዎ ናብ ክፍሊ ከምፅኡን፣ ክረዳድኡን ክተሓጋገዙን ወዘተ ክሕግዝዎም ይግባእ። ከተባብዕዎም ይግባእ። ምስ ማሕበረሰብ ቤት ትምህርትን ከባብን ክወሃሃዱ ይምዓድዎም። ተምሃሮ ዝድለይ ፍልጠት፣ ክእለትን ብቕዓትን ንኽጥርዩ ተኸታታሊ ገምጋምን ፈተሻን ክካይዱ ይግባእ። ሓቢርካ ምስራሕን ምትሕግጋዝን ንዕዉትነት ከይዲ ምምሃር ምስትሃር ኣዐርዩ ሓጋዚ'ዩ።*

*እዚ መምርሒ ንመምህር! ትምህርቲ ሕብረተሰብ ንመፅሓፍ ተምሃራይ መሰረት ተገይሩ'ዩ ተዳልዩ። ኣብዚ መምርሒ ንመምህር! ብዛዕባ ትሕዝቶ፣ ውፅኢታት፣ ብቕዓታት፣ ዝተመደበ ክፍለ ግዘ፣ ዘድልዩ ሓገዝቲ መምህሪ መስተምህሪ፣ ፍልፍል ሓገዝቲ መፅሓፍቲ፣ ምትእስሳር መምርሒ ንመምህርን መፅሓፍ ተምሃራይን፣ ኣግባብ ኣመሃህራ፣ ፍሉይ መረዳእታ ንመምህር!፣ ኣግባብ ገምጋምን ፈተሻን፣ ከምኡ'ውን መልስታት ንመልመድታት መፅሓፍ ተምሃራይ ዝሓዘ'ዩ። ብፍላይ ኣግባብ ኣመሃህራ ፍሉይ ጠመት ተዋሂብዎ መምህር! ብኸመይ ኣገባብ ክዳለዉ ከምዝግባእን እንታይ ዓይነት ሓገዝ መምህሪ መስተምህሪ ከምዘድልዮምን መሰረት ብምግባር ኣብ ውሽጢ ኽፍሊ ክኸተልዎም ዝግብእዎም ብዝርዝር ተሓቢሩ ስለዘሎ ግቡእ ጠመት ክህብዎ ይግባእ። ይኹን ደኣ'ምበር ኣብ ክሊ ተሓቢሮም ዘለዉ ብምልኦም እንተይተደረቱ መምህር!'ውን ኣገደስቲ ዝበልዎም ምህዞታት ተጠቒሞምን እናወሰኹን ንተምሃሮ'ውን እናዋዘዩን እናሳተፉን ከምህርዎም ይግባእ'ዩ። ኣብ መወዳእታ'ዚ መምርሒ ንመምህር! ሲለበስ ትምህርቲ ሕብረተሰብ 7ይ ኽፍሊ ስለዘሎ ብዛዕባ ትፅቢት ዝግበረሉ ውፅኢት ብቕዓትን ክእለትን ብዝርዝር ስለዘሎ ቅድሚ ምስትምሃር ምጅማርኩም ነዚኦም ብምልኦም ብግቡእ ብምርኣይን ብምግንዛብን'ዩ ዕለታዊ ወይድማ ሰሙናዊ ትልሚ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ከዳልዉ ዝግባእ'ሞ ሓደራ ግቡእ ጠመትን ክትትልን ክገብሩ ንምሕፀን።*

# ምዕራፍ ሓደ

# ኣብ ኣፍሪካ ምንባር

## 1. መእተዊ

እዚ ን7ይ ክፍሊ ተምሃሮ ዝተዳለወ ምዕራፍ ሓደ መፅሓፍ ትምህርቲ ሕብረተሰብ'ዩ። መምህር! ኣብ 6ይ ክፍሊ መፅሓፍ ትምህርቲ ሕብረተሰብ ተምሃሮ ብዛዕባ ቀርኒ ኣፍሪካ ተማሂሮም ከምዝነበሩ ዝዝከር'ዩ። ሕዚ ድማ በዚ ምዕራፍ ኣቢሎም ብዛዕባ ዝነብሩላ ክፍለዓለም ኣፍሪካ ክመሃሩ'ዮም። ኣብ 6ይ ክፍሊ ንዝተምሃርዎ ትምህርቲ መቐፀልታ'ዩ። እዚ ምዕራፍ ብሓፈሻ ኣብ ፊዚካላውን ሰብኣውን ኩነታት ኣፍሪካ ብፍላይ ድማ ኣብ መርክቦ፣ ቅርፂ፣ ስፍሓት፣ ቋንቋታት፣ ጥንታዊ ስልጣነታት፣ ቅድመ ባዕዳዊ መግዛእቲ፣ ነዊሕ ርሕቐት ንግዲ፣ ዝርግሐ፣ ኣሰፋፍራን መነባብሮን ህዝብታት ኣፍሪካ ዝመሃሩሉ'ዩ። ተምሃሮ በዚ ምዕራፍ ኣቢሎም ተወለድቲ ኣፍሪካን ኣፍሪካውያንን ምኳኖም ዘረጋግፅሉን ዘድንቑሉን ክኸውን'ዩ ዝብል እምነት ኣሎ።

## 2. ውፅኢታት'ዚ ምዕራፍ

መምህር! ኣብ መወዳእታ'ዚ ምዕራፍ ብቕዓት ተምሃሮ ምዕቃን የድልይ'ዩ። ስለዚ ነዚ ምዕቃን ብቕዓት ምእንታን ክሕግዝ ተምሃሮ ነዚ ምዕራፍ ምስተምሃሩ ነዞም ዝስዕቡ ውፅኢታት'ዚ ትምህርቲ የማዕብሉን ይውንኑን'ዮም።

- መርክቦ፣ ቅርፅን ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታትን ኣፍሪካ የብርሁ።
- ቀንዲ ጥንታዊ ስልጣነታትን ቅድመ ባዕዳዊ መግዛእቲ ሃገራትን ኣፍሪካ ይፈልጡ።
- ኣብ ዝርገሐ፣ ሰፈራን መነባበሮን ህዝቢ ኣፍሪካ ፅዕንቶ ዘሕድሩ ምኽንያታት ይመያየጡ።

## 3. ብቕዓታት'ዚ ምዕራፍ ዝስዕቡ'ዮም

- እንታይነት ካርታ ይገልፁ።

- እንታይነት ሞሮን ቃስታን የብርሁ።
- ንድፊ ካርታ ኣፍሪካ ስኢሎም መስመራት ሞሮን ቃስታን የመልክቱ፤
- ሓድሓደ ሓበሬታታት ሕዳግ ካርታ ይገልፁ።
- ቀፀላታት ምድሪ ይገልፁ።
- ቀንዲ ምድሪ ይገልፁ። ቀንዲ ማቴርያላት ላዕለዋይ ኣካል መሬት ማለት ክፍለ ዓለማትን ማያዊ ኣካላትን የመልክቱ።
- ኣፈጣጥራን ዓይነታትን ከውሊ ይፈልዩ።
- ቁጠባዊ ረብሓ ከውሕታት የብርሁ።

## 4. ክፍለ ግዘ

መምህር! ነዚ ምዕራፍ ሓደ ትምህርቲ ሕብረተሰብ 7ይ ክፍሊ ዝተመደበ ጠቕላላ ክፍለ ግዘ 23 እዩ።

## 5. ቀንዲ ትሕዝቶታት'ዚ ምዕራፍ

1.1 መርክቦ፤ ስፍሓትን ቅርፅን ኣፍሪካ
1.2 ሞሮን ቃስታን
1.3 ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታት ኣፍሪካን ዝርገሐኦምን
1.4 ጥንታዊ ስልጣነታት ኣፍሪካ ( ግብፅን ካርቴጅን)
1.5 ቅድመ ባዕዳዊ መግዛእቲ ሃገራት ኣፍሪካ
1.6 ነዊሕ ርሕቐት ንግዲ ከም ምኽንያት መራኸቢ ህዝቢ ኣብ ኢትዮጵያ
1.7 ህዝቢ

## 6. ዝተሓበሩ ሓገዝቲ መምህሪ መስተምህሪ

- ካርታ ኣፍሪካ
- ካርታ ዓለም
- ኣትላስ
- ግሎብ (ሉል)
- ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዘለዉ ካርታታትን ስእልታትን ከምኡ'ውን ሰደቓታት

# 7. ፍልፍል ሓበሬታ


- Addis Abeba University, የዓድዋ ድል መቶኛ ዓመት ኤግዚቢሽን ካታሎግ (Adwa Victory Centenary Exhibition Catalogue), February, 1996, Addis Ababa
- Aseffa Batu Bedane, The New Guide to Secondary Schools History: History for Grades 9 to 10; Ancient, Medieval and Modern History, (1999, 2000, 2001), Addis Ababa.
- Encyclopedia Britannica, 1989, Oxford, London, United Kingdom.
- Encyclopedia Americana, 1994, New York, the USA.
- Ethiopian Air Lines, Selamta, Quarterly Publication, London, Kenya.
- George Lichtheim, Europe in the Twentieth Century, 1972, London.
- Girma Alemayehu, Wondu T/Medhin, & Birhanu Lemma, The New Guide to Preparatory Program: History for Grades 11 to 12, World – African – Ethiopian History, (1999), Addis Ababa.
- Irving L.Gordon, Review Text in World History, Department of History and Economics, 1965, 1979, New York.
- Kevin Shillington, History of Africa, Revised 1995, MacMillan.
- Lapiso G. Delebo, የኢትዮጵያ ረጅም የህዝብና የመንግስት ታሪክ፡ 1982 ዓ.ም፣ ኣዲስ ኣበባ
- የገንዘብና ኢኮኖሚያዊ ልማት ሚኒስቴር፤ የኢትዮጵያ ፌዴራላዊ ዲሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ መንግስት የዕድገትና የትራንስፎርሜሽን ዕቅድ (2003 — 2007)፣ ቅፅ ፩፣ ህዳር 2003፣ አዲስ አበባ።
- Microsoft Encarta Encyclopedia, Corporation, 2009.
- Ministry of Information, Ethiopia: A Cradle of History, April 1989, Addis Ababa
- Molla Tedla Birru, The Battle of Adwa: Aftermath and Its Historical Significance, 2010, USA, UK, Germany, ISBN: 978-3-639-30810-5
- National Atlas of Ethiopia by the Ethiopian Mapping Authority, 1988, Addis Ababa.

- Tadesse Derese and Girma Alemayehu, Ethiopian History: From Early Axumite Period to the Downfall of Emperor Haile Selassie I, 1989, Addis Ababa.
- The Constitution of the Federal Democratic Republic Government of Ethiopia, 1995.
- ትምህርቲ ሕብረተሰብ - መፅሓፍ ተምሃራይ፣ 5ይ ክፍሊ፣ መምርሒ ስርዓተ ትምህርቲ፣ መፅናዕትን ምርምርን ትግራይ፣ 1997 ዓ.ም. መቐለ
- ________________- መፅሓፍ ተምሃራይ፣ 6ይ ክፍሊ፣ መምርሒ ስርዓተ ትምህርቲ፣ መፅናዕትን ምርምርን ትግራይ፣ 1997 ዓ.ም. መቐለ
- ________________- መፅሓፍ ተምሃራይ፣ 7ይ ክፍሊ፣ መምርሒ ስርዓተ ትምህርቲ፣ መፅናዕትን ምርምርን ትግራይ፣ 1997 ዓ.ም. መቐለ
- ________________- መፅሓፍ ተምሃራይ፣ 8ይ ክፍሊ፣ መምርሒ ስርዓተ ትምህርቲ፣ መፅናዕትን ምርምርን ትግራይ፣ 1997 ዓ.ም. መቐለ
- Abere and Howell Company, Focus on Earth Science, 1987, Merill Publiching Company.
- David G. Armstrong, World Geography, Peoples and Places, 1995, Merill Publishing Company, Colombus, Ohio
- EMPD, Atlas for Secondary Schools of Ethiopia, 1984, EMPD.
- Goh Cheng Leong, Certificate Physical and Human Geography, 1994, Oxford University Press.
- Mesfin Woldeselassie, A New Guide to Preparatory Program Geography, 2007, Aster Nega Printing Press, Addis Ababa Ethiopia
- R.B.Bunnet, Physical Geography in Diagrams, 1978, Longman.
- Thomas.J.Baerward and Celeste Fraser, World Geography, 2000, Prentice Hall, Needleham Massachusetts Upper Saddle River, New Jersey.

# 8. መፅሓፍ መምህር! ምስ መፅሓፍ ተምሃራይ ዘለዎ ምትእስሳር

| ቑፅሪ ተርታ | ርእሲ | ዝርዝር ዕላማታት | ዝተመደበ ክፍለ ግዘ | ገፅ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ | ገፅ ኣብ መፅሓፍ መምህር! | ፍሉፍሉ |
|---|---|---|---|---|---|---|
| 1.1 | መርክቦ፤ ስፍሓትን ቅርፅን ኣፍሪካ | • ቅርፅን ስፍሓትን ኣፍሪካ ምስ ካለኦት ክፍለዓለማት የነፃፅሩ። | 2 | | | |
| 1.2 | ሞሮን ቃስታን | • ሞሮን ቃሰታን ዝበሉ ቃላተ እንታይ ማለት ከምዝኾኑ የብርሁ። | 3 | | | |
| 1.3 | ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታት ኣፍሪካን ዝርገሐኦምን | • ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታት ኣፍሪካን ዝርገሐኦምን ይፀርሑ። | 2 | | | |
| 1.4 | ጥንታዊ ስልጣነታት ኣፍሪካ (ግብፅን ካርቴጅን)<br>• ጥንታዊ ስልጣነ ግብፂ<br>• ጥንታዊ ስልጣነ ካርቴጅ | • ጥንታዊ ስልጣነ ግብፅን ካርቴጅን ይገልፁ።<br>• ረብሓ ጥንታዊ ስልጣነ ግብፅን ካርቴጅን የብርሁ። | 2 | | | |
| 1.5 | ቅድመ ባዕዳዊ መግዛእቲ ሃገራት ዚምባብዌ፣ ማሊ፣ ፉንጅ ወዘተ<br>• ዚምባብዌ | • ቁጠባዊ መሰረታት ቅድመ ባዕዳዊ መግዛእቲ ሃገራት ዚምባብዌ፣ ማሊን ፉንጅን ይትንትኑ።<br>• ኣብ ቅድመ ባዕዳዊ | 3 | | | |

| | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|
| | • ማሊ<br>• ፉንጅ | መግዛእቲ ሃገረ ዚምባብዌ፣ ማሊን ፉንጅን ዝነበረ ልዑል ምዕባለ ስነ ህንፃ የድንቑ። | | | | |
| 1.6 | ነዊሕ ርሕቐት ንግዲ ኢትዮጵያ | • ኣብ ኢትዮጵያ ይካየድ ዝነበረ ንግዲ ነዊሕ ርሕቐት ኣብ ካርታ መሰረት ገይሮም ይገልፁ፣ ዝነበሮ ኣስተዋፅኦ የረድኡ። | 3 | | | |
| 1.7 | ህዝቢ | • ኣብ ዝርገሐ ህዝቢ ፅዕንቶ ዝገበሩ ምኽንያታት | (8) | | | |
| 1.7.1 | ዝርገሐ ህዝብን ኣሰፋፍራን<br>• ቑልፊ ምኽንያታት ዝርገሐ ህዝብን ሰፈራን | • ይገልፁ።<br>• ነዞም ምኽንያታት ምስ ኣሰፋፍራ ህዝቢ ኣፍሪካ የዛምዱ።<br>• መንቀሊ | 3 | | | |
| 1.7.2 | መነባብሮ ህዝብታት ኣፍሪካ | • ምኽንያታት ምንቅስቓስ ህዝቢ የረድኡ። | 3 | | | |
| 1.7.3 | ኣብ ዝርግሐ፣ ኣሰፋፍራን መነባብሮን ህዝቢ ፅዕንቶ ዘሕደሩ ባእታታት | • ኣሰፋፍራ ህዝቢ ኣፍሪካ ምስ ነባሪ ኣየር ዘለዎ ዝምድና ይገልፁ። | 2 | | | |
| ጠቕላላ ድምር | | | 23 | | | |

# 9. ኣግባብ ኣመሃህራ

መምህር! ነዚ ምዕራፍ ሓደ ትምህርቲ ሕብረተሰብ 7ይ ክፍሊ ምስትምሃር እንትትጅምሩ ፈላማይ ክፍለግዘ ትምህርቲ ምሉእ ዓመት ም'ኳኑ ብምፍላጥ ኣዝዩ ዝነኣድን ሰሓባይን ምድላው ምግባር ከድልይ'ዩ። ነዚ ምዕራፍ ዘድልዩ ሓገዝቲ መምህሪ መስተምህሪ'ውን ብግቡእ ክዳለዉ'ን ንተምሃሮ ኣብ ሕሉፍ ዓመታት ዝተምሃርዎ ትምህርቲ ብምዝኽኻር ምይይጥ እናገበሩ ከዋዝይዎም'ዩ ዝምዓድ። ስለዚ ንኡስ ምዕራፍ 1.1 ንምምሃር ኣቐዲምኩም ተምሃሮ ትርጉም መርከቦ እንታይ ከም ዝኾነን ከመይ ከምዝግለፅን ዘለዎም ግንዛበ ኽገልፁ ግበሩዎም። ምስቲ ኣብ 6ይ ክፍሊ ብዛዕባ ኣንፃራዊ መርከቦ ምብራ'ቕ ኣፍሪካ ንዝተምሃርዎ ከተሓሕዙዎን ክገልፆዎን ዝተፈላለዩ ሕቶታት ኣ'ቕርብሎም። ተምሃሮ ባዕልቶም መርከቦ ወረደኦም፣ ክልሎም፣ ሃገሮም ኽገልፁ ግበሩዎም። ብም'ቕፃል ክንደይ ዓይነት መርከቦ ከምዘለው ተመያይጦም ክምልሱ ብምግባር ኣብ መንጎ ኣንፃራዊ መርከቦን ፍፁማዊ መርከቦን ዘሎ ኣፈላላይ ግልፂ ንምግባር ምሳ'ኹም ምይይጥ የካይዱ። ብተግባር ኣንፃራዊ መርከቦ ብዲግርታት ቃስታን ሞሮን ከመይ ገይርካ ከምዝፍለጥ ግለፁሎም፣ ብኣግባብ ኣመሃህራ ሰሪሕካ ምርኣይ ኣቢል'ኹም'ውን ኣናብባ ሞሮን ቃስታን ኣረድእዎም።

ተምሃሮ መርከቦ እንታይ ማለት ከምዝኾነን ካብ ካርታ ናይ ሓደ ቦታ ፍፁማዊ መርከቦ ከመይ ከምዝርከብን ብዝግባእ ከምእተገንዘቡ ምስ ኣረጋገፅኩም ብቐጥታ ናብቲ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዕዮ- ጉጅለ ተሓቢሩ ዘሎ ብምስጋር ዕዮ-ጉጅለ ክሰርሑ ግበሩዎም። ኣብ ደፍተሮም ካርታ ኣፍሪካ ስኢሎም ነተን ኣርባዕተ ሰሜናዊ፣ ደቡባዊ፣ ምብራቓውን ምዕራባውን ጫፋት ኣፍሪካ ብቐይሕ ነጥቢ ምልክት ን'ኽገብሩ ንገርዎም። መምህር! ኣብ ክፍሊ ብዛዕባ ኣፍሪካ እንተምህሩ ኣፍሪካ ካብ ካልኦት ክፍለዓለማት እትፍለየሉም ባህርያት ብዝምልከት የመያይጥዎም። ብም'ቕፃል ኣብ ካርታ ኣፍሪካ ስም ናይዘን ኣርባዕተ ጫፋት ከለልዩ ብምግባር ኬፕ ቦን፣ ኬፕ ኣጉልሃስ፣ ኬፕ ቨርደን ኬፕ ጓርዳፉይን ኢሎም ኣብ ደፍተሮም የስፍሩ። ብም'ቕፃል ኬፕ ቨርደን ኬፕ ጓርዳፉይን ካብ ፕራይም ሜርድያን ኣበየናይ ኣንፈትን ኣብ ክንደይ ዲግሪን ከምዝርከቡ ካርታ ተጠቒምኩም በብጉጅለ እናፀዋዕ'ኹም ኣርእይዎም። ከምኡ'ውን ኬፕ ቦንን ኬፕ ኣጉልሃስን ካብ ቅናት ምድሪ በየናይ ኣንፈትን ኣብ

ክንደይ ዲግሪን ከምዝርከቡ ባዕላቶም ክለማመዱ ምስገበርኩም ነቲ ትኽክለኛ ኣገባብ ብመዳይ ሰሪሕካ ምርኣይ ኣርእይዎም።

ኣብ መወዳእታ ድማ ፍፁማዊ መርክቦ ኣፍሪካ ኣብ መንጎ 37° 31' ሰሜንን 34° 52' ደቡብን (ብመንፅር ሕንፃፃት ሞሮ) ከምዝርከብ ከምኡ'ውን ኣብ መንጎ 51° 24' ምብራቅን 25° 11' ምዕራብን ከምዝኾነ ብትኽክል ክልክዑ ከምዝኽእሉ ኣረጋግፁ። መምህር! ብድሕሪ እዚ ስፍሓት ኣፍሪካ ዝምልከት ተምሃሮ ንፁር ኣፍልጦ ንኽህንልዎም ካርታ ዓለም እናረአዩ ካብተን ሸውዓተ ክፍለ ዓለማት ኣፍሪካ ብስፍሓት ካብ ዓለም መን ካብ መን ከምእትዓቢ ከምኡ'ውን መን ካብ መን ከምትንእስ እናወዳደሩ ክመያየጡ ይግበሩ። ብድሕሪ'ዚ ብመሰረት እቲ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ተሓቢሩ ዘሎ ስፍሓት ኣፍሪካ ክንደይ ከምዝኾነን ኣፍሪካ ኣብ ምንታይ ደረጃ ከምትርከብን የብርሁሎም። ብመሰረት'ዚ ድማ ኣፍሪካ ካብ ክፍለዓለም እስያ ቀፂላ ሰፋሕ ክፍለዓለም ከምኾነትን ናብ 30 ሚሊዮን ትርብዒት ኪሎ ሜትር ዝኣክል ስፍሓት ከምዘለዋ'ውን ንተምሃሮ ይሓብሩሎም። እስያ ድማ ናብ 45 ሚሊዮን ትርብዒት ኪሎ ሜትር ዝኣክል ስፍሓት ከምዘለዎ ንተምሃሮ ይሓብሩሎም። ስለዚ ካርታ እናርኣዩ ስፍሓት ክልቲኣን ክፍለ ዓለማት ከነፃፅሩ'ውን ይግበሩ። ኣፍሪካ ካብ ክፍለ ዓለም ኣውሮፓ ብሰለስተ ዕፅፊ ከምትሰፍሕን ካብ ሓፈሻዊ ስፍሓት ዓለም ድማ 20 ሚኢታዊ ከምዝሓዘት'ውን ወሲኾም ይሓብሩሎም። ድሕሪ'ዚ ተምሃሮ ካርታ 1.1 መሰረት ገይሮም ምንፅፃርን እናገበሩ ስፍሓተን ከስተውዕሉን ክፈልጡን ይግበሩዎም።

መምህር! ንኡስ ምዕራፍ 1.2 ንምምሃር መጀመርያ ኣብ መነባብሮ ስድራ ቤቶም ይኹን ኣብ ኣጠቃቅማ ቃላት ወለዶም ሞሮ እንታይ ከምዝኾነ ከምኡ'ውን ቃስታ እንታይ ከምኾነ ክመያየጡ ይግበሩዎም። ብድሕሪ'ዙይ እዞም ቃላት ትግርኛ ንምንታይ ኣብ ሕንፃፃት (መስምራት) ካርታ ተወሲዶም ንጥቀመሎም ከምዘለና ክግምቱ፣ ከነፃፅሩን ከዛምዱን ግበሩዎም። በዚ መሰረት ተምሃሮ ኣብ ካርታ፣ ግሎብ ወይድማ ኣትላስ ንሕንፃፃት ሞሮ ካብ ሕንፃፃት ቃስታ ፈልዮም ክለልዩ ይግበሩዎም። ብምቕፃል ሕንፃፃት ሞሮን ቃስታን ካብ ዜሮ ዲግሪ ጀሚሮም ክሳብ ክንደይ ከም ዝበፅሑ ባዕልቶም ክንብቡ ይግበርዎም። ብድሕሪ'ዚ ኩሎም ሕንፃፃት ቃስታ ንዓለም ኣብ ክልተ ንፍቀ ክብታት ከምዝመቕልዋ፣ ኾይኑ ግና ብምሁራት ዜሮ ድግሪ ቃስታ ዝኾነ ፕራይም ሜርድያን ንዓለም ኣብ ምዕራባውን ምብራቓውን ንፍቀ ክብታት

ከምዝመኾላ፣ በዚ ድማ ሕንፃፃት ቃስታ ካብ ዜሮ ዲግሪ ክሳብ 180° ምዕራብን ምብራኹን ከመይ ከምዝንበቡ ግሎብ ተጠቒምኩም ብዝርዝር ምይይጥ ብምክያድ ኣረድእዎም። ከምኡ'ውን ሕንፃፃት ሞሮ ብዘይካ ቅናት ምድሪ ኩሎም ንዓለም ኣብ ክልተ ንፍቀ ከምዘይመኽልዋ፣ እኳዳኣስ ካብ ቅናት ምድሪ ክሳብ 90° ሰሜን ወይድማ ደቡብ ዘለዉ ሕንፃፃት እናነኣሱ ከምዝኸዱ ብዝግባእ ኸግንዘቡ ይግበሩዎም።

ብምቅፃል ነቲ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ስእሊ 1.1 ከምኡ'ውን ስእሊ 1.2 ዘሎ ኣብ ደፍተሮም ብምስኣል ሕንፃፃት ሞሮን ቃስታን ብሓፈሻ፣ ከምኡ'ውን ሕንፃፃት ቅናት ምድሪ፣ ፕራይም መሪድያን፣ ካንሰር፣ ካፕሪኮርን ሰሜናዊ ዋልታን ደቡባዊ ዋልታን ኣብ ትክኽለኛ ቦትኦም ከስፍሩ ይግበሩዎም። ተምሃሮ እዚ ክእለት ኣናብባ ካርታን (MAP –READING) ኣለኻኽዓ ድግሪታት ቃስታን ሞሮን ብዝግባእ ከምዘማዕበሉ ምስ ኣረጋገፅኩም ረብሓታት ቃስትን ሞሮን እንታይ ከምዝኾነ ብሰፊሑ ኣመያየጥዎም። በዚ ኣቢልኩም ድማ ግዘ ካብ ቦታ ናብ ቦታ ከመይ ከምዝፈላለይ፣ ኣብ ሓደ ቦታ (ሀ) ሰዓት ክንድዚ እንተኾይኑ ኣብ ካልእ ቦታ (ለ) ሰዓት ክንደይ ይኸውን ዝብል ሕቶ ብምቕራብ ግዘ ኸግብጡ ኣኽእልዎም።

ዝተፈላለዩ ቦታታት ብምምራፅ ሰዓት ኸግብጡ ብዝሕ ዝበሉ መልመዲ ሕቶታት ኣቕርቡሎም። ኣብ ከባቢኦም ብዛዕባ ኣብ ቴሌቪዥን ብቐጥታ ዝመሓላለፉ ፀወታታት ኩዕሶ እግሪ ዓለምና ክትትል ዝግበር እንተኾይኑ በቶም ቦታታት ኣብነት ብምውሳድ ምስናይ ሃገርና ሰዓት ከመይ ከምዝርከብ ምግላፅ ኣገዳሲ እዩ። ኣብ ኣቆፃፅራ ሰዓታት በብ15° ዲግሪ ቃስታ ፍልልይ ናይ ሓደ ሰዓት ፍልልይ ከምዘምፅእ፣ ንምብራኹ ንምዕራብን ከመይ ከምዝውስኽን ከምዝንክን ብዝግባእ ግሎብ፣ ካርታ፣ ሰዓት ተጠቒምኩም ኣርእይዎም፣ ክላመዱ'ውን ይግበሩዎም። ቀፂሎም ተምሃሮ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዘሎ መልመዲ ክሰርሑ ይግበሩ።

መምህር! ንኡስ ርእሲ 1.3 ምስትምሃር እንትጅምሩ ንቕድም ንተምሃሮ ብዛዕባ ቋንቋታት ህዝብታት ኣፍሪካ ትፈልጡ ዶ? ብዝብል ኮርኳሒ ሕቶን መልስን ምይይጥ ይጀምሩሎም። ቋንቋ ኸ እንታይ ማለት እዩ? ዝብል ሕቶ'ውን የስዕቡሎም። ነዚ መሰረት ብምግባር ተምሃሮ ዝፈልጥዎም ቋንቋታት ክነግርዎም ይግበሩ። ስለዚ ንተምሃሮ ቋንቋ እንታይ ማለት ከምዝኾነ ትፈልጡ ዶ? ኣብ ትግራይ ከ ክንደይ

ዓይነት ቋንቋታት ይዝረቡ? ኢሎም ይሕተትዎም። ኣብ ትግራይ ብስሩዕ ዝዝረቡ ቋንቋታት ከም ትግርኛ፣ ሳሆን ኩናማን ከምዘለዉ፣ ካብዚኦም ብተወሳኺ ድማ ኣብ ካልኦት ክልላት ዝዝረቡ ቋንቋታት ዝጥቀሙ ሰባት ከምዘለዉ፣ ንኣብነት ቋንቋታት ኣምሓርኛ፣ ኦሮምኛ፣ ወላይትኛ፣ ጉራጊኛ ወዘተ ዝበሃሉ ዝዛረቡ ሰባት ከምዘለዉ ይግለፁሎም። ኣስዒቦም ድማ ንተምሃሮ እንታይ ዓይነት ቋንቋ ከምትዛረቡ ትፈልጡዶ? ትፈልጥዎም ቋንቋ ግለፁ። ኣብ ውሽጢ ክፍሊ ብምንታይ ቋንቋ ትመሃሩ? ምስ ስድራኹም እንታይ ቋንቋ ትጥቀሙ? ብቴሌቪዥንን ብሬድዮን ካብዝመሓላለፉ ቋንቋታት ውሽጢ ክንደይ ትፈልጡ? ዘርዝርዎም። ዝብሉ ዝተፈላለዩ ሕቶታት የቕሩብሎም። እናዋዘኻ ንተምሃሮ ዝቐርቡ ሕቶታት ንዕዉትነት ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ዓብዪ ሓገዝ ኣለዎ። ካብዚ ተበጊስኩም ቋንቋ እንታይ ማለት ከምዝኾነን እንታይ ረብሓ ከምዘለዎን ከመይ ትገልፅዎ? ብዝብሉ ሕቶታት እናመያየጡ ገለፃ ብስነ ስርዓት ይቐፅሉ።

ድሕሪ እዚ ኣብ ኣርባዕተ ጉጅለ ተመዲቦም ኣብዞም ዝስዕቡ ጉዳያት ክመያየጡ ይግበርዎም። ኩሎም ጉጅለታት ዝተመያየጡሉ ኣብ ክፍሊ ናብዝርከቡ ተምሃሮ የቕርብዎ። መምህር! ኣብዚ ምይይጥ ጉጅለ ንተምሃሮ ይሓግዙ።

ጉጅለ ፩ - ቋንቋ እንታይ እዩ? እንታይ ረብሓ ኸ ኣለዎ?

ጉጅለ ፪ - ኣብ ሃገርና ክንደይ ቋንቋታት ኣለዉ? ትፈልጥዎም ቋንቋታት ዘርዝሩ።

ጉጅለ ፫ - ካርታ ዝርግሐ ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታት ኣፍሪካ ብምርኣይ ኣብ ኣህጉርና ክንደይ ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታት ከምዘለዉ ዘርዝሩ። ኣበይን ካበይ ናበይን ከምተዘርግሑ`ውን ግለፁ።

ጉጅለ ፬ - ኣብ ቀርኒ ኣፍሪካ ዝርከቡ ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታትን ዝርግሐኦምን ግለፁ።

ጉጅለ ፭ - ኣብ ሃገርና ኢትዮጵያ ዝርከቡ ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታት ግለፁ። ኣብ ትግራይና ዝርከቡ ቤተሰብ ቋንቋታት`ውን ግለፁ።

መምህር! ነዚ ርእሲ እንትምህሩ ካርታ ዝርግሐ ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታት ህዝብታት ኣፍሪካ ይጠቐሙ። ኣብ መወዳእታ ኣብ ክፍለ ዓለምና ኣፍሪካ ኣርባዕተ ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታት ከምዘለዉ ንተምሃሮ ይግለፁሎም። ኣብ ላዕሊ ዘሎ ካርታ ከምዘመልክቶ ኣብ ክፍለ ዓለምና ኣፍሪካ ዝርከቡ ብምልኦም ቋንቋታት ኣብዞም

ዝስዕቡ ኣርባዕተ ዓበይቲ (ቀንዲ) ቤተሰብ ቋንቋታት ዝምደቡ`ዮም። ኣብ ክፍለዓለምና ኣፍሪካ ዝርከቡ እዞም ኣርባዕተ ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታት ዝስዕቡ`ዮም፤

1. ኣፍሮ ኤሽያቲክ (ሃማዊ ሴማዊ) ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታት
2. ኒሎ ሰሃራዊ (ኣባይ ሰሃራዊ) ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታት
3. ኒጀር ኮንጎ (ኒጀር ኮርዶፋንያን) ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታት
4. ኮይሳን ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታት

ኢሎም ነቲ ካርታ እናመላኸቱ ብዝርዝር ንተምሃሮ ይግለፁሎም።

ሕድሕዲኦም ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታት እንተምህሩ ንሕድሕድ ዝተዳለወ ካርታ ይጠቐሙ። ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዝርከቡ ካርታታት ከም ካርታ ዝርግሐ ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታት ኣፍሮ ኤሽያቲክ ኣብ ኣፍሪካን፣ ካርታ ዝርግሐ ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታት ኣፍሮ ኤሽያቲክ ኣብ ኣፍሪካን፣ ካርታ ዝርግሐ ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታት ኒጀር ኮንጎ ኣብ ኣፍሪካን፣ ከምኡ'ውን ካርታ ዝርግሐ ስድራ ቋንቋታት ኣብ ኢትዮጵያን ቀርኒ ኣፍሪካን ዝመሳሰሉ ንሓገዝ መምህሪ መስተምህሪ ይጠቐሙሎም። ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታት ኣፍሪካ ነዞም ካርታታት መሰረት ገይሮም ምስገለፁ ኣብትሕቲኦም ዝርከቡ ቤተሰብ ቋንቋታትን ህዝብታት ዝዛረቡሎም ቋንቋታትን ብዝርዝር እንትገልፁ ተምሃሮ'ውን ብሕቶን መልስን ክሳተፉ ይግበርዎም።

መምህር! ኣብ ኣፍሪካ ብብዙሓት ዝዝረቡ ቋንቋታት ብተወሰነ መልክዑ ተምሃሮ ክፈልጥዎ ይግበሩ። ብፍላይ ድማ ኣብ ሃገርና ኢትዮጵያ ዘለዉ ክልተ ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታትን ኣርባዕተ ቤተሰብ ቋንቋታትን መሰረት ብምግባር ሴማዊ፣ ኩሻዊ (ሃማዊ)፣ ኦሞቲክን ኒሎቲክን ተባሂሎም ዝምደቡ ቋንቋታት ተምሃሮ ንክፈልጥዎም ኣብ ሰደቓ ብዝርዝር ሰሪሖም ከም መምህሪ መስተምህሪ ሓገዝ ክትጥቀሙሎም ይግባእ።ንኣብነት ኣብ ሃገርና ይኹን ኣብ ቀርኒ ኣፍሪካ ኣርባዕተ ቤተሰብ ቋንቋታት ኣለዉ። እዚኦም`ውን ዝስዕቡ`ዮም፤

1. **ኩሻዊ (ኩሺቲክ) ቤተሰብ ቋንቋታት፤** *ኦሮምኛ፣ ኣፋርኛ፣ ሶማልኛ፣ ቤጃ፣ ሳሆ፣ ሲዳምኛ፣ ሃድይኛ፣ ከምባትኛ፣ ጌዴኦ፣ ኮንሶ፣ ኣገውኛ፣*
2. **ሴማዊ (ሴሚቲክ) ቤተሰብ ቋንቋታት፤** ዓረብኛ፣ ትግርኛ፣ ትግረ፣ ኣምሓርኛ፣ ጉራግኛ፣ ኣርጎብኛ፣ ጋፋትኛ፣ ሃረሪኛ፣ ኮፕቲክ፣ ግእዝ፤ሂብሪው

3. **ኦማዊ (ኦሚቲክ) ቤተሰብ ቋንቋታት፤** *ጋሙ፣ ጎፋ፣ ከፈቾ፣ ኩሎ፣ ኮንታ፣ ከፊኛ፣ ጃንጀሮ፣ ዶርዜ፣ ወላይትኛ፣ ማጂ፣ የን፣ ጊሚራ፣ ኣሪ፣ ሻኩ ወዘተ*
4. **ኒሎ ሰሃራዊ (ኒሎቲክ) ቤተሰብ ቋንቋታት፤** *ኩናማ፣ ጉሙዝ፣ በርታ፣ ኮማ፣ መዠንግር፣ ኣኝዋክ፣ ኑወር፣*

ስለዚ እዚኦም ኣብ ኣፍሮ ኤሽያቲክን ኒሎ ሰሃራን ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታት ዝምደቡ`ዮም። ቋንቋታት ኩሽ ኣብ ኤርትራ፣ ኢትዮጵያ፣ ጂቡቲ፣ ሶማሊያን ኬንያን ዝዝረቡ`ዮም። ዓፋርኛ ኣብ ሃገራት ኤርትራ፣ ኢትዮጵያን ጂቡቲን ብገፊሑ ዝዝረብ`ዩ። ሶማልኛ ቋንቋ ድማ ኣብ ሃገራት ሶማሊያ፣ ኢትዮጵያን ጂቡቲን ይዝረብ። ቋንቋታት ትግርኛ፣ ሳሆን ኩናማን ድማ ኣብ ሃገራት ኢትዮጵያን ኤርትራን ዝዝረቡ`ዮም። ቋንቋ ኦሮምኛ ድማ ኣብ ኢትዮጵያን ኬንያን ይዝረብ። ስለዝኾነ ድማ ነዚ ንኡስ ርእሲ'ዚ ሓውሲ ገለፃን ብካርታ ዝተደገፈ ንተምሃሮ ብሕቶን መልስን ከምኡ'ውን ጉጅለኣዊ ዕዮ ገዛን ዘሳተፈ ውፅኢታዊ ኣግባብ ኣመሃህራ ክጥቀሙ ይግባእ።

መምህር! እዚ ንኡስ ርእሲ ንሰለስተ ክፍለግዜያት ጥራሕ ዝተዳለወ ብምዃኑ ቅድሚ ናብ ክፍሊ ምእታዎም ኣገደስቲ ዝበሃሉ ሓገዝ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ዝኾኑ ካርታታት ኣብ ዓብዪ ወረቐት ተሳኢሉ ክቐርብ ምግባር ኣገዳሲ'ዩ። ዘድልዩ ካርታታት ምድላዎም ምርግጋፅ ከም ሓደ ኣግባብ ተወሲዱ ተምሃሮ'ውን መፅሓፎም ሒዞም ክመፁ ምሕባር ካልኣይ ኣግባብ እዩ። ናብ ክፍሊ ምስኣተዉ ድማ ተምሃሮ ኣብ 6ይ ክፍሊ ብዛዕባ ጥንታዊ ስልጣነታትን ምዕባለ ከተማታትን ዝምልከት ዝተምሃርዎ ንክዝክሩ ሕቶን መልስን ምክያድ ኣገዳስነት ኣለዎ። ስለዚ መምህር! ግልፂ ምትእስሳር ንምፍጣር ንቅድም ብዛዕባ ኣብ ኣፍሪካ ዝርከቡ ጥንታዊ ስልጣነታት ከም ኣብነት ገይሮም ንተምሃሮ ይግለፁሎም። ምስ ተምሃሮ ጥንታዊ ስልጣነታት ዝማዕበሉሎም ከባብታት ብዘመልክት ካርታ ምይይጥ፣ ሕቶን መልስን ከምኡ'ውን መግለፅታት ብምሃብ ኣሳታፋይ ኣግባብ ኣመሃህራ ይጀምርዎ።

መምህር! ድሕሪ'ዚ መእተውን መበራበርን ብምቕፃል "ስልጣነ ጥንታዊ ግብፂ" ዝብል ርእሲ ከምህሩ ስለዝኾኑ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዘለዉ ሓሙሽተ ካርታታት ኣብ ዓብዪ ወረቐት ስኢሎም ናብ ክፍሊ ክመፁ ይግባእ። ተምሃሮ'ውን ኣብ መፅሓፍ

ተምሃራይ ዝርከብ ፅሑፍ ብደንቢ ገይሮም ኣንቢቦም ንክመፁ ዕዮ ገዛ ይሃብዎም። ነዚ ዘንበብዎ ፅሑፍ መሰረት ብምግባርን ኣብ ካርታ እናገናዘቡን ተምሃሮ ግብፂ ኣበይ ከምትርከብን ሽንጥሮ ሩባ ኣባይ (ናይል) ካበይ ናበይ ከምዝተዘርግሐን ከመልክቱ ይሕተትዎም። ምስዞም ካርታ ብምትእስሳር "ግብፂ ውህብቶ ሩባ ናይል (ኣባይ)" ንምንታይ ከምዝበሃል ከረድኡ የበረታትእዎም። ድሕሪ'ዚ መግለፅታት ጥንታዊ ስልጣነ ግብፂ ብዝምልከት ዝርዝር መብርህን መግለፅን ይሃብዎም። ኣብ መግለፂኦም ህይወት ግብፃውያን ኣብ ሩባ ናይል ዝተመስረተ ምዃኑ እናገናዘቡ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዝተገለፁ ሰለስተ ግዝኣታት ጥንታዊ ግብፂ ይግለፁሎም። ኣብ ጥንታዊ ስልጣነ ግብፂ ዝነበሩ ስነ ህንፃ ንኣብነት ምስሊ ሲፊኒክስ፣ ምስሊ ፎርኦናዊ ንጉስ ራምሰስ 2ይ፣ ፒራሚዳትን ሄይሮግሊፊክስን ወዘተ የብርሁሎም። ተምሃሮ ብዛዕባ ጥንታዊ ግብፂ ዕቡኽ ግንዛበ ንክህልዎም ብዝርዝር የረድእዎም።

መምህር! ድሕሪ'ዚ መሰረታዊ መግለፅታት ጥንታዊ ስልጣነ ግብፂ ኣብ መወዳእታ ጥንታውያን ንዓለም ዘበርከትዎም ውፅኢት ስልጣነ ብዝምልከት ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዘለዉ ሓሙሽተ ነጥብታት ብዝርዝር ይግለፁሎም። ኣብ መወዳእታ ብሕቶን መልስን ዝተሰነየ መጠቓለሊ ይሃብዎም። ድሕሪ'ዚ ብምቕፃል "ስልጣነ ጥንታዊ ካርቴጅ" ዝብል ርእሲ ከምህሩ ስለዝኾነ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዘለዉ ክልተ ካርታታት ኣብ ዓብዪ ወረቐት ስኢሎም ናብ ክፍሊ ክመፁ ይግባእ። ተምሃሮ'ውን ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዝርከብ ፅሑፍ ብደንቢ ገይሮም ኣንቢቦም ንክመፁ ዕዮ ገዛ ይሃብዎም። ነዚ ዘንበብዎ ፅሑፍ መሰረት ብምግባርን ኣብ ካርታ እናገናዘቡን ተምሃሮ ካርቴጅ ኣበይ ከምትርከብ ከመልክቱ ይሕተትዎም። ድሕሪ'ዚ መግለፅታት ጥንታዊ ስልጣነ ካርቴጅ ብዝምልከት ዝርዝር መብርህን መግለፅን ይሃብዎም። ኣብ መግለፂኦም ኣመሰራርታ ጥንታዊ ስልጣነ ካርቴጅ ኣሕፅር ኣቢሎም ይግለፁሎም። ኣብ ጥንታዊ ስልጣነ ካርቴጅ ዝተርኣዩ ሰለስተ ኩናታት ፑኒክ ብዝርዝር የብርሁሎም። ተምሃሮ ብዛዕባ ጥንታዊ ካርቴጅ ዕቡኽ ግንዛበ ንክህልዎም ብዝርዝር የረድእዎም።

መምህር! ድሕሪ'ዚ መሰረታዊ መግለፅታት ጥንታዊ ስልጣነ ካርቴጅ ብኸመይ ኣገባብ ከምዝዓነወት ብዝርዝር ይግለፁሎም። ስለዚ ካርቴጅ ዝተመስረተትሉ፣ ናብ ዝለዓለ ብርኪ ዝበፅሐትሉ እዋንን ዕንወታን ዝምልከት ዝርዝር መግለፂ ይሃብዎም። ኣብ

መወዳእታ ምስ ተምሃሮ ሕቶን መልስን የካይዱ። ስለዚ ብሕቶን መልስን ዝተሰነየ መጠቓለሊ ይሃብዎም። ብምቕፃል በዛዕባ "ቅድመ ባዕዳዊ መግዛእቲ ሃገራት ዚምባብዌ፣ ማሊን ፉንጅን" ዝምልከት ርእሲ'ዩ ዝቐርብ። መምህር! ነዚ ርእሲ ንምስትምሃር ቅድሚ ምጅማሮም ተምሃሮ ቅድመ ባዕዳዊ መግዛእቲ ዝበሃል እዋን ብንፁር ንክፈልጡ ይግለፁሎም። ነዚ መሰረት ብምግባር ኣፍሪካ ንባዕዳዊ መግዛእቲ ኣውሮፓውያን በሪ ዝኸፈቱ ተርእዮታት ብዝርዝር ይብርሁሎም።

ነዚ ርእሲ ብዝበለፀ ንምግላፅ ዝሕግዙ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዝርከቡ ካርታታት ኣብ ዓብዪ ወረቐት ስኢሎም ናብ ክፍሊ ሒዞም ብምምፃእ ነዚ መግለፅን መእተውን ከም መበራበሪ ገይሮም ይጠቐሙሉ። መምህር! ድሕሪ'ዚ መእተዊ ብዛዕባ ቅድመ ባዕዳዊ መግዛእቲ ዚምባቡዌ ዝምልከት ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ብዝተፅሓፈ መሰረት ብዝርዝር ንተምሃሮ ይግለፁሎም። ኣብ ከይዲ'ዚ መግለፂ ንተምሃሮ ብሕቶን መልስን እናሳተፉ ኣገደስቲ ነጥብታት ድማ ኣብ ፀሊም ሰሌዳ ይፅሓፉሎም። ኣብ ከይዲ'ዚ መግለፂ ኣብ እዋን ቅድመ ባዕዳዊ መግዛእቲ ኣብ ዚምባብዌ ዝነበሩ ስልጣነታት እንታይ ከምዝመስሉን እዚ ስልጣነ ዓባይ ዚምባብዌ ንኽይቕፅል ምኽንያታት ዝኾኑ ሰለስተ ኣብነታት የብርሁሎም። ኣብ መወዳእታ ንዘቕረብዎ መግለፅታት ብሕቶን መልስን ዝተሰነየ መጠቓለሊ ንተምሃሮ የቕርቡሎም።

መምህር! ብምቕፃል ብዛዕባ ቅድመ ባዕዳዊ መግዛእቲ ማሊ ዝምልከት ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ብዝተፅሓፈ መሰረት ብዝርዝር ንተምሃሮ ይግለፁሎም። ኣብ ከይዲ'ዚ መግለፂ ንተምሃሮ ብሕቶን መልስን እናሳተፉ ኣገደስቲ ነጥብታት ድማ ኣብ ፀሊም ሰሌዳ ይፅሓፉሎም። ኣብ ከይዲ'ዚ መግለፂ ኣብ እዋን ቅድመ ባዕዳዊ መግዛእቲ ኣብ ማሊ ዝነበሩ ህዝብታትን ግዝኣት ማሊ ካበይ ናበይ ከምዝነበረን የብርሁሎም። ግዝኣት ማሊ ምስ ግዝኣታት ጋናን ሶንግሃይን ዝነበሮም ምትእስሳር'ውን ብካርታ እናተሓገዙ ንተምሃሮ የብርሁሎም። ድሕሪ'ዚ ኣብዝለዓለ ብርኪ ዕብየትን ተፈላጥነትን በፂሓ ዝነበረት ሃፍታም መንግስቲ ማሊ ድሕሪ መበል 14 ክፍለዘበን እናተዳኸመት ዝኸደትሉ ምኽንያታት እንተወሓደ ነቶም ኣርባዕተ ብዝርዝር ንተምሃሮ የረድእዎም። ይግለፁሎም። ኣብ መወዳእታ ንዘቕረብዎ መግለፅታት ብሕቶን መልስን ዝተሰነየ መጠቓለሊ ንተምሃሮ የቕርቡሎም።

መምህር! ብምቕፃል ብዛዕባ ቅድመ ባዕዳዊ መግዛእቲ ፉንጅ ዝምልከት ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ብዝተፅሓፈ መሰረት ብዝርዝር ንተምሃሮ ይግለፁሎም። ኣብ ከይዲ'ዚ መግለፂ ንተምሃሮ ብሕቶን መልስን እናሳተፉ ኣገደስቲ ነጥብታት ድማ ኣብ ፀሊም ሰሌዳ ይፅሓፉሎም። ኣብ ከይዲ'ዚ መግለፂ ኣብ እዋን ቅድመ ባዕዳዊ መግዛእቲ ፉንጅ ዝበሃል ግዝኣት ኣበይ ከምዝነበረን ንኽንደይ እዋን ከምዝፀንሐን የብርሁሎም። ኣመሰራርታ ግዝኣት ፉንጅ ብዝምልከት ካብ 969 — 1517 ዓ.ም.ፈ ዝነበሩ መመሓደርቲ ይግለፁሎም። ብዛዕባ ግዝኣት ፉንጅ ብካርታ እናተሓገዙ ንተምሃሮ የብርሁሎም። ድሕሪ'ዚ ብዛዕባ ውድቀት መንግስቲ ፉንጅ ዝምልከት ብዝርዝር ንተምሃሮ የረድእዎም። ይግለፁሎም። ኣብ መወዳእታ ንዘቕረብዎ መግለፅታት ብሕቶን መልስን ዝተሰነየ መጠቓለሊ ንተምሃሮ የቕርቡሎም። ነዚ ብምስዓብ ድማ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዘለዉ ሕቶታት መልመዲ ኣብ ውሽጢ ክፍሊ የመያይጥዎም። ወይድማ ብመልክዕ ዕዮ ገዛ ንክሰርሕ ብምግባር ንጥፈታት ተምሃሮ ይኣርሙሎም። ስለዚ ክኽተልዎም ዝግባእ ኣግባብ ኣመሃህራ ገለፃ፣ ምጥንኻርን ምጉልባትን፣ ሕቶን መልስን፣ ካርታ መሰረት ዝገበረ ምይይጥ፣ ኮርኳሒ ኣቀራርባ፣ መጠቓለሊ፣ ዕዮታት ገዛን ክፍል ምሃብ ዝመሳሰሉ ይርከብዎም።

መምህር! ቀፂሎም ንተምሃሮ ዘቕርቡሎም ትምህርቲ ብዛዕባ "ነዊሕ ርሕቐት ንግዲ ኣብ ኢትዮጵያ ከም መራኸቢ ህዝቢ" ዝብል እዩ። መምህር! ነዚ ርእሲ እንተምህሩ ንቕድም ተምሃሮ ብዛዕባ ነዊሕ ርሕቐት ንግዲ ንክፈልጡ ብሕቶን መልስን ዝተሰነየ ምይይጥ የካይዱ። ብዘመነ ንግስተ ሳባን ጥንታዊ መንግስቲ ኣኽሱምን ዝነበሩ መስመራት ንግዲ ከም ኣብነት እናዘርዘሩ ነዊሕ ርሕቐት ንግዲ እንትበሃል እንታይ ማለት ከምዝኾነ ንተምሃሮ የረድእዎም። ድሕሪ'ዚ ነዊሕ ርሕቐት ንግዲ ኣብ ኢትዮጵያ ተደላይነቱ ዝለዓለ ንክኸውንን ንክጠናኸርን ምኽንያታት ዝኾኑ ታሪካዊ ተርእዮታት እንተወሓደ ሓሙሽተ ይግለፁሎም። ነዚኦም ከም መበገሲ ገይሮም ብምውሳድ ኣብ መበል 19 ክፍለዘበን ኢትዮጵያ ዝነበሩ ክልተ ዓበይቲ መስመራት ነዊሕ ርሕቐት ንግዲ ካርታ እናተሓገዙ ንተምሃሮ የረድእዎም። ተምሃሮ'ውን ነዞም መስመራት ነዊሕ ርሕቐት ንግዲ ብደንቢ ገይሮም ክፈልጥዎም ጥንኩር ክትትል ይገብሩሎም። ኣብዚ ከይዲ ገለፃ ጃላባ፣ ኣፍካላ፣ ጀበርቲ ወዘተ እናተብሃሉ ይፍለጡ ዝነበሩ ነጋዶን ነጋድራሳትን ዝነበሮም ተራ ብዝርዝር ይግለፁሎም። ምስዚ ተኣሳሲሩ

“ማርያ ትሬዛ”ን “ጋምፉፍ ገይላ ጨው”ን ኣብ ከይዲ ምልውዋጥ ነዊሕ ርሕቐት ንግዲ ኢትዮጵያ ዝነበሮም ተራ ብዝርዝር ይግለፁሎም። ስለዚ ኣብ መወዳእታ ብሕቶን መልስን ከምኡ’ውን ካርታን መስመራት ንግድን ዝተሰነየ መጠቓለሊ ይሃብዎም። ተምሃሮ ኣብ ኣሳታፉይን ኮርኳሕን ኣግባብ ኣመሃህራ ንጡፍ ተሳትፎ ንኽገብሩ ጥንኩር ክትትልን ድጋፍን ይግበሩሎም።

መምህር! ኣብዚ ምዕራፍ ሓደ ኣብ መወዳእታ ዝቐርብ ትምህርቲ (ርእሲ) ብዛዕባ “ህዝቢ” ዝምልከት እንትኸውን ንኣርባዕተ ክፍለግዝያት ዝተዳለወ’ዩ። ነዚ ርእሲ ቅድሚ ምስትምሃሮም ኣብ 6ይ ክፍሊ ብዛዕባ በዝሒ ህዝብን ኣሰፋፍራን ዝምልከት ዝተምሃርዎ ከም መበገሲ ገይሮም ንተምሃሮ የመያይጥዎም። ድሕሪ’ዚ መእተዊ ድማ ህዝቢ ኣፍሪካ ምስ ዝርግሐ፣ ኣሰፋፍራ፣ መነባብሮን ንመነባብሮን ዝፀልዉ ባእታት ዝምልከት ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዘሎ ካርታ ተጠቒምኩም ንተምሃሮ የመያይጥዎም። ተምሃሮ’ውን ብዛዕባ ፃዕቅን ፀቕጥን ህዝቢ ኣፍሪካ ዝተወሰነ ምይይጥ ንኽገብሩ ይሓግዝዎም።

ብምኽፃል “ዝርግሐ ህዝብን ኣሰፋፍራን” ዝብል ርእሲ እንተምህሩ ንቕድም ህዝቢ እንታይ ማለት ከምዝኾነ ንተምሃሮ ብኣብነት እናደገፉ የመያይጥዎም። ብዛዕባ ስነ ህዝብን ምስ ስነ ህዝቢ ዝተኣሳሰሩ ኣምራትን ድማ ንተምሃሮ ብዝርዝር ኣብነት እናደገፉ ይግለፁሎም። ነዚ መግለፂ ንምጥንኻር ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዘለዉ ሽዱሽተ ነጥብታት መግለፂ ማሕበራዊ ባህርያት ስነ ህዝቢ ብዝርዝር ይግለፁሎም። ብምኽፃል ካብ 1 ዓ.ም.ፈ. ጀሚሩ ክሳብ 1999 ዓ.ም.ፈ. ካብዚ’ውን ሓሊፉ ድማ ክሳብ 2010 ዓ.ም.ፈ. ዝተመዝገበ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ዓለምን ነዚ መበገሲ ብምግባር ድማ ክሳብ 2050 ዓ.ም.ፈ. ክህልው ዝተኣመተ በዝሒ ህዝቢ ዓለምን ብምንፅፃር ኣብ ቻርት ብምስኣል ናብ ክፍሊ ሒዞም ይእተዉ። ነዚ መነፃፀሪ ስታቲስቲካዊ መረዳእታ ዝሓዘ ቻርት መሰረት ብምግባር ተምሃሮ ክመያየጡሉን ዝርኣዮም ሓሳባት’ውን ክገልፁን ይግበሩ። ካብዚ ብምብጋስ ዝርግሐን ኣሰፋፍራን ህዝቢ ቁልፊ መንቀሊ ምኽንያታት ተገይሩ ዝውሰድ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዝርከብ ሰደቓ ንተምሃሮ ብደንቢ ገይሮም ይግለፁሎም።

ኣብ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃርን ዝወሃቡ መግለፅታትን ተምሃሮ ብደንቢ ገይሩ ክርድኦም ኣቐዲሞም ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዘሎ ፅሑፍን ሰደቓን ኣንቢቦም ንክመፁ ከም ዕዮ ገዛ ተገይሩ ክወሃቦም ይግባእ። ኣብ መወዳእታ'ዚ መግለፂ ተምሃሮ ክፈልጥዎም ዝግብኦም ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዘለዉ ንዝርግሐን ኣሰፋፍራን ህዝቢ ወሰንቲ ባእታታት ዝኾኑ 12 ነጥብታት ኣብ ዓብዪ ወረቐት ፅሒፎም ናብ ክፍሊ ሒዞም ክኣትዉን ተምሃሮ ክመያየጡሎም ክገብሩን ይግባእ። ነዚኦም መሰረት ብምግባር ድማ ቀንዲ መንቀሊ ምኽንያታት ዝርግሐን ኣሰፋፍራን ህዝቢ ሃገራት ዓለም ብዝምልከት ዝተመዝገቡ ተፈጥሮኣውን ሰብኣውን ባእታታት ብኣብነት እናደገፉ ክገልፁሎም ኣገዳስነት ኣለዎ። ነዚኦም ኩነታት ድማ ምስ ኩነታት ኣፍሪካ ብምትእስሳር ከም መጠቓለሊ ዝኾኑ ሓሳባት ንተምሃሮ የቕርቡሎም። ስለዚ ዝርግሐን ኣሰፋፍራን ህዝቢ ብዘምልከት ካርታ፣ ቻርት፣ መግለፂ ፅሑፋት ወዘተ ብምጥቃም ንተምሃሮ ኣሳታፉይን ኮርኳሕን ብዝኾነ ኣገባብ ዝሕግዝ መግለፅታት፣ መራጎድታት፣ መጠቓለልታት ዘለውዎም ሕቶን መልስን ከምኡ'ውን ዕዮታት ክፍልን ገዛን ዝሕግዝዎም ኣግባብ ኣመሃህራ ክጥቀሙ'ዮም ዝምከሩ።

ድሕሪ'ዚ "መነባብሮ ህዝብታት ኣፍሪካ" ዝምልከት ርእሲ'ሎ። መምህር! ነዚ ርእሲ ቅድሚ ምስትምሃር ምጅማርኩም ኣብ 6ይ ክፍሊ ብዛዕባ ኣፈላላይ ባህሊ ኣሰፋፍራን መነባብሮን ህዝብታት ዝብል ዝተምሃርዎ ኣሕፅር ኣቢሎም የዘኻኽርዎም። ነዚ መሰረት ብምግባር ባህሊ፣ መነባብሮ ህዝቢ፣ ኣሰፋፍራ ህዝቢ ወዘተ እንታይ ማለት ከምዝኾነ ተምሃሮ እናተመያየጡ ክዝክርዎምን ክፈልጥዎምን ይግበሩ። ነዚኦም ብኣብነት እናደገፉን እናዘርዘሩን ይግለፁሎም። ኣብ መወዳእታ ተግባራት ኣሰፋፍራን መነባብሮን ህዝቢ ኣፍሪካ ብዝምልከት ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዝተሓበሩ ኣርባዕተ መግለፅታት ንተምሃሮ ብግልፂ ቋንቋ ይግለፁሎም። ካብዚ ብምቕፃል "ኣብ ገጠራትን ከተማታትን ዘለዉ ኣሰፋፍራታት ህዝቢ" ከምኡ'ውን "ነበርቲ ከበሳን መታሕትን" ብዝምልከት ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዘለዉ ሰደቓታት ኣብ ዓብዪ ወረቐት ፅሒፎም ናብ ክፍሊ ሒዞም ብምእታው ተምሃሮ ክመያየጡሉ ይግበሩ። ኣብ መወዳእታ መንቀሊ ምኽንያታት ኣፈላላይ ኣሰፋፈራን መነባብሮን ህዝቢ ብዝምልከት ኣብ ክልተ መቒሎም ንተምሃሮ ይግለፁሎም።

ነዚ ርእሲ እንተምህሩ ተምሃሮ'ውን ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዘሎ ፅሑፍ ኣንቢቦም ንክመፁ ዕዮ ገዛ ይሃብዎም። ነዚ ርእሲ ተምሃሮ ብዝግባእ ንኽርድኦም ካብዝግበሩ ዝተፈላለዩ መግለፅታት (ገለፃ)፣ ሕቶን መልስን፣ ምይይጣት፣ መግለፂ ሰደቓታት፣ ኣሃዛዊ ስታቲስቲካዊ መረዳእታታት፣ ምንባብ መፅሓፍ፣ ኮርኳሕን ኣሳታፊይን ኣግባብ ኣመሃራ ብተወሳኺ ኣብ ክፍሊ ንዘለዉ ተምሃሮ ኣብ ሓሙሽተ ጉጅለታት ብምምቃል ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዘለዉ ሕቶታት ብመልክዕ ሰሪሕኻ ምርኣይ ዕዮ ክፍሊ ተዋሂብዎም ክመያየጡሎም ምግባር ዝለዓለ ኣገዳስነት ኣለዎ።

መምህር! ኣብ መወዳእታ ምዕራፍ ሓደ ዘሎ ንኡስ ርእሲ ብዛዕባ "ኣብ ዝርግሐ፣ ኣሰፋፍራን መነባብሮን ህዝቢ ፅዕንቶ ዘሕደሩ ባእታት" ንተምሃሮ ምግላፅ እንትኽውን ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዘለዉ ሽዱሽተ ባእታታት መሰረት ብምግባር ንተምሃሮ ብምይያጥ ክጅምሩ ይኽእሉ'ዮም። ምስዚ ተኣሳሲሩ ብዛዕባ ምንቅስቓስ ህዝብን ቅልጡፍ ዕብየት ህዝብን ዘለዎም ምትእስሳርን ኣብ ልዕሊ ምኽታምነት ዘለዎም ፅዕንቶ (ሳዕቤን) ብዝምልከት ንተምሃሮ መግለፂ ምሃብ የድልይ። መምህር! ነዚ ርእሲ ኣፀቢቕካ ንምግላፅ "ምኽታምነት" እንታይ ማለት ከምዝኾነ ብዝርዝር ንተምሃሮ ምግላፅ ኣገዳሲ'ዩ። ምስዚ ተኣሳሲሩ ኩነታት ምኽታምነት፣ ምንቅስቓስ ህዝብን ኣሰፋፍራን ንምፍላይ መነባብሮ ህዝቢ ዘለዎ ፅልዋን ፅዕንቶን ምግላፅ ኣገዳስነት ኣለዎ። ኣብ መወዳእታ ብዛዕባ ከብ ገጠር ናብ ከተማ ዝግበር ምንቅስቓስ ህዝቢ ኣመልኪቶም ንተምሃሮ ዝርዝር መግለፂ ክህብዎም ይግባእ። ንምንታይ'ዩ ካብ ገጠር ናብ ከተማ ምንቅስቓስ ህዝቢ ዝግበር? ሰሓብቲ ባእታታት ዝበሃሉ እንታይ'ዮም? ኣብ ገጠር ዝርከቡ ደፊእቲ ባእታታት ከ እንታይ'ዮም ኣብዝብሉ ጉዳያት ንተምሃሮ የመያየጥዎም።

ነዚኦም ኩነታት ኣብ ከባቢ ሃገራት ምብራቕ ኣፍሪካ ምስዝርከቡ ተርእዮታት እናገናዘብኩም ተምሃሮ ክርድኦም ብዝኽእል ኣገባብ መግለፅታት እናሃቡን ኣብነታት እናቕረቡን ኣሳታፊይን ኮርኳሓይን ኣግባብ ኣመሃህራ ክጥቀሙ'ዮም ዝምከሩ። ኣብ መወዳእታ ብዘለዉ መልመድታትን ካልኦት ኣገደስቲ ዝበሃሉ ከይድታት ሕቶን መልስን እናተጠቐሙ መጠቓለልታት ብምሃብ ንከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ኦዐርዮም ክነልብትዎም ከጠናኽርዎን ይግባእ። ስለዚ ኣብዚ ምዕራፍ ክትጥቀሙሎም ዝግብኣኩም ሓፈሻዊ ኣግባብ ኣመሃህራ እንትንርእይ ተምሃሮ ማእከል ዘገበረ ገለፃን

መብርህታትን፣ ሕቶን መልስን፣ ምይይጥ፣ ኣሳታፊይን ኮርኳሓይ ኣቀራርባ፣ ካርታታትን ሰደቓታትን ምዕባይ፣ ዕዮታት ክፍልን ገዛን፣ ዕዮ ጉጅለን ሓፀርቲ ፅሑፋት ምቕራብን ወዘተ ዝምልከቱ ገፋሕቲ ቴክኒካዊ ኣገባባት ይህልዉ።

ስለዚ መምህር! ነዚ ምዕራፍ ንተምሃሮ እንተምሃሩ ክኽተልዎ ዝግባእ ኣግባብ ኣመሃህራ እንትፅሞቕ ምስ ስእልታትን ካርታታትን ዝተዛመደ ክልተኣዊ ገለፃ ምግባር፣ ኣገደስቲ ዝበሃሉ ነጥብታት ኣብ ፀሊም ሰሌዳ ምፅሓፍ፣ ዝተፈላለዩ ፅሑፋትን ውፅኢት ሕትመታትን እናኣላለሸኩም ናብ ክፍሊ ሒዞም ብምምፃእ ንተምሃሮ ምንባብን ክንበበሎም ምግባርን፣ ሰሪሕኻ ምርኣይ፣ ሕቶን መልስን፣ ዕዮ ጉጅለን ክፍልን፣ ምንባብን ኮርኳሒ ኣቀራርባን፣ ብካርታን ስእልን ዝተደገፈ ሓባራዊ ምይይጥ፣ ምድጋምን መጠቓለልን፣ ኣብ መወዳእታ ምስ መልመድታት ዝተኣሳሰሩ ፈተነታት ምስራሕ እቶም ቀንድን ኣገደስትን ክጥቀሙሎም ዝግብኡ መስረፅቲ ኣግባብ ኣመሃህራ ይርከብዎም። ካብዚ ብተወሳኺ ተምሃሮ ኣብ ቤት ትምህርቲ ካብዝርከብ ቤተ ንባብ ነዚ ትምህርቲ ዝምልከቱ ካልኦት መፃሕፍቲ ወይድማ ኢንካርታ (Encarta) ብምርኣይ ንዝተምሃርዎ ክጎልብቱ ክበረታትዑ ይግባእ።

## 10. ፍሉይን ተወሳኽን መረዳእታ ንመምህር

መምህር! ከምቲ እትፈልጥዎ መርክቦ ብኽልተ መንገዲ እዩ ዝርከብ። ብመንፅር ኣንፈታት ሰሜን፣ ደቡብ፣ ምዕራብ፣ ምብራቕ ወ.ዘ.ተ. ዝርከብ ኣንፃራዊ መርክቦ እዩ። እቲ ሕንፃፃት ሞሮን ቃስታን ኣንቢብካን ኣዋሃሂድካን ዝርከብ ግና ፍፁማዊ መርክቦ ይበሃል። ብመሰረት ፍፁማዊ መርክቦ ኣፍሪካ እዚ ዝስዕብ ክበሃል ይኽእል'ዩ።

- ካብ ቅናት ምድሪ ንሰሜናዊ ጫፍን ደቡባዊ ጫፍን ኣፍሪካ ዘሎ ርሕቀት ዳርጋ ማዕረ እዩ። እዚ ድማ ኣፍሪካ ካብ ካልኦት ክፍለ ዓለማት ብዝተፈለየ መልክዑ ኣብ ቅናት ምድሪ ሚዛናዊ መርክቦ (BALANCED POSITION) ክህልዎ ገይርዋ'ዩ።
- ካብ ኩለን ክፍለ ዓለማት ብዝተፈለየ መልክዑ ኣፍሪካ ሕንፃፃት ቅናት ምድሪ፣ ፕራይም መርድያን፣ ካንሰርን ካፕሪኮርንን ብሓባር ዝርከቡላ ብሕታዊት ክፍለ ዓለም እያ።
- ክፍለዓለም ኣፍሪካ ካብ ሓፈሻዊ ስፍሓታ ኣስታት 75% ዝበፅሕ ኣብ መንጎ ሕንፃፃት ሃሩር ካፕሪኮርንን ካንሰርን እትርከብ ብሕታዊ ክፍለዓለም እያ።

- ብመንፅር ቕርፂ እትርእይ'ውን ኣፍሪካ ብሕልፊ ኣብ ሰሜናዊ ክፋላ ክብብ ዝበለ ቅርፂ እዩ ዘለዋ።

ቋንቋ ዝበሃል ብምልክት፣ ድምፅን ቃላትን ተሰንዩ ሰባት ሓሳባቶም፣ ድልየታቶምን ኣመለኻኽቶኦምን ዝገልፁሉ`ዩ። እዚ ማለት ቋንቋ ወዲሰብ ማሕበራዊ ናብራን መዓልታዊ ስራሕን ዝምድናታቱን ዘካይደሉን ዘሳልጠሉን ስርዓት ዝሓለወ መረዳድኢ`ዩ። ቋንቋ ወዲሰብ ባህላዊ፣ ማሕበራውን መዓልታውን ምርድዳእ ዝምስርተሉ ንቡር ዝኾነን ቅቡል ቅጥዒ ዘለዎን ልሙድ ዘረባ`ውን እዩ። ቋንቋ ንቡር ወግዒን ቅቡል ቅጥዒ ዘለዎን ንፍጥረት ደቂ ሰብ ጥራሕ ዝተውሃበ ፀጋን ብሕታዊ ጥሪት ወዲሰብ`ዩ። ብምኳኑ`ውን ቋንቋ ብሓደ ወገን ማሕበራዊ`ዩ፣ ብኻሊእ ወገን ድማ ባህሊ እንትኸውን ብሳልሳይ መልክዑ ድማ መረዳድኢ እዩ። በብከባቢኡ ምስዝርከቡ ህዝብታት ዝተኣሳሰሩ ነናይባዕሎም ዝኾኑ ዝተፈላለዩ ቋንቋታት ኣለዉ ማለት`ዩ። ኣብ ሓደ ዓሌትን ብሄርን ወይድማ ብሄረሰብን ውሽጢ ሓደ ዓይነት ቋንቋ ክህልው ይኽእል ማለት`ዩ። ኣብ ክፍለ ዓለምና ክንደይ ዝኣክሉ ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታት ከምዘለዉ ኽ ትፈልጡ ዶ?

ኣብ እንነብረላ ክፍለ ዓለምና ኣፍሪካ ኣዝዮም ብዙሓት፣ ብጣዕሚ ዝተፈላለዩን ዝተወራረሱን ቑፅሮም ካብ ሓደ ሽሕ ዘይነኣሱ ቋንቋታት ኣለዉ። ኣብ ሃገርና ኢትዮጵያ`ውን እንተኾነ ካብ 85 ዘይነኣሱ ዝተፈላለዩን ዝተወራረሱን ቋንቋታት ኣለዉ። ብዛዕባ ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታት እንትትመሃሩ ኣብ ሰለስተ ብርኪ ዝተመቐለ ኣገላልፃ ኣለዉ። እዚኦም ቀዳማይ ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታት ዝበሃሉ፣ ካልኣይ ቤተሰብ ቋንቋታት ዝበሃሉን ሳልሳይ ድማ ብነፀላ ዝግለፁ ቋንቋታት ዝበሃሉ`ዮም። ንኣብነት ኣብ ቤት ትምህርቲ ንከይዲ ምስትምሃርን ምምሃርን ከምኡ`ውን ኣብ ብሄራዊ ክልል ትግራይ ንግልጋሎት ስራሕ ንጥቀመሉ ቋንቋ ትግርኛ ኣሎ። እዚ ቋንቋ ትግርኛ ኣብ ቤተሰብ ቋንቋ ሴማዊ ዝምደብ`ዩ። ሴማዊ ቤተሰብ ቋንቋታት ድማ ኣብ ትሕቲ ኣፍሮ ኤሽያቲክ ወይድማ ሃማዊ ሴማዊ ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታት`ዩ ዝምደብ።

## 11. ኣግባብ ገምጋምን ፈተሻን

መምህር! ተምሃሮ ነቶም ክጭብጥዎም ዝግብኡ ቑምነገራት ትምህርትን ክውንነቶም ዘለዎም ክእለታትን ብቕዓትን ብትኽክል ከምዘዐወቱ ንምርግጋፅ ቀፃላይ ፈተሻ

(Continous Assessment) ከካይዱ ናይ ግድን እዩ። በዚ መሰረት ንኡስ ርእስታት 1.1ን 1.2ን ዝምልከቱ ዝተፈላለዩ ካርታታት እናረኣዩ ዝምልሱዎም ሕቶታት ብምቕራብ ተምሃሮኹም ክትግምግሙ ይግባእ። ተምሃሮ ኣብ ባዶ ካርታ ኣፍሪካ ዝምልስዎም ዝተፈላለዩ ሕቶታት ኣንፃራዊ መርክቦ፣ ስፍሓትን ቕርፅን ኣፍሪካ፣ ኣተዓፃቕና ዲግሪታት ሞሮን ቃስታን፣ ኣቆፃፅራ ሰዓታት ኣብ ዝተፈላለዩ ቦታታት፣ ወዘተ ክሰርሑ ብምግባር ብዝግባእ ከምዝተገንዘብዎ ምስ ኣረጋገፅኩም ጥራይ እዩ ናብቲ ካልእ ንኡስ ምዕራፍ 1.3 ክትሰግሩ ዝግባእ። ዝተፈላለዩ ሓገዛት ዘድልዮም ተምሃሮ ብቱቶርያል (REMEDIATION CLASS) ኣቢልኩም ናብቶም ካልኦት ዝበፅሕዎ ብርኪ ትምህርቲ ኸበፅሑ ምግባር'ውን ኣድላዪ እዩ።

ስለዝኾነ ድማ ስራሕን ተሳትፎን ሕድሕድ ተምሃራይ ነቶም ዕላማታት እዚ ምዕራፍ ከምዝጨበጡ ብተኸታታሊ ክፍተሽ ኣለዎ። ሕድሕድ ተምሃራይ'ውን በዞም ዝስዕቡ መዐቀንታት ብቕዓታት'ዚ ምዕራፍ ክምዘን ኣለዎ። እዚ ዝግበር ዘሎ እቲ ተምሃራይ ዘዕግብ ተዳላዪ ደረጃ ምርካቡን ዘይምርካቡን ንምውሳን እዩ። ኣብዙይ መምህር! ማዕርነት ትምህርቲ ንምርግጋፅ ንተምሃሮ ደቂ ኣንስትዮ ፍሉይ ጠመተ ምሃብ ኣገዳሲ እዩ። ስለዚ እቶም ዘዕግብ ተደላዪ ደረጃ ዝሰርሑ ተምሃሮ፣

- እንታይነት ካርታ ይገልፁ።
- እንታይነት ሞሮን ቃስታን የብርሁ።
- ንድፊ ካርታ ኣፍሪካ ስኢሎም መስመራት ሞሮን ቃስታን የመልክቱ፣
- ሓድሓደ ሓበሬታታት ሕዳግ ካርታ ይገልፁ።
- ቀፀላታት ምድሪ ይገልፁ።
- ቀንዲ ምድሪ ይገልፁ። ቀንዲ ማቴርያላት ላዕለዋይ ኣካል መሬት ማለት ክፍለ ዓለማትን ማያዊ ኣካላትን የመልክቱ።
- ኣፈጣጥራን ዓይነታትን ከውሊ ይፈልዩ።
- ቁጠባዊ ረብሓ ከውሕታት የብርሁ።

መምህር! ነቶም ካብቲ ዘዕግብ ተደላዪ ደረጃ ንላዕሊ ዝሰርሑ ተምሃሮ ብፍላይ ድማ ተምሃሮ ደቂ ኣንስትዮ ክነኣዳን ብፃዕረን ንዝረኸብኦ ወፅኢት ድማ ኣፍልጦ ኸወሃበን ኣለዎ። ንቐፃሊ'ውን ተምሃሮ ብዝረኸብዎ ውፅኢት ከይተወሰኑ ጠንኪሮም ክሰርሑን ክተባብዑን ኣለዎም። እቶም ካብቲ ዘዕግብ ተደላዩ ደረጃ ንታሕቲ ዝሰርሑ ተምሃሮ (Students working below the requirement level) ንመማህርቶም ሰዒቦም ንኸርክብዎም

ተወሳኺ ደገፍ (Remediation) ክወሃቦም ኣለዎ። ኣብ ክፍልን ከምኡ'ውን ኣብ እዋን ዕረፍትን በዓላትን ፍሉይ ጠመተን ተወሳኺ ትምህርትን ክወሃቦም ኣለዎ። ኣግባብ ኣመሃህራ ማንዛ-ንማንዛ (Child to child or CTC) ብምጥቃም እቶም ካብ ዘዕግብ ተደላዪ ደረጃ ንላዕሊ ዝሰርሑ ተምሃሮ ክሕግዝዎም ምግባር ኣገዳሲ እዩ።

መምህር ኣብ ከይዲ ፍተሻ ነቶም ፍሉይ ጠመተን ኣድላዪ ደገፍን ኽረኽቡ ንዝግበኦም ፍሉይ ድሌት ዘለዎም ተምሃሮ አድላዪ ኹሉ ኽትገብሩሎም ይግባእ። ስለዚ ኣግባብ ፈተሻ'ዚ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር'ዚ ምዕራፍ ብዝስዕቡ ኣግባባት ዝተሰነየ እዩ ዝኸውን።

1. ኣብ ሕድሕድ ክፍለግዘ ኣግባብ ሕቶን መልስን ስርዓት ሒዙ ክምራሕ ምግባር
2. ዕዮ ክፍልን ዕዮ ገዛን ስሩዕ ኣግባብን ስርዓትን ሒዙ ብተኸታታሊ ክትግበር ምግባር
3. ኣግባብ ምይይጥን ስርፀት ትምህርትን ብስርዓት ክምራሕ ምግባር
4. ሰሪሕኻ ምርኣይን ዕዮ ጉጅለን ብተኸታታሊ ብስርዓት ክምራሕ ምግባር
5. ተምሃሮ ዝተምሃርዎን ዝተረድእዎም ኣብ ክፍሊ ወይኦም ክገልፁን ክረድኡን ምግባር
6. ኣብ ማእኸልን መወዳእታን እዚ ምዕራፍ ዘለዉ ሕቶታት ክስርሑን ክመያየጡሉን
7. መጠቓለልን ሓፀርቲ ፈተናታትን ከም ስርዓት ምትእትታው
8. ሓፀርቲ መፅናዕታዊ ፅሑፋትን መበርሀታትን ምቕራብ፣

## 12. ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ንዘለዉ መልመድታትን መጠቓለሊ ሕቶታትን ዝተውሃቡ መልስታት

√ **ንመልመዲ 1.1 ዝተውሃቡ መልስታት**

**ሀ)**

| | 1. | | 2. | 3. | 4. | 5. | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|
| | 1. | ሓሶት | 2. ሓሶት | 3. ሓቂ | 4. ሓሶት | 5. | ሓቂ |
| **ለ)** | 1. | መ | 2. ሀ | 3. ለ | 4. መ | 5. | ሐ |

**ሐ)**

1. ሕንፃፃት ሞሮ ካብ ምዕራብ ናብ ምብራቕ ዝተሰመሩን ካብ ዜሮ ዲግሪ ክሳብ 90 ዲግሪ ሰሜንን ደቡብን ዝበፅሑ እንትኾኑ ሕንፃፃት ቃስታ ግና ካብ ሰሜናዊ ዋልታ ናብ ደቡባዊ ዋልታ ዝተዘርግሑን ካብ ዜሮ ዲግሪ ክሳብ 180 ዲግሪ ምዕራብን ምብራቅን ዝበፅሑ'ዮም።
2. ኣፈላላይ ብዲግሪ ንምርካብ 120 - 45=
   ኣፈላላይ ብሰዓት ንምርካብ 85 ዲግሪ ን15 እንትምቀል= 5
   በዙይ መሰረት ኣብ መንጎ ክልቲኣን ቦታታት ዝህሉ ናይ ሰዓት ኣፈላላት 5 ሰዓታት እዩ። እታ ኣብ ቻይና እትርከብ ከተማ ካብ ኣዲስ ኣበባ ብኣንፈት ምብራቅ ስለእትርከብ ሓሙሽተ ሰዓታት ቀዲሙ ሰዓት ኣርባተ ናይ ምሸት ይኸውን ኣሎ ማለት'ዩ።

√ **ንመልመዲ 1.2 ዝተውሃቡ መልስታት**

**ሀ. ሓቂ / ሓሶት እናተብሃሉ ንዝምለሱ ሕቶታት ዝተውሃበ መልሲ**

| | | | |
|---|---|---|---|
| 1. ሓቂ | 2. ሓሶት | 3. ሓቂ | 4. ሓቂ |
| 5. ሓቂ | 6. ሓቂ | 7. ሓቂ | 8. ሓቂ |

**ለ. ቅኑዕን ትኽክለኛ መልሲ ንክወሃቦም ንዝተሓተቱ ሕቶታት ዝተውሃበ መልሲ**

1. ኣብ ኣፍሪካ ኣርባዕተ ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታት ኣለዉ። እዚኦም ድማ
   - ኣፍሮ ኤሽያቲክ (ሃማዊ ሴማዊ) ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታት
   - ኒሎ ሰሃራዊ (ኣባይ ሰሃራዊ) ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታት
   - ኒጀር ኮንጎ (ኒጀር ኮርዶፋንያን) ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታት
   - ኮይሳን ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታት እዮም።
2. ኣብ ትሕቲ ኣፍሮ ኤሽያቲክ (ሴማዊ - ሃማዊ) ኣርባዕተ ቤተሰብ ቋንቋታት ኣለዉ። እዚኦም ድማ

| | |
|---|---|
| ሴማዊ ቋንቋታት | ቋንቋታት ቻድ |
| ኩሽቲክ ቋንቋታት (ሃማዊ) | ቋንቋታት በርበር እዮም። |

3. ኣብ ሃገርና ኣርባዕተ ቤተሰብ ቋንቋታት ኣለዉ። ንሳቶም'ውን

- ኩሻዊ (ኩሺቲክ) ቤተሰብ ቋንቋታት
- ሴማዊ (ሴሚቲክ) ቤተሰብ ቋንቋታት
- ኦማዊ (ኦሚቲክ) ቤተሰብ ቋንቋታት
- ኒሎ ሰሃራዊ (ኒሎቲክ) ቤተሰብ ቋንቋታት እዮም።

4. ኣብ ሃገርና ዝርከቡ ሴማዊ (ሴሚቲክ) ቤተሰብ ቋንቋታት ዓረብኛ፣ ትግርኛ፣ ትግረ፣ ኣምሓርኛ፣ ጉራግኛ፣ ኣርጎብኛ፣ ጋፋትኛ፣ ሃረሪኛ፣ ኮፕቲክ፣ ግእዝ እዮም።
5. ኣብ ሃገርና ዝርከቡ ኩሻዊ (ኩሺቲክ) ቤተሰብ ቋንቋታት ኦሮምኛ፣ ዓፋርኛ፣ ሶማልኛ፣ ቤጃ፣ ሳሆ፣ ሲዳምኛ፣ ሃድይኛ፣ ከምባትኛ፣ ጌዴኦ፣ ኮንሶ፣ ኣገውኛ እዮም።
6. ኣብ ሃገርና ዝርከቡ ኦማዊ (ኦሚቲክ) ቤተሰብ ቋንቋታት ጋሙ፣ ጎፋ፣ ከፊቾ፣ ኩሎ፣ ኮንታ፣ ከፊኛ፣ ጃንጀሮ፣ ዶርዜ፣ ወላይትኛ፣ ማጂ፣ የም፣ ጊሚራ፣ ኣሪ፣ ሻኩ እዮም።
7. ኣብ ሃገርና ዝርከቡ ኒሎ ሰሃራዊ (ኒሎቲክ) ቤተሰብ ቋንቋታት ኩናማ፣ጉሙዝ፣ በርታ፣ ኮማ፣ መዠንግር፣ ኣኘዋክ፣ ኑወር እዮም።
8. ዓረብኛ
9. ብቀዳማይ ደረጃ ዝጥቀስ ብዙሕ ተዛረብቲ ዘለዉዎ ቋንቋ ሃገርና 'ኦሮምኛ' እንትኸውን ብካልኣይ ደረጃ ዝርከብ ብዙሕ ተዛረብቲ ዘለዉዎ ቋንቋ ሃገርና ድማ ኣምሓርኛ እዩ።
10. ኣብ ምብራቕ ኣፍሪካ ልዕሊ 50 ሚሊዮን ህዝቢ ተዛረብቲ ዘለዉዎ ቋንቋ 'ስዋሂልኛ' እንትኸውን ኣብ ምዕራብ ኣፍሪካ ልዕሊ 25 ሚሊዮን ህዝቢ ተዛረብቲ ዘለዉዎ ቋንቋ ድማ 'ሃውሳ' ዝበሃል'ዩ።

**√ ንመልመዲ 1.3 ዝተውሃቡ መልስታት**

1. ሓሶት 2. ሓሶት 3. ሓቂ 4. ሓቂ 5. ሓሶት 6. ሓቂ

**ለ. ቅኑዕን ትኽክለኛ መልሲ**

1. ፎርኦን
2. ፎኒሺያውያን
3. ካቶ
4. ሃኒባል
5. ኣሌክሳንደር ዓብዪ
6. እንግሊዝ፣ ፈረንሳይ፣ ጀርመን፣ ፖርቱጋል፣ ስፔይን፣ ጣልያንን ቤልጂየምን
7. ኢትዮጵያን ላይቤሪያን
8. እዞም ዝስዕቡ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዝርከቡ ዝርዝር መልስታት'ዮም።
   - ምስፍሕፋሕ ሃይማኖት እስልምና ኣብ ኣፍሪካ፣
   - ምዕቡል መስመር ርሑቕ ንግዲ፣
   - ንግዲ ባርያ ኣፍሪካውያን፣
   - ውህሉል ሃፍቲ ተፈጥሮን ማእድናትን፣
   - በብከባቢኡ ኣብ ዓሌት ዝተመስቱ ኣናእይሽተይ መንግስታት ምንባሮም
9. ሾና
10. ንጉስ ማንሳ ሙሳ
11. ስርወ መንግስቲ ማምሉክ

**√ ንመጠቓለሊ ሕቶታት ምዕራፍ ሓደ ዝተዳለወ መልሲ**

**ሀ. ንሕቶታት ሓቂ / ሓሶት**

| | | | |
|---|---|---|---|
| 1. ሓቂ | 3. ሓሶት | 5. ሓቂ | 6. ሓሶት |
| 2. ሓቂ | 4. ሓቂ | | 7. ሓሶት |
| 8. ሓቂ | 10. ሓሶት | 12. ሓቂ | 14. ሓቂ |
| 9. ሓቂ | 11. ሓሶት | 13. ሓቂ | 15. ሓሶት |

**ለ. ንሕቶታት ቅኑዕን ትኽክለኛን መልሲ ምሃብ**

1. እዞም ዝስዕቡ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዝርከቡ ዝርዝር መልስታት'ዮም።
   - ፖለቲካዊ ሓይሊ ማንሳስ እናተዳኸመ መፂኡ። ድኹማትን ዓቕሚ ዘይብሎም መረሕቲ ናብ ኣመራርሓን ስልጣንን መፂኦም። ሕድሕድ ምንሕናሕ'ውን ንባዕሉ ጎዳኢ ነይሩ።


- ነዚ ኣጋጣሚ ንሕንሕ ውሽጥን ድኽመት ፖለቲካዊ መረሕትን ኣብ ግምት ብምእታው ኣብ ወሰና ወሰን ዶባትን ማሊ ዝነበሩ ግዝኣታት ነፃነቶም እናኣወጁ ተበታቲኖም። ኣብ ምብራቓዊ ግዝኣት ማሊ ዝነበሩ "ሶንግሃይ" ዝበሃሉ ህዝቢ ዓሚፆም ንበይኖም ኾይኖም። ተገንጺሎም።
- ሞሲ ዝበሃሉ ዝእቲ ዓሌት ብዘካየድዎ ዓመፅ ንመንግስቲ ማሊ ኢኮኖሚያዊ ጉድኣት ኣብፂሑሉ። ካብ ገባራት ዝእከብ ግብሪ ብምሓዞም ማእከላይ መንግስቲ ማሊ ኣዐርዩ ተዳኺሙ።
- ቱዋረግ ዝበሃሉ በርበራውያን ድማ ንርእሰ ከተማ ማሊ ዝነበረት ቱምቢክቱ ወሪሮምዋ። እዚ ንዕንወት ማሊ ቁልፊ ተራ ዝተፃወተ ተርእዮ ነይሩ። እዚ ሃፍታም ከባቢ ማሊ ኣብ ትሕቲ ሶንግሃይ ወዲቑ። ከባቢ ማሊ 1500 ዓ.ም ተበታቲና። እቲ ቅድም ዝነበረ ናይ ማሊንኬ ፌዴሬሽን ምሉእ ብምሉእ ዓንዩ። ከምዚ ዝመሰለ ምብትታን ድማ ንባዕዳዊ መግዛእቲ ኣውሮፓውያን ኣዐርዩ ዝጠቐመ ባይታ ነይሩ።

2. እዞም ዝስዕቡ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዝርከቡ ዝርዝር መልስታት'ዮም።
    - ኢትዮጵያ ኣብ ቀይሕ ባሕርን ቀርኒ ኣፍሪካን ትርከብ ስትራተጂካዊ ሃገር ብምዃና ንነዊሕ ርሕቐት መስመር ንግዲ ተጠሳቢት ይገብራ ነይሩ።
    - ግብፂ ኣብ ባሕሪ ሜዲቴራንያንን ቀይሕ ባሕርን ፖለቲካዊ ሓይሊ ዘለዋን ዝተጠናኸረት ሃይሊ ኾይና ብዓብላላይነት ዝተርኣየት ሃገር ምንባራ።
    - ኣብ ኢትዮጵያ ዝርከቡ ምህርትታትን ሸቐጣትን ከምኡ'ውን ክቡራት ማእድናትን ብፍላይ ብኦቶማን ቱርካውያን ብጣዕሚ ተጠለብትን ተደለይትን ምንባሮም
    - ድልየት ኣውሮፓውያን'ውን ኣብ ኢትዮጵያ፣ ቀይሕ ባሕርን ቀርኒ ኣፍሪካን ብጣዕሚ ስለዝሓየለ
    - ኣብ ውሽጢ ሃገር'ውን ኣብ ከባቢ ሩባ ጊቤ ይምስረቱ ዝነበሩ ኣናእይሽተይ ከባብያዊ መንግስታት ምዋያሽን ንንግዲ ዝኾኑ ተጠለብቲ'ውን ነይሮም'ዮም።
3. ኣዱሊስን ዘይላን
4. እዞም ዝስዕቡ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዝርከቡ ዝርዝር መልስታት'ዮም።

እቲ ቀዳማይ ቑልፊ ኣንፈት መስመር ነዊሕ ርሕቐት ንግዲ ሃገርና ዝነበረ ኣብ ከፋ ከባቢ ካብዝርከብ ቦንጋ ዝበሃል ዝብገስ ኾይኑ ካብዚ ድማ ናብ ጂረን (ጂማ)፣ ሴካ (ሊሙ ኢናርያ)፣ ኣሳንዳዶ (ሆሩ ጉዱሩ)፣ ባሶ (ጎጃም)፣ ዳሪታ (ቤጌምድር) ገይሩ ኣብ መወዳእታ ናብ ጎንደር ዝበፅሕ ነይሩ። ካብ ጎንደር ድማ ብኽልተ ኣንፈት ንግዲ መስመር ናብ ወፃኢ ይስደድ ነይሩ።

ሀ. እቲ ሓደ መስመር ንግዲ ካብ ጎንደር ናብ መተማ ዝኸይድን በዚ ኣቢሉ ናብ ሱዳን ይለኣኹ ነይሮም። መተማ ኣብ ዶብ ኢትዮጵያን ሱዳንን ትርከብ ከተማ እያ። ካብ ሱዳን'ውን ናብ ዝተፈላለዩ ሃገራት ብሱዋኪንን ግብፅን ኣቢሎም ይስደዱ ነይሮም። በዚ ሎሚ እዋን'ውን መተማ ምስ ሱዳን ዘራኽብ ዓብዪ ከተማን መስመር መስደድን መእተውን ንግዲ እዩ።

ለ. እቲ ካልኣይ መስመር ንግዲ ድማ ካብ ጎንደር ናብ ዓድዋ ዝኸይድን በዚ ኣቢሉ ድማ ናብ ምፅዋዕ ዝለኣኽን ነይሩ። ምፅዋዕ ኣብ ቀይሕ ባሕሪ ትርከብ ወደብ ኢትዮጵያ ዝነበረት እያ። ሎሚ ምፅዋዕ ኣብ ኤርትራ'ያ ትርከብ፡




እቲ ካልኣይ ቑልፊ ኣንፈት መስመር ነዊሕ ርሕቐት ንግዲ ሃገርና ዝነበረ ካብ ደቡብ ምዕራብ ኢትዮጵያ ከባቢ ቦንጋን ጅማን ተበጊሱ ናብ ኣንፈት ምብራቕ ኢትዮጵያ ዝርከባ ወደባት ዘይላን በርበራን ዝበፅሕ'ዩ ነይሩ። ወደባት ዘይላን በርበራን ካብ ስዑዲ ዓረብያ ናብ ሃገርና ዝመፁ ሰዓብቲ ሃይማኖት እስልምና ይመላለሱሉ ዝነበሩን ኣብ እዋን ማእኸላይ ዘመን ድማ ዝተፈላለዩ ሙስሊም ሱልጣኔታትን ክርስትያናዊ መንግስቲ ሸዋን ይነሓንሕሉ ዝነበሩ በርታት መስመር ነዊሕ ርሕቐት ንግዲ ዘተኣናግዳ እየን ነይረን። ስለዚ እዚ መስመር ነዊሕ ርሕቐት ንግዲ ፖለቲካውን ኢኮኖሚያውን ከምኡ'ውን ማሕበራውን ጉዳያት የተኣናግድ ዝነበረ'ዩ። እዚ መስመር ነዊሕ ርሕቐት ንግዲ ካብ ቦንጋን ጂረንን መበገሲኡ ገይሩ ናብ ሴካ (ሊሙ ኢናርያ)፣

ሶዶ ኣብ ጉራጌ፣ ኣሊዩ ኣምባ (ሸዋ)፣ ገይሩ መወዳእታ ናብ ሃረርዩ ዝበፅሕ ነይሩ። ናብ ከተማ ሃረር ምስበፅሐ ድማ ብኽልተ ኣንፈት ናብ ወፃኢ ይስደድ ማለትዩ። እቲ ሓደ መስመር ናብ ወደብ ዘይላ ዝስደድዩ ነይሩ። እቲ ካልኣይ መስመር ንግዲ ድማ ናብ ወደብ በርበራ ዝስደደሉ እዩ ነይሩ።

ቦንጋ → ጂረን (ጂማ) → ሴካ → ሶዶ ጉራጌ → ኣሊዩ ኣምባ

ሃረር → ዘይላ (ኤደን ባህረ ሰላጤ) → ናብ ዝተፈላለዩ ከባብታት ወፃእን ሃረር

ሃረር → በርበራ (ኤደን ባህረ ሰላጤ) → ናብ ሃገራት ወፃኢ

5. ኣብ መበል 19 ክፍለ ዘመን ካብ ሃገርና ናብ ወፃኢ ይስደዱ ዝነበሩ ናውቲ፣ ሸቐጣት፣ ምህርት፣ ሃፍትታት ማእድናትን እንስሳትን ነዞም ዝስዕቡ ይሓውስ ነይሩ፤ ስኒ ሓርማዝ፣ ወርቂ፣ ቡን፣ ቀርበትን ኣንጋረን፣ ዕጣንን ከብሬንን ከምኡ'ውን ባሮት ይርከብዎም። ካብ ወፃኢ ናብ ውሽጢ ሃገር ይኣትዉ ዝነበሩ ድማ ከም መስታወት፣ ክዳን፣ ጨና (ሽቶ)፣ ብሪ፣ ነሃስ፣ መዳብን ኣፅዋር ኩናትን ይርከብዎም ነይሮም። ብጣዕሚ ብዙሓት ባሮት ካብ ኢትዮጵያ ብፍላይ ናብ ዓዕራብ ሃገራት ይሸየጡን ይልኣኹን ነይሮም። ማእኸላት መሸጢ ባሮት ካብዝነበሩ ውሽጢ ያጁቤ ኣብ ጎጃምን ኣብዱል ራሳል ኣብ ሸዋን ይርከብዎም። እዞም ባሮት ገሊኦም ብኩናት ዝተማረኹ፣ ገሊኦም ባሮት ንምእካብ ብዝተገብረ ወፍሪ፣ ገሊኦም ድማ ልቓሕን ግብሪን ወይድማ ዕድኦም ብእዋኑ ክኸፍሉ ብዘይምኽኣሎም ብመልክዕ ቕፅዓት ዝተሓፈሹን ዝሸየጡን'ዮም ነይሮም። ዋጋ መሸጢ ባሮት ከከም ፆታ፣ ዕድመን ኣካላዊ ጥንካረን ዝውሰንዩ ነይሩ።

6. ካብ መበል 17 ክሳብ 19 ክፍለ ዘመን ኣብዝነበሩ እዋናት ኣብ መስመር ነዊሕ ርሕቐት ንግዲ ተዋፊሮም ዝነበሩ ነጋዶ ሙስሊም እዮም ነይሮም። መብዛሕትኦም ነጋዶ ሙስሊም ዝነበሩሉ ምኽንያት እንትርኣዩ ክልተ'ዮም፤
   - ንሕርሻ ዝኸውን እኹል መሬት ስለዘይነበሮምን ክረኽቡ'ውን ስለዘይከኣሉን
   - መብዛሕትኦም ካብ ወፃኢ ዝመፁ ነጋዶ ማእኸላይ ምብራቕ ሙስሊም ስለዝነበሩ

7. ጀበርቲ

8. እዞም ዝስዕቡ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዝርከቡ ዝርዝር መልስታት'ዮም።

ስነ ህዝቢ ብዛዕባ ማሕበራዊ ባህርያት ህዝብን በብእዋኑ ዝርኣይ ዕብየትን ኣነፂሩ ዘርእይ እንትኾውን ነዞም ዝስዕቡ መረዳእታ'ውን ብውነ ሳይንሳዊ ብዝኾነ ጥበብ ይዓምም'ዩ፣

- ኩነታት ህዝቢ ብመንፅር ዕድመ፣ ፆታ፣ ስድራ፣ ኣካላዊ ኩነታት፣ ዓሌትን ብሄር ብሄረሰብን፣ ትሕዝቶ ስራሕ፣ መተሓዳደሪ እቶት፣ በዝሕን ፃዕቕን ህዝቢ፣ ተዋፅኦ
- ብምኽንያት ውፅኢት መጠን ውልደት፣ መርዓን ሓዳርን፣ መጠን ሞት፣ መጠን እኖታት ዝወልደኦም ህፃናት ወዘተ ኣብ ስነ ህዝቢ ዝተርኣየ ለውጢ
- ስታቲስቲካዊ ፀብፃብ ስደትንካብ ስደት መልስን ኣብ ኩነታት ኢኮኖሚ ሃገር ዘለዊ ውፅኢትን ሳዕቤንን ዝምልከት ትንታነ
- ስታቲስቲካዊ ፀብፃብ ገበናት፣ ዘይሕጋውነትን ዓርሰ ቅትለትን ዝምልከት
- ደረጃ ትምህርትን ኩነታት ጥዕናን ህዝቢ ሃገር ይፅብፅብ
- ኢኮኖሚያውን ማሕበራውን ረብሓ ዘለዎም ስታቲስቲካዊ መረዳእታ ብፍላይ ድማ ምስ ቁጠባዊ ትሕዝቶን ኢንሹራንስን ዝተዛመዱ ትንታነ ይስራዕ

9. እዞም ዝስዕቡ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዝርከቡ ዝርዝር መልስታት'ዮም።
ንዝርግሐን ኣሰፋፍራን ህዝቢ ወሰንቲ ዝኾኑ ቐልፊ ባእታታት ዝበሃሉ እዞም ዝስዕቡ'ዮም ነይሮም።

- ነባሪ ኣየር፣ ጠባይ ኣየርን
- ኣቀማምጣ ገፀ ምድርን
- ፀቕጢ ህዝቢ
- ቀረብ ማይን ፅሩይማይን
- ዓይነታት ሓመድን ልሙዕነት መሬትን
- እፅዋት፣ ሓምላዊ ቖፅላመፅሊ፣ ቀወምቲ ተኽልታት፣ አሕምልቲ፣ ፍረምረ፣ ኣታኽልትታትን ኣግራብን
- ሕማማት ቆላን ትርፒካልን
- ባልዕ ኣዝርእቲ ዝኾኑ ኣንበጣን በርኖስን
- ኩነታት ፖለቲካ

- ኩነታት ኢኮኖሚ
- ርክባትን ዝምድናታትን
- ፀጋታትን ሃፍቲ ተፈጥሮን ይርከብዎም።

10. ንዝርግሐ፣ ኣሰፋፍራን መነባብሮን ህዝቢ ሓደ ኣህጉር፣ ሃገር፣ ክልል... ዝፀለዉን ዕዕንቶ ዘሕደሩን ባእታታት ብዙሓት ኣለዉ። ካብዚኦም ውሽጢ እዞም ዝስዕቡ ይጥቀሱ፤
    - ምኽታምነት
    - ምንቅስቓስን ስደትን (ፍልሰት) ህዝቢ
    - ምስ ኩነታት ፀጥታትን ድሕንነትን ዝዛመዱ ሳዕቤና ኲናትን ቅልውላውን
    - ምዕባለ መስመራት መጓዓዝያ መኻይንን ሓዲድ ባቡርን
    - ምዕባለ ፋብሪካታት፣ ኢንዱስትሪን ልምዓት ቴክኖሎጂን
    - ምትእትታው ዘመናዊ ቴክኖሎጂ ኣብ ኢንቨስትመንት ልምዓት ሕርሻ

**ሐ. ንሕቶታት ኣዛምዱ ዝተውሃበ መልሲ**

| | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|
| 1. መ | 3. ረ | 5. ቀ | 7. በ | 9. ለ | 11. ነ |
| 2. ሰ | 4. ተ | 6. ቸ | 8. ሐ | 10. ሀ | 12. ሸ |
| 13. ወ | 14. ደ | 15. ገ | 16. ከ | 17. ኘ | |

# ምዕራፍ ክልተ

# ኣወቓቕራ ምድሪ

## 1. መእተዊ

ኣብ 6ይ ክፍሊ፣ ተምሃሮ መንበሪና ምድሪ ኣብ ትሕቲ ዝብል ምዕራፍ ብዛዕባ ክፍለ ዓለማት፣ ማያዊ ኣካላት ምድሪ፣ ከባቢ ኣየርን ከምኡ እውን ኣብ መወዳእታ ምዕራፍ ብዛዕባ ካርታን ምልክታቱን ተማሂሮም ኔሮም እዮም። ሕዚ ድማ እዚ ምዕራፍ ኣብ ትሕቲ "ኣወቓቕራ ምድሪ" ብዛዕባ ቐፀላታት ምድሪ ኣፈጣጥራን ዓይነታትን ከውሕታት ፣ ቑጠባዊ ረብሓ ከውሕታት ከምኡ'ውን ካብ ካርታ ሓበሬታ ከመይ ጌርካ ኣሊሽካ ከምዝርከብ ዝመሃሩሉ ስለዝኾነ ምስቲ ኣብ 6ይ ክፍሊ ዝተምሃሩዎ ዝተዛመደ እዩ።

## 2. ውፅኢታት'ዚ ምዕራፍ

***ተምሃሮ ነዚ ምዕራፍ ምስተምሃሩ፡-***

- ቐፀላታት ምድርን ኣካላት ላዕለዋይ መሬትን ይገልፁ።
- ኻሌታት ምድሪ ከምዝንቀሳቐሱን መንቀሊ ርእደ ምድሪ ከምዝኾኑን የረድኡ።
- ኣፈጣጥራ፣ ዓይነታትን ቑጠባዊ ረብሓን ከውሕታት የለልዩ።
- መስመራት ሞሮን ቃስታን የብርሁን ይጥቀሙን።

## 3. ብቕዓታት'ዚ ምዕራፍ፡-

ተምሃሮ ነዚ ምዕራፍ ምስ ተምሃሩ ነዞም ዝስዕቡ ብቕዓታት የማዕብሉን ይውንኑን።

- እንታይነት ካርታ ይገልፁ።
- ረብሓታት ካርታ ይገልፁ።
- ንድፊ ካርታ ኣፍሪካ ስኢሎም ሓበሬታታት ህዳግ ካርታ የመልክቱ።
- ቐፀላታት ምድሪ ይገልፁ።
- ላዕለዋይ ኣካል መሬት ዝተፈጠረሉ ቐንዲ ማተርያላት የርእዩ።

- ኣፈጣጥራን ዓይነታትን ከውሒ ይፈልዩ።
- ቑጠባዊ ረብሓ ከውሕታት የብርሁ።
- ኣብ ኢትዮጵያ ከውሕታት ዘለዎም ቑጠባዊ ረብሓ የረጋግፁ።

## 4. ዝተመደበ ክፍለ ግዘ:-

ነዚ ምዕራፍ ዝተመደበ ክፍለ ግዜ 12 እንትኾን ብኸምዚ ዝስዕብ መንገዲ ድማ ምሸንሻን ይግባእ።

2.1 ሓበሬታ ኣብ ካርታ ኣሊሽካ ምርካብን ምጥቓምን ..........6 ክፍለ ግዜ
- ምጥቓም ካርታ።
- መረዳእታታት ህዳግ።

2.2 ቐፀላታት ምድሪ ..........................................4 ክፍለ ግዜ
- ላዕለዋይ፣ ማእኸለይን ኣስኳልን መሬት።
- ቐንዲ ኣካላት ላዕለዋይ ኣካል መሬት።

2.3 ኣፈጠጥራን ዓይነታትን ከውሒ ............................2 ክፍለ ግዜ
- ኣፈጣጥራ ከውሕታት።
- ዓይነታትን ረብሓን ከውሕታት ።
- ቑጠባዊ ረብሓ ከውሕታት ።

## 5. ቐንዲ ትሕዝቶታት'ዚ ምዕራፍ

**2.1 ሓበሬታ ኣብ ካርታ ኣሊሽካ ምርካብን ምጥቓምን።**
- ምጥቓም ካርታ
- መርዳእታታት ህዳግ /ርእሲ፣ ኣንፈት፣ ዕለት፣ መፍትሕ/

**2.2 ቐፀላታት ምድሪ**
- ላዕለዋይ ኣካል መሬት(ምድሪ)፣ ማእኸላይ ኣካል ምድርን ኣስኳል ምድርን። ዕምቆት ላዕለዋይን ማእኸላይን ኣካላት መሬት።
- ቐንዲ ኣካላት ላዕለዋይ ኣካል መሬት።

**2.3 ኣፈጣጥራን ዓይነታትን ከውሒ ።**
- ዘፍታዊ ከውሒ
- ከውሒ እሳተ ጎመራ

- ልውጥ ከውሒ።
- ቁጠባዊ ረብሓ ከውሕታት ።

## 6. መምህሪ ሓገዛት

- ካርታ 1፡50.000 /ሓበሬታታት ህዳግ ካርታ ኣማሊኡ ዝሓዘ/።
- ንድፊ ካርታ ንምስኣል ዘድልዩ ናውትታት ትምህርቲ።
- ዝበሰለ እንቋቆሖ።
- ፎቶግራፋት /ኣካላት ላዕለዋይ ኣካል መሮት ገሚሱ (Cross-section) ዘርእይ።
- ከውሕታት ብኣካል።
- ካብ ከውሒ ዝተሰርሑ ጠቐምቲ ነገራት። /ጥርቀለም፣ ወርቂ፣ ስሚንቶ፣/

## 7. ፍልፍል መፃሕፍቲ

- ኤርዝ ሳይንስ
- ዎርልድ ጂኦግራፊ።
- ኣብ ስራሕ ወዒሎም ዝነበሩ መፃሕፍቲ ተምሃራይ ከባቢ ሳይንስን ሕብረተሰብን 7ይ-8ይ
- መፃሕፍቲ ጂኦግራፊ ብእንግሊዝኛ 9ይ-12 ክፍሊታት።
- ኢንካርታ 2009
  - ኢንተኔት
  - ያሁ
  - ጎግል

# 8. ርክባት መምርሒ መምህር!ን መፅሓፍ ተምሃራይን

| ንኡስ ምዕራፍ | ርእሲ | ዝርዝር ዕላማታት ተመሃሮ ነዚ ንኡስ ምዕራፍ ምስ ተምሃሩ | ዝተመደበ ሰ. ክፍሊ | ቁፅሪ ገፅ መፅሓፍ ተምሃራይ | ቁፅሪ ገፅ መምርሒ መምህር! | ፍልፍል ፅሑፍ |
|---|---|---|---|---|---|---|
| 2.1 | ሓበሬታ ካብ ካርታ ኣልሽካ ምርካብን ምጥቓምን። | • እንታይነት ካርታ ይገልፁ።<br>• ረብሓታት ካርታ ይገልፁ።<br>• ንድፊ ካርታ ኣፍሪካ ስኢሎም ሓበሬታታት ህዳግ ካርታ የመልክቱ። | 6 | | | |
| 2.2 | • ቐፀላታት ምድሪ | • ቐፀላታት (ዕፍፃፋት) ምድሪ ይገልፁ።<br>• ላዕለዋይ ኣካል መሬት ዝተፈጠረሉ ቀንዲ ማተርያል የርእዩ። | 4 | | | |
| 2.3 | • ኣፈጣጥራን ዓይነታትን ከውሒ | • ኣፈጣጥራን ዓይነታትን ከውሒ ይፈልዩ።<br>• ቑጠባዊ ረብሓ ከውሕታት የብርሁ።<br>• ኣብ ኢትዮጵያ ከውሕታት ዘለዎም ቑጠባዊ ረብሓ የረጋግፁ። | 2 | | | |
| ጠቕላላ ድምር | | | 12 | | | |

# 9. ኣገባብ ኣመሃህራ

መምህር! ኩሉ'ግዜ ብንጥፈት ምምሃር ወይድማ ተምሃራይ ተኮር ኣገባብ ኣመሃህራ ክንብል እንተለና ተምሃራይ ዘማእኸለ፣ ተምሃራይ ዘሳትፍ ኾይኑ ኣብ ሓደ ክፍለ ግዘ ዝተፈላለዩ ኣግባባት ኣመሃህራ ምጥቃም ማለትና እዩ። ተምሃራይ ዘማእኸለ ኣግባብ ኣመሃህራ ዝተፈላለዩ ቕርፅታት ክህልውዎ ይኽእሉ እዮም። ካብዚኣቶም ተሳትፎ ብወልቀ ተምሃራይ፣ ተሳትፎ በፅምዲ፣ ተሳትፎ ብንኡሳን ጉጅለ፣ ተሳትፎ ብዓበይቲ ጉጅለን ተሳትፎ ኩሎም ተምሃሮን እቶም ቀንድታት እዮም። መምህር! ነዚ ምዕራፍ ይኹን ንኻልኦት ኣብ እተምህርሉ እዋን ነፍሰወከፍ ተምሃራይ ክዛረብ፣ ክፅሕፍ፣ ከንብብ፣ ክመያየጥ፣ ክከራኸር፣ ተዋስኦ ክሰርሕ፣ መሲሉ ኸፃወት፣ ሰሪሑ ከርእይ፣ ቃለ መሕትት /ቃለ መጠይቕ/ ከካይድ፣ ክፈጥር፣ ክመራመርን መፅናዕቲ ከካይድን ከምዘለዎ ብዝግባእ ክትከታተሉ ኣለኩም። ብሓፈሻ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ካብ ተምሃራይ ናብ መምህር ካብ ተምሃራይ ናብ ተምሃራይ ከምኡ'ውን ካብ መምህር ናብ ተምሃራይ ዝመሓላለፈሉ እዩ ክኾን ዘለዎ።

መምህር! እዚ ምዕራፍ ክልተ ኣወቓቕራ ምድሪ ዝብል ምዕራፍ እዩ። ናብቲ ብዛዕባ ምድሪ ዝምልከት ትምህርቲ ቕድሚ ምእታውኩም ግና ንቕድም ነቲ ብዛዕባ ምንባብ ካርታ (MAP READING) ዝምልከት ንኡስ ምዕራፍ 2.1 ክተምህሩ ኣለኩም። ተምሃሮ ብዛዕባ እንታይነት ካርታ ንኽፈልጡ፣ ሓበሬታ ክእለት ምእላሽ ካርታ ንኽጥርዩን ረብሓታት ካርታ ብዝግባእ ንኽግንዘቡን ተምሃሮ ባዕላቶም ምሉእ ተሳትፎ ክገብሩ ኣለዎም። መምህር ድማ ከም መሳለጢ፣ (Facilitator) ኣንፈት ሓባርን ምችው ሃዋህው ክፍጠር ምግባርን እዩ እቲ ቐንዲ ዕማምኩም። ተምሃሮ እንታይነት ካርታ ባዕላቶም ንኽገልፁ መምህር ዝተፈላለዩ ካርታታት ኣቕርቡሎም። ነዞም ካርታታት እናረኣዩ ነቲ ኣብ ሕድሕድ ከርታ ዘሎ ሕዳግ ካርታ ትኹረት ሂቦም ንከንብበ ሓግዝዎም። ብዝተኸኣለ መጠን መምህር! ባዕልኹም ሓደ 1፡50.000 ዝኾነ ካርታ ኣብ ሰሌዳ ኣንጠልጢልኩም ኣቕርቡሎም። ብምቕፃል ሕድሕድ ተምሃራይ ኣብቲ ካርታ እንታይ ሓበሬታታት ከምዘለዉ ሕተቱዎም። ተምሃሮ ነቶም ኣብ ህዳግ ካርታ ዘለዉ ሓበሬታት ዝገልፁ ርእሲ - ካርታ፣ ዕለት፣ ኣንፈት፣ መፍትሕ ካርታ ወዘተ ብዝግባእ ኣለልዮም ንምንታይ ከምዝጠቕሙ ይመየያጡሎም። ብድሕሪ'ዚ ተምሃሮ ሓበሬታ ካብ

ካርታ ኣሊሸም ክረኽቡ ከምዝኽእሉን ካርታ ናይ ምጥቃም ክእለት ዘማዕበሉ ምዃኖምን ኣረጋግፁ።

መምህር! መርከቦ ንዝብል ንኡስ ንኡስ ርእሲ ምምሃር ቅድሚ ምጅማሮም ተምሃሮ ነቶም ኣርባዕተ ቐንዲ ረብሓታት ካርታ ክዝርዝሩ ግበሩዎም። መርከቦ ምርካብ ሓደ ረብሓ ካርታ ምዃኑ ምስ ተገንዘቡ ነቲ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ተሓቢሩ ዘሎ ዕዮ-ጉጅለ ኣሰርሕዎም። ተምሃሮ ኣብ ኣርባዕተ ጉጅለታት መቓቂልኩም መርከቦ ዝተፈላለዩ ቦታታት ካብ ካርታ ወረደኦም፣ ካብ ካርታ ክልል ትግራይን ካብ ካርታ ኢትዮጵያን ብትኽክል ከመላኽቱ ይግበሩዎም። ሩባታት፣ ከተማታት፣ ቃላያት፣ ዶብ ክልላትን ሃገራትን፣ መንገድታት፣ እምባታትን ካልኦትን ኣብ ካርታ ብትኽክል ከማለኽቱ ይግበሩዎም። ብምቕፃል ተምሃሮ ኣብ ካርታ ንዝርከቡ መረዳእታታት ሕዳግ-ካርታ ብዝግባእ ኣነፂሮም ኣብቶም ኣርባዕተ መረዳእታታት ህዳግ-ካርታ ምይይጥ ብምክያድ ብተግባር ኣብ ካርታ ከመላኽቱ ይግበሩዎም። ካብቶም ኣርባዕተ ብፍላይ ነቲ መፍትሕ ካርታ ፍሉይ ጠመተ ብምሃብ ተምሃሮ ግዜ ወሲዶም ካብ ካርታ ኣንቢቦም ምሉእ ግንዛበ ኽሕድሩ ግበሩዎም። ብምቕፃል ድማ ተምሃሮ ኣብ ደብተሮም ንድፊ ካርታ ኣፍሪካ ክስእሉ ግበሩዎም። ኣብቲ ዝሰኣልዎ ካርታ ኣፍሪካ ኣርባዕቲኦም ሕዳግ ካርታ ተጠቒሞም ከምኡ'ውን ብዝኻኣለ መጠን ነቶም ልሙዳት ምልክታት፣ ምስልታትን ሕብርታትን ተጠቂሞም መርከቦ ሃገራት ኣፍሪካ ርእሰ ከተማታትን ምድረበዳታት ሰሃራን ካላሃሪን፣ ቀንዲ ቓላያት ምብራቕ ኣፍሪካ፣ ዓበይቲ ሩባታት ኣፍሪካ፣ ብራኽ እምባ ክሊማንጀሮ ብሜትር፣ ነዳዲ ዘፍርያ ሰለስተ ሃገራት ኣፍሪካ፣ ውቅያኖሳት ኣፍሪካን ካልኦት ኣብ ትኽክለኛ ቦትኦም ከቐምጡ የለማምድዎም። መምህር! ኣብ መወዳእታ ኩሎም ተምሃሮ እንታይነት ካርታ ብቐሊሉ ኽገልፁ ከምዝኽእሉ፣ ረብሓታት ካርታ ክዝርዝሩ ከምዝኽእሉን ንድፊ ካርታ ኣፍሪካ ስኢሎም ሓበሬታታት ሕዳግ-ካርታ ከማላኽቱ ዘኽእሎም ክእለት ከምዘማዕበሉን ምስ ኣረጋገፅኩም ናብቲ ንኡስ ምዕራፍ 2.2 ስገሩ።

መምህር! ቐፀላታት (ዕፍየፋት) ምድሪ ዝብል ንኡስ ርእሲ ንምምሃር ምድሪ ብቐፀላታት (ዕፍየፋት) ዝተዋቐረት ምዃና ንምርኣይ ዝተቐቀለ /ዝበሰለ/ እንቋላሊሕ ሒዝኩም ናብ ክፍሊ ብምእታው ነቲ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ተሓቢሩ ዘሎ ተምሃሮ ባዕላቶም ንኽፍዕሙ ይግበሩ። ተምሃሮ ባዕላቶም ዝበሰለ /ዝተቐቐለ/ እንቁላሊሕ

ሒዞም ንኸመፁን ምስቶም ሰለስተ ዓበይቲ ቐፀላታት (ፅፍጻፋት) ምድሪ እናኣነፃፀሩ ክገልፁን ይግበሩዎም።

ብምቕፃል ልክዕ ከምቲ ቕራፍ እንቁላሊሕ እቲ ላዕለዋይ ኣካል ምድሪ እውን ቅርፊት ምድሪ ከምዝበሃል፣ ብትሕዝትኡ'ውን ጥንክር ዝበለ ከምዝኾነ፣ ክሳብ 70 ኪሎሜትሮ ዕምቆት ከምዘለዎ፣ ትሕዝቶ ከውሕታቱ ብቐንዱ ሲኣልን ሲማን ከምዝኾኑ ብዝግባእ ክግንዘቡ ይግበሩዎም። መምህር! ነዚ ብዝበለፀ ንምምሃር ተምሃሮ ነቲ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ስእሊ ቑ.7.1 ዘሎ ብዝርዝር ተመልኪቶም ክመያየጥሉ ይግበሩ። መምህር! ነዚ ስእሊ ኣዕቢኹም ብምስኣል ኣብ ሰሌዳ ኣንጠልጢልኩም ኩሉግዜ ብዛዕባ ቅርፊት ምድሪ (CRUST)፣ ማእኸላይ ምድሪ (MANTLE) ከምኡ'ውን ኣስኳል ምድሪ (CORE) ክተምህሩ እንተለኹም ነዚ ስእሊ እናተጠቐምኩም ይኹን። ካብዞም ሰለስተ ቐፀላታት ምድሪ ነቲ ላዕላዋይ ኣካል ዝበለፀ ትኹረት ብምሃብ ቐንዲ ኣካላት ላዕለዋይ ኣካል መሬት ዝበሃሉ ከም ሓመድ፣ ማይን ከውሕታትን ከምዝኾኑ ብምግላፅ ነቲ ቐፀላታት ምድርን ከውሕን ገሚዑ ዘርኢ (CROSS SECTION) ፎቶግራፍ ተጠቒምኩም ኣብርሁሎም። ኣብ መወዳእታ ተምሃሮ ነቶም ቐፀላታት ምድሪ ብዝግባእ ክገልፁ ምኽኣሎም፣ ላዕለዋይ ኣካል መሬት ዝተፈጠረሉ ቐንዲ ማተርያል ከርእዩ ከምዝኽእሉን ምስ ኣረጋገፅኩም ናብቲ ዝቕፅል ንኡስ ምዕራፍ 2.3 ስገሩ።

እዚ ንኡስ ምዕራፍ 2.3 ብዛዕባ ኣፈጣጥራን ዓይነታትን ከውሒ ዝመሃሩሉ እዩ። መምህር! ነዚ ንኡስ ምዕራፍ ምምሃር ቅድሚ ምጅማሮም ተምሃሮ ኣብ ኸባቢኦም ዝተፈላለዩ ዓይነታት ከውሒ ሒዞም ንኸመፁ ይግበሩዎም። ነቲ ዘምፅእዎም ከውሕታት ብዝግባእ ተመልኪቶም ኣብ ምንታይ ከምዝመሳሰሉን ኣብ ምንታይ ከምዝፈላለዩን ባዕላቶም ክነፅሩ ይግበሩዎም። ነቲ ዘካየድዎ ምይይጥ መሰረት ጌርኩም ድማ ኣብ ምድርና ዝተፈላለዩ ዓይነታት ከውሕታት ከምዘለዉ፣ ኣብ መንጎኦም ብዙሕ ዘፈላልዮም ነገራት ከምዘለዉ ይኹን ደኣ'ምበር ዘመሳስልዎም'ውን ከምዘለዉ ይሓብሩሎም። እዚ'ውን ኣብ ጥንካረኦም፣ ሕብሮም፣ ባህርዮም፣ ትሕዝቶ ምንፅብራቖም፣ ማእድናዊ ትሕዝቶኦም ወዘተ ከምዝኾነ ነቲ ተምሃሮ ሒዞምዎ ዝመፁ ከውሕታት እናርኣዩ ክመያየጡ ይግበሩዎም። ብምቕፃል ዓይነታት ከውሒ ብሓፈሻ ኣብ ሰለስተ ክምደቡ ከምዝኽእሉ ንሳቶም ድማ ከውሒ እሳት ጎመራ፣ ዘፍታዊ

ክውሕን ልውጥ ክውሕን ከምዝበሃሉ ነቲ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ተሓቢሩ ዘሎ ብዝግባእ ኽግንዘቡ ግበሩዎም። ነቶም ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ስእልታት 2.2፣ 2.3፣ 2.4 ተጠቒምኩም ተምሃሮ ነቶም ሒዞምዎም ዝመፁ ዝተፈላለዩ ክውሕታት ምስዞም ስእልታት እናመሳሰሉ ክነፃፅሩ ይግበሩዎም።

መምህር! ቀጺልኩም ተምሃሮ ኣብ ከባቢኦም ክውሕታት ኣብ ምንታይ ጥቕሚ ከምዝውዕሉ ክዝርዝሩ ምስገበርኩም ብዛዕባ ቑጠባዊ ረብሓ ክውሕታት ተመያየጡ። ቕድሚኡ ግን ተምሃሮ ነቲ ኣቐዲሞም ዝተመሃሩዎን ክውሕታት ካብ ማእድናት ከምዝተሰርሑን ክዝክሩን ክመያየጥሉን ብምግባር ናብቲ ርእሲ ይሕለፉ። ብምቕፃል ዝተፈላለዩ ማእድናት ዘርዚሮም እንታይ ቑጠባዊ ረብሓ ከምዘለዎም ይግለፁ። ብድሕሪ'ዚ ነቲ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ተሓቢሩ ዘሎ ሰደቓ ቑጠባዊ ረብሓን ዓይነታትን ክውሕታት ብዝርዝር ብምርኣይን ተምሃሮ ተሓቢሩ ዘሎ ሰደቓ ቑጠባዊ ረብሓን ዓይነታትን ክውሕታት ብዝርዝር ብምርኣይን ተምሃሮ ክመያየጥሉ ብምግባርን ምስቲ ኣብ ካርታ 2.1 ዘሎ ካርታ ዓይነታት ክውሕታት ኢትዮጵያ እናዛመዱ ክግንዘቡ ይግበሩዎም።

## 10. ፍሉይ መረዳእታ ንመምህር

ብሓፈሻ እንትረኣ|ይ ኣወቓቕራ ምድሪ ኣብ ሰለስተ ክጠቓለሉ ይኽእሉ እዮም። ንሳቶም ድማ ቅርፊት፣ ማእኸላይን ኣስኳልን ምድሪ እዮም። ኮይኑ ግና ብዝርዝር እንትረኣዩ ኣብ ሓሙሽተ እዮም ዝምቀሉ። ንሳቶም ድማ ቅርፊት፣ ላዕለዋይ ማንትል፣ ታሕተዋይ ማንትል፣ ደጋዊ ኣስኳልን ውሽጣዊ ኣስኳልን እዮም። ቅርፊት ምድሪ /ላዕለዋይ ኣካል መሬት/ (CRUST) ዝበሃል ኩሎም ክፍለ ዓለማትን ካልኦት ኣካላት መሬትን ከምኡ'ውን ባይታታት ውቅያኖሳትን ዝሓወሰ ኣካል ምድሪ እዩ። ኣብ ሞንጎ ቅርፊት ምድርን ማእኸላይ ምድርን ዘሎ ዶብ ሞሆ ይበሃል። ኣብ ክፍለዓለማት ዘሎ ቅርፊት ምድሪ ካብቲ ኣብ ውቅያኖሳት ዘሎ ናይ ርጉድን ትሕዝቶ ክውሕታትን ኣፈላላይ ኣለዎም'ዩ። እቲ ቅርፊት ምድሪ ክፍለዓለማት ርጉዱ ካብ 15 ክሳብ 75 ኪሎሜትር ዝበፅሕ ኾይኑ እቲ ናይ ውቅያኖሳት ግና ርቕቕ ዝበለን ትሕቲ 10 ኪሎ ሜትሮን እዩ።

ማእኸላይ ምድሪ /ማንትል/ ኣብ ሞንጎ ቅርፊት ምድርን ኣስኳል ምድርን ዝርከብ እዩ። ማንትል ካብ ስለስቲኦም ዝለዓለ ስፍሓት ዝሓዘ ከምኡ እውን ዝለዓለ ክብደትን ትሕዝቶን ዘለዎ እዩ። ኣብ ማእኸላይ ምድሪ መጠን ረስኒ ጥራሕ ኣይኮነን ልዑል ከምኡ'ውን ፀቕጢ (Pressure) እውን ኣዝዩ ልዑልን 137 ጊጋፓሳካል ዝበፅሕን እዩ። ኣብ መንጎ ማእኸላይ ምድርን ኣስኳል ምድርን ዘሎ ውስን ድማ ዶብ ጉተንበርግ ይበሃል። ማእኸላይ ምድሪ ብትሕዝቶኦም ካብቶም ካልኦት ዝፍለ ፔሮዳይት ዝተበሃለ ከውሒ ስለዝሓዞ እዩ። ፔሮዳይት ዝተፈላለዩ ማእድናት ዝሓዘ ኾይኑ ብቐንዱ ድማ ኦሊቫይን፣ ፖይሮክሲን፣ ከምኡ'ውን ኣምፊቦል ዝተብሃሉ ማእድናት ዝሓወሰ እዩ።

እቲ ውሽጣዊ ኣካል ምድሪ ኣስኳል ምድሪ ኾይኑ ካብ ታሕተዋይ ቐፀላ ማእኸላይ ምድሪ ክሳብ ውሽጣዊ ማእከል ምድሪ ዝበፅሕ ኾይኑ ሬድየሱ 3,500 ኪሎሜትሮ እዩ። ካብ ሓፈሻዊ ክብደት (MASS) ምድሪ ኣስኳል ምድሪ ኣሰታት ሓደ ሲሶ ካብ ትሕዝቶ ምድሪ ድማ ኣስታት $\frac{1}{6}$ ዝሓዘ እዩ። ኣስኳል ምድሪ ፍልፍል ማግኔቲክ ፊልድ ምድርና እዩ። እዚ ማለት ድማ እቶም ኣብ ኣስኳል ምድሪ ዘለዉ ልዑል መጠን ሓፂን ዘለዎም ማተርያላትን ምንቅሳቓሳቶምን እዮም መመንጨውቲ ማግኔት ምድርና (EARTH'S MAGNETISM)።

## ዓይነታት ከውሒ:-

ከውሕታት ብዝፍጠሩሉ መንገድን ከይድን መሰረት ኣብ ሰለስተ ዓይነታት ይምደቡ። ንሳቶም ድማ እዞም ዝስዕቡ እዮም፤

1. ከውሒ እሳተ ጎመራ (IGNEOUS ROCKS)
2. ዘፍታዊ ከውሒ (SEDIMENTARY ROCKS)
3. ልዉጥ ከውሒ (METAMORPHIC ROCK)

| ሰደቓ ጉጅለ ከውሕታት | | |
|---|---|---|
| ***ዓይነት ከውሒ*** | ***ከይዲ ኣፈጣጥራ*** | ***ኣብነት*** |
| 1. እሳተ ጎመራዊ ከውሒ | ኣብ ማንትል ወይድማ ማእኸላይ ምድሪ ብዝፍጠር ልዑል መጠን ረስኒ ዝተፈላለዩ ከውሕታት መኺኾም ናብ ቅርፊት ምድሪ ደይቦም ምስዝሓሉ ዝፍጠር ዓይነት ከውሒ እዩ። | ግራናይት ባዛልት |
| 2. ዘፍታዊ ከውሒ | ኣብ ቅርፊት ምድሪ ዝፍጠሩኾይኖም ዝደቐቑ ከውሕታት፣ ዝበሰበሱ እፅዋትን እንስሳትን ብዝተፈላለዩ ሓይልታት ማይ፣ ንፋስን ካልኦትን ተጓዒዞም ኣብ ሓደ ቦታ እንትእከቡ ዝፍጠሩ ዓይነታት ከውሒ እዮም። | ፈሓም ተፈጥሮ፣ ኖራ፣ ጨው፣ ፖታሽ |
| 3. ልዉጥ ከውሒ | ዝኾነ ዓይነት ከውሒ ንልዑል ሙቐትን ፀቕጥን (heat and pressure) እንትቃላዕ ዝነበሮ ባህርይን መልክዕን ቐይሩ ናብ ልውጥ ከውሒ ይቕየር | እምነበረድ ኳርትዝ |

1. **<u>እሳተ ጎመራዊ ከውሒ</u>:-** እዞም ኣብ ውሽጢ ምድሪ በኣዝዩ ዝመኸኸ ማግማ ዝፍጠሩ ከውሕታት ነቓዕ ረኺቦም ናብ ላዕሊ ገንፊሎም ምስ ወፁ ኣብ ቅርፊት መሬት ዝፍጠሩ እዮም። ዝተወሰነ ኽፋሉ ናብ ቅርፊት ምድሪ እንተይበፅሐ እንተሎ ኣብ ውሽጢ ዝሒሉ እሳተ ጎመራዊ ከውሒ ክፍጠር ይኽእል እዩ። በዙይ መሰረት እቶም ካብ ማግማ ዝፍጠሩ ከውሕታት እሳተ ጎመራ ኣብ ክልተ ክምቀሉ ይኽእሉ እዮም። ንሳቶም ድማ ደጋዊ ከውሕታትን ውሽጣዊ ከውሕታትን እሳተ ጎመራ ይበሃሉ። ደጋዊ ዝበሃሉ (Extrusne Rocks) እቲ ማግማ ኣብ ላዕለዋይ ክፋል መሬት ወፂኡ መኺኹ ምስ ዝሓለ ማለት ላቫ ምስኮነ ዝፍጠር ዓይነት ከውሒ እዩ። ውሽጣዊ ከውሕታት እሳተ ጎመራ (Intrusive Rocks) ዝበሃሉ ድማ ማግማ ኣብ ውሽጢ መሬት ዝሒሉ ንዓቐብ ክውፅእ እንተሎ ኣብ ውሽጢ ነቓዓት እንትተርፉን ናብ ደረቕ ነገር እንትልወጡን ዝፍጠሩ ከውሕታት እዮም።

2. **<u>ዘፍታዊ ከውሒ</u> :-** ኣብ ጎቦታት ወይ እምባታት ዘፍታዊ ከውሕታት ምኳኖም ከነለልይ እንኽእል ሓደ መንገዲ ኣሎ። ዘፍታዊ ከውሕታት እንተኾይኖም

ብዝተፈላለዩ ዓይነታት ቐፀላታት ዝተደራረቡ እዮም። እቶም ቐፀላታት ዘፍታዊ ከውሒ ብመሰረት ዕድሚኦም እዮም ዝዕፍፀፉ። እቶም ኣብ ዝተሓተ ብርኪ ዘለው ቐፀላታት መጀመርያ ዝተነፀፉን ዝለዓለ ዕድመ ዘለዎምን ከምኡ'ውን ዝጠንከሩን እዮም። እቶም ኣብ ልዕሊኦም ዘለው ድማ ብኡ መሰረት ዝተሓተ ዕድመን ልስልስ ዝበሉን እዮም።

3. **ልዉጥ ከውሒታት፡-** እዚኣቶም ኣቐዲሞም ተፈጢሮም ዝነበሩ ከውሒታት ኾይኖም ኣብ እዋን ህንፀት እምባታት (Mountain Building) ብዘጋጥሞም ሓያል ፀቕጥን ከምኡ'ውን ምስ ኣዝዮም ውዑያት ዝመኸኹ ከውሒታት ተራኺቦም ንሓያል ውቅትታት እንትቃልዑን ዝፍጠሩ ዓይነታት ከውሒታት እዮም።

**ኘሌታት ምድሪ**፡- ኘሌታት ምድሪ ኣብ ክፍለዓለማትን ውቅያኖሳትን ዝርከቡ ኮይኖም ኣብ ላዕለዋይ ክፍለ ማንትል ብቐንዱ ድማ ኣብ ቅርፊት ምድሪ ዝርከቡ ቐፀላተት ከውሒ እዮም እዚ ኘሌታት ምድሪ ተነፂፎምሉ ዘሎ ክፋል ማንትልን ክፋል ቅርፊት ምድርን ድማ ሊቶስፌር ይበሃል። ኣብ ትሕቲ ሊቶስፌር ድማ ሓደ ፈሳሲ ቐፀላ ከውሒታት ኣሎ ስሙ ድማ ኣስቴኖስፌር (Asthenosphere) ይበሃል። እዞም ኣብ ኣስቴኖሰፈር ዝርከቡ ከውሒታት ብምኽንያት እቲ ኣብ ከባቢኦም ዘሎ ልዑል መጠን ረስንን ፀቕጥን ከም ሓደ ፈሳሲ ይንቀሳቐሱ እዮም። ብመሰረት እምነት ሳይንትስትታት ሊቶስፌር ኣብ ዝተፈላለዩ ኘሌታት ከም ዓበይቲ ግራውቲ ሕርሻ ዝተሰነጣጠቐን ዝተመቓቐሉን እዮም። በዙይ መሰረት ዓበይትን ኣናእሽተን ኘሌታት ኣለው እዮም። እቲቶም ዝዓበዩ ኘሌታት ኣብ ባይታ ሰላማዊ ውቅያኖስ ዝርከብ ኘሌት ሰላማዊ ውቅያኖስ (Pacficplate) ዝበሃል፣ ኣብ ሰሜን ኣሜሪካ፣ ኣብ መንጎ እስያን ኣውሮፓን፣ ኣብ ኣንታርክቲክ፣ ኣብ ሞንጎ ህንድን ኣውስትራልያን ከምኡ'ውን ኣብ ኣፍሪካ ዝርከቡ ኘሌታት እዮም። ካልኦት ኣናእሽቲ ኘሌታት ከም ኘሌት ካሪብያንን ካልኦትን'ውን ኣለው እዮም። መጠን ዓበይቲ ኘሌታት ክሳብ 14,000 ኪሎሜትር ዝበፅሕ እንትኾን እቶም ኣናእሽቲ ኘሌታት ድማ ኣስታት 2000 ኪሎሜትር ቁመት ኣለዎም። እዞም ኘሌታት ኩሎም ብመንፅር ሕድሕዶም ናብ ሰለስተ ዝተፈላለዩ ኣንፈታት ዝንቀሳቐሱ እዮም። ገለገሊኦም ንሕድሕዶም ይሰሓሓቡ ገለገሊኦም ድማ ካብ ሕድሕዶም እናረሓቑ ይንቀሳቐሱ። እዚ እንትኾን ድማ ገለገሊኦም ይገጫጨዉ /ይጋጨዉ/ ወይድማ እቲ ሓደ ኣብ ላዕሊ እቲ ኻልእ

ይድረብ። እዞም ዓይነታት ምንቅስቓሳት እንትፍጠሩ እዮ ኣብ ዝተፈላለዩ ከባብታት ዓለም በብእዋኑ ርእደ ምድሪ ዝኸሰት፣ እሳተ ጎመራ ዝተፍእ፣ እምባታት ዝፍጠሩን ካልኦት ጂኦሎጂካዊ ፍፃመታት ዝኸሰቱን። ዓብዪ ሓንፍ ሽንጥሮ ዝፍጠር'ውን እዞም ኘሌታት ምድሪ እንትንቀሳቐሱ እዩ። ኣብ ውሽጢ ውቅያኖሳት'ውን ከምዚ ዓይነት ክስተታት ይፍጠሩ እዮም። እምባታት ሂማላያ ዝተፈጠሩ ብምኽንያት እቲ ኣብ ሞንጎ ኢንድ ኣውስትራልያን ኘሌትን ዩሮእስያ ኘሌትን ዝተፈጠረ ግጭት እዩ።

## 11. ኣግባብ ፈተሻን ገምጋምን

*መምህር! ነዚ ምዕራፍ ኣብ እተምህርሉ እዋን ካብ ትዕዝብቲ ጀሚርኩም ክሳብ ፈተናታት ፅሑፍ ዘለዉ ዝተፈላለዩ ዓይነታት ተኸታታሊ ምዘና ክትጥቀሙ ይግባእ። ተኸታታሊ ምዘና ንኹሎም ተምሃሮ ብሓባርን ብሓፈሻን ዝፍትሽ ዘይኮነስ ሕድሕድ ተምሃራይ ብውልቀ ክትትል ዝግበረሉን ዝግምገመሉን ከይዲ እዩ። ብተኸታታሊ ምዘና ዝፍተሽ ተምሃራይ እንታይ ሽምዲዱ እንታይ ኣይሽምደደን ዘይኮነስ ካብቶም ዕላማታትን ብቕዓታትን እዚ ምዕራፍ ተምሃሮ እንታይ ወኒኖም፣ እንታይ ኣማዕቢሎም፣ እንታይ ክእለት ፍልጠትን ኣረኣእያን ወኒኖም ንምፍታሽ ዝግበር ምንቅስቓስ እዩ። ብመሰረት'ዚ ሕድሕድ ንኡስ ርእሲ እዚ ምዕራፍ ምስተምሃሩ፣*

*ተምሃሮ ኣብዞም ዝስዕቡ ዘዕግብ ተደላዪ ብቕዓት ምርካቦምን ዘይምርካቦምን ክረጋገፅ ኣለዎ።*

- *እንታይነት ካርታ ብዝግባእ ገሊፆም።*
- *ረብሓታት ካርታ ገለፆም ካብ ካርታ ሓበሬታት ብምርካብ ተረቢሖም።*
- *ንድፊ ካርታ ምስኣል ክኢሎም። ኣብ ዝሰኣልዎ ንድፊ ካርታ ኣፍሪካ ሕዳግ -ካርታ ተጠቒሞም ዘድልዩ ሓበሬታታት ኣቐሚጦም።*
- *ቐፀላታት ምድሪ ገሊፆም።*
- *ቐንዲ ማተርያላት ላዕለዋይ ኣካል ምድሪ ማለት ክፍለዓለማትን ማያዊ ኣካላትን ኣመልኪቶም*
- *ኣፈጣጥራን ዓይነታትን ከውሕታት ፈልዮም።*
- *ቑጠባዊ ረብሓ ከውሕታት ኣብሪሆም።*

መምህር! ነዞም ዕላማታትን ብቕዓታትን ካብቲ ዝግባእ ተደላይ ደረጃ ንላዕሊ ዝሰርሑ ተምሃሮ ዘድሊ ምትብባዕ ናእዳን ከምኡ እውን ሽልማትን ክረኽቡ ምግባር ኣገዳሲ እዩ። ምኽንያቱ ድማ ነቲ ብፃዕሮምን ብድሌትምን ዝረኽብዎ ውፅኢት ኣፍልጦ ምሃብ ስለ ዘድሊ እዩ። ንቐፃሊ እውን ብዝረኽብዎ ውፅኢት ከይዓገቡ ጠንኪሮም ንኽሰርሑን ኣብ ክፍሊ ምሉእ ተሳትፎ ንኽገብሩን ክተባብዑ ኣለዎ። ተወሳኺ ሓገዝ (Enrichment) ዘድልዮም እንተኾይኑ'ውን ካብ መምህሮምን መሓዙቶምን ክረኽቡ ኣለዎም። እዞም ካብቲ ዝግባእ ንላዕሊ ዝሰርሑ ተምሃሮ ነቶም ካልኦት ተምሃሮ ኣግባብ ኣመሃህራ ማንዛ ንማንዛ (Peer-Teaching) ተጠቒሞም ክብቅዕዎምን ክተባብዑዎምን ኣለዎም። እቶም ካብቲ ዘዕግብ ተዳለዩ ደረጃ ንታሕቲ ዝሰርሑ ተምሃሮ በዚ ኣግባብ ተጠቒሞም ተረባሕቲ ንክኾኑን ንመማህርቶም ክስዕቡን ካብ መምህር'ውን ተወሳኺ ሓገዝ (Remediation) ክወሃቦም ኣለዎ። ካብ መምህር ኩሉግዜ ፍሉይ ጠመተን ክትትልን ክግበረሎም ኣለዎ። ብተወሳኺ'ውን ንኣካል ጉዱኣት ተምሃሮ ተወሳኺ ፍሉይ ጠመተን ክትትልን ክግበረሎም ግድን እዩ።

## 12. መልሲ ንመልመድታትን መጠቓለሊ ሕቶታትን

✓ <u>**ንመልመዲ 2.1 ዝተውሃበ መልሲ**</u>

1. መርከቦ ንምርካብ፣ ኣንፈት ንምፍላጥ፣ ርሕቀት ንምልካዕን ስፍሓት ንምርካብን።
2. ኣንፃራዊ መርከቦን ፍፁማዊ መርከቦን።
3. ኣብ ሓደ ካርታ ዘለዉ ሕብርታት፣ ምልክታትን ምስልታትን እንታይ ከምዝውክሉ ዝሕብር መግለፂ እዩ።
4. ርእሲ ካርታ፣ ኣንፈት ካርታ፣ መፍትሕ ካርታ፣ ዕለተ-ሕትመት ካርታ።
5. ላዕለዋይ ኣካል መሬት፣ ማእኸላይ ኣካል መሬት፣ ኣስኳል መሬት።

✓ <u>**መልሲ ንመጠቓለሊ ሕቶታት**</u>

**ሀ/ ሕቶታት ሓቒ ወይድማ ሓሶት**

| | | | |
|---|---|---|---|
| 1. ሓቒ | 2. ሓሶት | 3. ሓቒ | 4. ሓቒ |
| 5. ሓቒ | 6. ሓቒ | 7. ሓሶት | |

**ለ/ ትኽክለኛ መልሲ ምረፁ**

| | | | | |
|---|---|---|---|---|
| 1. መ | 2. ሀ | 3. ሐ | 4. መ | 5. ለ |

6. መ 7. ለ 8. ሀ 9. ሐ 10. ሀ

**ሐ/ ባዶ ቦታ ምልኡ**

1. መርከቦ፣ ኣንፈት፣ ርሕቐት፣ ስፍሓት
2. ህዳግ-ካርታ
3. ቅርፈት ምድሪ፣ ማእኸላይ ምድሪ፣ ኣስኳል ምድርን።
4. ሲኣል፣ ሲማ
5. ማእኸላይ ምድሪ
6. እሳተ ጎመራዊ ከውሒ ፣ ዘፍታዊ ከውሒ ፣ ልውጥ ከውሒ
7. ማግማ
8. ባዛልት፣ ግራናይት፣ ጋብሮ
9. ንፋስ፣ ወሓዚ ማይ /ሩባ/፣ ግራቪቲ፣ ዝናብ፣ በረድ
10. ዘፍታዊ።

# ምዕራፍ ሰለስተ

# ስርዓተ ምህዳርን ፈተናታቱን

(The Ecosystem and Its Challenges)

## 1. መእተዊ

ተምሃሮ ኣብ 5ᵉ ን 6ᵉ ን ክፍልታት ትምህርቲ ሕብረተሰብ ብዛዕባ እቶም ኣብ ዝተፈላለዩ ከባብታት ዝርከቡ ሃፍትታት ተፈጥሮ ብሕልፊ ድማ ብዛዕባ እፅዋት ተፈጥሮ፣ እንስሳት፣ ሓመድ፣ ማይን ኣየርን ሰፊሕ ትምህርቲ ረኺቦም እዮም። እዚ ምዕራፍ'ውን ናይዚ መቐፀልታ ኾይኑ ኣብ ስርዓተ-ምህዳር ዝጠመተ እዩ። ብዝበለፀ ድማ ኣብ ፈተናታት ሰርዓተ ምህዳር ዘተኮረ እዩ። ስርዓተ-ምህዳር ነቲ ብእንግሊዝኛ Ecosystem ዝብል ትርጉም ዘለዎ ኾይኑ ከም ተኽልታት እንስሳትን ዝበለ'ውን ኣካል ስርዓተ-ምህዳር እዮም። እዚ ምዕራፍ ተምሃሮ ብዛዕባ እፅዋት ተፈጥሮ፣ እንስሳት ዘገዳም፣ ማይ፣ ሓመድን ኣየርን ዝመሃሩሉ ኾይኑ ብተወሳኺ'ውን ንምዕቃብ ሃፍትታት ተፈጥሮ ዝውሰዱ ስጉምታት'ውን ዝሓወሰ'ዩ።

## 2. ውፅኢታት'ዚ ምዕራፍ:-

ተምሃሮ ነዚ ምዕራፍ ምስተምሃሩ

- ዝርግሐ፣ ረብሓን ፅዕንቶ ዘሕድሩ ቐንዲ ምኽንያታትን ኣብ እፅዋት ተፈጥሮን እንስሳት ዘገዳምን ኣፍሪካ ይፈልጡ።
- ቀረብን ስግኣታትን ሃፍቲ ዝሰተ ማይ ይፈልጡ።
- ሜላታት ኣተዓቃቕባ ሃፍትታት ተፈጥሮ ይግንዘቡ።

## 3. ብቕዓታት

ተምሃሮ ነዚ ምዕራፍ ምስ ተምሃሩ ነዞም ዝስዕቡ ብቕዓታት ይውንኑ፤

- እፅዋት ተፈጥሮ ኣፍሪካ ኣብ ካርታ የለልዩን የመልክቱን።

- ቀንዲ እንስሳት ዘገዳም ኣፍሪካ ይፈልዩን ምስ ከባቢኦም ከመይ ከም ዝዛመዱን ይገልፁን።
- ተኽልታትን እንስሳትን ኣካል ስርዓተ-ምህዳር ከምዝኾኑ ይግንዘቡ /ይፈልጡ/።
- እንስሳት መንበሪኦም እንተዓንዩ (እንተበሪሱን እንተጠፊኡን) ንሳቶም'ውን ከምዝበርሱ የረጋግፁ።
- ደቂ ሰባት ኣብ እንስሳት ዘሕድርዎም ፅዕንቶታት ይገልፁ።
- ምዝባዕ ነባሪ ኣየር ክንከላኸሎ ከምእንኽእል ይግንዘቡ።
- ኣብ ደቂ ሰባትን ማይን ዘሎ ዝምድና የብርሁ።
- ኣብ ኣፍሪካ ዘሎ ቐረብን ሕፅረትን ዝሰተ ማይ ኣፈሪካ ይገልፁ።
- ስግኣታት ሃፍትታት ሓመድ ኣፍሪካ የለልዩ።
- መንቀልታት ብኽለት ከተማታት ይትንትኑ።
- ዕቀባ እፅዋት ተፈጥሮ ምስ ዕቀባ ካልኦት ሃፍትታት ተፈጥሮ የዛምዱ።
- ብኽለት ኣየርን ማይን ከመይ ምቁፅፃር ከምዝከኣል ይገልፁ።
- ኣብ ሓለዋ ዕሬት ማይ ንምስታፍ ድልየት የርእዩ።

## 4. ቐንዲ ትሕዝቶታትን በዝሒ ክፍለግዜን ምዕራፍ ሰለስተ:-

ነዚ ምዕራፍ ዝተመደበ ክፍለ ግዜ 16 ኾይኑ ብመሰረት ኣቶም ንኡስ ምዕራፋት ምሽንሻን ተመራፂ እዩ:-

እፅዋት ተፈጥሮን እንስሳት ዘገዳምን ......................6 ክፍለግዜ

ማይ፣ ሓመድን ኣየርን ....................................4 ክፍለግዜ

ንምዕቃብ ሃፍትታት ተፈጥሮ ዝውሰዱ ስጉምትታት.........6 ክፍለ ግዜ

ድምር 16 ክፍለ ግዜ

## 5. መምህሪ ሓገዛት:-

ነዚ ምዕራፍ ካብ ዝጠቕሙ መምህሪ ሓገዛት እዞም ዝስዕቡ ይርከቡዎም።

- ካርታ እፅዋት ተፈጥሮ ኣፍሪካ።
- ዝተፈላለዩ ስእልታትን ሞዴላትን እንስሳት ዘገዳም ኣፍሪካ።
- ቁጠበውን መንፈሳውን ረብሓ ዘለዎም እፅዋት ከባቢ ብኣካል።

- ኣብ ሃፍቲ ተፈጥሮ ፅዕንቶ ዘሕድሩ ስእልታት /ፎቶግራፋት ብርሰት ኣግራብ፣ ባርዕ ሓዊ፣ ሓደጋ ውሕጅ
- ዝተበከለ ማይ።
- ፈሓም።
- መፅሓፍ ተምሃራይ ትምህርቲ ሕብረተሰብ 5ይን 6ይን ክፍልታት።

## 6. ፍልፍል ፅሑፋት

- ቅድም ኢሎም ኣብ ጥቅሚ ዝውዕሉ ዝነበሩ መፅሓፍቲ - ተምሃራይ ከባቢ ሳይንስን ትምህርቲ ሕብረተሰብን።
- The Ecosystem — By Joel P clement
- ኢንካርታ
- ኤኮሎጂ (Ecology) By Robert Leo Smith
- World Geography
- ኣትላስ
- African Geography

## 7. ሰደቓ ርክባት መፅሓፍ ተምሃራይን መምርሒ መምህር!ን

| ንኡስ ምዕራፍ | ርእሲ | ዝርዝር ዕላማታት | ክፍለ ግዜ | ገፅ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ | ገፅ ኣብ መምርሒ መምህር! | ፍልፍል ፅሑፍ |
|---|---|---|---|---|---|---|
| 3.1 | እፅዋት ተፈጥሮን እንስሳት ዘገዳምን | - እፅዋት ተፈጥሮ ኣፍሪካ ኣብ ካርታ የለልዩን የመልክቱን።<br>- ቀንዲ እንስሳት ዘገዳም ኣፍሪካ ይፈልዩን ምስ ከባቢኦም ከመይ ከምዝዛመዱ | 6 | | | -African Geography<br>-Encarta<br>-Atcas |

| | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|
| | | ይገልፁን።<br>- ተክልታትን እንስሳትን ኣካል ስርዓት ምህዳር ከምዝኾኑ ይግንዘቡ /ይፈልጡ/።<br>- እንስሳት መንበሪኦም እንተወዲሙ ንሳቶም እውን ከምዝበርሱ የረጋግፁ።<br>- ደቂ ሰባት ኣብ እንስሳት ዘሕድርዎም ፅዕንቶታት ይገልፁ።<br>- ምዝባዕ ነባሪ ኣየር ክንከላኸሎ ከምንኽእል ይግንዘቡ። | | | | |
| 3.2 | ማይ፣ ሓመድን ኣየርን | - ኣብ ደቂ ሰባትን ማይን ዘሎ ዝምድና የብርሁ።<br>- ኣብ ኣፍሪካ ዘሎ | 4 | | | |

| | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|
| | | ቐረብን ሕፅረትን ዝስተ ማይ የነፃፅሩ። - መንቀልታትን ሳዕቤናትን ስግኣታት ዝሰተ ማይ ኣፍሪካ ይገልፁ። - ስግኣታት ሃፍትታት ሓመድ ኣፍሪካ የለልዩ። - መንቀልታት ብኽለት ከተማታት ይትንትኑ። | | | | |
| 3.3 | ንምዕቃብ ሃፍትታት ተፈጥሮ ዝወሰዱ ስጉምትታት | - ዕቀባ እፅዋት ተፈጥሮ ምስ ዕቀባ ካልኦት ሃፍትታት ተፈጥሮ የዛመዱ። - ብኽለት ኣየርን ማይን ከመይ ከምትቆፃፅር ይገልፁ። - ኣብ ሓለዋ ፅሬት ማይ ንምስታፍ ድልየት የርእዩ። | 6 | | | |
| ጠቕላላ ድምር | | | 16 | | | |

## 8. ኣግባብ ኣመሃህራ

መምህር! ናብቲ ንኡስ ርእሲ 3.1 “እፅዋት ተፈጥሮን እንስሳት ዘገዳምን ዝብል ቕድሚ ምእታውኩም ኣቐዲምኩም እንታይነት ስርዓት-ምህዳር ብዝግባእ ኽግንዘቡ

ይግበርዎም። ስርዓት ምህዳር ማለት ኣብ ሞንጎ እቶም ዝተፈላለዩ ህይወት ዘለዎምን ዘይብሎምን ሃፍትታት ተፈጥሮ ሓደ ኸባቢ ዝሀሉ ምትእስሳርን ዝምድናን ዝገልፅ ኣምር ከምዝኾነ ብዝግባእ ተመያይጦም ክግንዘቡ ይግበሩዎም። ብድሕሪ'ዚ ካብቶም ዝተዘርዘሩ ሃፍትታት ተፈጥሮ መጀመርያ ነቶም ኣብ ኣፍሪካ ዝርከቡ እፅዋት ተፈጥሮን እንስሳት ዘገዳምን ዝምልከት ትሕዝቶ ትምህርቲ ዝተፈላለዩ ኣግባባት ኣመሃህራ ተጠቒምኩም ኣቕርቡሎም። ንቕድም ነቲ ኣብ 6ይ ክፍሊ ብዛዕባ እፅዋት ተፈጥሮን እንስሳት ዘገዳምን ምብራቕ ኣፍሪካ ዝተመሃሩዎ ኣዘኻኺርኩም ክመያየጡ ይግበሩዎም። ነዚ ምስቶም ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ዝተፈላለዩ ዓይነታት እፅዋት ተፈጥሮን እንስሳት ዘገዳምና ከነፃፅሩን ክትንትኑን ግበርዎም። ብድሕሪ'ዚ ብዛዕባ ዝርገሐን ዓይነትን እፅዋት ተፈጥሮ ኣፍሪካ ሓደ ዓብዪ ካርታ ኣፍሪካ ተጠቒምኩም ብዝግባእ ክመያየጥሉን ክዝክሩን ግበሩዎም።

ብምኽፃል ድማ ብኣግባብ ኣመሃህራ ሰሪሕኻ ምርኣይ (Demonstration) ምስ ተምሃሮ ብሓባር ኾይንኩም ነቶም ሸውዓተ ዓይነታት ክሊ እፅዋት ተፈጥሮ ኣብ ባዶ ካርታ ኣፍሪካ ሰኣሉዎም። መምህር! ነዚ ኣብ እተርእይሉ እዋን ተምሃሮ ነቲ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ስእሊ 7.2 ተሳኢሉ ዘሎ ኣብ ደብተሮም ስኢሎም ብንኡስ ጉጅለ ኾይኖም ኣብቲ ባዶ-ቦታ ስም ሕድሕድ ዓይነት እፅዋት ኣብ ትኽክለኛ መርከቦኦም ከማላኸቱ ይግበሩዎም። ብምኽፃል ዝተፈላለዩ ስእልታት እንስሳት ዘገዳም ተጠቒምኩም እቶም ዓበይቲ እንስሳት ዘገዳም ብብዝሒ ኣበይ ከባቢ ኣፍሪካ ከምዝነብሩ፣ እቶም ደቀቕትን ኣናእሽትን እንስሳት ድማ ከምኡ መንበሪ ቦታኦም ኣበይ ከባቢ ከምዝኾነ ምስ ምኽንያታቱ ክግንዘቡ ግበሩዎም። ስእሊ 7.2 ከም ኣብነት ተጠቐምሉ።

ብድሕሪ'ዚ ተምሃሮ ካብ እፅዋት ተፈጥሮን እንስሳት ዘገዳምን እንታይ ዓይነታት ረብሓ ከምዝርከብ ተምሃሮ ብዝግባእ ንኽግንዘቡ ኣብ ከባቢኹም ናብ ዝርከቡ ትካላት ትምህርታዊ ዑደት ብምግባር ውፅኢታት እፅዋት ተፈጥሮን እንስሳት ዘገዳምን ክፅዘቡ ግበሩዎም። ኣብዚ መሰረት ጌርኩም ድማ ነቶም ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ተዘርዚሮም ዘለዉ ዝተፈላለዩ ቑጠባዊ ረብሓታት እፅዋት ተፈጥሮን እንስሳት ዘገዳምን ዝምልከት ሰፊሕ ምይይጥ ብምክያድ ተምሃሮ ተኽልታትን እንስሳትን ኣካል ስርዓት-ምህዳር ከምዝኾኑ፣ እፅዋት እንትበርሱ መንበሪኦም ስለዝበርስ እንስሳት ዘገዳም'ውን

ከምዝጠፍኡን ከምዝስደዱን፣ ከምኡ'ውን ደቂ ሰባት ኣብ ልዕሊ እፅዋትን እንስሳትን ዘሕድርዎ ፅዕንቶታት ብዝግባእ ተገንዚቦም ክገልፁ ይግበሩዎም። ብድሕሪ'ዚ ኣብ እፅዋት ተፈጥሮን እንስሳት ዘገዳምን ፅዕንቶ ዘሕድሩ ምኽንያታት ሓደ ብሓደ ዘርዚሮም ምስቲ ኣብ ሃገርና ቅድሚ ቕሩብ ዓመታት ዝነበረ ብዱር ዝተሸፈነ ቦታ ምስቲ ዝበፅሖ ፅዕንቶን ሕዚ ዘለዎ ኹነታትን እናዛመዱ ምስተመያየጡ ብዛዕባ እንታይነት በዝሃ-ህይወታውያንን ምስቲ ኣብ ርእሲኦም ዝበፅሕ ዘሎ ሓደጋታትን ምጥፋእን ተሓታታይ ወዲሰብ እዩ ንምንታይ ከምዝበሃልን ሰፊሕ ክትዕን ምይይጥን ብምክያድ ተምሃሮ ግንዛቤኦም ክሰፍሕ ግበሩዎም።

መምህር! ነቲ ማይ፣ ሓመድን ኣየር ዝብል ንኡስ ርእሲ 3.2 ንምምሃር ንቕድም ተምሃሮ ኣብ ማይ ዘለዎም ኣፍልጦን ርእይቶን ንኽገልፁ ዝተፈላለዩ ሕቶታት ብምቕራብ ክመያየጡ ይግበሩዎም። ማይ ንምንታይ ከምዘድልየና ይሕተትዎም። ሓደ ሰብ ማይ ከይሰተየን ኽንደይ እዋን ክፀንሕ ከምዝኽእል ንኽግምቱ እንተስኢኑ እንታይ ሳዕቤን ከምዝመፅኣሉን ዘለዎም ሓሳባት ከቕርቡ ምስገበርኩም ቐረብ ዝስተ ማይን ዕቑር ሃፍቲ ማይን ኣፍሪካ ዝምልከት መረዳእታ ሃቡዎም። ኣብ ኣፍሪካ ዘሎ ቐረብን ሕፅረትን ዝሰተ ማይ ምስ እዋናት ድርቂ እናተዛመዱ ክመያየጡ ምስገበርኩም ምኽንያታት ከቕርቡ ግበሩዎም። ብድሕሪ'ዚ ተምሃሮ በብጉጅለኦም ኾይኖም ብዛዕባ ስግኣታት ማይ ምስቲ ኣብ ከባቢኦም ዘሎ ኩነታት ብምትሕሓዝ ምስ ተመያየጡ ኣብ ኣፍሪካ ዘሎ ጉድለት ዕርየት ምስ ምዕባለ ኸተማታት፣ ኢንዱስትሪታትን ቅልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝብን ተዛሚዱ ዘስዕቦ ዘሎ ፀገማት ክግንዘቡ ግበሩዎም። ብጉደለኦም ተመያይጦም ዘማዕበልዎ ግንዘበ ድማ ንክፍሊ ከቕርቡ ግበሩዎም። ነቲ በብጉጅለ ዝቐረበ ፀብፃብ መሰረት ጌርኩም ድማ ኣብ መውዳእታ መጠቓለሊ ሓሳባት ኣቕርቡሎም። ብምቕፃል ካብ ከተማታት ኣፍሪካ ንኣዲስ ኣበባ ከም ኣብነት ብምውሳድ ዕቤት ህዝቢ ከተማ ኣዲስ ኣበባ ዘመልክት ስታቲስቲካዊ መረዳእታ ኣቕሪብኩም ተምሃሮ ክምርምርዎ ይግበሩ። ምስዚ'ውን ፎቶግራፍ ህንፀት ሓደሽቲ ኣባይትን ብኽለት ኣየርን ኣዲስ ኣበባ እናረኣዩ ክመያየጡን ኣብ ሞንጎ ዕቀባ እፅዋት፣ ማይ ሓመድ፣ ኣየርን እንስሳት ዘገዳምን ዝጠበቐ ምትእስሳር ከምዘሎ ዘርኢ ካርታ ወይድማ ስእሊ'ውን ኣዳሊኹም ብምቕራብ ክመያየጡን ክርድኡን ይግበሩ።

መምህር! እዚ ኹሉ ምስ ፈፀምኩም ተምሃሮ ናይ ባህርይ ለውጢ ከምዝምፅኡን ምዕቡል ኣረኣእያ ከምዘማዕበሉን ዘረጋግፅ ኣብ ቤት ትምህርቶም ወይድማ ከባቢኦም ኣብ ሓለዋ ዕሬት ማይ ክሳተፉሎም ዝኽእሉ ኣናእሽተይ ፕሮጀክትታት ተሓንፂፁሎም ንተግባራውነቱ ኽንቀሳቐሱ ድማ ኩነታት ኣመቻችዉሎም። ብምኽፃል ሰለስተ ጉጅለታት ቐዳማይ ጉጅለ እፅዋት ከመይ ከምዝዕቀቡ፣ ካልኣይ ጉጅለ ሜላታት ኣተዓቓቕባ ማይ ከምኡ'ውን ጉጅለ ሰለስተ ብኽለት ማይ ከመይ ምክልኻል ከምዝከኣል ዝምልከት መፅናዕቲ ንኽፍሊ ከቕርቡ ይግበሩዎም። ካብ ነፍሰወከፍ ጉጅለ ዝቐረቡ ጭብጥታት መምህር ባዕልኹም ነቶም ቐንዲ-ቐንዲ ኣብ ሰሌዳ ብምስፋር ተምሃሮ ነናይባዕሎም መዘክር ክሕዙ ይግበሩዎም። ብምኽፃል ረሳሕ ማይ ናብ ክፍሊ ሒዝኩም ብምእታው ነዚ ምስታይ እንታይ ሳዕቤን ጥዕና ከምዘምፅእ ተመያይጦም ኣብ ገዝኦም ፅሩይ ዝስተማይ ከመይ ከምዝዳሎን ከምዝቕመጥን ምስኡ ድማ ሜላታት ብተግባር ክርእዩን ይግበሩዎም። ኣብ መወዳእታ ነቲ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ተሓቢሩ ዘሎ ብዛዕባ ፕሮግራም ከባቢ ወድብ ሕቡራት መንግስታት ዝምልከት መበገሲ ብምግባር እዚ ውድብ ዓለምና ካብ ዝተፈላለዩ ጎዳእቲ ነገራት ተሓልያን ደቂ ሰባት ድሕንነቶም ተሓልዩ ንኽነብሩለን ዝዕዕርን ዘተሓባብርን ወድብ ምኳኑ ኣብርሁሎም።

## 9. ፍሉይ መረዳእታ ንመምህር!:-

ከይዲ ስርዓት ተፈጥሮ ናይባዕሉ ሕግታት ተፈጥሮ ሓልዩ ኩል ግዘ ኣብዘየቋርፅ ምንቅስቓስን ምትእስሳርን እዩ ዝርከብ። እቲ ዘየቋርፅ ርክብን ምትእስሳርን ኣብ ሞንጎ እቶም ኣብ ሓደ ከባቢ ዝርከቡ ህይወት ዘለዎምን ዘይብሎምን ነገራት ዝኽሰት (ዝፍጠር ወይድማ ዝገጥም) እዩ። ሰርዓት-ምህዳር (Ecosystem) ነዚ ኹሉ ዝሓቖፈ ኣምር ኮይኑ ኣብቲ ኣብ ዓውድታት ትምህርቲ ሳይንስ ሓደ ዝኾነ ኤኮሎጂ ዝተመሰረተ እዩ። ኤኮሎጂ ልምድታት ናይ ህይወታውያን ብሕልፊ ድማ ምስ ከባቢኦም ዘለዎም ዝምድና ዘፅንዕ ጨንፈር ባዮሎጂ (ሳይንስ ስነ ሂወት) እዩ። እቶም ኣብ ዓለምና ዘለዉ ህይወት ዘለዎም ነገራት ዝርከቡሉ ከባቢ ብምልኡ ባዮስፌር ተባሂሉ ይፅዋዕ። ባዮስፌር (Biosphere) ኣብ ውሽጡ ኣዝዮም ብዙሓት ፎጥረታትን እፅዋትን ዝሓቖፈን ባዮምስ (Biomes) ብዝብል ዝፍለጥን እንትኾን እቲ ማእድናት

ሓመድ፣ ማያዊ ኣካላትን ካልኦት ፊዚካላዊ ነገራትን ዝሓዘ መንበሪኦም ድማ ኣብዮቲክ (Abiotic) ተባሂሉ ይፍለጥ። እዚኦም ኩሎም ኣካል ስርዓት-ምህዳር እዮም። ዝኾነ ከባቢ ናይ ዓርሱ ዝኾነን ዝተፈላለዩን ሰርዓት-ምህዳር ክህልዎ ይኽእል እዩ።

እዞም ዝተፈላለዩ ስርዓት-ምህዳር ብዘለዎም ስፍሓትን ዝተሓላለኸ ርክብን ክፈላለዩ ይኽእሉ'ዮም። ንኣብነት ሓንቲ ደሴት ብእፅዋት ተፈጥሮ ክሊ ቕናት ምድሪ ዝተሸፈነ ሰፊሕ ጫካ (ዱር) ክህልዋ ይኽእል። ቦታ ኣብ ከባቢ ገምገም ባሕሪ ናይታ ደሴት ድማ ጀቕጀቕ ቦታ ክህሉ ይኽእል። ካልኦት'ውን ክህልዉ ይኽእሉ። ስፍሓትን ሕልኽላኽነት ሓደ ከባቢ ብዘየገድስ ኩሎም ስርዓት-ምህዳራት (All Ecosystems) ኣብ ሞንጎ ከባብታት ኣብ ዮቲክን /ዘይህይወታውያን/ ባዮቲክን /ህይወታውያንን/ ዝካየድ ናይ ቀስኣካላትን ሓይልን ልውውጥ (Exchange of matter and energy) ባህርይ ኣለዎም እዩ። ኩሎም ኣካላት ሓደ ስርዓት- ምህዳር ንሕድሕዶም ዝተዛመዱን ዝተኣሳሰሩን ስለዝኾኑ ኣብ ሓደ ኣካል ለውጢ እንትበፅሕ ኣብ ኩሎም ካልኦት ኣካላት ስርዓት-ምህዳር ለውጥን ፅልዋን ምሕዳሩ ዘይተርፍ እዩ። ዝርግሐ እፅዋት ተፈጥሮን እንስሳት ዘገዳምን ኣፍሪካ ምስ ዝርግሐ ክሊ ከባቢ ኣየር ኣፍሪካ ዝተተሓሓዘን ኣካል ናይ ዓለምና'ውን እዩ። እፅዋት ክሊ ቕናት ምድሪ ኣፍሪካ ኣካል ናይ ዓለምና ትሮፒካዊ ዝናብ ኣግራብ (Tropical Rain Forest) እዩ።

እዚ ክሊ ብዓበይቲ ኣግራብ ዝተሸፈነ፣ ዓመት ምሉእ ዝለዓለ መጠን ረስንን ዝናብን ዝርከበሉ፣ ዝለዓለ በዝሀ-ህይወት ዝሓቐፈ እዩ። ብመሰረት መፅናዕትታት ሳይንቲስትታት ዓለም ኣብ ሓደ ሄክታር ትሮፒካዊ ዝናብ ኣግራብ ኣስታት 600 ዝኾኑ ዝርያታትን ዓይነታትን ኣግራብ ይርከቡ። ብተመሳሳሊ መንገዲ'ውን ኣዝዮም ብዙሓት ዓይነታትን ዝርያታታትን ደቀቕቲ እንስሳታት ዝርከቡሉ እዩ። ኣብ ኣፍሪካን ካልኦት ክፍለዓለማትን ዝርከቡ እፅዋት ተፈጥሮ ክሊ ቅናት ምድሪን ካልኦትን ብሕልፊ ካርቦንዳይኦክሳይድ ዓለምና እናመፀዮን እናሰሓበን ስለዘትርፍዎ ኣብ ምስትኽኻል ነባሪ ኣየር ዓለምና ዓብዪ ግደ ዘለዎም እዮም። ካርቦንዳይኦክሳይድ ካብ ጋዛት ግሪን ሃውስ ሓደ ስለዝኾነ ናብ ከባቢ ኣየር (Atmosphere) ኣትዩ ምውዓይ-ዓለም ዘጋድድ ኬሚካል እዩ። ነዚ እዩ ድማ ብምኽንያት ምውዓይ -ዓለም ነባራ-ኣየር ዓለምና ኸይዛባዕ ብርሰት ኣግራብ ንከላኸል ከምኡ'ውን ኣግራባት ዓለምና ንዓቅብ

ብዝብል ዓለም-ለኸ ምንቅስቓሳት ዝካየዱ ዘለዉ። እፅዋት ኣውስትራልያን እስያን ዝርከቡ ከም ጫካታት ኣማዞን (ብራዚል) ዝመሳሰሉን እዮም። እፀዋት ተፈጥሮ ክሊ ቅናት ምድሪ ማእኸል ኣብ ተፋሳስ ኮንጎ ኾይኑ ካብ ቕናት ምድሪ ንሰሜን ደቡብን ኣስታት 600 ኪሎሜትሮ ዘሊቑ ዝኸይድ እዩ። ብኣንፈት ምዕራብ ብሃገራት ኮንጎ፣ ጋቦን፣ ካሜሩን ኣቢሉ ብገማግም ውቅያኖስ ኣትላንቲክ ክሳብ ሴራሊዮን ዝበፅሕ እዩ። ብዝተወሰነ መልክዑ'ውን ኣብ ምብራቓዊ ክፋል ደሴት ማዳጋስካር ይርከብ እዩ። ኣብ ዙርያ ተፈጥሮኣዊ እፅዋት ክሊ ቕናት ምድሪ ብኣንፈት ማእኸል፣ ደቡብን ሰሜንን ዝርከብ እፅዋት ተፈጥሮ ክሊ መሬት ሳዕሪ ሃሩር እዩ። እፅዋት ክሊ ሳዕሪ ምድሪ መብዛሕትኡ ብድርቂ ዝጥቃዕኳ እንተኾነ ኣብ ዓመት ካብ 500 ክሳብ 1500 ሚሊሜትር ዝናብ ይረክብ እዩ። ኣብ ዓመት ካብ ስለስተ ክሳብ ሸሞንተ ኣዋርሕ ምንም ዝናብ ዘይርክበሉ ድርቕ ዝበለ ከባቢ እዩ። ኣብ ሓፈሻዊ ስፍሓት ኣፍሪካ ኣስታት 60% ዝኾን ብእፅዋት ተፈጥሮ ክሊ መሬት ሳዕሪ ሃሩር ዝተሸፈነ እዩ።

እፅዋት ተፈጥሮ ምድረበዳ ኣፍሪካ ብዋናነት ኣብ ሰሃራን ናሚብን ዝርከብ ኮይኑ ዓመታዊ መጠን ዝናብ ኣዝዩ ውሑድን ትሕቲ 250 ሚሊሜትርን እዩ። መብዛሕትኡ ከባቢ ምድረበዳ ዝኾነ ዓይነት እፅዋት ዘይበቕሎ'ኳ እንተኾነ ኣብ ገለገለ ቦታታት ድርቂ ዝፃወሩን ብኣዝዩ ትሑት ጠሊ ኽቦቑሉ ዝኽእሉን እፅዋት (Succulent plants) ይቦቑሉ እዮም። ብተነፃፃሪ መንገዲ ካብቶም ኣብ ምድረበዳ ሰሃራ ዝርከቡ እፅዋት ዝሐሸ ተኽልታት ዝረኣየሉ ምድረበዳ ካላሃሪ እዩ። ምኽንያቱ ድማ ካብቲ ካብ ደቡባዊ ውቅያኖስ ኣትላንቲክ ዝነፍስ ዝሑል ምንያኖስ (Concurrent) ዝተወሰነ ጠሊ ስለዝረክብ እዩ። እፅዋት ተፈጥሮ ክሊ ሜዲተራንያን ኣብ እዋን ክረምቲ ደረቕ ኣብ እዋን ሓጋይ ድማ ዝናብ ዝርከብ ስለዝኾነ ኣብ ካልኦት ከባብታት ኣፍሪካ ፍልየ ዝበለ እፅዋት ተፈጥሮ እዩ ዘለዎ። ኣብዚ ዘቦቕሉ እፅዋት ከም ኦሊቭ፣ ኮርክ፣ ጁኒፐር፣ ኦክ (Olive tree, cork, Juniper, oak) ዝመሳሰሉን እዮም።

ኣፍሪካ ብዝተፈላለየን እንስሳት ዘገዳምን ዝተዓደለት እያ። ብኣሽሓት ዝቑፀሩ ዝርያታት እንስሳት ዘገዳም መጥበውቲ፣ ዓሳታት፣ ለመምቲ እንስሳት፣ ኣዕዋፍ፣ ሓሳኹን ኣራዊትን ካልኦትን ዝርከቡላ'ያ። እንስሳት ዘገዳም ኣፍሪካ ኣብ ዝተፈላለዩ ሃገራት ከካብ ዓይነቶም ተኣኪቦም ዝተዓቑቡሎም ቦታታት ኣለው እዮም። እዚኣቶም

ድማ ፓርክታት ይበሃሉ። ብሕልፊ እቶም ካብ ዓለም ዝርያኦም ዂይጠፍእን ኣብ ምምንማን ዝርከቡን እንሳሳት ዘገዳም ኣብ ምዕቃብ ዳርጋ ኩለን ሃገራት ኣፍሪካ ፓርክታት ኣዳልየን እየን። ካብዚኣቶም እቶም ዓበይቲ ፓርክታት ኣብ ታንዛንያ ዝርከብ ስርንጌቲ፣ ኣብ ኬንያ ኣምሶሴሊ፣ ኣብ ደቡብ ኣፍሪካ ክሩገር፣ ኣብ ኢትዮጵያ ኣዋሽ፣ እምባታት ሰሜን፣ ማጎን ነጭ ሳርን ፓርክታት ዝርከቡ እዮም። እንስሳት ዘገዳም ኣፍሪካ ወዲሰብ ቆርቦቶም፣ ኣስናኖምን ቐርኖምን ሸይጡ ገንዘብ ንምርካብ ብምድላይ በብእዋኑ ብዙሓት እንሳስት ዘገዳም ብመልክዕ ሃደን እናቐተለን እናብረሰን ይርከብ። ኣብ እፅዋት ተፈጥሮን እንስሳት ዘገዳም ፅዕንቶ ካብ ዘሕድሩ ቐንዲ ምክንያታት ልዑል ዕብየት በዝሒ ህዝቢ፣ ካብ ዓቕሙ ንላዕሊ መሬት ንመጋሃጫ ምውዓል፣ ዘይውሕሉል ኣገባብ ኣተሓራርሳ፣ ንነዳዲን ፋብሪካታትን ተባሂሉ ዝቖረፅ ኣእዋም ወዘተ ካብቶም ቐንድታት እዮም።

ኣብ ሞንጎ ደቂ ሰባት ማይን ኣዝዩ ዝጠበቐ ርክብ እዩ ዘሎ። እንተኾነ ቐረብ ዝስተ ማይ ምስቲ ድሌት ደቂ ሰባት /ብሕልፊ ኣብ ዘይማዕበላ ሃገራት/ ዝተረሓሓቐ እዩ። ብቐንዱ ኣብ ዓለምና ዘሎ ፅሩይ ዝሰተ ማይ ውሑድ እዩ። መብዛሕትኡ ብመልክዕ በረድ ኾይኑ ኣብ ከባብታት ሰሜናውን ደቡባውን ዋልታታት ዝርከብ'ዩ። እቲ ኣብ ከርሲ ምድሪ ዝርከብ'ውን ትሑት ኣብ ርእሲ ምዃኑ ምሉእ ብምሉእ ፅሬቱ ዝሓለወ ኣይኮነን። ኮይኑ ግና ማይ በብግዚኡ ዝህደስ ስለዝኾነ ጨሪሱ ክውዳእ ወይድማ ክሕንኮኽ እዩ ኢልካ ዝፍራሕ ኣይኮነን። ብሓፈሻ እንትረኣይ ቀረብ ማይ ኣብዞም ዝስዕቡ ኣርባዕተ ኩነታት ዝተደረኸ'ዩ። ማይ ዝርከብ ብመሰረት፡-

- ሀ/ እቲ ከባቢ ዘለዎ ጂኦሎጂካዊ ኩነታት (Geological Set up)
- ለ/ እቲ ማይ ዝርከበሉ ቦታ ብቐሊሉ ክብፃሕ /መጋዓዝያ/ ዝካኣል ወይድማ ዘይካኣል ምዃኑ።
- ሐ/ እቲ ማይ ዝርከበሉ ከውሒ ማይ ዘስርፅ ወይድማ ዘየስርፅ ምዃኑ (Porosity and permeability of rocks)
- መ/ ነባሪ ኣየር እቲ ከባቢ።

ኣድላይነትን ረብሓን ማይ ንወድሰብ ኣዝዩ ልዑል እዩ። ማይ ንደቕሰባት ኣዝዩ ኣድላይን ጠቓምን እዩ ካብ ዝበሃለሉ ምኽንያታት እዞም ዝስዕቡ ይርከቡዎም፤

i) ማይ ንዝርህፅ ሰውነትና መዝሓሊ እዩ።

ii) መብዛሕቶም ኣብ ውሽጢ ሰውነት ወዲሰብ ዝርከቡ ቅመማትን ኬሚካላት ምስ ማይ ጥራሕ እዮም ዝወሃሃዱን ዝተሓዋወሱን።

iii) ወዲሰብ ዝምገቦም ምግብታት ምስ ሰውነቱ ዝወሃሃድ ማይ ጥራሕ እዩ።

iv) ኣብ ውሽጢ ሰውነትና ዝርከብ ርስሓት ዝውገድ ብመልክዕ ፍታን፣ ሽንትን ረሃፅን ኾይኑ ብማይ ጥራሕ እዩ ዝፍፀም።

ሓደ ምሉእ ሰብ ኣብ መዓልቲ ብውሕዱ ክልተ ሊትሮ ማይ ክሰቲ ኣለዎ። ኾይኑ ግና ብፍላይ ሕፅረት ማይ ኣብ ዘለውዎም ከባብታት ዓለም እዚ ብቐሊሉ ክርከብ እንተዘይተኻኢሉ ሰባት ኣብ ዝምገብዎም ምግብታት'ውን ማይ ይረኽቡ'ዮም። መብዛሕትኡ ክፋል ኣፍሪካ ብሃፍቲ ተፈጥሮ ማይ ዝተዓደለት እያ። ብሕልፊ እቶም ብዙሓት ኣናእሽትን ዓበይትን ሩባታት፣ ዓበይትን ኣናእሽትን ቃላያት፣ ልዑል ዕቑር ሃፍቲ ማይ ከርሰ-ምድሪ ናይዚ መግለፅታት እዮም። ኮይኑ ግና ሃፍቲ ማይ ኣፍሪካ ብማዕርነት ዝተዘርግሐ ኣይኮነን። ኣብ ገለገለ ከባብታት እኹል ማይ ዘይርከቦ ኣሎ እዩ።

ሽሕኳ ኣፍሪካ ብሃፍቲ ማይ ዝተዓደለት እያ እንተተባህለ ቐረብ ዝስተ ማይ ግን ምስቲ ድሌት ህዝብታት ኣፍሪካ ዝጠዓዓም ኣይኮነን። ምኽንያቱ ኣጠቓቕማ ዕቑር ሃፍት ማይ ኣብዞም ዝስዕቡ ሓሙሽተ ቐንዲ እታዎታት ዝተደረኸ ስለዝኾነን ኣፍሪካ ድማ ዓቕሚ ስለዝንእሳን እዩ። ንሳቶም ድማ፤

i) ገንዘብ /ካፒታል/ የድሊ፣

ii) ዝሰልጠነ ክኢላ ሓይሊ ሰብ የድሊ፣

iii) ብነዊሕን ሓፂርን ትልምታት ዝተደገፈ ፖሊሲን መምርሕታትን።

iv) ብቐሊሉ ክብፃሕ ዝኽእል መርከቦ ዕቑር ሃፍቲ ማይ።

v) ዝተሳለጠ መንገድን መጓዓዝያን።

ብክለት ኣየር ቐንዲ መንቀሊ ምሽንቛር ኦዞን እዩ። ቐፀላ ኦዞን (Ozone Layer) ኣብ ከባቢ 25 ኪሎ ሜትር ካብ መሬት ልዕል ኢሉ ዝርከብ ጋዝ ኦክስጅን ($O_3$) እዩ። ብምኽንያት ምሽንቛር ኦዞን ናብ መሬት ዝፍኖ ጨረር ኣልትራቫዮሌት (Ultraviolet rays) ካንሰር ቆርበት፣ ዓይኒ ስውርነትን መጉዳእቲ ሓንጎልን ከብፅሕ ዝኽእል ሓደገኛ ጨረር እዩ። ብኽለት ሓመድ'ውን መንቀሊኡ በቶም ካብ ፋብሪካታት ዝወፁ ርስሓትን

መርዛም ኬሚካላትን ኾይኑ ውፅኢቱ ድማ ፍርያት ሕርሻ ብከም ካድሚየም፣ እርሳስ (Lead) ዝመሳሰሉን ኬሚካላት ተመሪዙ ኣብ ተጠቀምቱ ክሳብ ሞት ዘብፅሕ ፀገም ጥዕና ዘምፅእ ምኳኑ እዩ። ፌስታል'ውን ሓደ ምኽንያት ብኽለት ሓመድ እዩ። ፌስታል ኣብ ሓመድ እናተደርበየ ዝዘውር ኣየር ስለዝዓግት ብኽለት ሓመድ የስዕብ እዩ።

## 10. ኣገባብ ፈተሻን ገምጋምን

ቐንዲ ኣገባብ ገምጋም ተኸታታሊ ምዘና እዩ። ተኸታታሊ ምዘና ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ተጀሚሩ ክሳብ ዝፍፀም ዝግበር ከይዲ ኾይኑ ዕላምኡ ድማ ተምሃሮ ብመሰረት ሲለበስ ዝተሓንፀፁ ውፅኢታት ትምህርትን ብቕዓታትን ብዝግባእ ዝጨበጡ ምኳኖምን ዘይምኳኖም ንምረግገፅ እዩ። መምህር! ካብ ሓደ ንኡስ ርእሲ እዚ ምዕራፍ ናብቲ ኻልእ ቕድሚ ምስጋርኩም ሓደ ተምሃራይ እቶም ተደለይቲ ብቕዓታት ምውናኑ ኽተረጋግፁ ኣለኩም። ሓደ ተምሃራይ እንተወሓደ እዞም ዝስዕቡ ብዝተወሰነ ደረጃ'ኳ ይኹን (The Minimum Requirement Level) ክውንንን ከማዕብልን ይግባእ። ንኣብነት ድማ፡-

- ዝርግሐ እፅዋት ተፈጥሮ ኣፍሪካ ኣብ ካርታ የለልይ። ከምኡ'ውን የመላኽት/ተማላኽት።
- ቐንዲ እንስሳት ዘገዳም ኣፍሪካ ይፈሊ/ትፈሊ ከምኡ እውን ምስ ከባቢኡ ከመይ ከምዝዛመድ ይገልፅ/ትገልፅ።
- ተኽልታትን እንስሳትን ኣካል ስርዓተ-ምህዳር ከምዝኾኑ ይግንዘብ ይፈልጥ/ትፈልጥ።
- እንስሳት መንበሪኦም እንተወዲሙ ንኣብነት እውን ከምዝበርሱ የረጋግፅ።
- ደቂ ሰባት ኣብ እንስሳት ዘሕድርዎም ዕዕንቶታት ይገልፅ/ትገልፅ።
- ምዝባዕ ነባሪ ኣየር ክንከላኸሎ ከምእንኽእል ይግንዘብ/ትግንዘብ።
- ኣብ ደቂ ሰባትን ማይን ዘሎ ዝምድና የብርሀ።
- ኣብ ኣፍሪካ ዘሎ ቐረብን ሕፀረትን ዝስተ ማይ የረጋግፅ።
- መንቀልታትን ሳዕቤናትን ስግኣታት ዝስተ ማይ ኣፍሪካ ይገልፅ።
- ስግኣታት ሃፍትታት ሓመድ ኣፍሪካ የለልይ።

- መንቀልታት ብኽለት ከተማታት ይትንትን/ትትንትን።
- ዕቀባ እፅዋት ተፈጥሮ ምስ ዕቀባ ካልኦት ሃፍትታት ተፈጥሮ የዛምድ/ተዛምድ።
- ብኽለት ኣየርን ማይን ከመይ ምቁፅፃር ከምዝካኣል ይገልፅ።
- ኣብ ሓለዋ ዕርየት ማይ ንምስታፍ ድልየት የርእይ።

ስለዚ መምህር! ዝኾነ ዕዮ ጉጅለ፣ ሕቶን መልስን፣ ምይይጥ፣ ፅሑፍ ፈተና፣ ሰሪሕኻ ምርኣይ፣ ክትዕ፣ ትምህርታዊ ጉዕዞ፣ ወዘተ እንትካየድ ነዞም ኣብ ላዕሊ ዝተዘርዘሩ ውፅኢታትን ብቕዓታትን ትምህርቲ ዘማዕብሉ ዘራጉዱን ዘብርሁን ክኾኑ ኣለዎ። በዚ ተኸታታሊ ምዘና ኣቢልኩም ድማ ልዕሊ ትፅቢትን ትሕቲ ትፅቢትን ዘመዝገቡ ተምሃሮ ንምፍላይ ተጠቐምሉ። ነቶም ልዕሊ ትፅቢት ዘመዝገቡ ተምሃሮ ተወሳኺ መልመድታትን ስራሕቲ ፕሮጀክትታትን ክሰርሑ ብምግባር መጠናኸሪ (Enrichment) ንጥፈታት ክካይዱ ይግበሩዎም። ነቶም ትሕቲ ትፅቢት ዘመዝግቡ ድማ ተወሳኺ ትምህርቲ ብምሃብ ብመዳይ ቱቶርያል ፍሉይ ሓገዝን ካልእን ኣጠናኸሩዎም።

## 11. መልሲ ንመልመድታትን መጠቓለሲ ሕቶታትን

✓ **መልሲ ንመልመዲ 3.1**

| | | | | | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| ሀ) | 1. | ለ | 2. | መ | 3. | ሐ | 4. | ሀ | 5. | መ |
| ለ) | 1. | ሓቂ | 2. | ሓሶት | 3. | ሓሶት | 4. | ሓቂ | 5. | ሓቂ |

✓ **<u>መልሲ ንመልመዲ 3.2</u>**

| | | | | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| 1. | ሀ | 2. | መ | 3. | ለ | 4. | ሐ | 5. | ሐ |

✓ **ንመጠቓለሊ ሕቶታት ዝተዳለወ መልሲ**

**ሀ. ሕቶታት ሓቂ ወይድማ ሓሶት**

| | | | | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| 1. | ሓሶት | 2. | ሓቂ | 3. | ሓቂ | 4. | ሓቂ | 5. | ሓሶት |

**ለ. ትኽክለኛ መልሲ ምረፁ።**

| | | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|
| 1. | ለ | 2. | መ | 3. | መ | 4. | ሀ |

**ሐ/ ኣዛምዱ**

| | | | |
|---|---|---|---|
| 1. ለ | 2. ሸ | 3. በ | 4. ሀ |
| 5. ሐ | 6. ረ | 7. መ | |

**መ/ ሓጺር መልሲ ሃቡ**

1. ኣብ ሞንጎ እቶም ኣብ ሓደ ዝተወሰነ ኸባቢ ዝርከቡ ኩሎም ዓይነታት ሃፍቲ ተፈጥሮ /ሓመድ፣ ማይ፣ እንስሳት፣ እፅዋት፣ ብርሃን ፀሓይ፣ ደቂ ሰባት ወዘተ/ ዘሎ ርክብን ምትእስሳርን ስርዓት-ምህዳር ይበሃል።
2. እፅዋት ተፈጥሮ ክሊ ቕናት ምድሪ ዓመት ምሉእ ልዑል መጠን ዘለዎ ዝናብ ዝረክብ እንትኾን እፅዋት ክሊ ምድረበዳ ብኣንፃሩ ኣዝዩ ትሑት ዝናብ ዝረክብ እዩ። እፅዋት ተፈጥሮ ቕናት ምድሪ ብኣዝዮም ነዋሕቲን ረጎድትን ኣግራብ ዝተሸፈነ ፃዕዳ ዘለዎ ዱር እንትኾን ምድረበዳ ዳርጋ ዝኾነ ዓይነት ዱር ዘይርከቦን ሓልሓለፉ ከምቁልቋልን ዓሻኽ እፅዋት ዝቦቕሉሉ እዩ።
3. ብምግብነት የገልግሉ፣ ካብ ፍግረ መሮት ይከላኸሉ፣ ንመሰርሒ ገዛ ይጠቕሙ፣ ንኢንዱስትርታት ጥረ ኣቕሓ ይኾኑ፣ ንምድላው መድሓኒታት ይውዕሉ፣ ዝናብ ይስሕቡን ኩነታት ከባቢ ኣየር የመሓይሹን፣ ፍልፍል እቶት ቱሪዝም እዮም።
4. በዝሃ ህይወታውን ኩሎም ህይወት ዘለዎም ደቀቕቲ ነፍሳት፣ ማያውን ምድራውን እንስሳታት፣ ኣዕዋፍ፣ እፅዋትን ካልኦት ህይወት ዘለዎም ነገራትን ዝሓቆፈን ምስ መንበሪ ኸባቢኦም ዘለዎ ርክባት ዝሓወሰን እዩ።

# ምዕራፍ ኣርባዕተ

# ውራይ ህዝቢ

## 1. መእተዊ

*መምህር! እዚ ምዕራፍ ኣርባዕተ መፅሓፍ ትምህርቲ ሕብረተሰብ 7ይ ክፍሊ ብዛዕባ ውራይ ህዝቢ እዩ ዝድህስስ። ኣብዚ ምዕራፍ'ዚ ተምሃሮ ብጣዕሚ ኣገደስቲ ኣብዝኾኑ ጉዳያት እናተመያየጡን እናሓተቱን ክመሃሩ ትፅቢት ይግበረሎም። ውራይ ህዝቢ ዝብል ምዕራፍ ንተምሃሮ ኣብ ዕለታዊ መነባብሮ ማሕበረሰብ ኣዐርዩ ዝጠቕሞም መሰረታዊ ጉዳይ'ዩ። ስለዚ ሕድሕዱ መመያየጢ ዛዕባን ኣብ ክፍሊ ዝወሃብ ትምህርትን ክንድዝከኣል ተምሃሮ ኣፀቢቖም ክርድእዎም ምግባር ወሳናይ'ዩ። መምህር! ኣብዚ ምዕራፍ'ዚ ተምሃሮ ምስ ህዝቢ ተዛማዳይነት ዘለዎም ኣገደስቲ ዝበሃሉ ውራያት ህዝቢ ክመሃሩ'ዮም። ኣብዚ ምዕራፍ'ዚ ተምህርዎም ርእስታት ብዛዕባ ምስ ጉዳያት ህዝቢ ዝተኣሳሰሩ ዛዕባታት ክህልዉ'ዮም። ምስዚ ተኣሳሲሩ ብዋናነት*

- *ምግፋሕን ሳዕቤናትን ሕማም ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ብፍላይ ኣብ ኣፍሪካ፣*
- *ሳዕቤናት ቕልጡፍ ዕብየት ህዝቢ፣*
- *መሰል ህፃናትን ክግበሩ ዝግብኦም ጥንቃቐታትን፣*
- *ቃልሲ ኣንፃር ምግሃስ መሰላት ህፃናት እንታይ መልክዕ ክህልዎ ከምዝኽእል፣*
- *ሕፅረት (ስእነት) ሰናይ ምምሕዳር ኣብ ሃገራት ኣፍሪካ ብኣብነት ይድገፉ ከምኡ'ውን*
- *ኣብ መወዳእታ ምስ ምሕዝነትን ኣጋርነትን ሃገራት ኣፍሪካ ብዝምልከት ዝርዝር ርእስታት ተዳልዮም'ለዉ።*

*ምስዚኦም ዝተኣሳሰሩ ዓበይቲ ቁምነገራትን ዝመሳሰሉን ዛዕባታት ይርከብዎም። መምህር! እዚ ምዕራፍ ውራይ ህዝቢ ን17 ክፍለ ግዝያት ዝተዳለወ'ዩ። እዚ ምዕራፍ እንትዳለው ተሓሳቢ ተገይሮም ዝተወሰዱ ዕላማታት እንትንርኣይ ኣብ መወዳእታ'ዚ*

ምዕራፍ'ዚ ተምሃሮ ነዞም ዝስዕቡ ቀንዲ ውራያት ህዝቢ ኣፀቢቖም ይፈልጡን ይርድኡን፣ ካብዚ ንታሕቲ ዘለዉ ክእለታትን ግንዛበታትን ብዕሙቐት ክጥርዩ'ዮም ዝብል'ዩ ተቐሚጡ። እዚኦም ድማ ዝስዕቡ'ዮም፤

- ሕማም ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ኣብ ማሕበረ-ኢኮኖሚያዊ ምዕባለ ኣፍሪካ ዘለዎ ሳዕቤናትን ፅዕንቶን ይትንትኑ።
- ሳዕቤናት ቕልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ሃገራት ኣፍሪካ ይትንትኑ።
- መሰል ህፃናትን ምስ ምግሃስ መሰል ህፃናትን ዝተኣሳሰሩ ጉዳያት የብርሁ።
- ሳዕቤን ስእነት ሰናይ ምምሕዳር ኣብ ኣፍሪካ የረድኡ።
- ሕፅረት (ስእነት) ሰናይ ምምሕዳር ኣብ ኣፍሪካ ዘስዕብዎ ፅልዋታት ይዝርዝሩ።
- ጂኦግራፊያዊ ሽፋንን ዕላማታትን ከባብያዊ ውድባት ኣፍሪካ የለልዩ።
- ሃገራት ምሕዝነትን ኣጋርነትን ዞባዊ ቀጠናታት የነፅሩ።

## 2. ውፅኢታት'ዚ ምዕራፍ

መምህር! ኣብ መወዳእታ'ዚ ምዕራፍ ብቕዓት ተምሃሮ ምዕቃን የድልይ'ዩ። ስለዚ ነዚ ምዕቃን ብቕዓት ምእንታን ክሕግዝ ተምሃሮ ኣብ መወዳእታ'ዚ ምዕራፍ ምስተምሃሩ፤

- ምስፍሕፋሕን ፅዕንቶን ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ኣብ ኣፍሪካ ይትንትኑ።
- ቀንዲ ሳዕቤናት ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ኣፍሪካ የብርሁ።
- ብዛዕባ ኣብ ከባቢኦም ዘሎ ፅዕንቶ ቕልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ሓፂር ፀብፃብ ይፅሕፉ።
- ትሕዝቶታት ስምምዕነት ውድብ ሕቡራት መንግስታት ኣብ መሰል ህፃናት የለልዩ።
- ኣብ ከባቢኦም ዝፍፀሙ ምግሃስ መሰል ህፃናት ይገልፁ።
- ንዓርሶም ካብ ምግሃስ መሰል ህፃናት ከመይ ከምዝከላኸሉ ይፈልጡ።
- ኣብ ኣፍሪካ ዘሎ ስእነት ሰናይ ምምሕዳር ኣብነታት እናሃቡ የብርሁ።
- ኣብ ከባቢኦም ዘሎ ፅቡቕን ሕማቕን ምምሕዳር ኣመልኪቶም ሓፂር ፀብፃብ ይፅሕፉ።
- ከባብያዊ ውድባት ኣፍሪካ ይፀርሑ።

- ኣባል ሃገራት እዞም ውድባት የለልዩ።
- ዕላማታት ኣጋርነት ከባብያዊ ውድባት ኣፍሪካ ይግንዘቡ።
- ኣመሰራርታ ውድብ ሓድነት ኣፍሪካን ናብ ሕብረት ኣፍሪካ ምቕያሩን ይገልፁ።

## 3. መዐቀንታት'ዚ ምዕራፍ

- ምስፍሕፋሕን ፅዕንቶን ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ኣብ ኣፍሪካ ይትንትኑ።
- ቀንዲ ሳዕቤናት ፅብየት በዝሒ ህዝቢ ኣፍሪካ የብርሁ።
- ብዛዕባ ኣብ ከባቢኦም ዘሎ ፅዕንቶ ቅልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ሓፂር ፀብፃብ ይፅሕፉ።
- ምኽንያታት ስእነት ሰናይ ምምሕዳር ኣብ ኣፍሪካ የብርሁ።
- ኣብነታት ፅቡቕን ሕማቕን ኣሰራረሓታት ምምሕዳር ከባቢኦም ሓፂር ፀብፃብ የዳልዉ።
- ንመሰል ህፃናት ዝድግፉ ሰነድ ውድብ ሕቡራት መንግስታት የለልዩ።
- ኣብ ከባቢኦም ዘለዉ ምግሃስ መሰል ህፃናት ይነቕፉ።
- ንዓርሶም ካብ ምግሃስ መሰል ህፃናት ከመይ ከምዝከላኸሉ የብርሁ።
- ወዲንነት እንታይ ከምዝኾነ ይገልፁ።
- ከባብያዊ ውድባት ኣፍሪካ ይፀርሑ።
- ኣባል ሃገራት እቶም ውድባት የለልዩ።
- ሽቶታት ከባብያዊ ውድባት ኣፍሪካ ይግንዘቡ።
- ኣመሰራርታ ውድብ ሓድነት ኣፍሪካ ይገልፁ።
- ውድብ ሓድነት ኣፍሪካ ናብ ሕብረት ኣፍሪካ ምቕያሩ ይገልፁ፣ የረድኡ።

## 4. ዝተመደቡ በዝሒ ክፍለ ግዝያት

መምህር! ነዚ ምዕራፍ ሓደ ትምህርቲ ሕብረተሰብ 7ይ ክፍሊ ዝተመደበ ጠቕላላ ክፍለ ግዘ 17 እዩ።

# 5. ቀንዲ ትሕዝቶ'ዚ ምዕራፍ

ኣብዚ ምዕራፍ'ዚ ተምሃሮ ክፈልጥዎም ዝግብኦ ተባሂሎም ዝተሓረዩ ኣገደስቲ ዝኾኑ ሓሙሽተ ርእስታት ኣለዉ። ተምሃሮ ምስ ጉዳያት ህዝቢ ተኣሳሲሮም ካብዘለዉ ጉዳያት ውሽጢ ብዛዕባ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ምስ ኣተኩሮ ህዝብን ብተዛመደ መልክዑ ክመሃሩ'ዮም። ካብዚ ብተወሳኺ ምስፍሕፋሕን ፅዕንቶን ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ኣብ ኣፍሪካ፣ ሳዕቤናትን ፅዕንቶን ቕልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ፣ ዘይምምቕጣን ሃፍትን ድልየትን፣ ስእነት ስራሕን ድኽነትን፣ መሰላት ህፃናትን ደሕንነቶምን፣ መሰል ህፃናት ዝድግፉ ሕግታት፣ መልለዪ መንገድታት፣ ኣብነታት ስእነት ሰናይ ምምሕዳር ኣብ ኣፍሪካ ከምኡ'ውን መደባት ኣጋርነት ዝምልከቱ ርእስታት ኣለዉ። ስለዚ መምህር! ቀንዲ ትሕዝቶ'ዚ ምዕራፍ እዞም ዝስዕቡ እዮም።

## 4.1 ምስ ህዝቢ ዝተዛመዱ ጉዳያት

4.1.1 ምስፍሕፋሕ፣ ዝርግሐን ሳዕቤናትን (ፅልዋን) ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ኣብ ኣፍሪካ

ሀ. ሳዕቤናት ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ፤

ለ. ምግፋሕ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ፤

ሐ. ዝርግሐ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ኣብ ኣፍሪካ፤

መ. ዘጋጥሙ ሳዕቤናት ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ፤

ኣብ ስድራ ዝፈጥሮ ፅልዋ፤

ኣብ ማሕበራዊ ግልጋሎት ዝፈጥሮ ፅልዋ፤

ኣብ ኢኮኖሚያዊ ልምዓት ዝፈጥሮ ፅልዋ፤

4.1.2 ሳዕቤንን ፅዕንቶን ቕልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ

ሀ. ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ኣብ ምምቕጣን ሃፍቲ፤

ለ. በዝሒ ህዝብን ኣብ ድኽነትን ስራሕ ስእነትን ዘለዎ ፅልዋ፤

ሐ. መጠንን ፀቕጢ ህዝቢ፤

## 4.2 መሰላትን ደሕንነትን - ጉዳያት መሰላትን ክግበሩ ዝግብኦም ጥንቃቐታትን

ሀ. ውዳበታት ህፃናት፤

ለ. ዕላማታት ውዳበታት ህፃናት፤

ሐ. መትከላት ውዳበታት ሓለዋ ህፃናት፤

መ. ኣንፈት ኣፈፃፅማ ውዳበታት ሓለዋ ህፃናት፤

ሰ. ንህፃናት ሓደጋ ካብዘብፅሑ ጉዳያት ምክልኻል

- ኣስተምህሮ ምሃብ፤
- ሕብረተሰብ መሰረት ዝገበሩ ፕሮጀክታት ምህላው፤
- መራኸብቲ ሓፋሽ፤
- ዘይመንግስታዊ ትካላት፤

ረ. ብህፃናት ክግበሩ (ክፍፀሙ) ዝግበኦም ጥንቓቐታት፤

4.3 ምርሕግጋፅ ስርዓት ሰናይ ምምሕዳር ኣብ ኣፍሪካ

4.3.1 ሰናይ ምምሕዳር፣ ልምዓትን ዲሞክራሲን፤

ሀ. ተሓታትነትን ግልፅነትን፤

ለ. ተሳትፎን ምብቃዕን ህዝቢ

ሐ. ልዕልነት ሕጊ ምርግጋፅ

ልዕልነት ሕጊ ከማልኦም ዝግብኡ ነጥብታት፤

ተራ ኣብያተ ፍርዲ ኣብ ምኽባርን ምርግጋፅን ልዕልነት ሕጊ፤

ነፃነትን ተሓታታይነትን ኣብያተ ፍርዲ፤

ብሕታዊ ነፃነት ዳያኑ

ተሳትፎ ፈፀምቲ ኣካላት ኣብ ልዕልነት ሕጊ፤

4.3.2 ንሰናይ ምምሕዳር ዝፃብኡ ጉዳያት

ሀ. ግዕዝይናን ሳዕቤኑን፤

ለ. ዓለምለኻውን ሃገራውን ባህርይ ግዕዝይና፤

ሐ. ግዕዝይና ንምቁፅፃር ክውሰዱ ዝግብኦም ስጉምትታት፤

መ. ግዕዝይና ኣብ ሃገራት ኣፍሪካ መንቀሊ ምኽንያት ሕድሕድ ውግእን ኲናትን ነይሩ፤

4.4 መደባት ኣጋርነትን ሽርክና ዝተፈላለዩ ክባብያዊ ውዳበታት ኣህጉርና ኣፍሪካ

1. ውድብ ሕብረት ምዕራብ ኣፍሪካ (ECOWAS)
2. ደቡብ አፍሪካ ልምዓታዊ ማሕበረሰብ (SADC)
3. ሓበራዊ ዕደጋ ሃገራት ምብራቕን ደቡብን አፍሪካ (COMESA)
4. ውድብ ሕቡራት ኣፍሪካ (OAU)

## 6. ሓገዝቲ መምሀሪ መስተምሀሪ

- ብዛዕባ መመሓላለፍቲ መንገድታት ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ዝገልፁ ፖስተራት ካብ ቤት ፅሕፈት ምክልኻልን ምቁፅፃርን ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ወይድማ ቤት ፅሕፈት ጥዕና የምፅኡ።
- ብዛዕባ ጎደኢቲ ባህላዊ ልምድታት ዘመላኽቱ ዝተፈላለዩ ፎቶግራፋት፣ ፖስተራትን ስእልታትን ናብ ክፍሊ ሒዞም ይምፅኡ።
- መናእሰይን ሕብረተሰብን ኣብ ጉዳይ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ኣመልኪቶም ዝገብርዎ ዘተ ዘመልክት ካርቶን ስእሊ ይጠቐሙ። ኣብ ዓብዪ ወረቐት ምስኣል የድልይ።
- ምምቅቃል መሬት፣ ብርሰት ሃፍቲ ተፈጥሮን (ደን) ፍግረ መሬትን ዝምልከቱ ፖስተራትን ፎቶግራፋትን የዳልዉ።
- ስእላዊ መግለፂ መትከላት ሰናይ ምምሕዳርን ኣጋይሽ መንግስታዊ ኣብያተ ፅዮ ጣብያን
- ኮንቬንሽን መሰላት ህፃናት፣ መፅሄታት፣ ስእላዊ መግለፅታት መሰላት ህፃናትን ምግሃስ መሰላት ህፃናትን
- ምግላልን ምፅያፍን ዝምልከቱ ስእልታትን ፎቶግራፋትን
- ንስርፀት ትምህርትን መመያየጥን ዝኾኑ ሕቶታት ንጥፈት ዝተፅሓፈሉ ዓብዪ ወረቐት
- ስእላዊ መግለፂ ናህሪ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ
- ስእልታት ብርሰትን ፍግረ መሬት
- መሰላት ህፃናትን ምግሃስ መሰላት ህፃናትን ዝምልከቱ ስእላዊ መግለፅታት
- ኣርማ ኢ.ጋድን መድረኽ ሃገራት ተፋሰስ ሩባ ናይልን
- ካርታ ምብራቕ ኣፍሪካን ሃገራት መድረኽ ተፋሰስ ሩባ ናይል
- ሕገ መንግስቲ ኢ.ትዮጵያን መጣየሺ ኣዋጅ ሓባሲ ንብዓት ህፃናትን ደቂ ኣንስትዮን
- ንጥዕና ህፃናት ዝጎድኡ ስራሕቲ ዘመላኽቱ ስእልታት
- ፅሟቕ መሰላት ህፃናት ዘመላኽት ዝርዝር
- ናህሪ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ሃገርና ዘርኢይ ሰደቓ
- ዝርግሐ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ኣብ ኣፍሪካ ዘመልክት ሰደቓ
- ስእላዊ መግለፂ መትካላት ሰናይ ምምሕዳር

- ፓኬጅ ሰናይ ምምሕዳር ከተማታት፣ ሚኒስቴር ስራሕን ልምዓትን ከተማ፣ጉንበት 2001 ዓ.ም
- ፓኬጅ ሰናይ ምምሕዳር ወረዳታት ገጠር፣ ሚኒስቴር ህንፀት ዓቕሚ፣ ሰነ 1998 ዓ.ም


## 7. ፍልፍል ሓበሬታ


- በኢትዮጵያ የጎዳ ልምዶችና ኤች.አይ.ቪ/ኤድስ ያላቸው ትስስር፣ ኢ.ጎ.ባ.አ.ኮ (2001 ዓ.ም)፣ ከUFPA ጋር በመተባበር የተካሄደ ጥናት
- ፓኬጅ ሰናይ ምምሕዳር ገጠር ወረዳታት፣ ሰነ 1998 ዓ.ም
- የከተሞች መልካም አስተዳደር ፓኬጅ፣ ግንቦት 25 ቀን 2001 ዓ.ም
- የኢትዮጵያ ፌዴራላዊ ዲሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ ሕገ መንግሥት፣ 15 ነሓሰ 1987 ዓ.ም፣ ኣዲስ ኣበባ
- ሕጊ ቤተመንግስቲ፣ ኣዋጅ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ፣ 2000 ዓ.ም
- የህፃናትና ሴቶች ጉዳይ ዕምባ ጠባዊ ኮሚሽን ማቋቋሚያ ኣዋጅ
- ኣብ ምክልኻልን ምቁፅፃርን ኤች.አይ.ቪ/ኤድስ ስትራቴጂ መቀፃፀሊ ህዝባዊ ምልዕዓል፣ MoH and HAPCO (1997 ዓ.ም)
- የኢትዮጵያ ስነ ህዝብ ፖሊሲ፣ 1985 ዓ.ም
- የገንዘብና ኢኮኖሚያዊ ልማት ሚኒስቴር፤ የኢትዮጵያ ፌዴራላዊ ዲሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ መንግስት የዕድገትና የትራንስፎርሜሽን ዕቅድ (2003 — 2007)፣ ቅፅ ፩፣ ህዳር 2003፣ ኣዲስ ኣበባ።
- African Charter on Democracy, Election and Governance, (2007), AU.
- AIDS Epidemic Update, UNAIDS and WHO (2007).
- Governance for the future: Democracy and Development in the Least Developed Countries, (2006), UNDP
- AIDS Report in Ethiopia, Six Months Report, MoH and HAPCO (2007)
- Child Protection, A Handbook for Parliamentarians, IPU and UNICEF (2004)
- California Department of Health Services: Fact Sheet on Benefits of Family Planning, USA, (2003)
- Erin M. Brown, et al: Youth and the Global HIV/AIDS Crisis, (2002)

- Population Action International (1999), Forest Futures, Washington DC.
- Shiravasava, (1995), Democraphic Transition and Economic Development.
- Shalina Mahta, (2004), Understanding HIV/AIDS: Myths, Efforts and Achievements.
- Todaro, M (2004), Economic Development
- Uganda Aids Commission (2007), Scaling Up Strategic Planning on HIV/AIDS mitigations.
- World Bank, (2007), The World Bank's Commitment to HIV/AIDS in Africa, our agenda for action 2007 – 2011.
- WHO, (2005), Human Rights, Health and Poverty Reduction Strategy.
- UN, (1978), Children Right Convention
- UN, (1948), Universal Declaration of Human Rights

**Websites**

- www.un.org/history and organizational functions of UNO;
- www.au.org/transition from OAU to AU;
- www.globalization, Wikipedia;
- www.NBI.org/2010 Nile Basin Initiatives (Nile- Com)
- www.un.org/ world population
- www.au.org/ Regional Organizations: Establishment and membership


## 8. መምርሒ ንመምህር ምስ መፅሓፍ ተምሃራይ ዘለዎ ምትእስሳር

| ቑፅሪ ተርታ | ርእሲ | ዝርዝር ዕላማታት | ዝተመደበ ክፍለ ግዜ | ገፅ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ | ገፅ ኣብ መፅሓፍ | ፍልፍል |
|---|---|---|---|---|---|---|
| 4.1 | ምስ ህዝቢ ዝተዛመዱ ጉዳያት | | 7 | | | |
| 4.1.1 | ምስፍሕፋሕ፣ ዝርግሐን ሳዕቤናትን (ዕልዋን) ኤች.ኣይ.ቪ/ኤ | ሀ. ሳዕቤናት ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ<br>ለ. ምግፋሕ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ | 3 | | | |

| | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|
| | ድስ ኣብ ኣፍሪካ | ሐ. ዝርግሐ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ኣብ ኣፍሪካ<br>መ. ዘጋጥሙ ሳዕቤናት ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ<br>ኣብ ስድራ ዝፈጥሮ ፅልዋ<br>ኣብ ማሕበራዊ ግልጋሎት ዝፈጥሮ ፅልዋ<br>ኣብ ኢኮኖሚያዊ ልምዓት ዝፈጥሮ ፅልዋ | | | | |
| 4.1.2 | ሳዕቤንን ፅዕንቶን ኽልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ | ሀ. ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ኣብ ምምጥጣን ሃፍቲ<br>ለ. በዝሒ ህዝብን ኣብ ድኽነትን ስራሕ ስእነትን ዘለዎ ፅልዋ<br>ሐ. መጠንን ፀቕጢ ህዝቢ | 4 | | | |
| 4.2 | መሰላትን ደሕንነትን | | (6) | | | |
| 4.2.1 | ምግሃስ መሰል ህፃናት ምቅላስ ጉዳያት<br>- መሰላትን ክግበሩ ዝግብኦም ጥንቃቐታትን | ሀ. ውዳበታት ህፃናት<br>ለ. ዕላማታት ውዳበታት ህፃናት<br>ሐ. መትከላት ውዳበታት ሓለዋ ህፃናት<br>መ. ኣንፈት ኣፈፃፅማ ውዳበታት ሓለዋ ህፃናት<br>ሰ. ንህፃናት ሓደጋ | 3 | | | |

| | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|
| | | ካብዘብፅሑ ጉዳያት ምክልኻል<br>• ኣስተምህሮ ምሃብ<br>• ሕብረተሰብ መሰረት ዝገበሩ ፕሮጀክታት ምህላው<br>• መራኸብቲ ሓፋሽ<br>• ዘይመንግስታዊ ትካላት<br>ረ. ብህፃናት ክግበሩ (ክፍፀሙ) ዝግበኦም ጥንቓቐታት | | | | |
| 4.2.2 | ምርሕግጋፅ ስርዓት ሰናይ ምምሕዳር ኣብ ኣፍሪካ | | (3) | | | |
| | ሰናይ ምምሕዳር፣ ልምዓትን ዲሞክራሲን | ሀ. ተሓታትነትን ግልፅነትን<br>ለ. ተሳትፎን ምብቃዕን ህዝቢ<br>ሐ. ልዕልነት ሕጊ ምርግጋፅ<br>ልዕልነት ሕጊ ክማልኦም ዝግብኡ ነጥብታት<br>ተራ ኣብያተ ፍርዲ ኣብ ምኽባርን ምርግጋፅን ልዕልነት ሕጊ<br>ነፃነትን ተሓታታይነትን ኣብያተ ፍርዲ<br>ብሕታዊ ነፃነት ዳያኑ<br>ተሳትፎ ፈፀምቲ ኣካላት ኣብ ልዕልነት ሕጊ | 2 | | | |

| | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|
| | ንሰናይ ምምሕዳር ዝፃብኡ ጉዳያት | ሀ. ግዕዝይናን ሳዕቤኑን<br>ለ. ዓለምለኻውን ሃገራውን ባህርይ ግዕዝይና<br>ሐ. ግዕዝይና ንምቁፅፃር ክውሰዱ ዝግብኦም ስጉምትታት<br>መ. ግዕዝይና ኣብ ሃገራት ኣፍሪካ መንቀሊ ምኽንያት ሕድሕድ ውግእን ኲናትን ነይሩ | 1 | | | |
| 4.3 | መደባት ኣጋርነትን ሽርክና ዝተፈላለዩ ክባብያዊ ውዳበታት ኣህጉርና ኣፍሪካ | 1. ውድብ ሕብረት ምዕራብ ኣፍሪካ (ECOWAS)<br>2. ደቡብ ኣፍሪካ ልምዓታዊ ማሕበረሰብ (SADC)<br>3. ሓበራዊ ዕደጋ ሃገራት ምብራቕን ደቡብን ኣፍሪካ (COMESA)<br>4. ውድብ ሕቡራት ኣፍሪካ (OAU) | 4 | | | |
| ጠቕላላ ድምር | | | 17 | | | |

## 9. ኣግባብ ኣመሃህራ

መምህር! ኣብዚ ምዕራፍ ብዛዕባ ውራይ ህዝቢ ንኽምህሩ እንትዳለዉ ሓሙሽተ ርእስታት ን21 ክፍለግዝያት ከምዘምህሩ ሓሲቦም ቅድመ ምድላው ክገብሩ ይግባእ። ካብዚኦም እቲ ቀዳማይ ርእሲ / ርእሲ ንኣርባዕተ ክፍለግዘ ዝተዳለወን ብዛዕባ ምስ ህዝቢ ዝተዛመዱ ጉዳያት ኾይኑ ኣብ ምስፍሕፋሕ፣ ዝርግሐን ሳዕቤናትን (ፅልዋን) ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ኣብ ኣፍሪካ ዝምልከት'ዩ። መምህር! ቅድሚ ነዚ ርእሲ ንምምሃር ናብ ክፍሊ ምእታዎም ብዛዕባ'ዚ ርእሲ እኹል ቅድመ ምድላው ምግባር ከድልዮም'ዩ። ብዛዕባ ምስፍሕፋሕ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ኣብ ኣፍሪካን ብምኽንያት'ዚ ዝበፅሑ

ፅዕንቶታትን ሳዕቤናትን ካብ ዝተፈላለዩ መፅሄታትን መረዳእታታትን ኤንቴርኔት ኣሊሾም ፅቡቕ ግንዛበ ክሕዙ ይግብኦም። ነዚ መሰረት ገይሮም ዘዳልውዎ ትልሚ ምምሃር ምስትምሃር ብመሰረት'ዚ መበገሲ ኣግባብ ኣመሃህራ ክዋደድ ይግብኦ።

ስለዚ መምህር! ብልዕሊ እኹል ምድላው ምግባርም ሓገዝቲ መምህሪ መስተምህሪ ማቴርያላትን ብመሰረት ኣብ ተወሰኽቲ ሓበሬታ ንመምህር! ዘመልክቶ ካብ ኣገደስቲ ዝበሃሉ መፃሕፍቲ፣ መፅሄት፣ ጋዜጣን ካብ ሬድዮን ቴሌቪዥንን ዝውሰዱ ጠቐምቲ ቁምነገራት ክዋደዱ ይግባእ። ስለዚ ብመሰረት ከምዚ ዘመሰለ ኣገባብ ምድላው እንተተገይሩ ናብ ክፍሊ እንትኣትዉ ንተምሃሮ ኣብ 5ይን 6ይን ክፍልታት ዝተምሃርዎም ጉዳያት ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ንመበገሲ ንምዝኽኻር ይፈትኑ። ተምሃሮ ዝዝክርዎ እንተሃልዩ ይሕተትዎም። ካብ ዜና፣ መፅሄት፣ ጋዜጣ፣ ሬድዮን መፅሄትን ወይድማ ዘንበብክምዎ መፅሓፍ ዝረኸብክሙዎ እንተሃልዩ ግለፁ ብዝብል መበገሲ ሕቶ ምቕራብ ይግባእ'ዩ። ኣብ መወዳእታ ሳዕቤናት ምስፍሕፋሕ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ብዝምልከት ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዘለዉ ነጥብታት ብሓጺሩ እናፀሓፉ ይግለፁሎም። ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዘሎ ሰደቓ ኣብ ዓብዪ ወረቐት ብምስኣል ንተምሃሮ ዝርግሐ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ኣብ ኣፍሪካ እንታይ ከምዝመስል ብዝርዝር የረድእዎም። ኣብ መወዳእታ ተምሃሮ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ኣብ ስድራ፣ ኣብ ማሕበራዊ ግልጋሎትን ኣብ ኢኮኖሚያዊ ልምዓትን ዝፈጥሮ ፅልዋ ብዝምልከት ምስ ወለዶም መኺሮም ንኸመፁ ዕዮ ገዛ ይሃብዎም። ዝሰርሕዎ ድማ ኣብ ክፍሊ ከቕርብዎ ይግበሩ። ኣብ መወዳእታ ተምሃሮ ብጉጅለ ኾይኖም ኣብ ስርፀት ትምህርትን ንመመያየጢ ዝኾኑ ሕቶታት ንዋፈት ንክሰርሑ ይግበሩ። ብመሰረት እዚ ጉጅለ ፩ ካብ ቁፅሪ 1 — 4 ንዘለዉ ሕቶታት፣ ጉጅለ ፪ ካብ ቁፅሪ 5 — 8 ንዘለዉ ሕቶታት፣ ከምኡ'ውን ጉጅለ ፫ ካብ ቁፅሪ 9 — 12 ንዘለዉ ሕቶታት ሰሪሖም ክመፁ ይግበሩ።

መምህር! ቀፂሉ ብካልኣይ ደረጃ ዝቐርብ ርእሲ ቅድሚ ምምሃርም ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ 5ይን 6ይን ክፍልታት ዝተሓበሩ ከምኡ'ውን ኣብዚ መፅሓፍ ተምሃራይ 7ይ ክፍሊ ምዕራፍ ሓደ ብዛዕባ ቅልጡፍ በዝሒ ህዝብን ማሕበራዊ ፀገማትን ኣመልኪቶም ዝተሓበሩ ብዝርዝር ይርኣይዎም። ነዚ ከም መበገሲ ወሲድኩም ተምሃሮ ኣብ ሕሉፍ

ዝተምሃርዎም ነጥብታት እንታይ ከምዝነበሩ እናመያየጡ ብሕቶን መልስን መልክዕ የዘኻኽርዎም። ድሕሪ'ዚ ናህሪ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ዓለም እንታይ ከምዝመስል ብስእላዊ መግለጺ እናተሰነኹም መብርሂ ክትህብዎም ይግባእ። እዚ መግለጺ ኣብ ፀሊም ሰሌዳ ብዝፀሓፍ ሓጺር መግለጺ ፅሑፍ ዝስነይ ክኸውን'ለዎ። ምስዚ ብምትእስሳር ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ሰደቓ ናህሪ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ሃገርና ዝምልከት ዘሎ ብዓብዪ ወረቐት ተፃሒፉ ኣብ መንደቕ ክስቀልን ተምሃሮ ክመያየጡሉን ይግበሩ። ብድሕሪ'ዚ ድማ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ እንትንህር ኣብ ምምጥጣን ሃፍቲ ሃገር ዝህልዎ ኣሉታዊ ፀገም ብዝርዝር ይግለፁሎም።

ብምቕፃል ድማ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ኣብ ድኽነትን ስእነት ስራሕን ዘለዎ ፅልዋ ብዝርዝር ንተምሃሮ ይግለፁሎም። ከይዲ ምምሃር ምስትምሃርን ኣግባብ ኣመሃህራን ማእኸሎም ተምሃሮ ይኹኑ። ናህሪ ቅልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ኣብ ገጠርን ከተማን ዘለዎ ሳዕቤን ብዝስዕቡ ክልተ ነጥብታት ፀሚቖም ኣመያየጥን ኣሳታፊይን ብዝኾነ ኣገባብ ገለፃ ይግብሩሎም።

1. ኣብ ገጠር ምስ ምንካይ ስፍሓት ተሓራሲ መሬትን መግሓጫን ብምግንዛብን ምስ ቅድሚ 30 ዓመት ዝነበሮ ኩነት ብምንፅፃር ገለፃ ይግበሩን ምይይጥ የካይዱን፣
2. ኣብ ከተማ ምስ ስእነት ስራሕ፣ ካብ ገጠር ናብ ከተማ ዘሎ ፍልሰት፣ ኩነታት ገዛ ክራይ ወዘተ ተዛሚዱ ምርኣይን እዚ ድማ ቅልጡፍ ዕብየት ከተማታት ኣመልኪቱ ዝተዳለወ መረዳእታ ምፍታሽ ዝመሳሰሉ ብውነ የካይድዎም።

ኣስዒቦም ድማ መጠን ፀቕጢ ህዝቢ እንታይ ማለት ከምዝኾነን ከመይ ከምዝግለፅን ኣብ ፀሊም ሰሌዳ ብግልጺ ፅሑፍ ፅሒፎም ተምሃሮ ክመያየጡሉ ይግበሩ። ኣብ መወዳእታ ኣብ መጠቓለሊ ስርፀት ትምህርትን መመያየጥን ዝኾኑ ሕቶታት ንጥፈት ማእኸል ዝገበሩ ምይይጥ የካይዱ፣ ዕዮታት'ውን የስርሕዎም። ስለዚ ኣግባብ ኣመሃህራ'ዚ ርእሲ ሕቶን መልስን፣ ምይይጥ፣ ዕዮታትን ክፍልን ገዛን ዝተሰነዩ ሰሪሕኻ ምርኣይ፣ ሓፀርቲ ፅሑፋት ምቕራብ፣ ኣብ ዓብዪ ወረቐት ወይድማ ጨርቂ ፅሑፋትን ሰደቓታትን ብምድላው ንተምሃሮ ኣሳታፊይን ኮርኳሕን ኣቀራርባ ምግባር፣ ነዚኦም ብምልኦም ድማ ብገለፃን መጠቓለልን ዝተሰነዩ ዝርዝር መብርሂ ዝሓወሱ'ዮም።

መምህር! እቲ ሳልሳይ ርእሲ ተምህርዎ ብዛዕባ መሰላትን ደሕንነትን ህፃናት ዝምልከት'ዩ። ነዚ ርእሲ እንተምህሩ ምስ መፅሓፍ ተምሃራይ 5ይን 6ይን ክፍልታት ብምግንዛብን መበገሲ ሓሳብ ብምውሳድን ንመመያየጢ ዝኾኑ ሕቶታትን የዳልዉ። እዚ ንሽዱሽተ ክፍለግዝያት ዝተዳለወ ትምህርቲ ስለዝኾነ ንቅድም ብውድብ ሕቡራት መንግስታት ዓለም ዝተዳለወ ኮንቬንሽን መሰላት ህፃናትን ሕገ መንግስቲ ኢትዮጵያን መሰረት ብምግባር ምስ ተምሃሮ ተመያየጡሉ። ኣብ ድሕንነት ህፃናት ንተምሃሮ ንምስትምሃር ንቅድም መሰላት ህፃናት እንታይ ከምዝኾኑን ኣብ ኮንቬሽን መሰላት ህፃናትን ሕገ መንግስትን ዝተገለፁ ብምርኣይ ኣብ ቤት ትምህርትን ከባብን ዘለዉ ኩነታት እናተገናዘቡ ምይይጥ ክግበረሎም ይግባእ። መምህር! ነዞም መሰላት ህፃናት ኣብ ዓብዪ ጨርቂ ወይድማ ወረቐት ፅሒፎም ኣብ ውሽጢ ክፍሊ ናብ መንደቕ ሰቒሎም ተምሃሮ ሓደ ብሓደ ክፈልጥዎምን ክመያየጡሎምን ይግበሩ።

ብምትሕሓዝ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ "ህፃናት ጥዕንኦም ካብዝጎድእዎም ስራሕቲ ክሕለዉ ኣለዎም" ብዝብል ዝተመልከቱ ኣርባዕተ ስእልታት መሰረት ብምግባር ንተምሃሮ የመያይዎም። ንኣብነት

1. ንምንታይ'ዩ ህፃናት ጥዕንኦም ካብዝጎድእዎም ስራሕቲ ክሕለዉ ኣለዎም ዝበሃል?
2. ህፃናት ናብ ኲናት ክኣትዉን ብረት ክኣጥቁን ኣይፍቀድን ዝበሃል ንምንታይ'ዩ?
3. ህፃናት ብበትሪ ክግረፉ ኣይግብኦምን ዝበሃል ንምንታይ'ዩ?
4. ህፃናት ካብ ዓቅሚ ንላዕሊ ክሰርሑ ክግደዱ የብሎምን ዘበሃል ከ ንምንታይ እዩ?
5. ህፃናት ኣእምሮኦምን ኣካሎምን ከምኡ'ውን ስነ ልቦንኦምን መንፈሶምን ዝጎድእዎም ስራሕቲ ክሰርሑን ብኡ መጠን መቅፃዕቲ ክፍፀመሎምን ኣይግባእን ዘበሃል ከ ንምንታይ'ዩ?

ብምቕፃል መሰላት ህፃናት ንምሕላውን ንድሕንነት ህፃናትን እንታይ ክግበር ኣለዎ ብዝብል ሕቶ ንተምሃሮ የመያይጥዎም። ነዚ ምይይጥ መሰረት ብምግባር ብዛዕባ ውዳበ ህፃናት ኣመልኪቶም ኣብ ቤት ትምህርቲ ዝርከብ ፓርላማ ህፃናት መብርሂ ይሃብዎም። ኣብዚ ሕቶን መልስን ምስኣካየዱ ብዛዕባ ውዳበታት ህፃናትን ዕላማታቶምን ብዝምልከት ዝርዝር መግለፂ ይሃብዎም። ዕላማታት ውዳበ ህፃናት

ብግልፂ ምስ ተረድኦም ብምቕፃል ድማ ብዛዕባ መትከላት ውዳበታት ሓለዋ ህፃናትን ኣንፈት ኣፈፃፅማ ውዳበታት ሓለዋ ህፃናት ብዝምልከት ዝርዝር መግለፂ ይሀቡ። መምህር! ብዛዕባ ዕላማታት፣ መትከላትን ኣፈፃፅማን ውዳበታት ህፃናት እንተምህሩ ኣብ ሞንጎ ከይዲ ምምሃር ምስትሃር ሕቶን መልስን ከምኡ'ውን ምይይጥን ጉጅለ ዕዮን ከም ኣገደስቲ ኣግባብ ኣመሃህራ ገይሮም ክጥቀሙሎም ይግባእ። ኣብ መወዳእታ ክልተ ኣገደስቲ ርእስታት ኣለዉ። ካብዚኦም እቲ ሓደ ብዛዕባ ንህፃናት ሓደጋ ካብዘብፅሑሎም ጉዳያት ንምክልኻል ዝፍፅምዎም ዝግብኡ ተግባራት ብዝምልከትን ከምኡ'ውን ብዛዕባ ብህፃናት ክፍፀሙ ዝግብኦም ጥንቃቐታት ዝምልከትን ዝርዝር መብርሂ ይሃብዎም።

ኣብ ከይዲ'ዚ መብርሂ ሕቶን መልስን ምይይጥን ከምኡ'ውን ኮርኳሒ ጅምናዝየም ሓንጎልን ምጥቃም ወሰንቲ ጉዳያት'ዮም። ተምሃሮ ብዛዕባ ኣስተምህሮ ምሃብ፣ ሕብረተሰብ ማእኸል ዝገበሩ ፕሮጀክትታት ህፃናት ምድላው፣ ማእኸናት መራኸብቲ ሓፋሽ ምጥቃም፣ መንግስታውን ዘይመንግስታውን ትካላት ዝህልዎም ተራ ብዝምልከት ሓቲቶም መልስን መብርህን ሒዞም ክመፁ ይግበሩ። ኣብ መወዳእታ ድማ ንስርፀት ትምህርትን ጉጅለ ምይይጥን ዝኾኑ ሕቶታት ንጥፈት ስለዘለዉ ተምሃሮ ኣብ ውሽጢ ክፍልን ኣብ ገዝኦምን ሰሪሖምን ሓቲቶምን ንኽመፁ ብመልክዕ ዕዮ ይሃብዎም።

መምህር! ብዝበለፀ ዕሙቕት ኣግባብ ኣመሃህራ ንምክያድ ተምሃሮ ኣብ ከባቢኦም ብተደጋጋሚ ከም ልምዲ ዝውሰዱ መሰላት ህፃናት ዝግህሱ ተግባራት ንኣብነት ህፃናት ክዛረቡ ወይድማ ሓሳቦም ክገልፁ ዘይምፍቃድ፣ መግረፍቲ፣ ብሰንኪ ከብቲ ምጉሳይ (ምሕላው) ካብ ትምህርቲ ምትራፍን ካልኦትን ምምይያጥ ኣመልኪትኩም ኣመያይጥዎም። ምስዚ ብምትእስሳር ህፃናት መሰሎምን ደሕንነቶምን ዘኽብሩሉ ኣገባብ ምንፃር ጠመተ ዘድዮ ጉዳይ ምዃኑ ክዝክሩ ንደልይ። ንኣብነት ኣብ ፓርላማ ህፃናት፣ ምስ ኣመራርሓ ቤት ትምህርቲ፣ ምስ ፀጥታ ኣካላትን ንጉዳይ ህፃናት ዝከታተሉ መንግስታዊ ኣካላት ጉዳይ ማሕበራዊ ወይድማ ጉዳይ ደቂ ኣንስትዮ ዘለዎም ተግባርን ሓላፍነትን ብምፍላጥ ኣብዚ ዘሎ ክፍተት ምርኣይ ስለዘድልይ ንተምሃሮ ብንጥፈት የሳትፍዎም። በብትካሉ ዘለዉ ምስ ህፃናት ዝምድና ዘለዎም

ሕግታትን ኣሰራርሓታትን ንኣብነት ሕጊ ትራፊክ፣ ኣብ ቤት ትምህርቲ ዘሎ መምርሒ፣ ገበን ዝፈፀሙ ህፃናት ብዛዕባ ክበፅሖም ዝኽእል መቕፃዕቲ ወዘተ ዝምልከቱ ምይይጥ ምክያድን በዓል ሙያ መብርሂ ዝህበሉ ኩነታት ምፍጣርን ብጣዕሚ ኣገዳሲ'ዩ።

መምህር! ህፃናት መሰሎምን ግቡኦምን ብምፍላጥ ካብ ሓደጋ ዘምልጡሉ መንገድን ብፍላይ ድማ ካብ ሓደጋ ንምድሓን ዝግበር ጥንቃቐ ብትዕግስትን ብምምዝዛንን ተረጋጊኦም ብምሕሳብ ዝግበሩ ተግባራት ብውነ ንኽፈልጥዎም ኣብነት ካብ ከባቢኦም ብምውሳድ መብርሂ ይሃብዎም። ኣሳታፋይነትን ተምሃሮ ማእኸል ዝገበረ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ነዚ ርእሲ ምስራዕ ወሳናይ ተራ ኣለዎ። ስለዚ ንመሰላትን ደሕንነትን ህፃናት ዝምልከት ርእሲ እንተምህሩ ገለፃን መጠቓለልን ኣብ ሕድሕድ ክፍለግዘ ብስሩዕ ዝፍፀሙ ኣግባብ ኣመሃህራ እንተኾኑ ካብዚ ብተወሳኺ ሰደቓ፣ ስእላዊ መግለፅታት፣ ሕቶን መልስን፣ ምይይጥ ምስ ዕዮታት ክፍልን ገዛን፣ ሓፀርቲ ፅሑፋት ምስላጥ፣ ዕዮታት ጉጅለን ንባብን ክከም ኣግባብነቶም ዘድልዩ ኣገባብ ኣመሃህራ'ዮም።

መምህር! መበል ራብዓይ ርእሲ ኣብዚ ምዕራፍ ዘምህርዎ ብዛዕባ "ምርግጋፅ ስርዓት ሰናይ ምምሕዳር ኣብ ኣፍሪካ" ዝብል እንተኸውን እዚ ድማ ንሓሙሽተ ክፍለ ግዘ ዘተዳለወ እዩ። ንቅድም ኣብ 5ይ ክፍሊ መፅሓፍ ተምሃራይ ዝተምሃርዎ ንምዝኽኻር እኹል ምድላው ይግበሩ። ነዚ መሰረት ብምግባር ተምሃሮ እንታይ ከምዝዝክሩ ይሕተትዎም። ምርግጋፅ ስርዓት ሰናይ ምምሕዳር እንትበሃል ከ እንታይ ማለት ከምዝኾነን ከመይ ከምዝገልፅዎን ይሕተትዎም። ብድሕሪኡ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዘሎ ስእላዊ መግለፂ መትከላት ሰናይ ምምሕዳር ኣብ ዓብዪ ወረቐት ስኢሎም ንተምሃሮ ኣብዝርኣይ ቦታ ሰቒሎም ይግለፁሎም። መምህር! ነዞም መትከላት ሰናይ ምምሕዳር እንትገልፁ ብፌዴራላዊ መንግስቲ ኢትዮጵያ ኣብ ፓኬጅ ሰናይ ምምሕዳር ወረዳታት ገጠርን ከተማታትን ብሚኒስቴር ህንፀት ዓቕሚ ኣብ ወርሒ ሰነ 1998 ዓ.ም ዝተዳለወን ደሓር ድማ ብሚኒስቴር ስራሕን ልምዓትን ከተማታት ኣብ ወርሒ ጉንበት 2001 ዓ.ም ዝተዳለወን ንሓጋዚ መምህሪ መስተምህሪ ክኸውን ይጠቀሙሉ። ስለዚ ተምሃሮ ብዛዕባ መትከላትን መግለፅታትን ስርዓት ሰናይ

ምምሕዳር ዕቡኞ ኣረዳድኣ ክህልዎም ይሕግዞም ማለትዩ። ኣብዚ ገለፃ፣ ሕቶን መልስን፣ ንባብን ምይይጥን፣ ዕዮ ጉጅለ፣ ዕዮ ክፍልን ዕዮ ገዛን፣ ሓፀርቲ ፅሑፍ ምድላውን ምስ ከባቢያዊ ኩነታትን ምዝማድ ንኮርኳሒ ኣቀራርባ ክይዲ ምምሃር ምስትምሃር ሓጋዚ እዩ።

ብድሕሪ'ዚ ብዛዕባ ምትእስሳርን ዝምድናን ሰናይ ምምሕዳር፣ ዲሞክራሲ፣ ልምዓትን ሰላምን ተምሃሮ ክመያየጡሉ ይግበሩ። ተምሃሮ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዘሎ ፅሑፍ'ዚ ርእሲ ብደንቢ ገይሮም ክንብቡን ተረዲእዎም ክመፁን ይግበሩ። ዝተረድእዎ'ውን ሓፂር ፅሑፍ ክዳልዉ ይግበርዎም። ነዚ መሰረት ብምግባር ተሓታትነትን ግልፅነትን ብዝምልከት መብርሂ ይሃብዎም። ብዛዕባ ተሓታትነት እንትገልፁ ፋይናንሳዊ ተሓታትነት፣ ምምሕዳራዊ ተሓታትነትን ፖለቲካዊ ተሓታትነት ኣብዝብሉ መሰረታዊ ጉዳያት መብርሂ ይሃብዎም። ድሕሪ'ዚ ግልፅነት እንታይ ማለት ከምዝኾነ የረድእዎም። ስለዚ ተሓታትነትን ግልፅነትን ዝብሉ ክልተ መትከላትን መግለፅታትን ሰናይ ምምሕዳር ዘለዎም መሰረታዊ ትሕዝቶን ዝተኣሳሰሩሉ ባይታን ብግልፂ ንተምሃሮ የረድእዎም። ኣብነት እናተጠቐሙ'ውን መግለፂ ይሃቡ። ተሓታትነትን ግልፅነትን ብዝምልከት ኣብ ቤት ትምህርቲ ዘሎ ኣመራርሓን ምምሕዳርን ከም ኣብነት ወሲድካ'ውን ምስ ተምሃሮ ምምይያጥ ይከኣልዩ። ርእሳነ መመህራን፣ መምህራን፣ ድጋፍ ወሃብቲ ሰራሕተኛታትን  ተምሃሮን ዘለዎም ተሓታትነትን ግልፅነትን ሓደ ብሓደ ብዝርዝር ምርኣይ ስለዝከኣል ተምሃሮ ንክርድኦም ይጠቐሙሉ። ተሳትፎን ምብቃዕ ህዝብን ዝብል መትከልን መግለፅን ሰናይ ምምሕዳር ብተመሳሳሊ መልክዑ ይግለፁሎም። ድሕሪ'ዚ ልዕልነት ሕጊ ምርግጋፅ ንዝብል መትከልንመግለፅን ሰናይ ምምሕዳር ምስ ሕገ መንግስቲ ሃገርና ብምግንዛብ ዝርዝር መብርሂ ይሃቡ። እዚ መግለፂ እንትህቡ ዓንቀፅ 9ን 12ን ብፍሉይ እናንበቡ ተምሃሮ ብዛዕባ ልዕልነት ሕጊ ዘለዎ ሕገ መንግስታዊ ድጋፍ የረድእዎም። ኣብ ቤት ትምህርቲ ልዕልነት ሕጊ ዝተረጋገፀሉ ስርዓት ኣሎ ድዩ?

መምህር! ምስ ልዕልነት ሕጊ ብምትእስሳር ነዞም ዝስዕቡ መመያየጢ ነጥብታት ምግላፅ የድልይ'ዩ፤

1. ልዕልነት ሕጊ ከማልኦም ዝግብኡ
2. ተራ ኣብያተ ፍርዲ ኣብ ምኽባርን ምርግጋፅን ልዕልነት ሕጊ
3. ነፃነትን ተሓታትነትን ኣብያተ ፍርዲ

4. ብሕታዊ ነፃነት ዳያኑ
5. ተሳትፎ ፌፀምቲ ኣካላት ኣብ ልዕልነት ሕጊ

ነዞም ነጥብታት'ዚኦም እንተምህሩ ካብ ኣካላት ፍትሒ (ቤት ፍርዲ ወይድማ ቤት ዕሕፈት ፍትሒ) ዕዱም ጋሻ ምዕዋዕ ኣዐርዩ ጠቓምነት ኣለዎ። ዕዱም ጋሻ ነዞም መሰረታዊ ነጥብታት ምስ ኣብ ከባቢኹም ዝርከቡ ወድዓውን ጭቡጥን ኩነታት እናገናዘቡ ብኣብነት ኣደጊፎም መብርሂ ንክህቡ ይግበሩ። ተምሃሮ'ውን ብድፍረት ሕቶ ክሓቱን ክመያየጡን የተባብዕዎም። ድሕሪ'ዚ ንሰናይ ምምሕዳር ዘፃብኡ ጉዳያት ብዝምልከት ኣርባዕተ መሰረታዊ ጉዳያት ይግለፁ። እዚ ርእሲ እንተምህሩ ተምሃሮ ብዛዕባ ግዕዝይናን ብልሽውናን እንታይ ከምዝፈልጡ ይሕተትዎም። ተምሃሮ ብዛዕባ ግዕዝይና ንወለዶም ሓቲቶም እኹል መረዳእታ ሒዞም ንክመፁ የበረታትእዎም።

1. ግዕዝይናን (ብልሽውናን) ሳዕቤኑን
2. ዓለምለኻውን ሃገራውን ባህርይ ግዕዝይና
3. ግዕዝይና ንምቁፅፃር ክውሰዱ ዝግብኦም ስጉምትታት
4. ግዕዝይና ኣብ ሃገራት ኣፍሪካ መንቀሊ ምኽንያት ሕድሕድ ውግእን ኲናትን ምንባሩ

ብተመሳሳሊ ነዞም ነጥብታት'ዚኦም እንተምህሩ ካብ ኣካላት ፍትሒ (ፖሊስ ካብ ምክልኻል ገበን ወይድማ ክኢላ ስራሕቲ ግዕዝይና) ዕዱም ጋሻ ምዕዋዕ ኣዐርዩ ጠቓምነት ኣለዎ። ዕዱም ጋሻ ነዞም መሰረታዊ ነጥብታት ምስ ኣብ ከባቢኹም ዝርከቡ ወድዓውን ጭቡጥን ኩነታት እናገናዘቡ ብኣብነት ኣደጊፎም መብርሂ ንክህቡ ይግበሩ። ተምሃሮ'ውን ብድፍረት ሕቶ ክሓቱን ክመያየጡን የተባብዕዎም። ኣብ መወዳእታ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዝርከቡ ንስርፀት ትምህርትን ጉጅለ ምይይጥን ዝኾኑ ሕቶታት ንጥፈት ተምሃሮ እናተመያየጡ ክምልስዎም ይግበሩ። ስለዚ ነዚ ርእሲ እንተምህሩ ዕዱም ጋሻ ምዕዋዕ፣ ገለፃን መጠቓለልን ሓዊሱ ምስ ተምሃሮ ዝካየድ ሕቶን መልስን፣ ምይይጥን ዕዮ ጉጅለን ንኣግባብ ኣመሃህራ ብዝለዓለ መልክዑ ዘጠናኽርዎ እዮም። ሓፀርቲ ሕቶታትን ዕዮ ገዛን ከምኡ'ውን ዕዮ ክፍልን ሓገዝቲ እዮም። ኣብ ዓብዪ ወረቐት / ጨርቂ ምፅሓፍን ኣብ ፀሊም ሰሌዳ ብስርዓት ምፅሓፍን ንከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ዘነቓቕሕ ውዕኢታዊ ኣግባብ ኣመሃህራ እዩ።

ስለዚ መምህር! ብሓፂሩ ነዞም ዝስዕቡ ነጥብታት ብጥማር ምዕዛብ ኣገዳስነት ኣለዎ፤

- ብቐዳምነት መትከላትን ረብሓታትን ሰናይ ምምሕዳር ብክለሳ መልክዕ ናብ ምይይጥ ብምቕራብ ምዝኽኻርን መብርሂ ምሃብን
- ሓፈሻዊ ብሰንኪ ሰናይ ምምሕዳር ከጋጥሙ ዝኽእሉ ፀገማት ምግላፅን ነዚ ድማ ካብቲ ተወሳኺ ፅሑፍ ምርኣይ
- ግዕዝይናን ብልሽውናን እንታይ ምዃኑ ምግላፅን እዚ ጉዳይ ካብቶም ሕማቓት ስነ ምግባር ዝለዓለ ከምዝኾነን ምስ ተኣማንነት፣ ክሕደትን ስርቅን ዘለዎ ዝምድና ክፈልጡ ምግባር
- ኣብ ኣፍሪካ ዝነበሩ መራሕቲ ንኣብነት መራሒ ነበር ኮንጎ ሞቡቱን ማእኸላይ ኣፍሪካ ካልኦትን መብርሂ ብምሃብ ካብ ሃገሮም ዝሰረቕዎ ናብ ኣውሮፓ ባንክታት ከምዘቕምጥዎ
- ስእነት ሰናይ ምምሕዳር ዓለየታዊ ምሕደራ ስለዘስዕብን እቲ ገዛኢ ዓለየትን ኣናሳን ተረባሓይ ዘይኮነ ዓለየት ኣብ ከይዲ ሕድ ሕድ ውግእ ንኽልዓል ምኽንያት ይኸውን።
- ኣብ ሰናይ ምምሕዳር ብህዝቢ ድምፂ ዝተመረፀ ኣመራርሓ ክህሉ ናይ ግድን 'ዩ። ስለዚ ተምሃሮ ብቐዳምነት ብመንግስቲ ዝካየድ መረፃ ዘለዎ ምስሊ ክፈልጡ ምግባርን ከም ኣብነት ተምሃሮ ካብ ሞኒተር ጀሚሩ ስካብ ፓርላማ ተምሃሮ ዘሎ ንኽምረፁ ምልዕዓል ክገብሩ የበረታትዕዎም

ኣብ ሕድሕድ ክፍለግዘ መጠቓለልን ዕዮን ምሃብ ዘይርስዑ ኣገባባት ኣመሃህራ ይኹኑ።

መምህር! ኣብዚ ምዕራፍ ውሽጢ ሓምሻይ ርእሲ ኾይኑ ዝቐረበ ብዛዕባ መደባት ኢጋርነትን ሽርክናን ዝተፈላለዩ ከባብያዊ ውዳበታት ኣህጉር ኣፍሪካ ዝምልከት'ዩ። ነዚ ርእሲ ምምሃር ቅድሚ ምጅማሮም ተምሃሮ ኣብ ኣህጉር ኣፍሪካ ዝፈልጥዎም ከባብያዊ ውዳበታት ኢጋርነትን ሽርክናን ኢኮኖሚያዊ ልምዓትን ንግዳዊ ምንቅስቓሳትን እንተሃልዮም ይሕተትዎም። ስለዚ ኣብ ኣፍሪካ ብዙሓት ከባብያዊ ውዳበታት ኢኮኖሚያዊ ልምዓትን ንግዳዊ ምንቅስቓሳትን ከምዘለዉ ይሓብሩሎም። ካብዚኦም ውሽጢ ኣብ 6ይ ክፍሊ ዝተምሃርዎም ኢጋርነት በይነ መንግስታት ሃገራት ምብራቕ ኣፍሪካ ኣብ ልምዓት (ኢጋድ) ዝበሃልን መድረኽ ሃገራት ተፋሰስ ሩባ ናይል

ዝበሃልን ዝዋቀሱ ኣለዉ። ካብዚ ብተወሳኺ ኢኮኖሚያዊ ማሕበረሰብ ሃገራት ምዕራብ ኣፍሪካ (ኢኮዋስ)፣ ማሕበረሰብ ልምዓት ሃገራት ደቡብ ኣፍሪካ (ሳድክ)፣ ሓበራዊ ዕዳጋ ሃገራት ምብራቕን ደቡብን ኣፍሪካ (ኮሜሳ) ዝመሳሰሉ ይርከቡ'ዮም። ስለዚ እዚኦም እንታይ ዕላማ ዘለዎም ከምዝኾኑ ንተምሃሮ ብሓጺሩ ይግለፁሎም። ኣብዚ ምስ ተምሃሮ ምይይጥን ሕቶን መልስን ምክያድ ከድልይ ከምዝኾነ ብምርዳእ ንተምሃሮ ብንጥፈት የሳትፍዎም። ስለዚ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዘሎ ካርታ ኣባል ሃገራት ኢኮዋስ ኣብ ዓብዪ ወረቐት ስኢሎም ናብ ክፍሊ ይምፅኡ። ነዚ ዓብዪ ካርታን ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዘሎ ካርታን መሰረት ብምግባር ድማ ተምሃሮ ክመያየጡ ይግበርዎም። ንኣብነት ኣባል ሃገራት እንመን'ዮም?

ድሕሪ'ዚ ብዛዕባ ዕላማ ውድብ ኢኮኖሚያዊ ማሕበረሰብ ሃገራት ምዕራብ ኣፍሪካ (ኢኮዋስ) እንታይ ከምዝኾነን ብፍላይ ድማ ሒዝዎም ዝተበገሱ ዕላማታትን ዝወጠንዎ ኢኮኖሚያዊ ምትእስሳርን ብዝምልከት ንተምሃሮ ይግለፁሎም። ካብ ውሽጢ ዝተቐመጡ ዕላማታት ነዞም ዝስዕቡ ንረክብ፤ ሰላምን ምርግጋዕን ምፍጣር፣ ተስፋሕፋሕነትን ወራርን ምውጋድ፣ ኣብ ሞንጎ ኣባል ሃገራት ባህላውን ስፖርታውን ውድድርን ምጉልባት፣ ዝተፈላለዩ ምግሃስ ሰብኣዊ መሰላት ምቅላስን ምውጋድን፣ ኣብ ሞንጎ ኣባል ሃገራት ዘጋጥም ምስሕሓብ ዶብ ምፍታሕ፣ ፋይናንሳዊ ትካላት ምጥያሽ፣ ኢኮኖሚያዊ ምትእስሳር ምጉልባትን ሓባራዊ ዕዳጋ ምፍጣርን ወዘተ ይርከብዎም። መምህር! ኢኮዋስ ኣብ ኣህጉር ኣፍሪካ ካብዘለዉ ከባብያዊ ውዳበታት ዝሓሸ ምዕባለ ዘለዎ ምዃኑ ንተምሃሮ ይግለፁሎም። መምህር! ብዛዕባ ኢኮዋስ እንተምህሩ እዋናዊ መረዳእታታት ንምርካብ ኢንቴርኔት ተጠቒሞም ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይን መምርሒ ንመምህርን ዘለዉ መረዳእታታት ይራጉድዎም። ኢኮዋስ ዝፈጠርዎም ኢኮኖሚያዊ ምትእስሳር እንታይ ከምዝኾኑ ብዝርዝር ንተምሃሮ የረድእዎም። ኣብ መወዳእታ ተምሃሮ ብዛዕባ ኢኮዋስ ብስርዓት ዝተረድኦም ምዃኑ ይሕተትዎም። ዕዮ ገዛን ዕዮ ክፍልን እናሃቡ'ውን ስርፀት ትምህርቲ የጠናኽርዎ። ተምሃሮ ካብ ኢንቴርኔትን ቤተ ንባብን ብዝረኽብዎም መረዳእታ ተበጊሶም ሓፀርቲ ፅሑፋት ክዳልዉ ይገብርዎም።

ብምቕፃል ብዛዕባ ማሕበረሰብ ልምዓት ሃገራት ደቡብ ኣፍሪካ (ሳድክ) ብዝምልከት መግለፂ ቅድሚ ምሃቦም ንተምሃሮ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዘሎ ፅሑፍ ኣንቢቦም

ንክመፁ ዕዮ ገዛ ይሃብዎም። ብድሕሪኡ ብሕቶ ገለፃ ትምህርቲ ይጀምሩ። ተምሃሮ ብዛዕባ ሳድክን ኢኮዋስን ክፈልጡ ስለዘይኽእሉ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዘለዉ ካርታታት ኣባል ሃገራት እዞም ውድባት ኣብ ዓብዪ ወረቐት ስኢሎም ናብ ክፍሊ ሒዞም ይምፅኡ። ነዚ ዓብዪ ካርታን ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዘሎ ካርታን መሰረት ብምግባር ድማ ተምሃሮ ክመያየጡ ይግበርዎም። ንኣብነት ኣባል ሃገራት እንመን'ዮም? መምህር! ሳድክ ኣዝዮም ብጣዕሚ ጠቐምቲ ዝኾኑ ዓበይቲ ስራሕቲ እናሰርሐ ዝርከብ ስለዝኾነ ነዚኦም ብዝርዝር ተምሃሮ ንክፈልጥዎም ኣብ ፀሊም ሰሌዳ ይፅሓፉሎም። ንኣብነት ምትእስሳር ማሕበረ ኢኮኖሚያዊ ኩነታት ሃገራት፣ ምክልኻል ፀጥታን ፖለቲካዊ ኩነታት ሃገራትን፣ ኣብ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስን ውሕስነት ምግብን ብሓባር ምስራሕን ምትላምን፣ ብትራንስፖርትን መሰረተ ልምዓት ዝርግሐን ምትእስሳር፣ ጎንፂ ሕድ ሕድ ዲሞክራቲክ ሪፐብሊክ ኮንጎ ኣብ ምፍታሕ፣ ኩነታት ዚምባብዌ ኣብ ምክትታል፣ ዕዳጋ ኣብ ምፍጣርን ዝሐሸ ልውውጥ ንግዲ ንምፍፃም ምችው ባይታ ዝህልወሉ ዕድል ምምችቻውን ወዘተ ዝመሳሰሉ ይርከብዎም። መምህር! ተምሃሮ ነዚኦም ኣፀቢቖ ክፈልጥዎምን ክመያየጡሎምን ይግበሩ። ኣብ መወዳእታ ተምሃሮ ብዛዕባ ኢኮዋስ ብስርዓት ዝተረድኦም ምኻኑ ይሕተትዎም። ስለዚ ዕዮ ገዛን ዕዮ ክፍልን እናሃቡ'ውን ስርፀት ትምህርቲ የጠናኽርዎ። ተምሃሮ ካብ ኢንቴርኔትን ቤተ ንባብን ብዝረኸብዎም መረዳእታ ተበጊሶም ሓፀርቲ ፅሑፋት ክዳልዉ ይገብርዎም።

መምህር! ኢጋርነትን ሽርክናን ከባብያዊ ውዳበታት ሃገራት ኣፍሪካ ኣመልኪቶም ብሳልሳይ ደረጃ ክገልፅዎ ዝግባእ ብዛዕባ ሓባራዊ ዕዳጋ ሃገራት ምብራቕን ደቡብን ኣፍሪካ (ኮሜሳ) እዩ። ነዚ ርእሲ ቅድሚ ምምሃሮም ተምሃሮ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዝርከብ ፅሑፍ ኣንቢቦም ክመፁ ይግበርዎም። ድሕሪ'ዚ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዘሎ ካርታ ኣባል ሃገራት ኮሜሳ ኣብ ዓብዪ ወረቐት ስኢሎም ናብ ክፍሊ ይምፅኡ። ተምሃሮ'ውን ኣባል ሃገራት ኮሜሳ እንመን ከምዝኾኑ ነቲ ካርታ ብምርኣይ ይመልሱ። ካብ ኣባል ሃገራት ውሽጢ ፍልይ ዝበሉ ሃገራት ከም እኒ ሊብያ፣ ኣንጎላን ናሚቢያን ዝመሳሰሉ ሃገራት ይርከቡ ምኻኖም ንተምሃሮ ይሓብሩሎም። ነዚ ከምዚ ዝመሰሉ ኩነታት ባይታ ብምፍጣር ብዛዕባ ኮሜሳ ገለፅኦም ይቐፅሉ። መምህር! ኮሜሳ ዝተመስረተሉ እዋን ተምሃሮ ክፈልጥዎ ይግበሩ። ኣባል ሃገራት ኮሜሳ ኣብ ፀሊም

ሰሌዳ ይፅሓፍዎም። ብድሕሪ'ዚ መትከላት ዕላማታት ኮሚሳ ብዝርዝር ይግለፁሎም። ብዛዕባ ኮሚሳ፣ ሳድክን ኢኮዋስን እንትገልፁ ኣብ መምርሒ ንመምህር! ዘሎ ተወሳኺ ሓበሬታ ንመገናዘቢ ይጠቐሙሉ። ተምሃሮ'ውን ብዛዕባ ኮሚሳ ብፅቡቕ ከምተረድኦም ንምርግጋፅ ብሕቶን ጉጅለኣዊ ምይይጥን መሰረት ብምግባር ኣሳታፊ ይን ኮርኳሕን ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ዕዉት ብዝኾነ ኣገባብ ምትግባር ይግባእ። ኣብ መወዳእታ ሕቶን መጠቓለልን ገይሮም ነዚ ርእሲ ይዛዝምዎ።

ኣብ መወዳእታ ብዛዕባ ውድብ ሓድነት ኣፍሪካን ሕብረት ኣፍሪካን ዝርከብ ርእሲ ኣሎ። መምህር! ነዚ ርእሲ ምስትምሃር ቅድሚ ምጅማሮም ተምሃሮ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዘሎ ፅሑፍን ኣብ መወዳእታ ምዕራፍ ሓደ ዘሎ ሓሳብን ኣንቢቦም ክመፁ ዕዮ ገዛ ይሃብዎም። ስለዚ ተምሃሮ ኣንቢቦምን ሓቲቶምን መፂኦም'ዮም ዝብል መበገሲ ሓሳብ ብምሓዝ ብዛዕባ ኣመሰራርታ ውድብ ሓድነት ኣፍሪካን ዕላማን ሕቶ የቕርብሎም።

ድሕሪ'ዚ ሕቶ ዕላማታት ውድብ ሓድነት ኣፍሪካ ብዝምልከት ገለፃ ይግበሩሎም። ብምቕፃል ድማ ውድብ ሓድነት ኣፍሪካ ዘሳለጦም ኣብነታዊ ስራሕቲ ብዝርዝር ይግለፅዎም። በዝሒ ኣባላት ውድብ ሓድነት ኣፍሪካ ድሕሪ ምግላፅ ኣብዚ ሕዚ እዋን ግና እዚ ውደብ "ሕብረት ኣፍሪካ" ከምዝበሃል ይግለፁሎም። ኣወዳድባን ኣሰራርሓን እዚ ውደብ እንታይ ከምዝመስል ብዝምልከት ብስእላዊ መግለፂ እናተሓገዙ ንተምሃሮ መግለፂ ይሃብዎም።

ብመሰረት'ዚ ሕዚ ዘሎ ኣወዳድባ ሓፈሻዊ ጉባኤ፣ ፈፃሚ ስራሕ፣ ዋና ፀሓፊ፣ ሴክረታርያት (ቤት ፅሕፈት)፣ 7 ኮሚሽናት፣ ካውንስል ሰላምን ፀጥታን፣ ቀዋሚ ኮሚቴ፣ ፓርላማ ፓን ኣፍሪካ፣ ማሕበረ ኢኮኖሚያዊና ባህላዊ ካውንስል፣ ቤት ፍርዲ፣ ቴክኒክ ኮሚቴታትን ትካላት ፋይናንስን ዝመሳሰሉ ከምዘለዉ ሓደ ብሓደ እናዘርዘሩ ንተምሃሮ ይግለፁሎም። ነዚኦም ብምልኦም ብመሰረት ሕቶን መልስን እናመያየጡ ተምሃሮ ንኽከታተሉን ንኽፈልጥዎምን ፃዕሪ ይግበሩ። ንስርፀት ትምህርቲ ዝሕግዙ ንጥፈታት ተምሃሮ ዘለዓሉ ሕቶታት'ውን ኣዋዲዶም ናብ ክፍሊ ሒዞም ይእተዉ።

ኣብ መወዳእታ ሃገርና ኢትዮጵያ ኣብ ምስረታ ውድብ ሕቡራት ኣፍሪካ ዝነበራ ግደን መቐመጢ ማእኸል ናይዚ ውድብ ምዃና ዘለዎ ረብሓ ብፍላይ ምስ ኮንፈረንስ ቱሪዝምን ካልኦትን ምዝርራብ ከድልይ'ዩ። ስለዚ መምህር! ተምሃሮ ብጉጅለ ኾይኖም ብዛዕባ ኣጋርነትን ሽርክናን ውድባት ኮሜሳ፣ ሳድክ፣ ኢኮዋስን ውድብ ሓድነት ኣፍሪካ ከምኡ'ውን ሕብረት ኣፍሪካ ክመያየጡ ይግበሩ። ስለዚ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ተምሃሮ ማእኸል ዝገበረ፣ ኣሳታፋይ፣ ክልተኣዊ ኣቀራርባ ዘተባብዕ፣ ኮርኳሓይን ሰሓባይን፣ ንተምሃሮ ብንጥፈትን ዕዮ ጉጅለን ጂምናስቲክ ሓንጎል ክሰርሑ ዝገብር፣ ዝተምሃርዎ እናዘኻኸረ እናዋዘየ ፍልጠት ዝህብ፣ ምስ መልመድታትን ሓፀርቲ ፈተናታትን ምዘናታትን ዝተኣሳሰረ፣ ኣብ ሞንጎ መሓዙትን መማህርትን ዘካትዕን ዘመያይጥን ኣግባብ ኣመሃህራ ዝተመስረተ እዩ። መምህር እንተምህሩን እንትገልፁን እቶም ቀንዲ ዝበሃሉ ኣገደስቲ ነጥብታት ኣብ ፀሊም ሰሌዳ ይፅሓፉ። ሓገዝ መምህሪ መስተምህሪ'ውን ይጠቐሙ። ተምሃሮ'ውን ሓሳቦምን ዝተረድኦምን ንኽገልፁ የበረታትእዎም። ብመሰረት ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዘለዉ ዕዮ ጉጅለታት ድማ የስርሕዎም። ኣብ መወዳእታ መጠቓለሊ ይሃቡ።

## 10. ተወሳኺ መረዳእታ ንመምህር!

**ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ኣብ ኣፍሪካ ዝምልከት፤**

ኣብ 1999 ዓ.ም.ፈ ብዝተገበረ ናይ ዩ.ኤን.ኤድስ መፅናዕቲ ኣብ ኣፍሪካ ብሰንኪ ኤድስ ዘጋጥም ሞት ካብ ዓመት ናብ ዓመት እናነከየ ክመፅእ ክኢሉ ይብል። ኣብ ኣፍሪካ ዘሎ ዝርግሐ ኤድስ ክልተ ሲሶ ኣብ ትሕቲ ሰሃራ ዝርከባ ሃገራት እየን። በቲ ዝተገበረ መረዳእታ ኣብ ኣፍሪካ 22.5 ሚልዮን ህዝቢ ምስ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ቫይረስ ዝነብር'ዩ። እዚ ሕማም ዘለዎ ፀቕጢ ዝለዓለ ምዃኑ ዘመላኽት ኣብ 1994 ዓ.ም.ፈ 1.6 ሚልዮን ህዝቢ (4400 ብመዓልቲ) ሂወቶም ክሓልፍ ክኢሉ'ዩ። ብሓፈሻ ኣብ ኣፍሪካ ዘለዉ ሞት ዘስዕቡ ዓሰርተ ሕማማት ኣብዚ ሰደቓ ቐሪቦም ኣለዉ።

ብሓፈሻ ኣብ ኣፍሪካ ኣብ ዓርባዕተ ከባቢ ተመቒሉ ዝረኣይ ከምዝኾነ ነዚ ኣመልኪቱ ዝተዳለወ ካርታ ኣፍሪካ ምርኣይ ይከኣል። በዚ መዳይ ዘሎ ዝርግሐ እንትረኣይ ኣብ ደቡብ ኣፍሪካ ካብ 15 ክሳብ 35 ሚኢታዊ፣ ኣብ ምብራቕ ኣፍሪካ ካብ 3 ክሳብ 7 ሚኢታዊ፣ ኣብ ምዕራብ ኣፍሪካ ካብ 1 ክሳብ 5 እንትኾን ኣብ ሰሜን ኣፍሪካ 0.1 ሚኢታዊ ከምዝኾነ መረዳእታታት ይሕብሩ።

| ንሞት ምኽንያት ዝኾኑ ሕማማት | ኣብ 2000ኣፈ ብሚኢታዊ |
|---|---|
| ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ' | 20.4 |
| ዓሶ | 10.1 |
| ስርዓት ምትንፋስ | 9.8 |
| ተቕማጥ | 6.5 |
| ፕሪናታል | 5.1 |
| ሚዝልስ | 4.1 |
| ሰሬብሮ ቫስኩለር' | 3.3 |
| ሕማም ልቢ | 3.1 |
| ሕማም ሳምባ | 2.8 |
| ሓደጋ ትራፊክ | 1.8 |

*ፍልፍል ዓለም ባንኪ፡ 2006 ዓ.ም.ፈ*

ኣብ ምኽልኻልን ምቁፅፃርን ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ዝለዓለ ተሞክሮ ካብዘለዋ ኡጋንዳ ኩለን ሃገራት ኣፍሪካ ክወስዳ ኣለወን። ከምዝፍለጥ ኡጋንዳ ኣብ ሓጺር ጊዜ ካብ ዓለም ዝለዓለ ዝርግሐ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ዝነበራ እንትኾን ነዚ ኣብ ግምት ብምእታው ኣብ ዝተወሰኑ ዓመታት እቲ ዝርግሐ ጠጠው ክብል ዝገበረትን በዚ ዝተወሰደ ስጉምቲ ናእዳ ዝረኸበት ሃገር እያ። እቶም ዝተፈፀሙ ተግባራት ዝስዕቡ'ዮም።

1. በብደረጅኡ ካብ ፕረዚደንት እታ ሃገር ክሳብ ታሕቲ ነዚ ሕማም ኣብ ምውጋድ ዝነበረ ፖለቲካዊ ተሳትፎ ናእዳ ዝነበሮ ምኧኑ፤
2. ኣብቲ ሕማም ኣመልኪቱ ነፃን ግልፅን ኮይንካ ምምይያጥን ሓሳብካ ምግላፅን ዘኽእል ናይ ግልፅነት ፖሊሲ ምትእትታው፤
3. ኣብቲ ተባራዓይ ሕማም ኣመልኪቶም ኩሎም ሴክተራት ተሓባቢሮምን ምስ ስረሖም ኣዋዲዶምን ንምስራሕ ዘኽእሎም ኣሰራርሓ ምሕንፃፆም፤

4. ኣብ ምክልኻልን ምቁፅፃርን ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ኣመልኪቱ ማእኸላይን ከባቢያዊ ምምሕዳርን፣ ከምኡ'ውን ዘይመንግስታዊ ትካላትን ሕብረተሰብ ማእከል ገይሮም ዝተወደቡ ማሕበራት፣ ሚድያን ካልኦትን ነዚ ኣመልኪቶም ብሓባር ንምስራሕ ዘኽእሎም ስራሕ ምትግባሮም፤
5. ኣብ ኩሎም ምንቅስቓሳት ተፋትዮ መራሕቲ ሃይማኖትን ተሸከምቲ ቫይረስን ኣብዚ ተግባር ብንጥፈት ምስታፎም፤
6. ዘይተማእኸለ ትልምን ኣፈፃፅማን በብደረጅኡ ንምትእትታው ምኽኣሉ፤
7. ንዝተፈላለዩ ፀገማት ማለት ስነ ፆታ፣ መናእሰይ፣ ምግላልን ምፅያፍን ዝምልከቱ ንምፍታሕ ዝዓለመ ስራሕ ምክያዱ፤
8. ነዚ ስራሕ ዝድግፉ ማሕበራውን ኢኮኖሚያውን ፖሊሲታት ምህላዎም፤
9. ነዚ ንምስላጥ ዘኽእል ካብታ ሃገርን ካብ ደገን በጀትን ሃብትን ንምትእኽኻብ ምኽኣሉ፤
10. ኣብቲ ዝርግሐን ነዚ ኣመልኪቱ ዝፍፀም ስራሕ ዝነበረ ኣፈፃፅማን ክፍተት ዳህሳስን መፅናዕትን ምክያዶም፤
11. ኣብ ስራሕቲ ምክልኻልን ምቁፅፃርን ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ንጡፍ ተሳትፎ ሕብረተሰብ ምህላው እንትኾን ነዚ ኣመልኪቶም ብዙሓት ተፈላጥነት ዘለዎም ውዳበታት ኣብታ ሃገር ከምዘለዉን እዚኦም ኣብ ክንክንን ደገፍን ተሸከምቲ ቫይረስ ሰናይ ተግባር ኣብ ምፍፃም ከምዝርከቡን ውፅኢታዊ ስራሕ ምፍፃሞም ዝብሉ እዮም።

## ስነ ህዝብን ከባብን

ከባቢ ኢልና እንፅውዖ ኣብ ዝኾነ ማሕበረሰብ ዙርያ ዝርከብ ናይ ስነ-ህይወታዊ ኾነ ፊዚካላዊ ተፈጥሮታት ድምር'ዩ:: እዚ ድማ ብግቡእ ኣተሓሕዛ ብምሓዝ ንድልየት ማሕበረሰብ ዝውዕል ይኸውን:: ባንኪ ዓለም ብ1992 ዓ.ም.ፈ ዝቐረበ ፀብፃብ ዘመላኽቶ ኣተሓሳስባ ነይሩ። እዚ'ውን "ከባቢ ሓለዋ ናይ ልምዓት ቀንዲ ክፍሊ'ዩ:: ብዘይካ ግቡእ ዝኾነ ከባቢ ሓለዋ ኣድላይ ዝኾነ ምዕባለ ክመፅእ'ዩ ኢልካ ምግማት ንልምዓት ሰራሕቲ ኣናኢስካ ምርኣይ ይኸውን" ዝብል ነይሩ::

| ልዕሊ 250 ህዝቢ ኣብ ሓደ ኪሎሜትር ዝነብረለን ሃገራት | | | |
|---|---|---|---|
| ሃገር | በዝሒ ህዝቢ | ስፍሓት መሬት ብኪ.ከሜ | ፀቕጢ ህዝቢ |
| ህንዲ | 1,184,890,000 | 3,287,240 | 360 |
| ባንግላዲሽ | 157,813,124 | 143,998 | 1,069 |
| ጃፓን | 127,170,110 | 377,873 | 337 |
| ፊሊፒንስ | 93,843,460 | 300,076 | 313 |
| ቬትናም | 85,789,573 | 331,689 | 259 |
| ዓባይ ብሪታንያ | 62,041,708 | 243,610 | 255 |
| ደቡብ ኮርያ | 49,354,980 | 99,538 | 493 |
| ታይዋን | 22,955,395 | 35,980 | 639 |
| ስሪላንካ | 20,238,000 | 65,610 | 309 |
| ኔዘርላንድ | 16,610,000 | 41,526 | 400 |

## ብርሰት ከባቢ

ብርስት ከባቢ ዝፍጠረሉ መንገዲ ብኸልተ ከፊልና ንሪኦ:: እቲ ሓደ ፀገምና ኣብ ከቢድ ሓደጋ ኣውዲቕዋ ዝርከብ ናይ ቴክኖሎጂ ንሕንሕ እንትኸውን እቲ ካልኣይ ድማ ኣብ ድኻታት ሃገራት ብዝፍጠር ተዓፃፃፉይ በዝሒ ህዝቢ እዩ። ብሓፈሻ ከባቢ ኣብ ሓደጋ ብርሰት ንክወድቕ ዝገብርዎ ቀንዲ ጉዳያት፤

- ✓ ተዓፃፃፉይ ብዝሒ ህዝቢ
- ✓ ናይ ኢንዱስትሪ ምስፍሕፋሕ
- ✓ ናይ ከተማታት ቅልጡፍ ዕብየት እንትኸውን ብሓፈሻ ናይ ሰባት ተፈጥሮ ርክብ ምስ ስስዐ፣ ዘይምምሃርን መን ከማይነትን ዝተመስረተ መነባብሮ መሬት ካብ ዕለት ናብ ዕለት ኣብ ዓብይ ሓደጋ ኣውዲቕዎ ይርከብ::

ብከላ ማለት ኣብ ኣየር፣ ማይን መሬትን ካልኦት ናይ ተፈጥሮ ሃብቲ ተፈጥሮኣዊ ትሕዝቶኦም ይኹን ቅርፆም ብምልዋጥ ኣብ ጥዕና መነባብሮ ሓደገኛ ኩነታት ምፍጣር ማለት እዩ። እዚ ዝፍጠር ዝተፈላለየ ትሕዝቶ ብዘለዎም ኬሚካላትን ስነህይወታዊ ትሕዝቶ እዩ። እቶም ብከላ ዝፈጥሩ ነገራት ኣብ ክልተ መቝልና ንረኦም፤

1. ዝሓቁ (Degradable pollutants)፤ እዚኦም ድማ ቀልጢፎም ዝሓቁ ከም waste disposal እንትኾኑ ዝሕል ኢሎም (slowly) ዝሓቁ ድማ ከምኒ DDT, ሬድዮ ኣክቲቭ ጋዛት ይኾኑ...
2. ዘይሓቁ (Non-degradable)፤ ኣብዚ ዝጠቓለሉ ከምኒ ሜርኩሪ፣ ሊድን ናይ ፕላስቲክ ዘርእታት እንትኸውን ብጣዕሚ ሓደገኛን ኣድላዩ ጥንቃቐ ክግበረሎም ዝግብኡ ነገራት እዮም::

## ስነ ህዝቢ - ልምዓትን ከባብን

ፖሊሲ ስነ ህዝቢ ዓብዪ ጠመተ እናተውሃቦ ዝመፀን ክውሃቦ ዝግብኦን ኣንፈት ልምዓት ቀንዲ መሳልጢ ልምዓትን እናኾነ መፂኡ። ኣብ ዝተፈላለያ ሃገራት ድማ ዘይንዓቕ ውፅኢት እናተርኣየ ዝርከብ ፖሊሲ እዩ:: ተደጋጊሙ ከምዝዝረበሉን ከምዝፍለጥን ቅልጡፍ ዕብየት ብዝሒ ህዝቢ ኣብ መነባብሮ ህዝቢ ከቢድ ፀገም ንምፍጣር ቀንዲ ምኽንያት ይኸውን። ኣብ ሃገርና ኣብዞም ዝስዕቡ ነጥብታት ሽግር የምፅእ'ሎ።

1. ናይ መሬት ይኹን ተፈጥሮ ሃፍቲ ምንኣስን ምምንማንን
2. ኣብ ልዕሊ ዝሕደሱን ዘይሕደሱን ሃፍቲ ተፈጥሮ ካብ ዝግመት ንላዕሊ ናህሪ ዋጋ ምውሳኽን ፈፂሙ ምጥፋእን
3. ትሑት ቁጠባ ርእሰማል ምህላዉን እዚ ድማ ትሑት ኢንቨስትመንት ምፍጣር ምኽንያት ይኸውንን ኩሉ እቶት ስድራ ናብ ቀለብ ዕያል ክውዕል ይገብሮን
4. ድሑር ብዝኾነ መሳርሒ ንምጥቃም ምግዳድ

ብካሊእ መዳይ ድማ በዝሒ ምዝባዕ ኢኮሎጂ ይፈጥር:: ንኣብነት ኣብ ልዕሊ 100 ዝኾና ሃገራት ብምግፋሕ በረኻነት እንትዕለዋ ኣብዚ ዝነብር 900 ሚልዮን ዝኸውን ህዝቢ ድማ ናይዚ ውፅኢት ተጠቃዒ ክኸውን'ዩ ተባሂሉ ይግመት::

## ኣብ ከባቢ ፀቐጢ ክፈጥሩ ዝኽእሉ ነገራት

1. ጓሓፍ፣ ካብ ዝተፈላለዩ ንዕለታዊ ግልጋሎት ዝውዕል ተረፈ ምህርቲ ፈሳስን ዝበስበሱ ነገራት ኣብ ከባቢ ብዝፈጥርዎ ፅዕንቶ'ዩ።
2. ምጉሕጓሕ ሃፍቲ ተፈጥሮ፣ ብስሰዐ ይኹን ብዘይምፍላጥ ብዘይምትካእ ሃፍቲ ተፈጥሮ ምጥቃም ምህላዉ፣ ንኣብነት ከም ማእድናት ነዳዲ ዕቡቕ ምህርቲ ሕርሻ፣
3. ምዝባዕ ሃፍቲ ተፈጥሮ፣ ብሓፈሻ ኣብቲ ከባቢ ናይ ቅርፂ ወይድማ ኣካላዊ ለውጢ ንኽምዕእ ምግባርን እዚ ድማ ከም ብርሰት ኣግራብን ወዘተ እዩ።
4. ምግፋሕ ኢንዱስትሪ ቴክኖሎጂ፣ ኣብ ብኽለት ኣየርን ማይን ዝፈጥሮም ፀገማት እዮም::

ብሓፈሻ እዚኦም ቀጥታዊ ዝምድና ኣብ ሞንጎ ስነህዝቢ፣ ልምዓትን ከባቢን ዘብርሁ እንትኾኑ ነዚ ንምክልኻልን በዚ ሰንኪ ንዝፍጠር ሓደጋ ንምንካይን ተሳትፎ ሓፋሽ ወሳናይ ይኸውን:: ነዚ ረብሓ ኣመልኪቶም ምሁራት ዝብልዎ ነገር ኣሎ። "እቲ ድኻ ብመሰረቱ ድኻ ኣይኮነን የግዳስ ብዝተወሰኑ ኣብ ሓላፍነት ዘለዉ ጉጅለታት ካብ ዝኾነ ናይ ልምዓት ምንቅስቃስ ናይ ርሑቕ ተመልካታይ ስለዝገብርዎ ደኣ'ምበር" ይብሉ። ኣብ ዝተፈላለዩ ሃገራት ከምኡ'ውን ኣህጉራት ብዝተፈላለየ መጠን ቅልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ተራእዩ'ዩ። በዚ መንፅር ካብ 2000 - 2005 ኣብ ዘሎ ጊዜ ዝነበረ ዕብየት

- 237.771 ሚልዮን ኣብ እስያ
- 92.293 ሚልዮን ኣብ ኣፍሪካ
- 38.052 ሚልዮን ኣብ ላቲን ኣሜሪካ
- 16.241 ሚልዮን ኣብ ሰሜን ኣሜሪካ
- 3.264 ሚልዮን ኣብ ኣውሮፓ
- 1.955 ሚልዮን ኣብ ኦሽንያ (ኣውስራልያን ከባቢኣን)
- 383.047 ሚልዮን ብሓፈሻ ኣብ ዓለም ክውስኽ ክኢሉ ነይሩ።

## ቅልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝብን ፍልሰትን

ህዝቢ ንፍልሰት ዝደፋፍኡ ቀንዲ ምኽንያታትን ኣብ ዝተፈላለዩ ሃገራት ብመፅናዕቲ ዝተረጋገፁ ጉዳያት ዝስዕቡ እዮም።

1. ድሑር ፍልሰት ብሰንኪ ሃፍቲ ተፈጥሮ ምምንማንን ከባቢያዊ ፀገምን 'ሕማም 'ድርቂ ' ወዘተ እንተጋጥም ዝህሉ ፍልሰት'ዩ።
2. ኣስገዳድ ፍልሰት ብመንግስቲ ለውጢ 'ብወተሃደር ሓይልን ብሓፈሻ ፖለቲካዊ ኩነታት ብዝፈጠር ናዕቢ ህዝቢ መረበቱ ገዲፉ እንትስደድ'ዩ።
3. ፀቕጣዊ ፍልሰት ልክዕ ከም ኣስገዳድ ኾይኑ ኣብዚ ግና ውልቃዊ ድልየት ዝንፀባረቐሉ /ምኻዱን ዘይምኻዱን/ ኩነታት እንትፍጠር ይኸውን።
4. ናፃ ፍልሰት ሰባት ብውልቀ መረፀኦም ናብ ዝደለይዎ ቦታ ክንቀሳቐሱ እንተለዉ'ዩ።
5. ሓፈሻዊ ፍልሰት እዚ መብዛሕትኡ ብማሕበራዊ ኩነታት (social forces) ዝፍጠር ኾይኑ ኣብቶም ዝስደዱ ናይ ሓባር ድልየት ዝርኣየሉ እዩ:: እዚ ማለት ብሓባር ኮይንካ ወይድማ ብጉጅለ መበቀልካ ገዲፍካ ምስዳድ ማለት'ዩ።

## ካብ ገፀር ናብ ከተማ ዝግበር ፍልሰት ዝቐርቡ መርትዖታት

ሀ. ማሕበራዊ ኩነታት፤ ካብቱ ድሑር ኢሎም ዝግምትዋ ማሕበራውን ቤተሰባውን ምትእስሳር ወፂኦም ነፃ ክኾኑ ምድላይ

ለ. ተፈጥሮኣዊ ኩነታት፤ ብሰንኪ ለውጢ ኣየር 'ድርቂ'፣ ዋዒ'፣ ተላበድቲ ሕማማት ወዘተ

ሐ. ዲሞግራፊክ ኩነታት፤ በዝሒ ህዝቢ ምስ ምህላዉ ዝዛመዱ ፀገማትን ብፍላይ ብሰንኪ ፀቕጢ መሬት ዝፍጠር ፀገም

መ. ባህላዊ ኩነታት ማለት ብናይ ከተማ ስልጡን መነባብሮ ብምስሓብ ወይድማ ናብ ከተማ ብምኽያድ ባህላዊ ለውጢ ንምምፃእ

ረ. መራኽቢ ግልጋሎት ወይድማ ዝተመሓየሸ መጓዓዝን ኢንፎርሜሽን ቴክኖለጅን ('ቲቪ' ሬዲዮ 'ሲኒማ) ካልኦት መሰረተ ልምዓትን ንምድላይ::

## ፍልሰት ካብ ገፀር ናብ ከተማ ዘለዉዎ ኣሉታዊ ጎኒ

1. እቲ ኣብ ከተማ ኣትዩ ዝተማህረ ይኹን ብሞያ ዝሰልጠነ ሓይሊ ሰብ ተመሊሱ (ናብ ገጠር) ናይ ባዕሉ ማሕበረሰብ ከገልግል ዘይምድላይ
2. ብዘይመጠን /ኘላን/ ናብ ከተማ ምስዳድ ኣብ ከተማታት ሕፅረት መንበሪ ገዛውቲ፣ ጥዕና፣ ትምህርቲ፣ ፀቕጢ መነባብሮ ይፈጥር

3. ማሕበራዊ ገበን ይጋፋሕ፤ ማለት ኣብ ከተማታት ገበን ይጋፋሕ፣ ነብሰን ዝሸጣ፣ ልመናን ኀደና ሓድርቲ ክበዝሑ ይገብር።

4. ናይ ገጠር ስራሕቲ ንደቂ ኣንስትዮ ጥራሕ ይግደፍን ሃፍቲ ተፈጥሮ ዝከናኸኖ ስለዝስእንን ናብ ዝገደደ ብርሰት ይበፅሕ ።

5. ኣብ ከተማታት ዘይስሩዕ ሰራሕቲ ይበራኸቱ፣ ብፍላይ ኣብ መዳይ ደቂ ኣንስትዮ።

## ፍልሰት ንምቕናስ ክግበሩ ዝግበኦም

ሀ. ብዝተኻእለ መጠን ከተማ ዝጠመተ ኢኮኖሚያዊ ልምዓት ተወጊዱ ኣብ ገጠርን ከተማን ዘሎ ናይ ናብራ ኣፈላላይ ክፀብብ ምግባር ።

ለ. ጥዕና፣ ትምህርቲ፣ ግልጋሎት ኢነርጂ ከምኡ'ውን ዘመናዊ ምህርቲ ሕርሻ ምግፋሕ

ሐ. ኣብ ሃፍቲ ተፈጥሮ ዘሎ ፀቕጢ ንምንካይ ምጣነ ስድራ ምጥቃምን ቤተሰብ ብትልሚ ምምራሕ ምኽኣልን እዮም።

## ሰብኣዊ መሰል

ብውድብ ሕቡራት መንግስቲ ኣብ ዓለምለኸ ኮንቬንሽን ሰብኣዊ መሰል ተዛሚዶም ዝረኣዩን ዝለዓለ ትርጉም ዝውሃቦምን ክልተ ዓበይቲ ኮንቬንሽን ኣለዉ። እዚኦም'ውን ሲቪላውን ፖለቲካውን መሰላትን፤ ኢኮኖሚያዊ፣ ማሕበራውን ባህላውን መሰላት እንትኾኑ ነዚኦም ድማ ሓደ ብሓደ ቐሪቦም ኣለዉ።

**ሲቪልን ፖለቲካውን መሰላት** ተባሂሎም ዝፍለጡ እቶም ዓበይቲ ጉዳያት እዚኦም'ዮም፤

1. ካብ ዘርኢ፣ ፆታ፣ ቋንቋ፣ ሕብሪ፣ ሃይማኖት፣ ፖለቲካዊ ወይድማ ኣረኣእያ ወዘተ ኣፈላላይ ነፃ ምኻንን ነቲ ዘሎ ኣፈላላይ ክብሪ ምሃብ፤

2. ዝኾነ ሰብኣዊ ፍጡር ብባርነት ይኹን ብኻሊእ መንገዲ ተገዲዱ ካብ ምስራሕ ነፃ'ዩ። ባርነትን ንግዲ ባርያን ብኹሉ መልክዖም ዝተኸልከሉ ምኻኖም፤

3. ዝኾነ ሰብ ካብ ኢሰብኣዊ ግርፋትን ጭካነ ዝተመልአ መግረፍትን ሃንደበታዊ ማእሰርትን ነፃ ምኻን፤

4. ዝተኸሰሰ ወይድማ ብገበን ዝተጠርጠረ ዜጋ ብሕጊ ተቐባልነት ዘለዎን ነፃነቱ ዝተሓለወ ቤት ፍርዲ ፍትሒ ናይ ምርካብ መሰል ምርግጋፅ፤

5. ውልቀ ሰባት ኣብ መንበሪ ገዛኦምን ስራሕ ቦትኦምን ወይድማ ኣብ ዝለኣኣኽዎ መልእኽቲ ምሽጥር ናይ ምዕቃብ ነፃነት ምህላው፤
6. ዝኾነ ሰብ ካብ ቦታ ናብ ቦታ ናይ ምዝውዋር ነፃነት፣ ኣብ ሃገሩ መንበሪ ስፍራ ክልውጥን ብፖለቲካ ምኽንያት ንስደት እንትሳጣሕ ዕቑባ ምርካብ፤
7. ዝኾነ ሰብ ኣብ ሕጊ ተመስሪቱ ስድራ ክመስርትን ንብረት ናይ ምውናን መሰል ምርግጋፅ፤
8. ኩሉ ሰብ ብነፃነት ናይ ምሕሳብ፣ እምነትን፣ ሕልናን፣ ሓሳቡ ናይ ምግላፅ፣ ብሰላማዊ መንገዲ ምውዳብን ምእካብን መሰል ኣለዎ፤
9. ዝኾነ ዜጋ ኣብ ናይ ሃገሩ ፖለቲካዊ ኩነታት ብቀጥታ ንመራሕቱ ኣብ ዝግበር መረፃ ፍትሓውን ምስጢራውን መንገዲ ምስታፍ ዝብሉ እዮም።

**ኢኮኖሚያዊ፣ ማሕበራውን ባህላውን መሰላት** ተባሂሎም ዝፍለጡ ዝስዕቡ 'ዮም፤

1. ስራሕ ናይ ምርካብ መሰል፤ ዝኾነ ዜጋ ስራሕ ናይ ምርካብን ብዝኾነ ሓይሊ ከይተገደደን ናብ ዝመረፆ ስራሕ ናይ ምውፋር ነፃነት ኣለዎ። ኣብቲ ዝሰርሖ ስራሕ ድማ ምቹው ባይታ ምህላውን ካብ ስእነት ስራሕ ምንጋፍ፤
2. ክፍሊት፤ ዝኾነ ዜጋ ብዘይ ዘርኣዊ፣ ሕብራዊ፣ ፆታዊ ኣፈላላይ እኹልን ተመጣጣንን ክፍሊት ክረክብን ንማዕረ ስራሕ ማዕረ ክፍሊት ናይ ምርካብ መሰል
3. ውዳበ ሰራሕተኛ፤ ዝኾነ ሰራሕተኛ ኣብ ዝመሰሎ ውዳበ ክጥርነፍን ውዳበ ከጣይሽን ይኽእል። ብተመሳሳሊ ዝኾነ ሰራሕተኛ ዕረፍቲ ናይ ምርካብ፣ ውሱን መዓልታዊ ስራሕ ምህላዉን መሃያ እናተኸፈለ ዓመት ዕረፍቲ ምርካብን
4. ማሕበራዊ ውሕስና ኩሎም ዜጋታት ዝተመጣጠነ መነባብሮ ኣታዊ ክረኽቡ ንስድራ ቤቶም ጥዕናን ድህነንትን ንክህልው ዘድልይ መሰረታዊ ድልየቶም ናይ ምርካብ መሰል ኣለዎም።
5. ክንክን ስድራ ቤት መንግስቲ ንኩሎም ስድራ ቤታት ሓገዝን ክንክን ክገብር ኣለዎ ብፍላይ ንኣዴታትን ቆልዑትን ፍሉይ ሓገዝን ክንክን ክረክብን ሕፃናት ማዕረ ዝኮነ ማሕበራዊ ሓለዎ ምርካብ መሰል ኣለዎን።
6. ጥዕና ኩሉ ሰብ ኣካላዊን ኣእምራዊን ዝተማለአ ስብእና ንክሕልዎ ጥዕና ምርካብ ኣገዳሲ ስለዝኮነ ነዚ ናይ ምምችቻው መሰል ምርካብ
7. ትምህርትን ባህልን፣ ዝኮነ ዜጋ ቀዳማይ ደረጃ ትምህርቲ ብነፃ ናይ ምርካብ መሰል ኣለዎ። ከምኡ'ውን ኣብ ቴክኒክን ሞያን ኣብ ላዕለዋይ ንክሳተፍ ዘክእልዎ ዕድላት ክረክብ ኣለዎ። ኣብቲ ማሕበረ ሰብኣዊ ባህሊ ይኹን ኣብ ሳይንስ ናይ ምስታፍ መሰል ኣለዎ።

8. ሰላም፣ ኩሉዜጋ ማህበራውን ዓለምለኻውን ስርዓት ብምርካብ ነቶም ኣብ ላዕሊ ዝተገለፁ መሰላትን ነፃነትን ንምርግጋፅ ሰላምን ምርግጋፅን ክፍጠር ኣለዎ።

ኣብ ሕቡራት መንግስቲ ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰል እዚ ኣገባብን መስርሕን ውፅኢታዊ ኮይኑ ንኽሰራሕ ስለስተ ኣገደስቲ ዝበሃሉ ኣንፈታት ሓንፂፀ ይርከብ። እዚኦም'ውን፡-

ሀ/ ኣብ ሞንጎ ትካል ዘሎ ምትሕብባር /Inter-agency cooptation/ ምፍታሽ

ለ/ ዳህሳስ ሓበራዊ መስርሕ ሃገራት /Country Assessment/ምክያድ

ሐ/ ሕጋዊ ኣተሓሳስባን ባይታን ሰብኣዊ መሰል ምጥንኻር ዝብሉ እዮም።

**ዳህሳስ ሓባራውን ሃገራውን ኣፈፃፅማ**

ናይዚ ኣፈፃፅማ ቀንዲ ዕላማ ዝስዕቡ ቁምነገራት ዝሓዘ ይኸውን።

1. ኣብ ከይዲ ምንቅስቓስ ሃገራዊ ልምዓት ፕሮግራም ዝተጠርነፈን ዝተዘርዘረን መረዳእታ ንምርካብ ፣

2. ኣብቶም ብግልፂ ዝፍለጡ ዝተገለፀን መዐቀንታት ዘሎ ምዕባለን ድኽነትን ፈሊኻ ንምርኣይ፡

3. ኣብ ልምዓት ምንቅስቓስ ፍሉይ ትኹረትን ሓገዝን ዝደልዩ ከባብታት ንምንፃር'ዩ።

ነዚ ዳህሳስ ንምክያድ ኣገደስቲ ዝበሃሉ ብሕቡራት መንግስቲ ይኹን ኣብ ዝተፈላለዩ ሃገራት ጠመተ ዝተውሃቦም መዐቀንታት ኣለዉ። ኣብዚ እዋን ኣብ ተግባር ዝወዓሉ ሸሞንተ ኾይኖም እዚኦምውን፤

- በዝሒ ህዝቢ፤
- ሞትን ውልደን፤
- ትምህርቲ፤
- እቶትን ዕድል ሰራሕን፤
- መንበሪ ገዛን መሰረተ ልምዓትን
- ድሕንነት ሰብን ከባቢን፤ ከምኡ'ውን
- ማሕበራዊ ፍትሒ ዝርከብዎም እዮም።

እዚኦም መረዳእታ ብምእካብ ዝርከብ ውፅኢት ናይቲ ሃገር ወይድማ ከባቢ ኩነታት ብርኪ ዕብየት ልምዓትን ሰብኣዊ መሰል ንምርዳእን ግንዛበ ንምጭባጥን ይከኣል። ኣብዚ መዳይ ርኡይ ለውጥን ምዕባለን ንምምዝጋብ ብሕቡራት መንግስቲ ኮምሽን

ሰብኣዊ መሰል ከም እምነ ኩርናዕ ክርኣዮ ዝግባእን ሃገራት ክኸተለኦም ይግባእ ዝተብሃሉ ቁምነገራትን መበገሲ ብምግባር ምስ ከባቢና ጭቡጥ ኩነታት ክሰርሑ ዝበልናዮም እዚኦም'ዮም፤

ሀ/ ጉጅለ ሰብ ሙያ ሰብኣዊ መሰል ኣፈፃፅማ ኣብ ሃገራዊ ፕሮግራም ልምዓት ከም ዓቢዩ ውራይን ከም መዐቀኒ ምውሳድን /Mainstreaming/

ለ/ ንሰብኣዊ መሰል ስራሕቲ ብዋንነት ዝጥምቱ ኣመራርሓ ኣካላት ምስቶም ሰብሙያ ሰብኣዊ መሰል ኣብ ልምዓት ፕሮግራም ብሓባር ንኽሰርሑ ኩነታት ምምችቻው ።

ሐ/ ንስልጠና ሰብኣዊ መሰል ዘገልግሉ ማንዋላት እናተዳለዉ ምስ መትከላት ልምዓትን ዲሞክራሲን ተዛሚዶም ኣብ ተግባር ንኽውዕሉ ናይ ግንዛበ መዕበዪ ስራሕቲ ምትግባር፤

መ/ ኣብ'ዚ መዳይ መፅናዕቲ ንምክያድ ዘኽእል ብሰብ ሓይሊ ዝተጠናኸረ ጉጅለ ምጥያሽ፤

ረ/ ኣብ ላዕሊ ዝረኣናዩም ውሳነታት ቪድዮ ኮንፈረንስን ካልኦት ናይ ሰብኣዊ መሰል ውሳነታት ብዝተኸኣለ መጠን ምሰቲ ሃገራዊ ሕገ-መንግስቲ እናተጠዓዓመ ይሰራሕ ምህላው ምክትታል፤

ሰ/ ኣብዚ መዳይ ዘሎ ኣሰራርሓን ስርዓትን ሕቡራት መንግስቲ ብምርዳእ ኣገደስቲ ዝበሃሉ ሮቕሓታት ሰብኣዊ መሰል ከም ተሞክሮ ምውሳድ ዝብሉ እዮም።

መሰረታዊ ድልየት ዝጠመተ ስትራተጂ እንትብሃል መብዛሕትኡ ትሕዝቶኡ ኣብ ሓገዝ ዘድሃበ እንትኾን መሰል ዘማእኸለ ስትራተጂ እንትብሃል ድማ ተረባሕትን መራሕትን ዘሎ ምቅርራብን ምርድዳእን ዝተደገፈ ብኹሎም ኣካላት ኣፍልጦ ክረኽቡ ከምኡ'ውን ነዚ ኣመልኪቱ ዝሳለጥ ስራሕ ተሓታትነትን ግልፅነትን ዘለዎ ከምዝኾነ'ዩ። እዚ ድማ መብዛሕተን ሃገራት ዓለም ተቐባልነት ዝረኸበ ኣግባብ ምዃኑ ንርዳእ። መሰል ዘማእኸለ እስትራተጂ ከም ሓደ ኣሰራርሓን ኣፈፃፅማን ልምዓት ናይ ምርካብ መሰል ብምውሳድ ኣብ ከይዲ ኣፈፃፅምኡ ትኹረት ዝወሃቦም ስለስተ ኣገደስትን ዘይመቓቐሉን መትከላት ኣለዉ። እዚኦም ብኣገላልፃ ሓደ ምሁር ነዚ ይመስል፤

1. ናይ ምኽባር ግድነት /to respect/፣ ኩሎም መንግስታውን ዘይመንግስታውን ኣካላት ነዚ ጠመተ ክህቡን ክኽበሩን ኣለዎም።
2. ናይ ምሕላው ግድፈት /To protect/፣ ኩሎም ኣካላት መንግስቲ ካብ ሰብኣዊ መሰል ዝግህሱ ነገራት ክቐጠቡን ነዚኦም ተሪሮም ክሕልዉን ይግባእ።
3. ናይ ምምላእ ግድነት (to fulfill)፣ ኩሎም ኣካላት መንግስቲ ነዚ ኣመልኪቱ ዝነደሉ ኣሰራርሓታት እንተሃልዮም ሕጊ ብምውፃእ፣ ብፅፉፍ ምምሕዳር፣ ብበጀት ምድጋፍ፣ ብፅፈትን ሰለጤን ሕጊ ብምትርጓምን ካልኦት ስጉምቲ ብምውሳድ ተማሊኡ ህዝቢ ዝርበሓሉ ባይታ ክፈጠር ኣለዎ ይብል።

## ሰናይ ምምሕዳርን ምክልኻል ግዕዝይናን

ግዕዝይና ማለት ኣብ ዝተዋሃበካ ስልጣን ንውልቀ ረብሓኻ ብምውዓል ህዝባውን መንግስታውን ሕድሪ ምጥላም ማለት እዩ። ግዕዝይና ብዓይነ እቲ ተወካላይን ተገልጋላይን ህዝቢ ተፀላእቲ ኾይኑ ዝረኣዩ ተግባራት ከም ጉቦ፣ ምጉዳልን ምስራቕን ንብረትን፣ ዘይሕጋዊ ኣሰራርሓ ብምጥቃም ገንዘብ ምዝራፍ ወዘተ ዝመሳሰሉ ጉዳያት ዝሓውስ'ዩ። ከምዝፍለጥ ኣብ ፖለቲካዊ ምምሕዳር ህዝቢ ዝጠልቦም ግልጋሎታትን ቁፅፅር ስራሕትን ካብ ምክያድ ሓሊፉ ከከም ናይቲ ሃገር ኢኮኖሚያዊ ስርዓት ተዛሚዶም ዝረኣዩ ብሰንኪ ሰናይ ምምሕዳር ዝፍጠሩ ብልሽው ኣሰራርሓታት ኣለው። ስለዚ ኣብ ሓደ ከባቢ ናይ ሰናይ ምምሕዳር መግለፂ ዝኾውን ብብደረጀኡ ዘለው ናይ ምምሕዳር ኣካላት ናብ ግዕዝይና ከይኣትው መስርሕ ግልፅነትን ተሓታታትነትን ብምትእትታው ካብ ግዕዙይ ኣሰራርሓ ንኽናገፉ ፃዕሪ ክገብር ኣለዎ።

እቲ ግዕዙይ ኣሰራርሓ ዝበሃል ብጥቕሉል መልክዑ እንትረኣይ ክልተ መልክዕ ኣለዎ፣

1. **ብውልቀ ዝግበር ግዕዝይና**፣ እዚ ማለት ብውልቀ ዝተዋህበካ ሓላፍነት መሰረት ገይርካ ዝፍፀም ገበን ኾይኑ እዚ ድማ መግለፂኡ ካብ ማህደር ምጥፋእ፣ ምስራዝ ወይድማ ኣጋጊኻ ምምላእ፣ ኣምስሊካ ምፍራም፣ ዘይሕጋዊ ስራሕ ብምስራሕ ፍሉይ ረብሓ ንምርካብ ዝፍፀም ተግባር እዩ። ብኻሊእ ገፅ ንብረትን መንግስትን ህዝብን ብዘለካ ሓላፍነት ተጠቒምካ ንውልቀ ድልየትካ ምጥቃም ከም ኣብነት ዝውሰዱ ግዕዙይ ተግባራት እዮም።
2. **ክልተ ጎናዊ ግዕዝይና**፣ እዚ ተግባር ቀንዲ ዕላምኡ ኣብ ግበረለይ ክገብረልካ ዝተመሰረተ ሕጋውነት ዘይብሉ ኣሰራርሓ እዩ። ነዚ መግለፂኡ ጉቦ ምቕባል፣

ዘይሕጋዊ ግዝኢት ኣቑሑት ምፍፃምን፣ ኣብ ሞንጎ ውዕሊ ወሃብን ተቐባልን ዘሎ ዘይሕጋዊ ስምምዕ ኣብ ሞንጎ ሓለፍቲ ስራሕ መንግስቲ ዝካየድ ግበረለይ ክገብረልካ ከምኡ'ውን ኣብ መሸጣ ንብረት መንግስቲ ዝረኣይ ምጭብርባር ወዘተ ብኽልተ ጎናዊ ዝፍፀም ግዕዝይና እዩ።

ኣብ ዘይማዕበላ ሃገራት ግዕዙይ ኣሰራርሓ እንትህሉ ዝስዕቡ ኣሉታታት ይፈጥር፤

1. እቲ ዘሎ ውስን ሃፍቲ ብሓገዘን ብልቓሕን ዝመፅእ ገንዘብ ስለዝኾነ ግዕዙይ ኣሰራርሓ እንድሕር ሃልዩ እዚ ዕድል ካብተን ዝማዕበላ ሃገራት ናይዘይምርካብ ኩነታት ሰለዘጋጥም ነቲ ዝሓዞ ዕላማ ኣብምዕዋት ኣሉታ ይፈጥር።
2. እቲ ዘሎ ፖለቲካዊ ምምሕዳር ካብ ህዝቢ ኣሚነታን ህዝባዊ ደገፍን ስለዝስእን ኣብቲ ሃገር ናብ ፖለቲካዊ ዘይምርግጋዕ ከምርሕ ይኽእል፣
3. እቶም ፖለቲካ መራሕቲ ኣብ ግዕዝይና እንተተዋፊሮም ነቶም ንፉዓትን ቅኑዓትን መሳርሕቶም ብምግላል ነቶም ሕማቓት ሰራሕተኛታት ስለዝተኣኻኽቡ ኣብቲ ትካል ሕጋዊ ዝኾነ ምምሕዳር ስለዘይህሉ ብዙሓት ሰራሕተኛታት እንታይ ኣእተወኒ ዝጋፈሓሉ ባይታ ይፍጠር፣
4. እቲ ሃገራዊ ጥሪት ብግዕዝይና እንተተጠፋፊኡ ነቲ ድኽነት ንምውጋድን ማሕበራዊ ፀገማትን ንምፍታሕ ዝተዓለመ መደብ ሰለዝርሳዕ ኣብ ሃገር ድኽነትን ድሕረትን ይጋፋሕ፣
5. ሕጋዊ ዝኾኑ ናይ ኢንቨስትመንት ስራሕቲ ብሰንኪ ግዕዝይና ናብ ካልኦት ሃገራት ከሃድሙ ይደፋፍእን ዕግእተኛ ሰብ ሃፍቲ ክበረታትዕ መንገዲ ይኸፍት።

**ውድብ ሓድነት ኣፍሪካ**

ውድብ ሓድነት ኣፍሪካ ብዕለት 25 ግንቦት 1963 ኣብ ኣዲስ ኣበባ ብ32 ተወከልቲ መንግስታት ዝተጣየሸየ። ፀኒሑም ካልኦት 21 ሃገራት እናተሓወሱ ኸይዶም። ኣብዚ ሕዚ እዋን 53 ኣባላት ይርከቡ። እታ ናይ መወዳእታ መበል 53 ኣባል ዝኾነት ደቡብ ኣፍሪካ ብ1994 ዓ.ም.ፈ እያ ኣትያ። ኣብቲ እዋን ቀንዲ ዕላማታት ናይዚ ውድብ ዝስዕቡ ነይሮም፤

- ኣብ ሞንጎ ሃገራት ኣፍሪካ ምሕዝነትን ሕብረትን ምጥንኻር
- ኣብ ሞንጎ ኣባል ሃገራት ዘሎ ርክብን ዝምድናን መነባብሮ ህዝቢ ኣፍሪካ ንምምሕያሽ ፃዕሪ ምግባር
- ሉኣላውነት፣ ነፃነትን ዝተነፀረ ዶባዊ ስምምዕን ንኽህሉን ክኽበርን ይፅዕር

- ኩሎም ኣገባባት ኮሎኒ ካብ ኣፍሪካ ምውጋድ
- ዓለምለኻዊ ስምምዕን ምትሕብባር ምጉልባት ዝብሉ ነይሮም።

ኣብዚ እዋን ድማ ኣብ ሞንጎ መራሕቲ ሃገራት ኣፍሪካ ንልዕሊ ዓሰርተ ዓመታት ብዝተገበረ ምይይጥን ምርድዳእን እቲ ውድብ ካብ ሓድነት ናብ ሕብረት ንምስጋር ዘኽእሎ ሕግን ኣሰራርሓን ብምንፃር ኣብ 26 ግንቦት 2001 ዓ.ም.ፈ ብ36 ኣባል ሃገራት ስርሑ ክጅምር ክኢሉ'ዩ። ናይዚ ዕላማ ካብቲ ቅድም ዝነበረ ዝተፈለየን ስፍሓት ዘለዎን እንትኾን እዚ ድማ ካብዚ ንታሕቲ ክቐርብ'ዩ።

- ኣብ ሞንጎ ሃገራት ኣፍሪካን ብሓፈሻ ህዝብታት ኣፍሪካን ብፍላይ ዘሎ ሕብረትን ምሕዝነትን ናብ ዝለዓለ ብርኪ ምብፃሕ፣
- ሉኣላውነት፣ ነፃነትን ዶብን ኣባል ሃገራት ምኽባርን ምሕላውን፣
- ኣብታ ኣህጉር ፖለቲካውን ማሕበረ ኢኮኖምያውን ውህደት ምቅልጣፍ፤
- ኣብ ኩሎም ተግባራት ሓበራዊ ድልየትን ዓቕምን ህዝቢ ኣፍሪካ ግምት ምሃብ፤
- ዓለምለኽ ዝምድና ምብርትታዕን ነዚ እንትትግበር ሕግታት ውድብ ሕቡራት መንግስትን ኣድማሳዊ ድንጋገ ሰብኣዊ መሰል ጠመተ ምሃብ፣
- ኣብታ ኣህጉር ሰላም፣ ፀጥታን ምርግጋዕን ንኽህሉ ምዕዓር፣
- ዲሞክራሲያዊ ትካላትን መትከላትን ከምኡ'ውን ተሳትፎ ህዝብን ሰናይ ምምሕዳርን ምጥንኻር፣
- ኣብ ቻርተር ኣፍሪካ ዝተነፀሩ ሰብኣውን ህዝባውን መሰላት ምሕላውን ብኣግባቡ ክትግበሩ ምግባር፣
- እታ ኣህጉር ኣብ ዓለማዊ ኢኮኖምያውን ስምምዕን ዘለዋ ቦታ ምንፃርን ሓላፍነታ ንምውፃእ ዘኽእላ ኣገደስቲ ኩነታት ክማልኡ ምግባር፣
- ኣብ ኢኮኖሚ፣ ማሕበራውን ባህላውን ምዕባለ ብምርግጋፅ ዝተዋደደ ኢኮኖሚ ኣፍሪካ ብምፍጣር ዘላቒ ልምዓት ምብርትታዕ፣
- ኣብታ ኣህጉር ዘሎ ከባብያዊ ኢኮኖሚያዊ ማሕበረሰብ ዘሎ ፖሊሲ ዝተኣሳሰረሉን ዝሰማመዐሉን ኣገባብ ብምፍጣር ኣብ ከይዲ ናብ ሕብረት ዝመፀሉ ባይታ ምምችቻው፣
- ኣብታ ኣህጉር ዘሎ ልምዓት ንምቅልጣፍ ብመዕናዕቲ ዝተደገፈን ብፍላይ ድማ ንሳይንስን ቴክኖለጅን ፍሉይ ትኹረት ምሃብን
    - ምስ ዓለምለኽ መሓዙት ትካላት ብምትሕብባር ተመሓላፍቲ ሕማማት ብምውጋድ ኣብታ ኣህጉር ኩነታት ጥዕና ምምሕያሽ ዝብሉ እዮም።

## መሓውር / ኣወዳድባ ሕብረት ኣፍሪካ

ኣብዚ እዋን ዘሎ ኣወዳድባ ሕብረት ካብቲ ውድብ ሓድነት ኣፍሪካ ዝተፈለየ'ዩ። በዚ መዳይ ዘሎ መሓውር ንዝስዕብ ይመስል፤

1. **ሓፈሻዊ ጉባኤ፤** እዚ ጉባኤ መራሕቲ ሃገራት ዝገብርዎ ኣኼባ እንትኾን ዝለዓለ ስልጣን ዘለዎ ኣካል 'ዩ።
2. **ፈፃሚ ኮሚቴ፤** እዚ ኣኼባ ሚኒስተራት ወፃኢ ዝምልከት ኮይኑ ንሓፈሻዊ ጉባኤ ንውሳነ ዝቐርቡ ጉዳያት ፈልዩ ዘቕምጥ'ዩ።
3. **ቀዋሚ ተወከልቲ ዝሓቖፈ ኮሚቴ፤** እዚ ብቀዋምነት ዝሰርሕ ኾይኑ ንፈፃሚ ኮሚቴ ናይ ምኽክርን ንውሳነ ዝኾኑ ጉዳያት መፅናዕቲ ብምግባር እናመመየ ዘቕርብ'ዩ።
4. **ኮምሽን፤** ኣብ ቤት ፅሕፈት ሕብረት ኣፍሪካ ብቀዋምነት ዝሰርሕን ብኣካቢ ናይቲ ሕብረት ዝምራሕን ምክትልን ካልኦት ኮምሽነራት ዘለዎ ጉጅለ'ዩ።
5. **ፍሉይ ቴክኒክ ኮሚቴ፤** ሴክተር ተኮር ዝኾኑ ስራሕቲ ንምክትታልን ንምድጋፍን ዝተጣሸን ብኮምሽነራት ዝምራሕን ውዳበ'ዩ።
6. **ፓን ኣፍሪካ ፓርላማ፤** እዚ ትካል ኣብ ምምኻርን ሕጊ ኣብ ምውፃእን ዝሰርሕ ትካል'ዩ።
7. **ቤት ፍርዲ፤** ነዚ ዝምልከት ዝተዳለወ ሕግን ኣሰራርሓን ዝተነፀረ ኣብ ቀፃላይ ናብ ስራሕ ንምእታው ከምዝከኣል ዝተቐመጠ 'ዩ።
8. **ትካላት ፋይናንስ፤** እዚኦም ልምዓት ባንኪ፣ ኢንቨስትመንትን ፋይናንስን ኣፍሪካ ዝሓቖፈ ኣወዳድባ 'ዩ።
9. **ካውንስል ኢኮኖሚ፣ ማሕበራውን ባህላውን** እዮም።

## ሓባራዊ ዕዳጋ ሃገራት ምብራቕን ደቡብን ኣፍሪካ (ኮሜሳ)

እዚ ትካል ኣብተን ኣባል ሃገራት ዘለወን ሰብኣውን ተፈጥሮኣውን ሃፍቲ ብዝበለፀ ኣብ ረብሓ ንምውዓል ዝተመቻቸወ ባይታ ንምፍጣር'ዩ። በዚ መሰረት ኣብቲ መጣየሺ ዕላማ ዓንቀፅ 3 ናይቲ ስምምዕ ዝተቐመጠ ብ1991 ዓ.ም.ፈ ኣብ ናይጀርያ እትርከብ ዋና ከተማ ኣቡጃ ዝተፈረመ ሰነድ ዝስዕቡ መትከል ዝሓዘ'ዩ።

I. ኣብ ሞንጎ ኣባል ሃገራት ማዕርነት ብዘለዎ ኣገባብ ሓበራዊ ርክብ ምፍጣር፤

II. ኣብ ሞንጎ ኣባላት ሃገራት ተዋዲድካ ብምስራሕ ዓርሰ እምነትካ ምኹልባት፤

III. ኣብ ሞንጎ ሃገራት ዘሎ ብፖሊስን ፕሮግራምን ዝተደገፈ ምውዳድን ምትሕብባርን ምርግጋፅ፤

IV. ኣብ ሞንጎ ኣባል ሃገራት ዶብ ብምጥሓስ ወራር ዘይምክያድ፤

V. ኣብ ቻርተር ኣፍሪካ ዝተደንገጉ ሰብኣውን ህዝባውን መሰላት ኣፍልጦ ምሃብ፣ ምብርትታዕን ምሕላውን፤

VI. ኣብ ተሓታትነት፣ ተሳትፎ ህዝብን ፍትሓዊ ኢኮኖሚያዊ ምዕባለ ዝተመስረተ ልምዓት ምርግጋፅ፤

VII. ኣብ ኩሎም ስራሕቲ ንልዕልነት ሕጊ ኣፍልጦን ክብርን ምሃብ፤

VIII. ኣብ ሞንጎ ኣባል ሃገራት ሰናይ ምምሕዳር ኣብ ምስፋንንን ዲሞክራሲያዊ ስርዓት ኣብ ምርግጋፅ ዘላቕነት ብዘለዎ ኣገባብ ምብርትታዕ፤

IX. ኣብቲ ዞባ ዝተፈጠረ ሰላምን ምርግጋፅን ብምዕቃብ ሰናይ ጉርብትና ምጥንኻር፤

X. ኣብ ሞንጎ ኣባል ሃገራት ንዝተፈጠረ ጎንፂ ብሰላማውን ዲሞክራሲያውን መንገዲ ምፍታሕን ነዚ ንምፍፃም ዘኽእል ሃዋህው ምምችቻው ዝብሉ 'ዮም።

ኮሚሳ ኣብ ማላዊ እትርከብ ከተማ ሊሎንግዌ ብ1994 ዓ.ም.ፈ. ብመራሕቲ ኣባል ሃገራት ብዝተገበረ ምርድዳእ መሰረት ሓሙሽተ ጉዳያት ቅድሚት ብምስራዕ ዘነፀሮም ድማ ዝስዕቡ'ዮም ነይሮም፤

- ኣብ ኢንዱስትሪ፣ ማኑፋክቸሪንግ፣ ኣግሮ ፕሮሰሲንግን ካልኦትን ፍርያት ንውዑይ ንሕንሕ ብምችቻው እቶት ዘርክቡ፣ ሃፍትን ዕድል ስራሕን ዝፈጥሩ ክኾኑ ምግባር፤
- ምህርቲ ሕርሻ ብምውሳኽ ብፍላይ ንቃላያትን ሩባታትን ፍሉይ ጠመተ ብምሃብ ካብ ዝናብ ተፀቢኻን ፅግዕተኛ ኮይንካ ምፍራይን ብምንጋፍ ውሕስና ምግቢ ምርግጋፅ፤
- ኣብ ትራንስፖርትን መራኸቢ መሰረተ ልምዓትን ግልጋሎትን ብምኹልባት ምስ ገጠር ዘሎ ምትእስሳር ብምጥንኻር ኢኮኖሚያዊ ዕብየት ምርግጋፅ፤
- ንግዲ ዘበረታትዑን ዘጋፍሑን ሓደሽቲ ፕሮግራማት ምሕንፃፅን ኣብዚ መዳይ ንውልቀ ሴክተር ብምብርትታዕ ናይቲ ሓበራዊ ዕዳጋ ተጠቀምቲ ክኾኑ ምግባር፤

- ኩሎም ዓይነት ሴክተራት ማለት ኢንዱስትሪ፣ ከባቢ፣ ሕርሻ፣ ትራንስፖርትን መራኸብን፣ ፋይናንስ፣ ንግዲ፣ ጥዕና፣ ምዕባለ ሓይሊ ሰብን ካልኦትን ንምልማዕ ዘኽእል መረዳእታ ምእካብን ምትንታንን ምጥንኻር ዝብሉ እዮም።

## 11. ኣገባብ ፈተሻን ገምጋምን

መምህር! ተምሃሮ ነቶም ክጭብጥዎም ዝግብኦ ቑምነገራት ትምህርትን ክውንኑዎም ዘለዎም ክእለታትን ብቕዓትን ብትኽክል ከምዘዐወቱ ንምርግጋፅ ቀፃላይ ፈተሻ (Continous Assessment) ክካይዱ ግድን እዩ። ዝተፈላለዩ ሓገዛት ዘድልዮም ተምሃሮ ብቱቶርያል (REMEDIATION CLASS) ኣቢልኩም ናብቶም ካልኦት ዝበፅሕዎ ብርኪ ትምህርቲ ኸበፅሑ ምግባር'ውን ኣድላዪ እዩ። ስለዝኾነ ድማ ስራሕን ተሳትፎን ሕድሕድ ተምሃራይ ነቶም ዕላማታት እዚ ምዕራፍ ከምዝጨበጡ ብተኸታታሊ ክፍተሸ ኣለዎ። ሕድሕድ ተምሃራይ'ውን በዞም ዝስዕቡ ብቕዓታት ክምዘን ኣለዎ። መምህር! ብትዕዝብቲ፣ ብሕቶን መልስን፣ ብዕዮታት ጉጅለን ውልቀን፣ ብሓፀርቲ ፈተናታትን ካልኦትን ኣቢልኩም ሕድሕድ ተምሃራይ ዘዕግብ ተደላዪ ደረጃ ምርካቡን ዘይምርካቡን ብተኸታታሊ ክትፍትሽዎ፣ ክትግምግምዎን ክትከታተልዎን ይግባእ። እዚ ዝግበር ዘሎ እቲ ተምሃራይ ዘዕግብ ተዳላዪ ደረጃ ምርካቡን ዘይምርካቡን ንምውሳን እዩ። መምህር! ኣብዚ ማዕርነት ትምህርቲ ንምርግፅ ንተምሃሮ ደቂ ኣንስተዮ ፍሉይ ጠመተ ምሃብ ኣገዳሲ እዩ። ስለዚ እቶም ዘዕግብ ተደላዪ ደረጃ ዝሰርሑ ተምሃሮ፤

- ምስፍሕፋሕን ዕዕንቶን ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ኣብ ኣፍሪካ ይትንትኑ።
- ቀንዲ ሳዕቤናት ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ኣፍሪካ የብርሁ።
- ብዛዕባ ኣብ ከባቢኦም ዘሎ ዕዕንቶ ቅልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ሓፂር ፀብፃብ ይዕሕፉ።
- ምኽንያታት ስእነት ሰናይ ምምሕዳር ኣብ ኣፍሪካ የብርሁ።
- ኣብነታት ዕቡቕን ሕማቕን ኣሰራረሓታት ምምሕዳር ከባቢኦም ሓፂር ፀብፃብ የዳልዉ።
- ንመሰል ህፃናት ዝድግፉ ሰነድ ውድብ ሕቡራት መንግስታት የለልዩ።
- ኣብ ከባቢኦም ዘለዉ ምግሃስ መሰል ህፃናት ይነቕፉ።
- ንዓርሶም ካብ ምግሃስ መሰል ህፃናት ከመይ ከምዝከላኸሉ የብርሁ።
- ወዲንነት እንታይ ከምዝኾነ ይገልፁ።

- ከባብያዊ ውድባት ኣፍሪካ ይፀርሑ።
- ኣባል ሃገራት እቶም ውድባት የለልዩ።
- ሽቶታት ከባብያዊ ውድባት ኣፍሪካ ይግንዘቡ።
- ኣመሰራርታ ውድብ ሓድነት ኣፍሪካ ይገልፁ።
- ውድብ ሓድነት ኣፍሪካ ናብ ሕብረት ኣፍሪካ ምቕያሩ ይገልፁ፣ የረድኡ።

መምህር! ነቶም ካብቲ ዘዕግብ ተደላዪ ደረጃ ንላዕሊ ዝሰርሑ ተምሃሮ ብፍላይ ድማ ተምሃሮ ደቂ ኣንስትዮ ክነኣዳን ብፃዕረን ንዝረኸብኦ ወፅኢት ድማ ኣፍልጦ ኽወሃበን ኣለዎ። ንቐፃሊ'ውን ተምሃሮ ብዝረኸብዎ ውፅኢት ከይተወሰኑ ጠንኪሮም ክሰርሑን ክተባብዑን ኣለዎም። እቶም ካብቲ ዘዕግብ ተደላዪ ደረጃ ንታሕቲ ዝሰርሑ ተምሃሮ (Students working below the requirement level) ንመማህርቶም ሰዒቦም ንኽርክብዎም ተወሳኺ ደገፍ (Remediation) ክወሃቦም ኣለዎ። ኣብ ክፍልን ከምኡ'ውን ኣብ እዋን ዕረፍትን በዓላትን ፍሉይ ጠመተን ተወሳኺ ትምህርትን ክወሃቦም ኣለዎ። ኣግባብ ኣመሃህራ ማንዛ-ንማንዛ (Child to child or CTC) ብምጥቃም እቶም ካብ ዘዕግብ ተደላዪ ደረጃ ንላዕሊ ዝሰርሑ ተምሃሮ ክሕግዝዎም ምግባር ኣገዳሲ እዩ። መምህር ኣብ ከይዲ ፍተሻ ነቶም ፍሉይ ጠመተን ኣድላዪ ደገፍን ኽረኽቡ ንዝግበኦም ፍሉይ ድሌት ዘለዎም ተምሃሮ ኣድላዪ ኹሉ ኽትገብሩሎም ይግባእ። ስለዚ ኣግባብ ፈተሻ'ዚ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር'ዚ ምዕራፍ ብዝስዕቡ ኣግባባት ዝተሰነየ እዩ ዝኸውን።

- ኣብ ሕድሕድ ክፍለግዘ ኣግባብ ሕቶን መልስን ስርዓት ሒዙ ክምራሕ ምግባር
- ዕዮ ክፍልን ዕዮ ገዛን ስሩዕ ኣግባብን ስርዓትን ሒዙ ብተኸታታሊ ክትግበር ምግባር
- ኣግባብ ምይይጥን ስርፀት ትምህርትን ብስርዓት ክምራሕ ምግባር
- ሰሪሕኻ ምርኣይን ዕዮ ጉጅለን ብተኸታታሊ ብስርዓት ክምራሕ ምግባር
- ተምሃሮ ዝተምሃርዎን ዝተረድእዎም ኣብ ክፍሊ ወፂኦም ክገልፁን ከረድኡን ምግባር
- ኣብ ማእኸልን መወዳእታን እዚ ምዕራፍ ዘለዉ ሕቶታት ክሰርሑን ክመያየጡሉን
- መጠቓለልን ሓፀርቲ ፈተናታትን ከም ስርዓት ምትእትታው
- ሓፀርቲ መፅናዕታዊ ፅሑፋት ምቕራብ፣ ፖሊሲታትን ሕግታትን ምፅሚቕ

# 12. ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ንዘለዉ መልመድታትን መጠቓለሊ ሕቶታትን ዝተውሃቡ መልስታት

√ ***ንመልመዲ 4.1 ዝተውሃቡ መልስታት***

1. *ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ዝተፈላለዩ ፖለቲካዊ፣ ኢኮኖሚያውን ማሕበራውን ሳዕቤናት ገዲፉ ዝኸይድ ከም ለበዳ እናተመሓላለፈ ዝርከብ ሕማም'ዩ። እዚ ድማ ዘስዕቦ ፀገም ብሃገር፣ ክልል፣ ከባብን ስድራን መቒልካ ዝርአይ ይኸውን። ኣብዚ እቲ ብስድራ ዘጋጥምን ናይ ማሕበራዊ ፀገም ተገይሩ ዝውሰድን ንኣብነት ቁፅሪ ደኸታማት ምዕባይን ህፃናት ብሰንኪ ወለዶም ምስኣን ዘምፅእዎ ሕማም ኣብ ሓደጋ ዝሳጥሑሉ ኩነታትን ኣሎ። ስለዚ ዝርግሐ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ በዝሒ ደኸታማትን ብሰንኩ ድማ ጠወርቲ ብምስኣን ናብረኦም ኣብ ጎደና ንኸገብሩ ዝግደዱ ብርክት ዝበሉ ህፃናት ክህልዉ ምኽኣሎም እዩ። ስለዚ ዝፈጥሮ ፅልዋን በሰላን እንትርአይ ኣብ*
   - *ኣብ ስድራ ዝፈጥሮ ፅልዋ ኣሎ።*
   - *ኣብ ማሕበራዊ ግልጋሎት ዝፈጥሮ ፅልዋ ኣሎ።*
   - *ኣብ ኢኮኖሚያዊ ልምዓት ዝፈጥሮ ፅልዋ ኣሎ።*

2. *በዝሒ ህዝቢ ሃገርና ኢትዮጵያ ብኸምዚ መልክዑ እናዓበየ ብምምፅኡ ኣብ መነባብሮን ሃፍቲ ተፈጥሮን ዓርሱ ዝኸኣለ ፅልዋ እናፈጠረ ይርከብ። ኣብዚ ዝርአዩ ኣሉታት ምስ ምምጥጣን ሃፍቲ፣ ስእነት ስራሕን ድኽነትን ዝተዛመዱን ምስ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ብቐጥታ ርክብ ዘለዎምን እዮም። ስለዚ*
   - *ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ኣብ ምምጥጣን ሃፍቲ ፅልዋ ይፈጥር'ዩ።*
   - *ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ኣብ ድኽነትን ስእነት ስራሕን ፅልዋ ኣለዎ'ዩ።*
   - *ዕብየት በዝሒ ህዝቢ መጠንን ፅቕጥን ህዝቢ'ውን ፅልዋ ኣለዎ'ዩ።*

3.

   *፩. ዝኾነ ሕፃን ካብዚ ንታሕቲ ዝስዕቡ መሰላት ኣለውዎ፤*

   *ሀ. ብህይወት ምንባር*

   *ለ. ክብሪ፣ ስምን ዜግነትን ምርካብ*

   *ሐ. ንወለዱ ወይድማ ብሕጊ ከዕብይዎ መሰል ዘለዎም ሰባት ክፈልጥን ናታቶም ምሉእ ክንክንን ሕብሐባን ምርካብ*

መ. ጉልበቱ ብዘይኣግባብ ካብዝብዝብዝዎ ልምድታት ክሕለው፤ ኣብ ልዕሊ ትምህርቱ፣ ጥዕንኡን ድሕንነቱን ፀገም ዘብፅሑ ስራሕቲ ንክሰርሕ ዘይምግዳድን ወይድማ ከምዚኦም ዝመሳሰሉ ስራሕቲ ኣገዲድካ ካብ ምስራሕ (ክሰርሕ ካብምግባር) ምሕላው

ሰ. ኣብ ኣብያተ ትምህርቲ ወይድማ ኣብ ትካላት መዕበዪ ህፃናት ውሽጢ ብኣካላዊ ኩነታት ወይድማ ብጭካነን ኢ-ሰብኣውን ዝኾነ መንገዲ ዝፍፀሙ መቕፃዕትታት ነፃ ክኸውን ምግባር

፩. ንህፃናት ዝምልከቱ ስጉምትታት እንትውሰዱ ኣብ ትካላት መንግስታዊ ወይድማ ዘይመንግስታዊ፣ ኣብያተ ፍርዲ፣ ሰበሰልጣን ምምሕዳር ወይድማ ብትካላት መውፅኢቲ ሕጊ ወዘተ ጉዳይ ደሕንነት ህፃናት ኣብ ቅድሚት ዝስራዕን ዓብዪ ጠመተ ዝወሃቦን ጉዳይ እዩ።

፫. መናእሰይ ወዲኒ፣ ኣብ ቤት ህንፀት ወይድማ ትካላት እግሪ ምትካል ዝርከቡ፣ ብመንግስቲ ወይድማ ትካላት መዕበዪ ወለዲ ዘይብሎም (ዝሞትዎም) ወዘተ ዝርከቡ ህፃናትን መናእሰይን ካብ ዓበይቲ ተፈልዮም ብፍሉይ ኩነታት ክተሓዙ ይግባእ።

፬. ካብ ሓዳር ወፃኢ ዝውለዱ ህፃናት ምስ ብሓዳር ዝተወለዱ ህፃናት ማዕረ መሰል ኣለዎም።

፮. መንግስቲ ንወለዲ ዘይብሎም (ዝሞትዎም) ህፃናትን መናእሰይን ፍሉይ ሓለዋ ይገብረሎም። ብጉዲፈቻ (ምስ መዕበይቲ) ዝዓብይሉ ስርዓት ዘመቻችውን ዘስፋሕፍሑን ከምኡ'ውን ደሕንነቶምን ትምህርቶምን ዘሰጉሙሉ ትካላት ክምስረቱ የበረታትዕ።

4. ዕላማታት ውዳበታት ህፃናት፤ ዲሞክራሲያዊ ስርዓት ብምጉልባት ህፃናት ኣብ ህንፀት ዲሞክራሲ ተረኦም ክፃወቱን በዚ ባህሊ ክዓብዩን ንምግባር ኾይኑ

- ሓሳቦም ነፃን ግልፅን ኮይኖም ብምቕራብ ዓርሰ እምነትን ተገዳስነትን ከጎልበቱ ንምግባር፤
- ኣብ ስራሕቲ ህዝቢ ንምስታፍን ካብዚ ከይዲ ልምድን ትምህርትን ንኽጥርዩ ምቹው ባይታ ንምፍጣር፤
- ህፃናት ኣብዛ ሃገር ዘሎ ስሉጥን ቅልጡፍን ልምዓት ብኣግባቡ ክፈልጡን ኣካል ናይቲ ማሕበራዊ ለውጢ ንምግባር፤
- በብደረጅኡ ዘለዉ ኣመራርሓ ኣካላት ብፍላይን እቲ ሕብረተሰብ ድማ ብሓፈሻን ብዛዕባ መሰላት ህፃናት ግንዛበ ከዕብዩን ህፃናት ኣብቲ ሕብረተሰብ ተሰማዕነት ክህልዎም ንምግባር፤

- ሓለዋ ህፃናት /CHILD PROTECTION/ ንምስላጥን ህፃናት ካብ ማሕበራዊ፣ ፖለቲካውን ኢኮኖሚያውን ተሳትፎ ምግላል ንምውጋድ ዓሊሙ ዝሰርሕ ትካል'ዩ።

መትከላት ውዳበታት ሓለዋ ህፃናት፤ ኣብቲ ዝተዳለወ ደንቢ በብደረጅኡ ዝጣየሽ ፓርላማ ህፃናት ዝስዕቡ ዓለምለኻዊ ሃገራውን ክልላውን መትከላት ብምሓዝ ከምዝኾነ ተነጊሩ እዩ።

- ኣብ ሕገ-መንግስቲ ሃገርናን ክልልናን ዝተቐመጡ ድንጋገታትን ዓለምለኸ ኮንቬንሽን ህፃናት ዝተውሃቦም መሰላት ንኽፈልጡን በዚ ኣገባብ ዝተውሃቦም ዕማም ምፍፃም፣
- ኣብ መሰሎም ኣመልኪቱ ነፃን ግልፅን ኾይኖም ሓሰቦም ንኽቕርቡን ህፃናት ንዝጥምቱ ጉዳያት መሰል ተሳትፎኦም ምጉልባት፣
- ኣብ ህፃናት ዝበፅሑ በደላትን ፀገማትን ብሓባር ንምፍታሕ ዘኽእል ኣሰራርሓን ኣገባብን ምፍጣር፣
- ህፃናት ዝምልከቱ ጉዳያት ካብ ትልሚ ጀሚሩ ክሳብ መደባት ኣፈፃፅማ ስርዓት ተሓታትነትን ግልፅነትን ብምጉልባት ድምፆም ክስምዑ ምግባር፣
- ህፃናት ከባቢኦምን ባህሎምን ዘድንቑን ዝሕብሕቡን ዜጋታት ኾይኖም ዲሞክራሲያዊ ኣሰራርሓን ባህልን ከጎልብቱ ዘኽእል ዓቕምን ክእለትን ምዕባይ፣
- ህፃናት ኣወዳድባን ኣሰራርሓን ፓርላማ ክፈልጡን ነዚ መሰረት ገይሮም ክፍፅሙ ከምኡ'ውን ዝተውሃቦም ሓላፍነት ምስ ትምህርቶም ኣጠዓዒሞም ክሰርሑ ምግባር ዝብሉ እዮም።

5. ኣሳታፋይነት፣ ግልፅነት፣ ተሓታትነት፣ ሓባራዊ ምርድዳእ፣ ቅልጡፍ ምላሽ ምሃብ፣ ልዕልነት ሕጊ፣ ተኣማንነት፣ ቅልጡፍን ስሉጥን ግልጋሎት ምሃብ፣ ፍትሓውነት፣ ማዕርነት፣ ዲሞክራሲያውነት፣ ሓላፍነት ምውሳድ ዝብሉ ይርከብዎም።

6. ዓንቀፅ ፱፤ ልዕልነት ሕገ መንግስቲ

- ሕገ መንግስቲ ልዕሊ'ኹሉ ሕጊ ሃገር እዩ። ካብ ኩሎም ሕግታት ሃገር ዝለዓለን ገዛእን ዝኾነ ሕጊ እዩ። ውሳነ ዝኾነ ይኹን ሕጊ፣ ባህላውን ልማዳውን ኣሰራርሓታት፣ ከምኡ'ውን መንግስታዊ ኣካል ወይድማ በዓል ስልጣን ምስዚ ሕገ መንግስቲ ሃገር ዝፃባእ እንተኾይኑ ተፈፃምነት (ተቐባልነት) ኣይህልዎን።

- ዝኾነ ይኹን ዜጋ፣ ኣካላት መንግስቲ፣ ፖለቲካዊ ትካላት፣ ካልኦት ማሕበራት ከምኡ'ውን ሰበስልጣናት ንሕገ መንግስቲ ክኽብሩን ክኽበር ክገብሩን፣ ንሕገ መንግስቲ ተገዛእቲ ክኾኑ ዝለዓለ ሓላፍነት ኣለዎም።
- ኣብዚ ሕገ መንግስቲ ካብዝተደንገገን ዝተወሰነን ወፃኢ ብዝኾነ ኣገባብ ስልጣን መንግስቲ ምሓዝ ዝተኸልከለ እዩ።
- ኢትዮጵያ ዘፅደቐቶም ዓለምለኸ ስምምዕነት ብምልኦም ኣካል ሕጊ'ዛ ሃገር እዮም።

7.

ዓንቀፅ ፲፡ ሰብኣውን ዲሞክራስያውን መሰላት

- ሰብኣዊ መሰላትን ነፃነትን ካብ ወዲ ሰብ ተፈጥሯዊ ኩነታት ዝፍልፍሉ ዘይጠሓሱ፣ ዘይድፈሩን ዘይገሃሱን እዮም።
- ሰብኣውን ዲሞክራስያውን መሰላት ዜጋታትን ህዝብታትን ይኽበሩ'ዮም።

8.

ዓንቀፅ ፲፪፡ ኣሰራርሓን ተሓታትነትን መንግስቲ

- ኣሰራርሓ መንግስቲ ንህዝቢ ግልፂ ብዝኾነ መንገዲ ክትግበርን ክፍፀምን ኣለዎ።
- ዝኾነ ይኹን ሓላፍን ተመራፂይ ህዝብን ሓላፍነቱ እንተጉድል ተሓታታይ ይኸውን።
- ህዝቢ ኣብዝመረፆም ተወከልቱ እምነት እንተስእን ካብዝተመረፁሉን ካብዝተመደቡሉን ሓላፍነት ከልዕሎም ይኽእል። ነዚ ዝርዝር ኣፈፃፅማ ብሕጊ ዝውሰን ይኸውን።

9. ግልፅነት፣ ተሓታትነት፣ ኣድልዎ ዘይምፍፃም፣ ሕጊ ምፍፃምን ኣስተምህሮ ሕጊ ምሃብ፣ ግዕዝይና ንምውጋድ ምቅላስ፣ ማዕረ መሰል ንኹሉ ምኽባር፣ ድምፂ ካልኦት ምስማዕ ወዘተ ዝብሉ ይርከብዎም።

10.

- ግዕዝይና ተባሂሎም ክጥቀሱ ዝኽእሉ ንኣብነት ዝስዕቡ ይርከብዎም፤
- ጉቦ ወይድማ መማለዲ ምቕባል፣
- ብዝምድናን ካልኦት ውልቃዊ ርክባት (ዝምድናታት) ተደሪካ ምስራሕ፣
- ዘይግብኦካ ጥቕሚ (ረብሓ) ምርካብን ዘይግብኦካ ንብረት ምውሳድን

- ወግዓዊ ውሳነታት ብዘይግባእ ፀቕትታት ንምቕያርን ኣብቲ ኣወሃህባ ውሳነ ተፅእኖ ክትገብር ምፍታንን
- ሓላፍነትካ ብግቡእ ዘይምፍፃምን ክትገብሮ ዝግብኣካ ነገር ከይገበርካ ምትራፍን ወዘተ
- ካብ ረብሓ ህዝቢ ውልቃዊ ረብሓ ኣቐዲምካ ምርኣይ (ምቕዳም)

√ **<u>ንመጠቓለሊ ሕቶታት ዝተውሃቡ መልስታት</u>**

### ሀ. ንሕቶታት ሓቂ ወይድማ ሓሶት/ጌጋ ዝተውሃቡ መልስታት

1. ሓቂ 'ምኽንያት ካብቲ መጠያሺ ዕላመኣን እቲ ሓደ ንግዲ ምትእስሳር ስለዝኾነ'ዩ።
2. ሓቂ ' ህፃናት መሰሎም ኣብ ምኽባር ተሳተፍቲ ክኾኑ ኣለዎም
3. ሓሶት/ጌጋ' ብኣግባቡ ክፃወቱ ከምዘለዎም ኮይኑ ምስ ኤሌክትሪክ እንትዛመድ ግና ጉድኣት ከምዘብፅሕ ይነገሮም
4. ሓቂ' እቲ ሓድነት ኣፍሪካ ኣብ ነፃ ሃገር ምስረታ ዓሊሙ ዝሰርሕ ኮይኑ እዚ ግና ኣብ ኢኮኖሚ ምትእስሳርን ውሕደትን ኣድሂቡ ስለዝሰርሕ ምጠናዊ ኣፈላላይ ኣለዎ
5. ሓቂ' ኣብ ከለመዳያዊ ስራሕቲ ምክልኻልን ምቁፅፃርን ዝለዓለ ግደ ከምዘለዎም ይእመንን ነዚ ንምትግባር ድማ ፃዕሪ ክግበርን ይግባእ
6. ሓቂ' ብሰንኪ ብርሰት ከባቢ መጠን ዝናብ እናነከየ ንክኸይድን ሓመድ እናተሸርሸረ ፍርያት ሕርሻ ክንኪ ስለዝገብሮ ድርቅን ጥሜትን ክህሉ ምኽንያት ይኸውን።

### ለ. ንሕቶታት ምረፅ ዝተውሃቡ መልስታት

1. መ 2. ለ 3. ሐ 4. ረ 5. ለ

### ሐ ንሕቶታት ኣዛምድ ዝተውሃቡ መልስታት

1. ሰ 2. ሐ 3. ሀ 4. ለ 5. መ

### መ. ግለፁ ንዝተብሃሉ ሕቶታት ዝተውሃቡ መልስታት

1. ኣብ ኣፍሪካ ንዝርግሐ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ምኽንያት ዝኾኑ
   - ምግፋሕ ጎዳእቲ ባህሊ ብሰፊሑ ምህላዉ
   - ዘይተምሃረን ካብ ሓበሬታ ዝተገለለ በዝሒ ዜጋ ምህላዉ
   - ስዲ ዝኾነ ያታዊ ርክብ ምክያዱ
   - ምግላልን መድልዎን ምህላዉ ሕሙማት ንሕብረተሰብ ግልፂ ዘይምኻኖም

- ኣብ ኮንደም ምጥቃም ድሕረት ምህለዉን ካልኦትን እዮም።

2. ኣብ ክልልና ዘሎ ሳዕቤን ቅልጡፍ ዕብየት ህዝቢ
   - ሕፅረት ተሓራሲ መሬት
   - ብርሰት ኣግራብ
   - ካብ ገጠር ናብ ከተማ ዝግበር ፍልሰት
   - ኣብ ማሕበራዊ ግልጋሎት ፀቕጢ ምፍጣር

3. ሓለዋ ህፃናት ማለት ኣብ ህፃናት ብስነ ኣእምሮ፣ ኣካልን ሞራልን ጉድኣት ዘብፅሑ ተግባራት ክሕለዉ ምግባርን መፃኢ ጊዘኦም ሓላፍነት ንምሽካም ዝኽእሉ ዜጋታት ኮይኖም ክዓብዩ ምግባር ማለት እዩ። ነዚ ንምትግባር ዝድለየሉ ምኽንያት
   - ዲሞክራሲያዊ ባህሊ ንምጉልባትን ናፃን ግልፅን ኮይኖም ሓሳቦም ክገልፁ ንምግባር
   - ሕጋዊ ከለላ ምርካብ ሕገ መንግስታውን ዜግነታዊ መሰሎም ስለዝኾነ እዩ።
   - ኣብ ህፃናት ዘሎ ዝተዛበዐ ኣመለኻኽታን ኣረዳድኣን ንምትዕርራይ
   - ህፃናት መሰሎም ንምኽባርን ካብ ጎዳእቲ ልምዲ ሓለዋ ንምግባርን ምቹው ባይታ ንምምችቻው

4. ኣብ ከባቢና ንሰናይ ምምሕዳር ዝፃብኡ ጉዳያት
   - ልዕልነት ሕጊ ዘይምኽባር
   - ብጉቦን ወገናውነት ምስራሕ
   - ስሉጥ ግልጋሎት ዘይምሃብ

5. ሃገርና ኢትዮጵያ ምስ ውድብ ሕቡራት ኣፍሪካ ዘለዋ ምትእስሳር
   - ንምስረታ እቲ ውድብ ዝለዓለ ግደ ከምዝነበራ
   - ኢትዮጵያ ብናይ ወፃኢ ወራር ስለዘይተገዝአትን ካልኦት ግና ኣብ ትሕቲ ባዕዳውያን ስለዝነበራን፣ ነዚአን ወኪላ ድማ ኣብ ሕቡራት መንግስቲ መሰል ኣብ ምኽባር ብተሪራ ዝተቓለሰት ከምዝኾነት
   - ኣብቲ እዋን ምስረታ ዝነበረ ምክፍፋል መራሕቲ ኣፍሪካ ብምሽምጋል ናብ ሓደ ንኽመፁ ፃዕሪ ዝገበረት ከምዝኾነት
   - ቤት ፅሕፈት ውድብ ሕብረት ኣፍሪካ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ኢትዮጵያ ምዃኑ ፍሉይ ከምዝገብሮ'ዩ።

# ሲለበስ ትምህርቲ ሕብረተሰብ 7ይ ክፍሊ

**2001 ዓ.ም**

# ትሕዝቶ

**ምዕራፍ ሓደ**

ኣብ ኣፍሪካ ምንባር................................................. . 115

**ምዕራፍ ክልተ**

ኣወቓቕራ ምድሪ.................................................. 121

**ምዕራፍ ሰለስተ**

ስርዓተ ምህዳርን ፈተናታቱን....................................126

**ምዕራፍ ኣርባዕተ**

ውሩይ ህዝቢ........................................................132

## ውፅኢታት ምምሃር ትምህርቲ ሕብረተሰብ 7ይ ክፍሊ

1. ኣረዳድኣ ንምምዕባልን ፍልጠት ንምርካብን ኣብ
    - ስፍሓትን ቅርፅን ኣፍሪካ ምስ ካልኦት ክፍለ ዓለማት እንትነፃፀር
    - ዝርዝር  ስም ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታት ኣፍሪካ
    - መርከቦ ግብፅን ካርቴጅን ከም ሓደ ማእከላት ጥንታዊ ስልጣን ኣፍሪካ
    - ኣገዳስነት ጥንታዊ ስልጣነታት ግብፅን ካርቴጅን
    - ቁጠባዊ መሰረት ቅድመ ባዕዳዊ መግዛእቲ ሃገራት ማሊን ሩንጅን
    - ኩነታት ዝርገሐ ህዝቢ ኣፍሪካ
    - ኣብ ዝርገሐን መናበርን ህዝቢ ኣፍሪካ ፅዕንቶ ዝገብሩ ቀንዲ ምኽንያታት
    - እንታይነት ካርታ፣ ቃስታን ሞሮን
    - ፅፍፃፋት ምድሪ
    - ማተርያላት ቅርፊት መሬት
    - ዓይነትን ኣፈጣጥራን ከውሕታት
    - ቁጠባዊ ረብሓ ከውሕታት
    - እፅዋት ተፈጥሮ ኣፍሪካ
    - ቀንዲ እንስሳት ዘገዳም ኣፍሪካ
    - ዝርገሐ እፅዋት ተፈጥሮ ኣፍሪካ ኣብ ካርታ
    - መስተጋብር ኣብ መንጎ እንስሳት ዘገዳምን እፅዋት ተፈጥሮን
    - ደቂ ሰብ ኣብ እንስሳት ዘገዳም እፅዋት ተፈጥሮን ዘሕድርዎም ቀንዲ ፅዕንቶታት
    - ኣብ እፅዋት ተፈጥሮ ፅዕንቶ ዘሕድሩ ቀንዲ ተፈጥሮኣዊ ምኽንያታት
    - ኣብ መንጎ ደቂ ሰባትን ማይን ዘሎ ርክብ
    - ኣብ ኣፍሪካ ዘሎ ቀረብን ሕፅረትን ዝስተ ማይ
    - ፅቀባ እፅዋት ተፈጥሮ ምስ ፅቀባ ካልኦት ሃፍትታት
    - ብኽለት ኣየርን ማይን ከመይ ከምትቆፃፀር
    - ሓደጋታት ሃፍትታት ሓመድ ኣፍሪካ

- ቀንዲ ሳዕቤናት ቅልጣፌ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ኣፍሪካ
- መግለፅታት ስእነት ሰናይ ምምሕዳር ኣብ ኣፍሪካ
- መሰል ህፃናት ዝድግፉ ሕጋዊ ሰነዳት
- ኣብ ከባቢኦም ዘለዉ ምግሃስ መሰል ህፃናት ዘተባብዑ ልምድታት
- ወዲንነት እንታይ እዩ?
- ክልላዊ ውድባት ኣፍሪካ
- ኣባል ሃገራት እዞም ውድባት
- ምስረታ ውድብ ሓድነት ኣፍሪካን ናብ ሕብረት ኣፍሪካ ምዕባይን

2. **ሙያን ክእለትን ንምምዕባል ኣብ፦**

- ካርታ ኣፍሪካ ብምስኣል ሓበሬታታት ሕዳግ ምምልካት
- ብዛዕባ ኣብ ከባቢኦም ዘለዉ ሳዕቤናት ቅልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ሓፂር ፀብፃብ ምፅሓፍ
- ብዛዕባ ኣብ ከባቢኦም ዘለዉ መግለፅታት ስእነት ሰናይ ምምሕዳር ሓፂር ፀብፃብ ምድላው
- ንዓርሶም ካብ ምግሃስ መሰል ህፃናት ንምክልኻል መከላኸሊ ሜላታት ምትግባር
- ሓድ ሓደ መልክዓት ወዲንነት ምግላፅ

3. **ልምድን ዝንባለን ንምምዕባል ኣብ**

- ቅድመ ባዕዳዊ መግዛእቲ ዝምባብዌ ጥበብ ስነ ህንፃ በዒሕዎ ዝነበረ ዕብየት ምድናቕ
- ኣብ ኢትዮጵያ ኣብ መንጎ ሩሑቕ ቦታታት ዝግበር ዝነበረ ንግዲ ህዝብታት ኣብ ምርኻብ ዝገበሮ ኣስተዋፅኦ ምድናቕ
- ረብሓ እንስሳት ዘገዳምን እፅዋት ተፈጥሮን ኣፍሪካ ምርዳእ
- ኣብ ሓለዋ ፅርየት ዝስተ ማይ ንምስታፍ ፍቓደኛ ምኳን
- ዕላማታት ኣጋርነት ክልላዊ ውድባት ኣፍሪካ ምግንዛብ

# ምዕራፍ ሓደ

# ኣብ ኣፍሪካ ምንባር *(ክፍለ ግዘ 23)*

***ውፅኢታት ምዕራፍ፦***

ተምሃሮ ነዚ ምዕራፍ ምስተምሃሩ፦

- መርክቦ፣ ቅርፅን ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታትን ኣፍሪካ የብርሁ።
- ቀንዲ ጥንታዊ ስልጣነታትን ቅድመ ባዕዳዊ መግዛእቲ ሃገራትን ኣፍሪካ ይፈልጡ
- ኣብ ዝርገሐ፣ ሰፈራን (settlement) መናበርን (livelihood) ህዝቢ ኣፍሪካ ፅዕንቶ ዘሕድሩ ምኽንያታት ይመያየጡ።

| **ብቕዓታት**(competencies) | **ትሕዝቶታት**(Contents) | **መበገሲ ሓሳብ ንጥፈታት** (Suggested activities) |
|---|---|---|
| *ተምሃሮ ነዚ ምስተምሃሩ*<br>• ቅርፅን ስፍሓትን ኣፍሪካ ምስ ካልኦት ክፍለ ዓለማት የነፃፅሩ።<br>• ፍፁማዊ መርክቦ ኣፍሪካ የለልዩ። | 1. **ኣብ ኣፍሪካ ምንባር**<br><br>1.1. *መርክቦ ስፍሓትን ቅርፅን ኣፍሪካ (ክፍለ ግዚ 2)*<br>• *ኣቀማምጣ ኣፍሪካ* | • ነቲ ትምህርቲ ፊዚካዊ ካርታ ኣፍሪካ ብምቕራብ ምጅማርን ተምሃሮ ኣብ ካርታ ብዛዕባ ኣፍሪካ እንታይ ከምተዓዘቡ ክገልፁ ምትብባዕን ካብቲ ካርታ ዘውፅእዎ ሓበሬታ መሰረት ብዛዕባ መርክቦ፣ ስፍሓትን ቅርፅን ኣፍሪካ ይመያየጡ።<br>• ተምሃሮ ኣፍሪካን ሃገራታን ዝሓዘ ካርታ ይወሃቦም። መምህር ኣብ ፀሊም ሰሌዳ ፊዚካዊ ካርታ ኣፍሪካ ይጥቅዑ እዚ ካርታ ኣብ መፅሓፎም ዘሎ ክኸውን ኣለዎ። ቀፂሉ ብዛዕባ ዝኾነ ሃገር መርክቦ፣ ስፍሓት፣ ቅርፂ፣ ርእሰ ከተማ ቅርፀ መሬት ወዘተ ክገልፁ ንተምሃሮ ይሕተትዎም፤ ኣብ መወዳእታ ተምሃሮ ዝሃብዎም መልስታት ተቐቢሎም ተወሳኺ ሓበሬታ ይሃብዎም። |
| • ሞሮን ቃስታን ዝበሉ ቃላት እንታይ ማለት ከምዝኾኑ የብርሁ። | 1.2. ሞሮን ቃስታን *(ክፍለ ግዘ 3)*<br>• *መስመር ካንሰር፣ መስመር ካፕሪኮርንን* | • ኣብ 6ይ ክፍሊ ብዛዕባ መስመራት ካንሰር፣ ካፕሪኮርንን ቅናት ምድርን ዝተምሃርዎ ያሚቖም ይግለፁሎምን ኣብ ሰሌዳ |

| ብቕዓታት(competencies) | ትሕዝቶታት(Contents) | መበገሲ ሓሳብ ንጥፈታት (Suggested activities) |
|---|---|---|
| | ቅናት ምድርን<br>• መስመራት ሞሮ፣ ቃስታን ዜሮ ዲግሪ ቃስታን (Greenwich Meridian) | ይስኣሉሎምን።<br>• ቀጺሉ ካልኦት መስመራት ሞሮ የላልይዎም። ካብኡ መስመራት ቃስታ ካብ ዜሮ ዲግሪ ቃስታ ጀሚሩ የላልይዎም። ረብሓ ቃስታታት እንታይ ከምዝኾነ ይሕተትዎም። ብዛዕባ ረብሕኦም የብርህሎም ተምሃሮ ነቲ ስእሊ ኣብ ደፍተሮም ይስኣልዎ።<br>• ኣብ መወዳእታ 15$^0$ ቃስታ ናብ ምብራቕ እንትንጎዓዝ ንምንታይ ሓደ ሰዓት ከምእንውስኽን 15$^0$ ቃስታ ናብ ምዕራብ እንትንጎዓዝ ድማ ንምንታይ ሓደ ሰዓት ከምእንንኪ የብርህሎም። ነዚ ምስ ሕምባበ ምድሪ እናዛመዱ ይግለፁሎም። ግዘ ከመይ ከምዝግበጥ እውን ብኣብነታት እናደገፉ የብርህሎምን መልመድታት የስርሕዎምን። ኣብነት ካብ ሎንደን (ዜሮ ዲግሪ ቃስታ) ምሸት ካብ ሓደ ሰዓት ጀሚሩ ፀዋታ እግሪ ኩዕሶ ብቐጥታ ብቴሌቪዥን እንተተፈነወ ኣብ ኢትዮጵያ ክንደይ ሰዓት ይኸውን? |
| • ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታት ኣፍሪካ ይፀርሑ | 1.3. ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታት ኣፍሪካን ዝርገሐኦምን *(ክፍለ ግዘ 2)*<br>• ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታት | • ዝኾኑ ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታት ኣፍሪካ ክፀርሑ ንተምሃሮ ይሕተትዎም። ነቶም ዝፀርሕዎም ድማ ኣብ ሰሌዳ ዝተስኣለ ባዶ ካርታ ኣፍሪካ የመልክትዎም። ኣብነት ቋንቋታት ባንቱ፣ ዓረብኛ ወዘተ.<br>• ብዛዕባ ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታት ኣፍሪካ ሓጺር መብርሂ (ካብ 5 ደቒቃ ዘይበለፀ) ይሃብዎም።<br>• ክልተ ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታት |

| ብቕዓታት(competencies) | ትሕዝቶታት(Contents) | መበገሲ ሓሳብ ንጥፈታት (Suggested activities) |
|---|---|---|
| | | ተዛረብቲ ወሲዶም ንፅፅራዊ መፅናዕቲ (Comparative case study) ገይሮም የቕርብሎም። <br>• ቀፂሎም ተምሃሮ ኣብ ካርታ ዝርገሐ እቶም ዝተጠቐሱ ቋንቋታት ከመልክቱ ይግበሩ። <br>• ኣብ መወዳእታ ተምሃሮ ብዛዕባ በዝሒ ተዛረብቲ፣ ዝርከብሉ ከባቢ፣ ኣበየናይ ቤተሰብ ቋንቋ ከምዝምደብ ወዘተ ሓደ ቋንቋ ንኽዛረቡ ይሕተትዎም። |
| • መርከቦ ግብፅን ካርቴጅን ከም ሓደ ማእኸላት ጥንታዊ ስልጣነ ኣፍሪካ የመልክቱ። <br><br><br><br><br><br><br><br>• ረብሓ ጥንታዊ ስልጣነታት ግብፅን ካርቴጅን የብርሁ | 1.4. ጥንታዊ ስልጣነታት ኣፍሪካ (ግብፅን ካርቴጅን) *(ክፍለ ግዘ 2)* <br>• ጥንታዊ ስልጣነ ግብፂ፦ ፒራሚዳት፣ ቤተፀሎታትን (temples) ህዝብን፣ግብርናን ንግድን ሂሮግሊፊክስ (hieroglyphics) <br><br>➢ ጥንታዊ ስልጣነ ካርቴጅ | • መርከቦ ጥንታዊ ስልጣነ ግብፂ ይመያየጡ፣ ኣብ ካርታ ኣብ ሰሌዳ የመልክቱን ምስ ናይ ሕዚ መርከቦ ግብፂ የነፃፅሩን። <br>• ስነ ህንፃ፣ ፈርኦናት፣ ግብርናን መራኸብን ዘጠቓልል ሓፂር መፅናዕታዊ ፅሑፍ ይምርምሩን ምስ ስልጣነ ኣኽሱም የነፃፅሩን። <br>• ሂሮግሊፊክስ፦ ንተምሃሮ መግለፂ ሓድሓደ ቀለልቲ መሰረታዊ ምልክታት ይሃብዎም ንኸንብብዎ እውን ይሕተትዎም። ብዛዕባ ረብሓ ርክብ ይመያየጡ። <br>• ካርቴጅ ኣበይ ከምእትርከብ ኣብ ካርታ የመልክቱ <br>• ግብርና፣ ህዝብን መራኸብን ዝምልከት ሓፂር መፅናዕታዊ ፅሑፍ ይመርምሩ <br>• ስልጣነታት ግብፅን ካርቴጅን የነፃፅሩ <br>• ሕድሕድ ስልጣነ ንሎሚ ዘለዎ ቀንዲ ረብሓ ይመያየጡ <br>• ተምሃሮ ብዛዕባ ቋንቋታትን ጥንታዊ ስልጣነታትን እንታይ ከምእተምሃሩ መጠቓለሊ ይሃቡ። |

| **ብቕዓታት**(competencies) | **ትሕዝቶታት**(Contents) | **መበገሲ ሓሳብ ንጥፈታት** (Suggested activities) |
|---|---|---|
| • ቁጠባዊ መሰረታት ቅድመ ባዕዳዊ መግዛእቲ ሃገራት ማሊን ሩንጅን ይትንትኑ።<br>• ኣብ ቅድመ ባዕዳዊ መግዛእቲ ሃገረ ዜምባብዌ ዝነበረ ልዑል ምዕባለ ስነ ህንፃ የድንቑ። | 1.5. *ቅድመ ባዕዳዊ መግዛእቲ ሃገራት ኣብነት ዜምባብዌ፣ ማሊ፣ ሩንጂ*<br>*(ክፍለ ግ/ 3)*<br>• ቅድመ ባዕዳዊ መግዛእቲ ዜምባብዌ<br>• ቅድመ ባዕዳዊ መግዛእቲ ማሊ<br>• ቅድመ ባዕዳዊ መግዛእቲ ሩንጂ | • ቅድመ ባዕዳዊ መግዛእቲ ሃገረ ዜምባብዌ ኣበይ ከምዝነበረት ምስ ተምሃሮ ኮይኖም ኣብ ካርታ ይፍለዩ። ብዛዕባኣ እንታይ ከምዝሰምዑ ይዛረቡ።<br>• ቅድመ ባዕዳዊ መግዛእቲ ዜምባብዌ ዝምልከት ሓፂር መፅናዕታዊ ፅሑፍ ይምርምሩ።<br>• ሕዚ ማልን ሩንጅን የላልዩዎምን ኣብ ካርታ ከመልክቱወን ይሕተትዎምን።<br>• ኣብ ማሊን ሩንጅን ዝነበረ ስነ-ህንፃ ህዝቢ፣ ግብርና፣ መሰረት ቁጠባን ረብሓን ዝምልከት ሓፂር መፅናዕታዊ ፅሑፍ ይመርምሩ። |
| • ኣብ ኢትዮጵያ ዝካየድ ዝነበረ ናይ ኒዊሕ ርሕቐት ንግዲ ህዝቢ ኣብ ምርካብ ዝገበሮ ኣስተዋፅኦ የረድኡ።<br>• ኣብ ኣፍሪካ ዝነበሩ ካልኦት መስመራት ንግዲ ይፈልጡን መበገሲኦም ይፈልዩን። | • 1.6. ነዊሕ ርሕቐት ንግዲ ከም ምኽንያት መራኸቢ ህዝቢ ኣብ ኢትዮጵያ<br>*(ክፍለ ግ/ 3)*<br>• ናይ ርሕቐት ንግዲ ኣብ ኢትዮጵያ | • መስመራት ንግዲ ኢትዮጵያ ኣብ ካርታ የመልክቱን ይመያየጡን። ቀፂሎም ቀንዲ ሸቐጣት ንግዲ ክፈልዩ ኣለዎም።<br>• ረብሓ ንግድን ህዝብታት ኢትዮጵያ ኣብ ምርኻብ ዘለዎ ኣስተዋፅኦ ይመያየጡ<br>• ካብ ኢትዮጵያ ወፃኢ ዝነበሩ መስመራት ንግድን መፅለቢኦምን ይመያየጡ።<br>• ካልኦት ክልተ መስመራት ንግዲ ንምንታይ ኣብኡ ከምዘለዉ ታሪካውን ዘበናውን ምኽንያታት ዝምልከት ሓፂር መፅናዕታዊ ፅሑፍ |
| • ኣብ ዝርገሐ ህዝቢ ፅዕንቶ ዝገብሩ ምኽንያታት ይገልፁ።<br>• ነዞም ምኽንያታት ምስ ኣሰፋፍራ ህዝቢ ኣፍሪካ የዛምዱን | 1.7. **ህዝቢ**<br>1.7.1. ዝርገሐን ሰፈራን ህዝቢ *(ክፍለ ግ/ 3)*<br>• ቁልፊ ምኽንያታት ዝርገሐ ህዝብን ሰፈራን (ነባሪ ኣየር፣ | • ዝርገሐ እፅዋት ዘርኢ ፊዚካዊ ካርታ ኣፍሪካ ይመያየጡ<br>• ነቲ ካርታ ብምርኣይ ብዛዕባ ነባሪ ኣየር እንታይ ከምዝብሉ ይሕተትዎም። ኣየነዎት ከባብታት ልሙዕ መሬትን ንሕርሻ |

| ብቕዓታት(competencies) | ትሕዝቶታት(Contents) | መበገሲ ሓሳብ ንጥፈታት (Suggested activities) |
|---|---|---|
| ሰፈራታት ኣብ ካርታ ይፈልዩን።<br><br>• ኣብ ኣፍሪካ ዘለዉ ልሙድ ዓይነታት መንበሪ የብርሁ።<br>• መናበሪ ህዝቢ ምስ ነባሪ ኣየር፣ እፅዋትን መስመራት መጎዓዝያን የዛምዱ። | እፅዋት፣ በዝሒ (PRESSURE) ህዝቢ)<br>• ነባሪ ኣየር፦ መታሕት ቅናት ምድሪ፣ ሳዕሪ መሬት ሃሩር፣ በረኸቲ ቦታታት ቅናት ምድሪ፣ ምድረ በዳ<br>1.7.2. መናበሪ ኣብ ኣፍሪካ *(ክፍለ ግዘ 3)*<br>• ምዝሩፍ ዓሳ ኣብ ሓጋፍ ሽንጥሮ ኢትዮጵያ<br>• መታሕት ቅናት ምድርን ሃፍትታቶምን፦ ናይጀርያ (ምዝሬፍ ዓሳ፣ ዘራእቲ ምግቢ ኣብነት ካሳቫ፣ ስየ (Palm oil)<br>• ሳዕሪ መሬት ሃሩር ምርባሕ ከፍቲ (ኢትዮጵያ፣ ኬንያ)<br>• በረኸቲ ቦታታት ቅናት ምድሪ ምፍራይ ጥረምረ፣ ቡና፣ ቆፅሊ ሻሂ፣ ዕምበባ፣ ኣሕምልትን ፅባን | ምችው ክኾኑ ከምዝኽእሉ ይመያየጡ።<br>• ኣሰፋፍራ ህዝቢ ኣፍሪካ ምስ ነባሪ ኣየር ዘለዎ ዝመድና ካርታ እናርኣዩ ይመያየጡ።<br>• ንምንቅስቓስ ህዝቢ ምኽንያታት ዝኾኑ ካልኦት ነገራት እንታይ ከምዝኾኑ ይመያየጡ ኣብነት ኲናት፣ ድርቂ<br>• ቀንዲ መናበሪ ዝተፈላለዩ ኣሰፈፍራታት ህዝቢ ኣፍሪካ ከለልዩ ተምሃሮ ይምደቡን ነቲ መናበሪ ህዝቢ ምስ ነባሪ ኣየር፣ ሃፍቲ ተፈጥሮን መስመራት መጓዓዝያን የዛምዱን<br>• መፅናዕቲ . . ንጥፈታት ገጠር (መታሕት ቅናት ምድሪ)<br>• መፅናዕቲ . . ንጥፈታት ምዝፋፍ ዓሳ ኣብ ኢትዮጵያ<br>• መፅናዕቲ . . ምርባሕ ከፍቲ<br>• ቁልፊ ፅርግያታት/መስመራት ሃዲድ ኣፍሪካ ኣብ ካርታ የመልክቱን ሳዕቤን ኲናትን ህውከትን ኣብ መስመራት መጓዓዝያ ይመያየጡን። |
| • ምኽንያታት ምክታም ይገልፁን ኣብነታት የለልዩን።<br>ቁልፊ መስመራት መጓዓዝያ የለልዩን ሳዕቤን ህዝባዊ ዓመፅ | 1.7.3. ኣብ ዝርገሐ ሰፈራታትን መነባብሮን ፅዕንቶ ዘሕድሩ ምኽንያታት (2 ክፍለ ግዜ)<br>• ምኽንያታት ምክታምን ኣብነታትን | • ተምሃሮ ካርታ እናረኣዩ ኣቀማምጣ ከተማታት ይምርምሩ።<br>• መፅናዕቲ . . . ኣዲስ ኣበባን ሞምባሳን<br>• ኣዲስ ኣበባ ኣብ ልሙዕ መሬትን ወሰን ሩባን ከም እተኸተመት፣ ሞምባሳ ድማ ተፈጥሮኣዊ መዕቆቢ |

| ብቕዓታት(competencies) | ትሕዝቶታት(Contents) | መበገሲ ሓሳብ ንጥፈታት (Suggested activities) |
|---|---|---|
| ኣብ መጓዓዝያ ይገልፁን። | (ኣዲስ አበባን ሞምባሳን)<br>• መስመራት መጓዓዝያን ሳዕቤናት ፀጥታን ማለት ኲናታትን ህውከታትን | መርከብ ስለዘለዋን መጀመሪ ሃዲድ ባቡር ምብራኽ ኣፍሪካ ከምዝኾነትን ኣፅንኦት ክወሃቦ ይግባእ። ኣብ ኣዲስ ኣበባ ቡና ዝእሽግ ሰራሕተኛን ኣብ ሞምባሳ ኣብ ወደብ ዝሰርሕ ሰብን ምንፅፃር፣ ምክታም እዘን ቦታታት ምስ ነባሪ ኣየር ዝምድና ከምዘለዎ እውን ምግንዛብ ይግባእ።<br>• ሳዕቤናት ኲናትን ህውከትን ኣብ ምንቅስቓስ ህዝብን መጓዓዝያን ይመያየጡ። |

**ፈተሻ(Assessment)**

መምህር ስራሕ ሕድሕድ ተምሃራይ ኣብ መላእ እዚ ምዕራፍ ብተኸታታሊ ክፍትሽን ነቲ ስራሕ ምስ እዚ ዝስዕብ መግለፂ ብመሰረት ብቕዓታት እቲ ምዕራፍ ክነፃፀርን ኣለዎ። እዚ ዝግበር ዘሎ እቲ ተምሃራይ ዘዕግብ ተደላዪ ደረጃ ምርካቡን ዘይምርካቡን ንምውሳን እዩ።

**ዘዕግብ ተደላዪ ደረጃ ዝሰርሑ ተምሃሮ**

- ቅርፅን ስፍሓትን ኣፍሪካ ምስ ካልኦት ክፍለ ዓለማት የነፃፅሩ።
- ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታት ኣፍሪካ ይፀርሑ።
- ኣፍሪካ ዓዲ ብዙሓት ዓሌታት ህዝቢ ምዃና የረድኡ።
- ግብፅን ካርቴጅን ከም ማእኸላት ጥንታዊ ስልጣነ ኣፍሪካ የመልክቱ።
- ረብሓ ጥንታዊ ስልጣነታት ግብፅን ካርቴጅን የብርሁ።
- መሰረት ቁጠባ ቅድመ ባዕዳዊ

**ካብቲ ዘዕግብ ተደላዪ ደረጃ ንላዕሊ ዝሰርሑ ተምሃሮ**

- ክነኣዱን ብፃዕሮም ዝረኸብዎ ውፅኢት ድማ ኣፍልጦን ክወሃቦ ኣለዎ። ንቐፃሊ እውን ብዝረኸብዎ ውፅኢት ከይዓገቡ ጠንኪሮም ንኽሰርሑ ክተባብዑ ኣለዎም።

**ካብቲ ዘዕግብ ተደላዪ ደረጃ ንታሕቲ ዝሰርሑ ተምሃር**

- ንመማህርቶም ንምስዓብ ተወሳኺ ደገፍ የድልዮም። ኣብ ውሽጢ ክፍሊ ፍሉይ ጠመተን ተወሳኺ ትምህርቲ ኣብ እዋን ዕረፍቲ ወይ መወዳእታ ዕለታዊ ትምህርቲ ክወሃቦም ኣለዎ።

| | |
|---|---|
| መግዛእቲ ሃገራት ዜምባብዌ፣ ማሊን ፉንጂን ይትንትኑ።<br>• ኣብ ኢትዮጵያ ዝነበረ ንግዲ ርሕቐት ህዝብታት ኣብ ምርካብ ዝገበሮ ኣስተዋፅኦ የረድኡ።<br>• ቅድመ ባዕዳዊ መግዛእቲ ሃገረ ዜምባብዌ በዚሓቶ ዝነበረት ልዑል ፍፃመ ስነ ህንፃ የረድኡ።<br>• ዝርገሐ ህዝብን መናበርን ዝፀልዉ ምኽንያታት ይገልፁ። | ል.በ - መምህር ኣብ ክይዲ ፈተሻ ፍሉይ ጠመተን ኣድላዪ ደገፍን ንፍሉይ ድሌት ዘለዎም ተምሃሮ ክህቡ ኣለዎም። |

# ምዕራፍ ክልተ

## ኣወቓቕራ ምድሪ *(ክፍለ ግዘ 12)*

### *ውፅኢታት ምዕራፍ፦*

ተምሃሮ ነዚ ምዕራፍ ምስ ተምሃሩ፦

- ቀፀላታት ምድርን ኣካላት ላዕለዋይ ኣካል መሬትን ይገልፁ።
- ፕሌታት (Plates) ምድሪ ከምዝንቀሳቐሱን መንቀሊ ርእደ ምድሪ ከምዝኾኑን የረድኡ።
- ኣፈጣጥራ፣ ዓይነታትን ቁጠባዊ ረብሓን ከውሕታት የለልዩ።
- መሰመራት ሞሮን ቃስታን የብርሁን ይጥቀሙን።
- ካርታ ይነድፉ

| ብቕዓታት(competencies) | ትሕዝቶታት(Contents) | መበገሲ ሓሳብ ንጥፈታት (Suggested activities) |
|---|---|---|
| *ተምሃሮ ነዚ ምስተምሃሩ*<br>• እንታይነት ካርታ ይገልፁ።<br>• ረብሓታት ካርታ ይገልፁ።<br><br>• ንድፊ ካርታ ኣፍሪካ ስእሊሎም ሓበሬታታት ሕዳግ ካርታ የመልክቱ። | 2. **ኣወቓቕራ ምድሪ**<br>2.1. ሓበሬታ ካብ ካርታ ኣልሽካ ምርካብን ምጥቃምን *(ክፍለ ግዘ 6)*<br>• ምጥቃም ካርታ<br><br>• መረዳእታታት ሕዳግ (ርእሲ፣ ኣንፈት፣ ዕለት፣ መፍትሕ) | • ረብሓታት ካርታ መን ከምዝጥቀመሉን ከም ዝሰርሐን ይመያየጡ።<br>• ሓበሬታታት ሕዳግ ኣማሊኡ ዝሓዘ 1፡50,000 ዝኾነ ካርታ ኣብ ሰሌዳ የንጠልጥሉሎም።<br>• ኣብቲ ካርታ እንታይ ሓበሬታት ከምዘለዉ ይሕተትዎም (ርእሲ፣ ኣንፈት፣ ዕለት፣ መፍትሕ) እዞም ሓበሬታታት ንምንታይ ከምዝጠቕሙ ይመያየጡ።<br>• ሕዚ ከምቲ ኣብ ሰሌዳ ዝስኣልዎ ካርታ ሕድ ሕድ ተምሃራይ ድማ ንድፊ ካርታ ኣፍሪካ ኣብ ደፍተሩ ክስእል ይግበሩ። እቲ ካርታ ከተማታት፣ ወሰናት (ዶባት)፣ ሩባታት፣ ሰንሰለት ጎቦ ክህልዎ ይግባእ። |

| ብቕዓታት(competencies) | ትሕዝቶታት(Contents) | መበገሲ ሓሳብ ንጥፈታት (Suggested activities) |
|---|---|---|
| | | • መፍትሕ ካርታ ከመይ ከምዝዳለው የዘኻኽርዎምን ንዝሰኣልዎ ካርታ መፍትሕ ከዳልውሉ ይሕተትዎምን። <br>• ሓደ ካርታ ዝተሓተመሉ ዕለት ኣብቲ ካርታ ምፅሓፍ ኣድላይነቱ እንታይ ከምዝኾነ ይሕተትዎም። |
| • ቀፀላታት ምድሪ ይገልፁ። <br>• ላዕለዋይ ኣካል መሬት ዝተፈጠረሉ ቀንዲ ማተርያላት የርእዩ። | 2.2. ቀፀላታት ምድሪ *(ክፍለ ግዘ 4)* <br>• ላዕለዋይ ኣካል መሬት፣ ማእኸላይ ኣካል መሬትን ኣስኳል መሬትን (ዕምቆት ላዕለዋይን ማእኸላይን ኣካላት መሬት) <br>• ቀንዲ ኣካላት ላዕለዋይ ኣካል መሬት | • ምድሪ ብቀፀላታት ዝተዋቐረት ምዃና ንምርኣይ ዝተቀቀለ እንቁላሊሕ ተጠቒሞም የብርህሎም። ዕምቆት ላዕለዋይን ማእኸላይን ኣካላት መሬት ይመያየጡን ኣስኳል መሬት ድማ ኣዝዩ ውዑይ ከምዝኾነ የብርህሎምን። <br>• ቀንዲ ኣካላት ላዕለዋይ ኣካል መሬት ከም ሓመድ፣ ማይን ከውሕታትን ከምዝኾነ ቀፀላታት ምድርን ከውሕን ገሚሱ ዘርኢ (Cross section) ፎቶግራፍ ተጠቒሞም የብርህሎም። |
| • ኣፈጣጥራን ዓይነታትን ከውሒ ይፈልዩ። <br>• ቁጠባዊ ረብሓ ከውሕታት የብርሁ። <br>• ኣብ ኢትዮጵያ ከውሕታት ዘለዎም ቁጠባዊ ረብሓ የረጋግፁ። | 2.3. ኣፈጣጥራን ዓይነታትን ከውሒ *(ክፍለ ግዘ 2)* <br>• ኣፈጣጥራ ከውሕታት <br>• ዓይነታትን ረብሓታትን ከውሒ (ዘፍታዊ | • ምኹኽ ከውሒ ካብቲ ውዑይ ኣስኳል መሬት ብሓይሊ ተደፊኡ ናብ ላዕሊ ዝወፀ ከምዝኾነን ዳሓር ከምዝዘሓለን የብርህሎም። <br>• ስእልን መርኣያታትን |

| **ብቕዓታት**(competencies) | **ትሕዝቶታት**(Contents) | **መበገሲ ሓሳብ ንጥፈታት** (Suggested activities) |
|---|---|---|
| | ክውሒ፣ክውሒ እሳት ጎመራን ልውጥ ክውሕን)<br>• ቁጠባዊ ረብሓ ክውሕታት) | ኣደጊፎም ብዛዕባ ዘፍታዊ ክውሒ፣ ክውሒ እሳተ ጎመራን ልውጥ ክውሕን ይመያየጡ፣<br>• ብዛዕባ ዝኾነ ጠቓሚ ክውሒ ወይ መዓድን ዝሰምዕዎ ነገር ክገልፁ ይሕተትዎም። ቀፂሎም ብዛዕባ ጥርቀለም፣ ወርቅን ክባር እምንታትን ከም ኣልማዝ ዝመሳሰሉ ይመያየጡ።<br>• ኣብ ኢትዮጵያ ዘለዉ ዕቑራት መዓድናት ዘርኢ ካርታ ኣብ ደፍተሮም ክግልብጡ ይሕተትዎም። ብዛዕባ እዞም መዓድናት እውን ይመያየጡ። |

**ፈተሻ**

- መምህር ስራሕ ሕድሕድ ተምሃራይ ኣብ መላእ እዚ ምዕራፍ ብተኸታታሊ ክፍትሸን ነቲ ስራሕ ምስ እዚ ዝስዕብ መግለፂ ብመሰረት ብቕዓታት እቲ ምዕራፍ ክነፃፅርን ኣለዎ። እዚ ዝግበር ዘሎ እቲ ተመሃራይ ዘዕግብ ተደላዪ ደረጃ ምርካቡን ዘይምርካቡን ንምውሳን እዩ።

**ዘዕግብ ተደላዪ ደረጃ ዝሰርሑ ተምሃሮ**

- እንታይነት ካርታ ይገልፁ።
- እንታይነት ሞሮን ቃስታን የብርሁ።
- ንድፊ ካርታ ኣፍሪካ ስኢሎም

**ካብቲ ዘዕግብ ተደላዪ ደረጃ ንላዕሊ ዝሰርሑ ተምሃሮ**

- ክነኣዱን ብፃዕሮም ዝረኸብዎ ውፅኢት ድማ ኣፍልጦን ክወሃቦ ኣለዎ። ንቐፃሊ እውን ብዝረኸብዎ ውፅኢት ከይዓገቡ ጠንኪሮም ንኽሰርሑ ክተባብዑ ኣለዎም።

**ካብቲ ዘዕግብ ተደላዪ ደረጃ ንታሕቲ ዝሰርሑ ተምሃሮ**

- ንመማህርቶም ንምስዓብ ተወሳኺ ደገፍ የድልዮም። ኣብ ውሽጢ ክፍሊ ፍሉይ ጠመተን ተወሳኺ ትምህርቲ ኣብ እዋን ዕረፍቲ ወይ መወዳእታ ዕለታዊ ትምህርቲ ክወሃቦም ኣለዎ።

| | |
|---|---|
| መሰመራት ሞሮን ቃስታን የመልክቱ።<br>• ሓድሓደ ሓበሬታት ሕዳግ ካርታ ይገልፁ።<br>• ቀፀላታት ምድሪ ይገልፁ።<br>• ቀንዲ ማተርያላታት ላዕለዋይ ኣካል መሬት ማለት ክፍለ ዓለማትን ማያዊ ኣካላትን የመልክቱ።<br>• ኣፈጣጥራን ዓይነታትን ከውሊ ይፈልዩ።<br>• ቁጠባዊ ረብሓ ከውሕታት የብርሁ። | ል.በ - መምህር ኣብ ከይዲ ፈተሻ ፍሉይ ጠመተን ኣድላዪ ደገፍን ንፍሉይ ድሌት ዘለዎም ተምሃሮ ክህቡ ይግባእ። |

# ምዕራፍ ሰለስተ

## ስርዓት ምህዳርን ፈተናታቱን *(ክፍለ ግ// 16)*

### ውዕኢ.ታት ምዕራፍ፦

*ተምሃሮ ነዚ ምዕራፍ ምስተምሃሩ፦*

- *ዝርገሐ፣ ረብሓን ፅዕንቶ ዘሕድሩ ቀንዲ ምኽንያታትን ኣብ እፅዋት ተፈጥሮን እንስሳት ዘገዳምን ኣፍሪካ ይፈልጡ።*
- *ቀረብን ስግኣታትን ሃፍቲ ዝስተ ማይ ይፈልጡ።*
- *ሜላታት ኣተዓቓቕባ ሃፍትታት ተፈጥሮ ይግንዘቡ።*

| **ብቕዓታት**(competencies) | **ትሕዝቶታት**(Contents) | **መበገሲ ሓሳብ ንጥፈታት** (Suggested activities) |
|---|---|---|
| *ተምሃሮ ነዚ ምስተምሃሩ*<br>• እፅዋት ተፈጥሮ ኣፍሪካ ኣብ ካርታ የለልዩን የመልክቱን።<br>• ቀንዲ እንስሳት ዘገዳም ኣፍሪካ ይፈልዩን ምስ ከባቢኦም ከመይ ከምዝዛመዱ ይገልፁን።<br>• ተኽልታትን እንስሳትን ኣካል ስርዓት ምህዳር ከምዝኾኑ ይግንዘቡ (ይፈልጡ)።<br>• እንስሳት መንበሪኦም እንተወዲሙ ንሳቶም እውን ከምዝበርሱ የረጋግፁ።<br>• ደቂ ሰባት ኣብ እንስሳት ዘሕድርዎም ፅዕንቶታት ይገልፁ። | 3. **ስርዓት ምህዳርን ፈተናታቱን**<br>3.1. እፅዋት ተፈጥሮን እንስሳት ዘገዳምን *(ክፍለ ግ// 6)*<br>• ዝርገሐ እፅዋት ተፈጥሮን እንስሳት ዘገዳምን<br>• ረብሓ እፅዋት ተፈጥሮን እንስሳት ዘገዳምን (ሳይንሳዊ፣ ቁጠባዊ፣ከም ኣካል ተፈጥሮ ዓለም)<br>• ኣብ እፅዋት ተፈጥሮን እንስሳት ዘገዳምን ፅዕንቶ ዘሕድሩ ቀንዲ ምኽንያታት (ደቂ | • ብዛዕባ ዓይነትን ዝርገሐን እፅዋት ተፈጥሮ ኣፍሪካ ካርታ ኣፍሪካ ተጠቂሞም የዘኻኽርዎም (ንሳቶም እውን እፅዋት ተፈጥሮ ክልታት ነባሪ ኣየር ቅናት ምድሪ፣ ሳዕሪ መሬት ሃሩር፣ ምድረ በዳ፣ ሓውሲ ምድረ በዳ፣ ሜድትራንያንን በረኽቲ ቦታታት ሃሩርን እዮም)።<br>• ሕዚ ብዛዕባ ኣብ ዝተፈላለየ ከባብታት ዝነብሩ እንስሳት ይመያየጡ። ካብ ሓደ ንላዕሊ ክሊ እፅዋት ኣብ ዘለውሉ ቦታታት ዝነብሩ እንስሳት ዝበለፀ ብህይወት ናይ ምንባር ዕድል ከምዘለዎም ይጥቀሱሎም። ተምሃሮ ነቶም እንስሳት |

| ብቕዓታት(competencies) | ትሕዝቶታት(Contents) | መበገሲ ሓሳብ ንጥፈታት (Suggested activities) |
|---|---|---|
| • ምዝባዕ ነባሪ ኣየር ክንከላኸሎ ከምእንኽእል ይግንዘቡ። | ሰብን ማለት በዝሒ ህዝቢ፣ ትሑት ግንዛበ፣ ድኽነት ተፈጥሮን ማለት ነባሪ ኣየር ባርዕ ሓዊ)<br>• ምጥፋእ ብዝሃ ህይወታውያን | ክዝርዝርዎም ይኽእሉ።<br>• እንስሳት መንበሪኦም እንተወዲሙ እንታይ ክኾኑ ከምዝኽእሉ ይመያየጡ። ብርሰት እንስሳት ይጥቀሱ። ብምቅፃል ሳይንሳውን ቁጠባውን ረብሓ እንስሳትን ተኽልታትን ይመያየጡ። (ንኣብነት ንመፅናዕቲ ሕክምና ካብ ተኽልታት ፈውሲ ንምስራሕ) እንስሳትን ተኽልታትን ዝጠፍእሉ ፍጥነት የዘኽኽርዎም።<br>• ክልተ ጉጅለ መስሪቶም ስእሊ ብዙሕ ዘይፍለጡ እንስሳት ይሃብዎምን ኣበይ ከምዝነብሩን ከመይ ከምዝነብሩን ይሕተትዎምን። |
| • ኣብ ደቂ ሰባትን ማይን ዘሎ ዝምድና የብርሁ።<br>• ኣብ ኣፍሪካ ዘሎ ቀረብን ሕፅረትን ዝስተ ማይ የነፃፅሩ።<br>• መንቀልታትን ሳዕቤናትን ስግኣታት ዝስተ ማይ ኣፍሪካ ይገልፁ። | 3.2. ማይ፣ ሓመድን ኣየርን *(ክፍለግዘ 4)*<br>• ረብሓ ማይ ንህይወት<br>• መንቀልታት ፀገም ዝስተ ማይ (ጉድለት ፅርየት፣ ምክታም፣ ኢንዱስትርታት፣ ቅልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ) | • ማይ ንምንታይ ከምዘድልየና ይሕተትዎም። ቀረብ ፅሩይ ዝስተ ማይን ዕቑር ሃፍቲ ማይን ኣፍሪካ ዝምልከት መረዳእታ ይሃብዎም።<br>• ኣብ መንጎ ቀረብን ድልየትን ዘሎ ኣፈላላይ ይመያየጡ። ምኽንያታት የቕርቡ።<br>• ሕዚ ተምሃሮ ተጎጂሎም ብዛዕባ ስግኣታት ዝስተ ማይ ይመያየጡ። [ጉድለት ፅርየት (lack of sanitation)፣ |

| ብቕዓታት(competencies) | ትሕዝቶታት(Contents) | መበገሲ ሓሳብ ንጥፈታት (Suggested activities) |
|---|---|---|
| • ስግኣት ሃፍትታት ሓመድ ኣፍሪካ የለልዩ | ስግኣታት ሓመድ | ምክታም (Urbanization)፣ ኢንዱስትርታትን ቅልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝብን ኣብ ኣፍሪካ]<br>• ተምሃሮ ፀብፃቦም ንኽፍሊ ምስ ኣቕረቡ መጠቓለሊ ይሃብዎም።<br>• ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ከተማ ኣዲስ ኣበባ ዘመልክት ስታቲስቲካዊ መረዳእታ ይመርምሩ። ፎቶግራፍ፣ ህንፀት ሓደሽቲ ኣባይቲ እውን ይጠቐሙ።<br>• ስግኣታት ሓመድን ኣየርን ይመያየጡ። ዝገጥምዎም ሓደጋታት ንኽዝርዝሩ እውን ይሕተትዎም። |
| • መንቀልታት ብኽለት ከተማታት ይትንትኑ | • መንቀልታት ብኽለት ኣየር ከተማታት | • ብኽለት ኣየር ኣዲስ ኣበባ ዘመልክት ፎቶግራፍ እናረኣዩ ይመያየጡ።<br>• ኣብ መንጎ ዕቀባ እፅዋትን ማይ፣ ሓመድ ኣየርን እንስሳት ዘገዳምን ዝጠበቐ ምትእስሳር ከምዘሎ ዘርኢ ካርታ (ስእሊ) ኣዳልዮም የቕርብሎም።<br>• ኣብ ቤት ትምህርቶም ወይ መንበሪ ከባቢኦም ኣብ ሓለዋታት ዕርየት ማይ |

| ብቕዓታት(competencies) | ትሕዝቶታት(Contents) | መበገሲ ሓሳብ ንጥፈታት (Suggested activities) |
|---|---|---|
| | | ክሳተፉሎም ዝኽእሉ ኣናእሽተይ ፕሮጀክትታት ይሓንፅፁሎም። |
| • ዕቀባ እፅዋት ተፈጥሮ ምስ ዕቀባ ካልኦት ሃፍትታት ተፈጥሮ የዛምዱ።<br>• ብኽለት ኣየርን ማይን ከመይ ከምትቆፃፀር ይገልፁ።<br>• ኣብ ሓለዋ ፅርየት ማይ ንምስታፍ ድልየት የርእዩ። | 3.3. ንምዕቃብ ሃፍትታት ተፈጥሮ ዝውሰዱ ስጉምትታት (6 ክፍለ ግዜ)<br>• ዕቀባ እፅዋት ተፈጥሮ<br>• ብኽለት ኣየርን ማይን ከመይ ከምእትቆፃፀር<br>• መማረፂ ሜላታት ዕቀባ ምጥቃም<br>• ፕሮግራም ከባቢ ውድብ ሕቡራት መንግስታትን (UNEP) ሰብኣዊ ግዴታትናን | • ሰለስተ ጉጅለታት ይመስረቱ። ጉጅለ ሓደ እፅዋት ከመይ ከምዝዕቀቡ፣ ጉጅለ ክልተ ማይ ከመይ ከምዝዕቀብ ጉጅለ ሰለስተ ድማ ብኽለት ኣየር ከመይ ከምትከላኸል ኣብ ዝብሉ ዛዕባታት ይመያየጡ። ተወከልቲ ሕድሕድ ጉጅለ ፀብፃቦም ንኽፍሊ ኣቕሪቦም ይመያየጡ። ዝቐረቡ ቀንዲ ሓሳባት ኣብ ሰሌዳ ይፅሓፉ ዝተረፉ እንተልዮም መምህር ይመልእዎም።<br>• ካብኡ ተምሃሮ ኣብ ደፍተሮም መዘከርታ ክፅሕፉ ይኽእሉ።<br>• ረሳሕ ማይ ሰቲኹም ሓሚምኩም'ዶ ትፈልጡ? ኢሎም ይሕተትወም ቀፂሎም ኣብ ገዛ ፅሩይ ዝስተ ማይ ከመይ ከምዘዳልውን ከምዝቕመጥን ይመያየጡ።<br>• ተኽልታት ረሳሕ ማይ ከመይ ከምዘፃርዩ ተግባራዊ ሜላታት ኣብ ቁራፅ መሬት |

| ብቕዓታት(competencies) | ትሕዝቶታት(Contents) | መበገሲ ሓሳብ ንጥፈታት (Suggested activities) |
|---|---|---|
| | | ሰሪሖም የርእይዎም። <br>• ብዛዕባ ኣብ ናይሮቢ (ኬንያ) ዝከተመ ፕሮግራም ከባቢ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ዝምልከት መፅናዕቲ፣ ከም ደቂ ሰባት እንስሳት ካብ ጥፍኣት ናይ ምሕላው ግዴታ ከምዘለዎም የብርህሎም። |

**ፈተሻ**

- መምህር ስራሕ ሕድሕድ ተምሃራይ ኣብ መላእ እዚ ምዕራፍ ብተኸታታሊ ክፍትሽን ነቲ ስራሕ ምስ እዚ ዝስዕብ መግለፂ ብመሰረት ብቕዓታት እቲ ምዕራፍ ክነፃፅርን ኣለዎ። እዚ ዝግበር ዘሎ እቲ ተምሃራይ ዝዕግብ ተደላዪ ደረጃ ምርካቡን ዘይምካቡን ንምውሳን እዩ።

**ዝዕግብ ተደላዪ ደረጃ ዝሰርሑ ተምሃሮ**

- እፅዋት ተፈጥሮ ኣፍሪካ የለልዩ።
- ቀንዲ እንስሳት ገዳም ኣፍሪካ ይፈልዩ።
- ዝርገሐ እፅዋት ተፈጥሮ ኣፍሪካ ኣብ ካርታ የመልክቱ።
- ረብሓ እፅዋት ተፈጥሮን እንስሳት ዘገዳምን ኣፍሪካ ይግንዘቡ።
- ኣብ መንጎ እንስሳት ዘገዳምን እፅዋት ተፈጥሮ ዘሎ ርክብ ይትንትኑ።
- ደቂ ሰባት ኣብ እፅዋት ተፈጥሮን እንስሳት ዘገዳምን ዝገብርዎም ቀንዲ ዕፅንቶታት

**ካብቲ ዝዕግብ ተደላዪ ደረጃ ንላዕሊ ዝሰርሑ ተምሃሮ**

- ክነኣዱን ብፃዕሮም ዝረኸብዎ ውፅኢት ድማ ኣፍልጦን ክወሃቦ ኣለዎ። ንቐፃሊ እውን ብዝረኸብዎ ውፅኢት ከይዓገቡ ጠንኪሮም ንኽሰርሑ ክተባብዑ ኣለዎም።

**ካብቲ ዝዕግብ ተደላዪ ደረጃ ንታሕቲ ዝሰርሑ ተምሃሮ**

- ንመማህርቶም ንምስዓብ ተወሳኺ ደገፍ የድልዮም። ኣብ ውሽጢ ክፍሊ ፍሉይ ጠመተን ተወሳኺ ትምህርቲ ኣብ እዋን ዕረፍቲ ወይ መወዳእታ ዕለታዊ ትምህርቲ ክወሃቦም ኣለዎ።

<u>ል.በ</u> - መምህር ኣብ ከይዲ ፈተሻ ፍሉይ ጠመተን ኣድላዪ

| | |
|---|---|
| ይገልፁ።<br>• ስግኣታት ሃፍቲ ሓመድ ኣፍሪካ የለልዩ።<br>• ዕቀባ እፅዋት ተፈጥሮ ምስ ዕቀባ ካልኦት ሃፍትታት ተፈጥሮ የዛምዱ።<br>• ብኽለት ኣየርን ማይን ከመይ ከምእንቆፃፀር ይገልፁ።<br>• ኣብ ሓለዋ ፅርየት ዝስተ ማይ ንምስታፍ ድልየት የርእዩ። | ደገፍን ንፍሉይ ድሌት ዘለዎም ተምሃሮ ክህቡ ኣለዎም። |

# ምዕራፍ ኣርባዕተ

## ውራይ ህዝቢ *(ክፍለ ግዘ 17)*

### ውፅኢታት ምዕራፍ፡-

ተምሃሮ ነዚ ምዕራፍ ምስ ተምሃሩ

- ኤች ኣይ ቪ/ኤድስ ኣብ ማሕበረ-ቁጠባዊ ምዕባለ ኣፍሪካ ዘለዎ ፅዕንቶ ይትንትኑ።
- ሳዕቤን ስእነት ሰናይ ምምሕዳር ኣብ ኣፍሪካ የረጋግፁ።
- ጂኦግራፍያዊ ሽፋንን ዕላማታትን ከባቢያዊ ውድባት ኣፍሪካ የለልዩ።
- ሳዕቤን ቅልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ኣፍሪካ ይትንትኑ።

| ብቕዓታት(competencies) | ትሕዝቶታት(Contents) | መበገሲ ሓሳብ ንጥፈታት (Suggested activities) |
|---|---|---|
| • ምስፍሕፋሕን ፅዕንቶን ኤች ኣይ ቪ/ኤድስ ኣብ ኣፍሪካ ይትንትኑ። | **4. ውራይ ህዝቢ**<br>4.1. ምስ ህዝቢ ዝተዛመዱ ጉዳያት<br>4.1.1. ምስፍሕፋሕን ፅዕንቶን ኤች ኣይ ቪ/ኤድስ ኣብ ኣፍሪካ *(ክፍለ ግዘ 3)*<br>• ምስፍሕፋሕ ኤች ኣይ ቪ/ኤድስ ኣብ ኣፍሪካ<br>• ፅዕንቶ ኤች ኣይ ቪ/ኤድስ ኣብ ኣፍሪካ | • ግደ ውድብ ጥዕና ዓለም (WHO) ከም መማኸርን መቕረቢ ትኽክለኛ ስታቲስቲካዊ መረዳእታን ጥዕና የብርህሎም። ነቶም ስታቲስቲካዊ መረዳእታት ከመይ ክጥቀመሎም ከምዝኽእሉ ይሕተትዎም።<br>• ኣብ ቀረባ እዋን ውድብ ጥዕና ዓለም ብዛዕባ ምስፍሕፋሕ ኤች ኣይ ቪ/ኤድስ ዘውፀኦ መረዳእታ ንተምሃሮ ይሃብዎም። ኣብዚ መረዳእታ ተመስሪቶም እውን ኣብ ምስፋሕፋሕን ፅዕንቶን ኤች ኣይ ቪ/ኤድስ ይመያየጡ።<br>• ናይ ዝተፈላለዩ ሃገራት ስታቲስቲካዊ መረዳእታታት የነፃፅሩ።<br>• ኣብ ደቡብ ኣፍሪካ |

| ብቕዓታት(competencies) | ትሕዝቶታት(Contents) | መበገሲ ሓሳብ ንጥፈታት (Suggested activities) |
|---|---|---|
| | | ብሰንኪ ኤች ኣይ ቪ/ኤድስ ፀገም ዝበፅሖ ቤተሰብ ዝመልከት ሓጺር መፅናዕታዊ ፅሑፍ<br>• ኣቦ ወይ ኣዶ በቲ ሕማም እንተተጠቒዖም ኣብቲ ቤተሰብ እንታይ ክምፅእ ከምዝኽእል ይመያየጡ። ሓንቲ ሃገር ህዝባ ብሕማም ወይ ብኻሊእ ማሲኑ ክጠፍእ ከምዘይትደሊ ይግለፁሎም። |
| • ቀንዲ ሳዕቤናት ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ኣፍሪካ የብርሁ።<br>• ብዛዕባ ኣብ ከባቢኦም ዘሎ ፅዕንቶ ቅልጡፍ ዕብየት በዝሑ ህዝቢ ሓጺር ፀብፀብ ይፅሕፉ። | 4.1.2 ሳዕቤናት ቅልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ<br>*(ክፍለ ግዘ 4)*<br>• ዘይምምጥጣን ሃፍትን ድልየትን<br>• ስእነት ስራሕ<br>• ድኽነት | • ብሰንኪ ቅልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ምስ ጭቡጥ ኩነታት ከባቢኦም እናዛመዱ ንኽቕርቡ ይሕተትዎም። ድሕሪ'ዚ ዘይተጠቐሱ ነገራት እንተልዮም ሓዊሶም መጠቓለሊ ይሃብዎም። |
| • ትሕዝቶታት ስምምዕነት ውድብ ሕቡራት መንግስታት ኣብ መሰል ህፃናት የለልዩ።<br>• ኣብ ከባቢኦም ዝፍፀሙ ምግሃስ መሰል ህፃናት ይገልፁ።<br>• ንዓርሶም ካብ ምግሃስ መሰል ህፃናት ከመይ ከምዝከላኸሉ ይፈልጡ። | **4.2 መሰላትን ደሕንነትን**<br>*(ክፍለ ግዘ 6)*<br>4.2.1. ምግሃስ መሰል ህፃናት ምቅላስ<br>(3*ክፍለ ግዘ*)<br>• *መሰል ህፃናት ዝድግፉ ሕግታት*<br>• *መምለጢ መንገድታት (ንዝምልከቶም ሓለፍቲ) ምንጋር፣ ብዛዕባ ሓደጋታት ንመሓዝቶም* | • ብዛዕባ ዝፈልጥዎም ምግሃስ መሰል ህፃናት ይመያየጡ። ካብቶም ዝጠቐስዎም ኣብነታት ሓደ ወሲዶም ብመሲልካ ምፅዋት ኣቢሎም ንኽፍሊ የቕርብዎ። ኣብነት ንደቂ ዝገርፍ ሰብ ወይ ንጓል ኣገዲዶም ጠሊፎም ዝወስዱ ሰባት<br>• ካብቲ መሲልካ ምፅዋት ኣቢሉ ዝቐረበ ቁም ነገር እንታይ ከምእተገንዘቡ |

| ብቕዓታት(competencies) | ትሕዝቶታት(Contents) | መበገሲ ሓሳብ ንጥፈታት (Suggested activities) |
|---|---|---|
| | ምጥንቃቕ፣ ባህረ ሓሳብካ ምጥቃም (using your instincts) | ይመያየጡ። <br>• ደንብታት ድሕንነት፣ ናበይ ከምትኸድን ምስ መን ከምዘለኻን ንወለድኻ ኩሉ ግዘ ምንጋር። <br>• መጀመርታ ክሕለዉ ኣለዎም ኢሎም ዝሓስብዎም መሰላት ክዝርዝሩ ይሕተትዎም። ቀጺሎም ስምምዕነት ውድብ ሕቡራት መንግስታት መሰላት ህፃናት ኣመልኪቱ ካብ ዘውፅኦም ደንብታት ይመልከቱ። (ፖስተር ይጠቐሙ) |
| • ኣብ ኣፍሪካ ዘሎ ስእነት ሰናይ ምምሕዳር ኣብነታት እናሃቡ የብርሁ። <br>• ኣብ ከባቢኦም ዘሎ ፅቡቕን ሕማቕን ምምሕዳር ኣመልኪቶም ሓፂር ፀብፃብ ይፅሕፉ። | 4.2.2 ኣብነታት ስእነት ሰናይ ምምሕዳር ኣብ ኣፍሪካ *(ክፍለ ግዘ 3)* <br>• ሙስና <br>• ውፅኢታት ኲናት ሕድሕድ <br>• ሓደ ተምሃራይ ኣብ ክፍሊ ዝገብሮ ወፈሪ ምረፁኒ እንተተመሪፁ ኣብ ከባቢኡ ሰናይ ምምሕዳር ከምዘምፅእ | • ስራሕቲ ካልኦት መንግስታት ኣብ ቴሌቪዥን ተኸታቲሎም ወይ ብሬድዮ ሰሚዖም እንተኾኑ ይሕተትዎም። ነቲ ዝተመልከትዎ ወይ ዝሰምዕዎ ንኽፍሊ ይዛረቡ። <br>• ምምሕዳር ከባቢኦም ከመይ ከምዝሰርሕ ከብርህሎም ካብ ዝምልከቶም ክፍሊ ሰብ ይዓድሙ። <br>○ ፅቡቕን ሕማቕን ኣሰራርሓታት ይመያየጡ። <br>○ ወፍሪ መረፃኻ ተልም <br>○ እንተተመሪፅካ |

| ብቕዓታት(competencies) | ትሕዝቶታት(Contents) | መበገሲ ሓሳብ ንጥፈታት (Suggested activities) |
|---|---|---|
| • ክባቢያዊ ውዳባት ኣፍሪካ ይፀርሑ<br>• ኣባል ሃገራት እዞም ውድባት የለልዩ።<br>• ዕላማታት ኣጋርነት ክባቢያዊ ውድባት ኣፍሪካ ይግንዘቡ።<br>• ኣመሰራርታ ውድብ ሓድነት ኣፍሪካን ናብ ሕብረት ኣፍሪካ ምቕያሩን ይገልፁ። | 4.3. ፕሮግራም ንኣጋርነት (ንሽርክና) *(ክፍለ ግዘ 4)*<br>• ቀንዲ ክባቢያዊ ውድባት (ኮሜሳ (COMESA)፣ ኢኮዋላ (ECOWAS) ሳዴክ (SADC) | ኣሰራርሓ ምምሕዳር ከባቢ'ኻ ከመይ ከምእተመሓይሾ ሓጺር ፀብፃብ ንኽፍሊ ኣቕርብ።<br>• ሱም ክባቢያዊ ውድባት ኣፍሪካ ኣብ ሰሌዳ ይፅሓፉ። ብዛዕባ እቶም ውድባት ዝፈልጥዎ ነገር ንኽዛረቡ ይሕተትዎም፤ ነዚ ይፅሓፍዎ ካብኡ ተወሳኺ ሓበሬታታት ይሃብዎም። ኣባል ሃገራት እዞም ውድባት እንመን ከምዝኾኑ ይመያየጡ።<br>• ውድብ ሓድነት ኣፍሪካ ከመይ ከምእተመስረተን ከመይ ናብ ሕብረት ኣፍሪካ ከምእተቐየረን ይመያየጡ።<br>• ቤት ፅሕፈት ሕብረት ኣፍሪካ ኣብ ኢትዮጵያ ምኻኑ ንሃገርና ጠቓሚ እዩ ኢልኩም'ዶ ትሓስቡ? እዚ ንሃገርና እንታይ ረብሓ የምፅእ? ኢሎም ይሕተትዎም።<br>• ሸቶታት (ዕላማታት) ሕድሕድ ውድብ ይመያየጡ። ነቲ ሓበሬታ ኣብ ትሕቲ ሕድሕድ ውድብ ኣብ ሰሌዳ ይፅሓፉ። |

***ፈተሻ***

- *መምህር ስራሕ ሕድሕድ ተምሃራይ ኣብ መላእ እዚ ምዕራፍ ብተኸታታሊ ክፋትሽን ነቲ ስራሕ ምስ እዚ ዝስዕብ መግለፂ ብመሰረት ብቕዓታት እቲ ምዕራፍ ክነፃፀርን ኣለዎ። እዚ ዝግበር ዘሎ እቲ ተምሃራይ ዘዕግብ ተዳላዪ ደረጃ ምርካቡን ዘይምርካቡን ንምውሳን እዩ።*

***ዘዕግብ ተደላዪ ደረጃ ዝሰርሑ ተምሃሮ***

- *ምስፍሕፋሕን ፅዕንቶን ኤች ኣይ ቪ/ኤድስ ኣብ ኣፍሪካ ይትንትኑ።*
- *ቀንዲ ሳዕቤናት ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ኣፍሪካ የብርሁ።*
- *ብዛዕባ ኣብ ከባቢኦም ዘሎ ፅዕንቶ ቅልጡፍ ዕብየት በዝሒ ሓፂር ፀብፃብ ይፅሕፉ።*
- *ምኽንያታት ስእነት ሰናይ ምምሕዳር ኣብ ኣፍሪካ የብርሁ።*
- *ኣብነታት ፅቡቕን ሕማቕን ኣሰራርሓታት ምምሕዳር ከባቢኦም ሓፂር ፀብፃብ የዳልው።*
- *ንመሰል ህፃናት ዝድግፍ ሰነድ ውድብ ሕቡራት መንግስታት የለልዩ።*
- *ኣብ ከባቢኦም ዘለዉ ምግሃስ መሰል ህፃናት ይነቕፉ።*
- *ንዓርሶም ካብ ምግሃስ መሰል ህፃናት ከመይ ከምዝከላኸሉ የብርሁ።*
- *ወዲንነት እንታይ ከምዝኾነ ይገልፁ።*
- *ከባቢያዊ ውድባት ኣፍሪካ ይፀርሑ።*
- *ኣባል ሃገራት እቶም ውድባት የለልዩ።*
- *ሽቶታት ከባቢያዊ ውድባት ኣፍሪካ ይግንዘቡ።*
- *ኣመሰራርታ ውድብ ሓድነት ኣፍሪካን ናብ ሕብርት ኣፍሪካን ምቕያሩን ይገልፁ።*

***ካብቲ ዘዕግብ ተደላዪ ደረጃ ንላዕሊ ዝሰርሑ ተምሃሮ***

- *ክነኣዱን ብፃዕሮም ዝረኸብዎ ውፅኢት ድማ ኣፍልጦን ክውሃቦ ኣለዎ። ንቐፃሊ እውን ብዝረኸብዎ ውፅኢት ከይዓገቡ ጠንኪሮም ንኽሰርሑ ክተባብዑ ኣለዎም።*

***ካብቲ ዘዕግብ ተደላዪ ደረጃ ንታሕቲ ዝሰርሑ ተምሃሮ***

- *ንመማህርቶም ንምስዓብ ተወሳኺ ደገፍ የድልዮም። ኣብ ውሽጢ ክፍሊ ፍሉይ ጠመተን ተወሳኺ ትምህርቲ ኣብ እዋን ዕረፍቲ ወይ መወዳእታ ዕለታዊ ትምህርቲ ክወሃቦም ኣለዎ።*

***ሊ.ብ*** - *መምህር ኣብ ከይዲ ፈተሻ ፍሉይ ጠመተን ኣድላዪ ደገፍን ንፍሉይ ድሌት ዘለዎም ተምሃሮ ክህቡ ይግባእ።*